# ዓለም ለኸ ሰነድ ኪዳናት
# ሰብኣዊ መሰላት

ብኮሚሽን ሰብኣዊ መሰል ኢትዮጵያ

ዝተሰናደወ

© ናይ ሰብዓዊ መሰላት ዓለም ለኸ ቃል ኪዳናት
ብ ኢትዮጵያ ሰብዓዊ መሰል ኮሚሽን ዝተዳለወ
2001 ዓ.ም

እዚ ሕታም ዕውት ንክኸዉን ናይ ኢትዮጵያ ሰብአዊ መሰል ኮሚሽን ምስ አብ ሑቡራት መንግስታት ሳዕስዋይ ኮምሽነር ሰብአዊ መሰል ምብራብቕ አፍሪካ ጨንፈር ቤት ፅሕፈት ማዕቐፍ ዝርከብ ናይ ዲሞክራሲዊ ትካላት ኘሮግራም /Democratic Institutions Programme/ ብምትሕብባር ብዝተገበረ ፃዕሪ እዩ፡፡

# መእተዊ

ሕገ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ካብ ዝልለየሉ ሓደ ፍሉይ ትሕዝቶ ነቶም ኩሎም ኢትዮጵያ ዝተቐበለቶም ዓለም ለኸ ኪዳናት፣ ስምምዓት ፕሮቶኮላትን ካልኦት መልክዓት ዓለም ለኸ ሕግታትን ኣካል ሕግታት ኢትዮጵያ ገይሩ ዝቕበሎም ምኳኑ'ዩ። እዚ ሕገ መንግስቲ ብዓለም ለኸ ደረጃ ተቐባልነት ንዘለዎም ኩሎም ባእታታት ሕጊ ዘካተተን ንፍሉይ ውሽጣዊ ኩነታት ሃገርና'ውን ኣዐርዩ ዝዳህሰሰ ከምዝኾነ ይፍለጥ።

ከምኡ ኮይኑ'ውን ሃገርና ዝተቐበለቶም ዓለም ለኸ ኪዳናትን ካልኦት መሰረታዊ ስምምዓትን ብሓደ ተጠሚሮም ንሕትመት ኣይበቕዑን ፀኒሖም። እዚ ብምኳኑ ኣብ ምፍላጥን ምግንዛብን እዞም ዓለም ለኸ ኪዳናት ሰብኣዊ መሰል ክፍተት ተፈጢሩ ከምዝፀንሐ ምግንዛብ ይከኣል።

ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ ብፍላይ ነቶም ምስ ምኽባር ሰብኣዊ መሰላት ብቐጥታ ዝተዛመዱ ዓለም ለኸ ኪዳናት ኣሰናዲዉ ናይ ምዝርጋሕን ምስትምሃርን ሓላፍነት ከምዘለዎ ግልፂ'ዩ። ካብ'ዚ ብምብጋስ ንኣድማሳዊ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት፣ ዓለም ለኸ ኪዳን ቁጠባዊ ማሕበራውን ባህላውን መሰላት፣ ዓለም ለኻዊ ኪዳን ሲቪልን ፖለቲካውን መሰላት ሓዊሱ ትሽዓተ ዓለም ለኸ ኪዳናት ሰብኣዊ መሰል ብቋንቋታት ኣምሓርኛ ኦሮምኛን ትግርኛን ተተርጒሞም ተሰናዲዮም ኣለዉ።

እዞም ኣብ ምኽባር ሰብኣዊ መሰላት ዓብዪ ኣበርክቶ ዝገብሩ ጠቐምቲ ዓለም ለኸ ሰነዳት ንምሉእ ሕብረተሰብ፣ ኣብ ምኽባር ሕጊ ንዝተዋፈሩ ዝተፈላለዩ ኣካላት፣ ኣብ ምኽባር ሰብኣዊ

መሰላት ንዝሰርሑ ትካላትን ብፍላይ ድማ ንመምህራንን ተምሃሮን ማእኸላይን ካልኣይን ኣብያተ ትምህርቲ ግንዛበ ኣብ ምፍጣር ዕዙዝ ተራ ከምዘለዎም ንኣምን።

እዞም ዓለም ለኸ ኪዳናት ምስ ኩነታት ሃገርና ብምውዳድ ዝትግበሩሉን ምኽባር ሰብኣዊ መሰላት ባህልና ኮይኑ ዝሰርፀሉን ኩነ¬ት ንኽፍጠር ዝግበር ፃዕሪ ንምሕጋዝ እዚ ሕትመት ንህዝብን ኩሎም ዝምልከቶም ክባፃሕ ተዳላዩ ኣሎ፡፡

ኣምባሳደር ካሳ ገብረህይወት(ዶ/ር)
ዋና ኮሚሽነር ኮሚሽን ሰብኣዊ መስል ኢትዮጵያ

# ትሕዝቶ

**ገፅ**

1. ኣድማሳዊ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት ........................................ 6

2. ዓለም ለኸ ኪዳን ቁጠባዊ፣ ማሕበራውን
   ባህላውን መሰላት ............................................................. 16

3. ዓለም ለኸ ኪዳን ሲቪልን ፖለቲካውን መሰላት .................. 33

4. ኣማራጺ ፕሮቶኮል ንዓለምለኸ ኪዳን ሲቪልን
   ፖለቲካውን መሰላት ....................................................... 63

5. መቐፃዕቲ ሞት ንምትራፍ ምስ ዓለም-ለኸ
   ኪዳን ሲቪላውን ፖለቲካውን መሰላት ዝለግብ
   ካልኣይ ኣማራጺ ፕሮቶኮል ............................................ 69

6. ዓለም ለኸ ኪዳን መሰል ህፃናት .................................... 74

7. ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝበፅሑ ኩሎም ዓይነታት
   ኣድልዎ ንምውጋድ ዝወፀ ኪዳን......................................... 108

8. ዓለም ለኸ ኪዳን ምውጋድ ኩሎም ዓይነታት
   ዘርኣዊ ኣፈላላይ ............................................................... 128

9. ስቅያትን፣ ካልኦት ግፍዓዊ፡ ኢሰብኣዊ ወይ
   ኣዋራዲ ኣታሓሕዛ ወይ መቕፅዓቲ
   ንምትራፍ ዝተኣሰረ ኪዳን ................................................ 148

# ኣድማሳዊ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት

## ውሳነ ሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ቁፅሪ 2/7A (III) ኮይኑ ተዳልዩ ብኣቆፃፅራ ኤውሮጳ10 ታሕሳስ 1948 ዓ/ም ተኣዊጁ፡፡

## መእተዊ

ኩሎም ኣባላት ስድራ ሰብኣዊ ፍጡር ሰብ ኮይኖም ብምፍጣሮም ክቡራት፣ ማዕረን ዘይሽራረፍን መሰላት ዝወንኑን ምዃኖም ኣሚንካ ምቕባል ንናፅነት፣ ፍትሒን ሰላምን ዓለም መሰረት ብምዃኑ፣

ሰብኣዊ መሰላት ምስትንዓቕን ምጥሓስን ንሕሊና ዘርኢ ሰብ ዘናወፁ ኣረመኔያዊ ተግባራት ስለዘስዓበን እቲ ዝለዓለ ባህጊ ደቂ ሰብ ድማ ናይ ምዝራብን ናይ እምነትን ናፅነትን ምጉንፃፍ ከምኡ'ውን ካብ ፍርሒን ምሽቑራርን ናፃ ዝኾነት ዓለም ምፍጣር ምዃኑ ጋህዲ ስለዝኾነ፣

ሰባት መላኽይ ኣገዛዝኣን ወፅዓን ንምውጋድ ዓመፅ ናይ መወዳእታ ኣማራጺ ገይሮም ንምውሳድ ከይግደዱ ሰብኣዊ መሰላት ብሕጊ ክኽበሩ ምግባር ኣገዳሲ ብምዃኑ፣

ኣብ መንጎ ሃገራት ምሕዝነታዊ ርክብ ክዓስል ምቹው ኩነታት ምፍጣር ኣግሞሲ ብምዃኑ፣

ኣባላት ውደብ ሕቡራት መንግስታት ብቻርተር ውድብ ሑቡራት መንግስታት ንምኽባር መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላትን፣ ኩቡርነት ደቂ ሰብን ማዕርነት ደቂ ተባዕትዪን ደቂ ኣንስትዪን ዘለዎም ፅኑዕ

እምነት ደጊሞም ስለዘረጋገፁን ማሕበራዊ ምዕባለን ዝሓሸ ደረጃ መነባብሮን ኣብ ትሕቲ ሰፊሕ ናፅነት ንምህናፅ ስለዝወሰኑ

ኣባል ሃገራት ምስ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ብምሕባር ሰብኣዊ መሰላትን መሰረታዊ ናፅነትን ኣብ መላእ ዓለም ክኽበሩን ተግባራዊ ክኾኑን ቃልኪዳን ብምእሳሮም፣

እዚ ቃልኪዳን ተግበራዊ ንምግባር ድማ ኣብ ኣድላይነት እዞም መሰላትን ናፅነታትን ሓባራዊ ምርድዳእ ምፍጣር ዝለዓለ ኣገዳስነት ስለዘለዎ፣

እዚ ኣድማሳዊ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት ንኩሎም ህዝብታትን ሃገረትን ምእንታን ሓባራዊ መምርሒ ክኸውን ነፍሲ ወከፍ ሰብን ነፍሲ ወከፍ ኣካል ሕብረተሰብን ነዚ ኣድማሳዊ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት ብቐፃልነት ኣብ ኣእምሮኡ ክቐርፆ ምስትምሃርን ምግንዛብን ስለዘድሊ፣ እዞም መሰላትን ናፅነታትን ክኽበሩ ከምኡ’ውን ብሃገራውን ዓለምለኻውን ፃዕሪ እዞም መሰላት ብኣባል ሃገራትን ኣብ ግዝኣቶም ብዝነበሩ ህዝብታትን ተቐባልነት ረኺቦም ተግባራዊ ንክኾኑ ሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ነዚ ዝስዕብ ኣዊጁ ኣሎ፡-

## ዓንቀፅ 1

ኩሎም ደቂ ሰብ ማዕረ ክብሪን መሰላትን ወኒኖም ናፃ ኮይኖም ዝተፈጠሩ እዮም ። ሰብ ሕሊና ኣመዛዘንትን ኮይኖም ስለዝተፈጠሩ እቲ ሓደ ምስቲ ካልእ ብሕውነታዊመንፈስ ክተሓላለዩ ይግባእ።

## ዓንቀፅ 2

ኩሉ ሰብ ብዘይ ኣፈላላይ ዓልየት፣ ሕብሪ፣ፆታ፣ ቋንቋ፣ ሃይማኖት፣ ፖለቲካዊ ወይ ካሊእ ኣረኣእያ፣ ብሄራዊ ወይ ማሕበራዊ መበቆል፣

ንብረት፣ ትውልዲ ወይ ካልእ ደረጃ መነባብሮ ኣብ'ዚ ኣዋጅ ዝተዘርዘሩ መሰላትን ናፅነታትን ወናናይ'ዩ፡፡

ከምኡ እውን ፖለቲካዊ፡ ምምሕዳራዊ ወይ ዓለም-ለኸ ህልውና ናይታ ሃገር ወይ ግዝኣት ዜጋ ዝኾነ ሰብ ወይ ልኣላዊነት፡ ብሞግዚት ትመሓደር፡ ዓርሰ ምምሕዳር ዘይብላ ወይ ኣብ ትሕቲ ካልእ ልኣላዊነት እትርከብ ሃገር መሰረት ዝገበረ ዝኾነ ኣፈላለይ ኣይግበረሉን።

## ዓንቀፅ 3

ኩሉ ሰብ ብህይወት ናይ ምንባር፣ ሓራ ም'ኳንን ድሕንነትን መሰል ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 4

ዝኾነ ሰብ ተገዲዱ ከገልግልን ኣብ ትሕቲ ባርነት ክነብርን የብሉን፤ ብዝኾነ ዓይነት መልክዕ ዝካየድ ስርዓት ባርነትን ንግድ ባርያን ክልኩል እዩ።

## ዓንቀፅ 5

ዝኾነ ሰብ ናይ ስቅያት ተግባር ክወርዶ ወይ ድማ ግፍዓዊ፡ ኢሰብኣዊ ወይ ኣዋራዲ ኣታሓሕዛ ወይ ቅፅዓት ክፍፀሞ ኣይግባእን።

## ዓንቀፅ 6

ኩሉ ሰብ ኣብ ኩሉ ቦታ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ሰብነቱ ኣፍልጦ ክረከብ ይግባእ።

## ዓንቀፅ 7

ኩሎም ሰባት ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ እዮም፣ ብዘይ ኣፈላላይ ድማ ማዕረ ናይ ሕጊ ሓለዋ ይግበረሎም። ኩሎም ሰባት ንዚ ኣዋጅ ብዝፃባእ ኣገባብ ኣድልዎ ከይበፅሖም ወይ ድማ ኣድልዎ ክበፅሖም ካብ ዝግበር ምልዕዓል ሓለዋ ናይ ምርካብ ማዕረ መሰል ኣለዎም።

## ዓንቀፅ 8

ኩሉ ሰብ ብሕገ መንግስቲ ወይ ብኻሊእ ሕጊ ዝረኸቦም መሰላቱ ዝቕንጥጥ ተግባር እንተበፂሕዎ ስልጣን ብዘለዎም ሃገራዊ ኣካላት ዳኝነት ፍታሕ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ

## ዓንቀፅ 9

ዝኾነ ሰብ ኢድ ወነናዊ ብዝኾነ መንገዲ ክእሰር፣ ኣብ ቀይዲ ክፀንሕ ወይ ክጋዓዝ የብሉን፡፡

## ዓንቀፅ 10

ኩሉ ሰብ ኣብ ምውሳን መሰሉን ግቡኡን ከምኡ'ውን ኣብ ልዕሊኡ ብዝቐረበ ክሲ ገበን ብናፃን ዛይሻራውን ኣካል ዳኝነት ብግልፂ መጋባእያ ክስማዕ ሙሉእ መሰል ኣለዎ፡፡

## ዓንቀፅ 11

1. ብገበን ዝተኸሰሰ ዝኾነ ሰብ ኣብ ግልፂ መጋባእያ ቀሪቡ ኩሎም ንምክልኻል ዘኽእልዎ ውሕስነታት ተረጋጊፃምሉ ገበነኛ ምዃኑ ክሳብ ዝረጋገፅ ከም ንፁህ ሰብ ክረአ መሰሉ እዩ።
2. ዝኾነ ሰብ ኣብ ሃገራዊ ወይ ዓለምለኻዊ ሕጊ ገበን ምዃኑ ኣብ ዘይነበረሉ እዋን ብዝፈፀሞ ወይ ከይፈፀሞ ብዝተረፈ ተግባር ጥፍኣተኛ ክበሃል ኣይኽእልን። ወይ ድማ እቲ ገበን

እብ ዝተፈፀመሉ ግዜ ካብ ዝነበረ ዝኸበደ መቕፃዕቲ ኣይውስኖን።

## ዓንቀፅ 12

ናይ ዝኾነ ሰብ ብሕታዊ ህይወት፣ ስድራ፣ መንበሪ ገዛ፣ ወይ ካልኦት ውልቃዊ ርክባት ኢድወነናዊ ብዝኾነ መንገዲ ኣይድፈርን፤ ኣብ ክብሩን ዝንኡን መፀለምታ ኣይግበሮን። ኩሉ ሰብ ከምዚ ዝበለ ኢድ ኣእታውነትን መፀለምታን ከይበፅሖ ሓለዋ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 13

1. ኩሉ ሰብ ኣብ ክልል ሃገሩ ብናፃ ናይ ምንቅስቓስን ምንባርን መሰል ኣለዎ።
2. ኩሉ ሰብ ካብ ዝኾነ ሃገር እንኮላይ ካብ ሃገሩ ናይ ምውፃእን ናብ ሃገሩ ናይ ምምላስን መሰል ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 14

1. ኩሉ ሰብ ካብ ፖለቲካዊ መጥቃዕቲ ንክሕሎ ኣብ ካልኦት ሃገራት ዕቑባ ምሕታትን ምንባርን መሰል ኣለዎ።
2. ፖለቲካዊ ትሕዝቶ ዘይብሉ ስሩዕ ገበን ወይ ንመትከላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዝፃባእ ተግባር ኣብ ዝምልከቱ ዋኒናት እዚ መሰል ተፈፃምነት ኣይህልዎን።

## ዓንቀፅ 15

1. ኩሉ ሰብ መሰል ዜግነት ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ
2. ማንም ሰብ ኢድ ወነናዊ ብዝኾነ መንገዲ መሰል ዜግነቱ ኣይቕንጠጥን፤ ዜግነቱ ናይ ምቕያር መሰሉ'ውን ኣይኽልኽልን።

## ዓንቀፅ 16

1. ብሕጊ ዕድሜኦም ዝበፅሑ ኣወዳትን ኣንሳትን ብዘይ ገደብ ዓልየት፣ ዜግነት፣ሃይማኖት ሓዳር ናይ ምግባርን ስድራ ናይ ምምስራትን መሰል ኣለዎም። ሓዳር እንትምስርቱ፣ ኣብ ሓዳር እንትነብሩን እንትፋትሑን ማዕረ መሰል ኣለዎም።
2. ሓዳር ዝምስረት ብናይ እቶም ክተኣታተዉ ዝሓሰቡ ተፃመድቲ ናፃን ምሉእን ፍቓድ ጥራሕ'ዩ።
3. ቤተሰብ ተፈጥሮኣዊን መሰረታውን ውሁድ ኣካል ሓደ ሕብረተሰብ ስለዝኾነ ብመንግስቲ ኮነ ብማሕበረሰብ ሓለዋ ክግበረሉ ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 17

1. ኩሉ ሰብ ንብሕቱ ወይ ድማ ምስ ካልኦት ሓቢሩ ንብረት ናይ ምውናን መሰል ኣለዎ።
2. ማንም ሰብ ኢ.ድ  ወነናዊ ብዝኾነ መንገዲ ንብረቱ ክሕደግ ኣይብሉን።

## ዓንቀፅ 18

ኩሉ ሰብ ናይ ምሕሳብ፡ ናይ ሕሊናን ናይ ሃይማኖት ናፅነት መሰል ኣለዎ፡፡ እዚ መሰል ˎ እምነት ወይ ሃይማኖት ናይ ምቕያር ናፅነትን ፣  ብብሕቲ ወይ ብሓባር ብምኧን ብግልፂ ወይ ብውልቂ እምነት ወይ ሃይማኖት ናይ ምስትምሃር ብተግባር ናይ ምውዓል፣ ሕግታቱ ምኽባርን ምምላኽን ዝሓውስ'ዩ።

## ዓንቀፅ 19

ኩሉ ሰብ ዝመሰሎ ኣረኣእያ ናይ ምሓዝን ሓሳቡ ብናፅነት ምግላፅን መሰል ኣለዎ። እዚ መሰል ብዘይ ሓደ ኢ.ድ ኣእታውነት ናይ ባዕልኻ ኣረኣእያ ናይ ምሓዝ፣ ሓበሬታን ሓሳብን ብዝኾነ

ዓይነት መራኸቢ ናይ ምድላይ፣ ምቕባልን ምዝርጋሕን መሰል ዝሓውስ'ዩ

## ዓንቀፅ 20

1. ኩሉ ሰብ ብሰላም ናይ ምእካብን ማሕበር ናይ ምምስራትን መሰል ኣለዎ፡፡
2. ዝኾነ ሰብ ኣባል ማሕበር ኰይኑ ክውደብ ኣይግደድን::

## ዓንቀፅ 21

1. ኩሉ ሰብ ብቐጥታ ወይ ድማ ብናፃ ብዝተመረፁ ወከልቱ ኣቢሉ ኣብ መንግስቲ ሃገሩ ናይ ምስታፍ መሰል ኣለዎ::
2. ኩሉ ሰብ ኣብ ሃገሩ ዝወሃቡ መንግስታዊ ግልጋሎት ብማዕረ ናይ ምጥቃም መሰል ኣለዎ::
3. መሰረት መንግስታዊ ስልጣን ፍቓድ ህዝቢ'ዩ፡፡ እዚ ፍቓድ ኣብ ትሉም ግዜ ብዝካየድ ሓቀኛ መረፃ ክግለፅ ዘለዎ እንትኾን እቲ መረፃ ድማ ኣድማሳዊ፣ ንኹሉ ብማዕረነት ዘሳትፍ፣ ብሚስጥራዊ ወይ ብኻልእ ማዕርነታዊን ናፃን ኣገባብ ዝካየድ ክኸውን ኣለዎ::

## ዓንቀፅ 22

ከሉ ሰብ ከም ኣባል ሓደ ማሕበረሰብ ማሕበራዊ ውሕስነት ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ:: ብተወሳኺ ንክብሩን ንናፃ ምዕባልኡን መተካእታ ዘይብሎም ቁጠባዊ፣ ማሕበራውን ባህላውን መሰላት ብሃገራውን ዓለምለኻውን ፃዕርታት ከምኡ'ውን ነዞም ረብሓታት ብዘሳልጡ ውዳበታትን ሃብታትን ሕድሕድ ሃገር ክረጋገፀሉ መሰል ኣለዎ::

## ዓንቀፅ 23

1. ኩሉ ሰብ ናይ ምስራሕ፣ ኣብ ዝመረፆ ስራሕ ናይ ምውፋር፣ ፍትሓውን ምቹውን ሃዋህው ስራሕ ናይ ምርካብ ካብ ሸቕሊ ኣልቦነት ናይ ምንጋፍ መሰል ኣለዎ።
2. ኩሉ ሰብ ብዘይ ኣድልዎ ንማዕረ ስራሕ ማዕረ ክፍሊት ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።
3. ኣብ ዕዮ ዝተዋፈረ ሰብ ንርእሱን ንስድርኡን ዘማሓድር ንሰብኣዊ ክብሪ ዘማልአ ፍትሓውን እኹልን መሃያ ናይ ምርካብ፣ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ድማ ተጠቃሚ ማሕበራዊ ሓገዝ ናይ ምኻን መሰል ኣለዎ።
4. ኩሉ ሰብ ረብሓታቱ ንምኽባር ዘኽእልዎ ማሕበራት ዕዮ ናይ ምምስራትን ኣብኣቶም ናይ ምውዳብ መሰል ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 24

ኩሉ ሰብ ኣብ መዓልቲ ሚዛናዊ ዝተወሰነ ሰዓት ናይ ምዕያይን ኣብ ኣውደ ኣመት ምስ ክፍሊት ናይ ምዕራፍን መሰል ሓዊሱ፣ ዕረፍቲ ናይ ምርካብን ምህዳስን መሰል ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 25

1. ኩሉ ሰብ ምግቢ፣ ክዳን፣ መዕለሊ፣ ሕክምናን ኣድለይቲ ዝኾኑ ማሕበራዊ ግልጋሎትን ሓዊሱ ባዕሉን ስድርኡን ብጥዕናን ብህይወትን ንምንባር ዘኽእሉም ደረጃ መነባብሮ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ። ብተወሳኺ ስራሕ ኣብ ዝሰኣነሉ፣ ኣብ ዝሓመመሉ፣ ኣካሉ ኣብ ዝተጐድኣሉ፣ ኣብ ዝማእመነሉ፣ ኣብ ዝኣረገሉን ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ብዝኾነ ምኽንያት መነባብሮኡ ኣብ ዝተናግዐሉን እዋን ውሕስነት ናብራ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።

2. ኣደነትን ቁልዕነትን መሰል ፍሉይ ክንክንን ደገፍን ዘውህብ'ዩ ካብ ኣሚንን ካብኡ ወፃኢን ዝውለዱ ቆልዑ ማዕረ መሰል ማሕበራዊ ሓለዋ ክረኽቡ ኣለዎም።

## ዓንቀፅ 26

1. ኩሉ ሰብ ትምህርቲ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ፤ ትምህርቲ ብውሑድ ኣብ መባእታን ቀዳማይን ብርኪታት ብናፃ ክዋሃብ ይግባእ። ቀዳማይ ብርኪ ትምህርቲ ግዴታ'ዩ። ቴክኒካውን ሞያውን ትምህርቲ ብሓፈሻኡ ንኩሉ ክባፃሕ ይግባእ፤ ላዕለዋይ ትምህርቲ ድማ ብልጫ ማእኸል ገይሩ ንኩሉ ክፉት ዕድል ክኸውን ኣለዎ።
2. ትምህርቲ ንምሉእ ምዕባለ ዘርኢ ሰብ፣ ንምኽባር ሰብኣዊ መሰላትን መሰረታዊ ናፅነታትን ዘጠናኽር ኮይኑ ክቃነ ይግባእ። ኣብ መንጎ ዓሌታትን ሃይማኖታትን ምርድዳእ፣ ምክእኣልን ምሕዝነትን ዘሰጉም ከምኡ'ውን ውድብ ሕቡራት መንግስታት ንምርግጋፅ ሰላም ንዝገብሮ ፃዕሪ ዘጠናኽር ክኸውን ኣለዎ።
3. ስድራታት ንደቆም ብዛዕባ ዝዋሃብ ትምህርቲ ኣብ ምምራፅ ቀዳምነት መሰል ኣለዎም።

## ዓንቀፅ 27

1. ኩሉ ሰብ ኣብ ናይ ማሕበረሰብ ባህላዊ ህይወት ብናፃ ናይ ምስታፍ፣ ስነጥበብ ናይ ምስትምቓር፣ ሳይንሳዊ ምዕባልኡ ስዒቡ ዝመፅእ ረብሓ ናይ ምምቓል መሰል ኣለዎ።
2. ኩሉ ሰብ ካብ ዝመሃዞ ሳይንሳዊ፣ ስነፅሑፋውን ስነጥበባውን ውፅኢት ንምጥቃም ዘኽእሎ ንዋታውን ንያታውን ሓለዋ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 28

ኩሉ ሰብ ኣብ'ዚ ኣዋጅ ዝሰፈሩ መሰላትን ናፅነታትን ምሉእ ብምሉእ ክረጋገፀሉ ዘኽእል ማሕበረሰባዊን ዓለም ለኻዊ ስርዓት ናይ ምውናን መሰል አለዎ፡፡

### ዓንቀፅ 29

1. ኩሉ ሰብ ነቲ ንናፃን ምሉእ ምዕባለ ስብእንኡ ብሕታዊ መሰረት ዝኾነ ማሕበረሰብ ግቡእ ኣለዎ፡፡
2. ንመሰላትን ናፅነታትን ካልኦት ሰባት ኣፍልጦ ንምሃብን ንምኽባርን፣ ሞራል፣ ፀጥታ ህዝቢን ኣብ ዴሞክራሲያዊ ማሕበረሰብ ዝህሉ ሓፈሻዊ ሰናይ ተግባራትን ንምርግጋፅ ተባሂሉ ኣብ መሰልን ናፅነትን ብሕጊ ጥራሕ ዝቕመጥ ወሰን ክህሉ ይኽእል'ዩ፡፡
3. ነዞም መሰላትን ናፅነታትን ብዝኾነ ዓይነት ንኣሰራርሓታትን መትከላትን ውድብ ሕቡራት መንግስታት ብዝፃባእ ኣገባብ ምጥቃም ኣይከኣልን፡፡

## ዓንቀፅ 30

ዝኾነ ትሕዝቶ እዚ ኣዋጅ ሓደ መንግስቲ፣ ጉጅለ፣ ወይ ውልቀሰብ ኣብ'ዚ ንዝተዘርዘሩ መሰላትን ናፅነታትን ንምጥሓስ ኣብ ዘኽእል ንጥፈት ወይ ተግባር ናይ ምስታፍ መሰል ዝህቦ ብዝመስል ኣገባብ ክትርጎም ኣይብሉን፡፡

# ዓለም ለኸ ኪዳን ቁጠባዊ፣ ማሕበራውን ባህላውን መሰላት

ውሳነ ሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ቁፅሪ 2200A (XX) ኮይኑ ተዳልዩ ብኣቆፃፅራ ዩሮጳ 16 ታሕሳስ 1966 ዓ.ም ንፌርማ፤ምፅዳቕን ምቕባልን ተኸፊቱ፡፡

## መእተዊ

## ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን

ብመሰረት ኣብ ቻርተር ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዝተኣወጁ መትከላት፣ ኩሎም ኣባላት ሰብኣዊ ስድራ ተፈጥሮኣዊ ክብሮን፣ ማዕረን ዘይሽራረፉ መሰላት ከምዝወነኑ ኣፍልጦ ምሃብ ኣብ ዓለምና መሰረት ናፅነት፣ ፍትሒን ሰላምን ምዃኑ ኣብ ግምት ብምእታው፤

እዞም መሰላት ሰብኣዊ ፍጡር ብተፈጥሮኡ ካብ ዝወነኖ ሰብኣዊ ክብሪ ዝፍልፍሉ ምዃኖም ብምቕባል፤

ብመሰረት ዕላማታት ኣድማሳዊ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት ሰብኣዊ ፍጡር ካብ ፍርሒን ፀበባን ክናገፍ ይግባእ ዝብል ክቡር ዕላማ ክዕወት ዝኽእል ቁጠባዊ፣ ማሕበራውን ባህላዊ መሰላት ሲቪልን ፓለቲካዊ መሰላት ኩሉ ሰብ ክማልኡ ዝኽእሉ ባይታ እንትፍጠር ጥራሕ ከምዝኾነ ብምቕባል፤

ሃገራት ብቻርተር ውድብ ሕቡራት መንግስታት ንምስጓም ኣድማሳዊ ኣኽብሮት ሰብኣዊ መሰላትን ናፅነታት ዝኣተውዎ ግቡእ ኣብ ግምት ብምእታው፡፡

ውልቀሰብ'ውን ናይ ካልኦት ውልቀሰባትን ናይ ዝነብረሉ ማሕበረሰብን መሰል ናይ ምኽባር ግቡእ ስለዘለዎ፤ ኣብ'ዚ ኪዳን ተቐባልነት ዝረኸቡ መሰላት ኣብ ተግባር ክውዕሉን ክኽበሩን ሓላፍነት ዝተሸከመ ምዃኑ ብምግንዛብ፤ ኣብዞም ዝስዕቡ ዓንቀፃት ተሰማሚዖም ኣለዉ

## 1ይ ክፋል

## ዓንቀፅ 1

1. ኩሎም ህዝብታት መሰል ዓርሰ ውሳነ ኣለዎም ካብ'ዚ መሰል እዚ ዝፍልፍል ፖለቲካዊ ህልውንኦም ብናፃ ናይ ምስጓምን ዕብየት ቁጠባዊ፣ ማሕበራዊን ባህላዊን መሰላቶም ብናፅነት ናይ ምስጓም መሰል ኣለዎም።

2. ኩሎም ህዝብታት ንመትከላት ሓባራዊ ረብሓን ዓለምለኸ ሕግን መሰረት ዝገበረ ዓለም ለኸ ቁጠባዊ ምትሕግጋዝ ብዘይፃባእ ኣገባብ ንተፈጥሮኣዊ ሃብቶምን ፀጋኦምን ንባዕልቶም ብናፃ ምጥቃም ይኽእሉ እዮም። ሓደ ህዝቢ ንመነባብሮኡ ዘድልይዎ ነገራት ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ክኽላእ ኣይግባእን።

3. ነዚ ኪዳን ዝተቐበሉ ሃገራት ከምኡ'ውን ነቶም ዓርሰ ምምሕዳር ዘይብሎምን ብሞግዚት ዝግዝኡን ዘማሕድሩ ሃገራት መሰል ዓርሰ ውሳነ ተግባራዊ ዝኾነሉ ኩነታት የመቻችው፤ ነዚ መሰል ምስ ቻርተር ውድብ ሕቡራት መንግስታት ብዝሰማማዕ መንገዲ ኣብ ተግባር የውዕሉ።

# 2ይ ክፋል

## ዓንቀፅ 2

1. ናይዚ ኪዳን ኣባል ሃገራት ብውልቂ ይኹን ብዓለምለኸ ድጋፍን ምትሕግጋዝ ኣቢሎም ንህልዊ ተፈጥሮኣዊ ሃብቲ ብምጥቃም ብፍላይ ቁጠባውን ቴክኒካውን ዓቕሚ ክዓቢን በዚ ኪዳን ተቐባልነት ዝረኸቡ መሰላት ብኩሎም ኣገባባት ብፍላይ ኣብ ናይ ሕድሕድ ሃገር ሕጊ ተኻቲቶም ብምሉእነት ክትግበሩን ኣድላዪ ዘበለ ስጉምቲ ክወስዱ ይግባእ።
2. ናይዚ ኪዳን ኣባል ሃገራት በዚ ኪዳን አፍልጦ ዝተወሃቦም መሰላት ብዘይ ኣፈላላይ ዓሌት፣ ሕብሪ፣ፆታ ቛንቛ፣ ሃይማኖት፣ ፖለቲካ ወይ ካልእ ኣረኣእያ፣ ብሄራዊ ወይ ማሕበራዊ መበቆል፣ ንብረት፣ ትውልዲ ሓረግ ወይ ካልእ ፀፍሒ ተግባራዊ ዝኾነሉ ውሕስነት ክረጋገፁ ይግባእ።

3. ማዕበልቲ ሃገራት ሰብኣዊ መሰላትን ዓቕሚ ሃገራዊ ቁጠባኦምን ኣብ ግምት ብምእታው፣ ኣብ'ዚ ኪዳን ዝሰፈሩ ኣብ ሃገሮም ዝነብሩ ዜጋታት ወፃኢ በዚ ኪዳን ኣፍልጦ ዝተውሃቦም ቁጠባዊ መሰረት ብኸመይ ዝበለ ደረጃ ክጥቀሙሉ ከምዝግባእ ናይ ምውሳን ስልጣን ኣለዎም።

## ዓንቀፅ 3

ናይዚ ኪዳን ኣባል ሃገራት፣ ደቂተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ኣብ'ዚ ኪዳን ዝሰፈሩ ቁጠባዊ፣ ማሕበራውን ባህላውን መሰላት ማዕረ ተጠቀምቲ ዝኾኑሉ ኩነታት ክፈጥሩ ይግባእ።

## ዓንቀፅ 4

ናይዚ ኪዳን ኣባል ሃገራት ነዞም መሰላት ኣብ'ዚ ኪዳን ምስዝሰፈሩ መዐቀንታት ኣጣዓዒሞም ኣብ ዝትግብርሉ እዋን ብሕጊ ካብ ዝሰፈሩ ገደባት ወፃኢ ዝኾነ ደረት ክገብሩ ኣይግባእን። እቲ ብሕጊ ዝሰፍር ገደብ'ውን ሓፈሻዊ ሰናይ ተግባር ሓደ ዴሞክራስያዊ ማሕበረሰብ ንምስላጥ ዝዓለመ ክኸውን ከምዘለዎ ይቕበሉ።

## ዓንቀፅ 5

1. ኣብ'ዚ ኪዳን ዝሰፈረ ትሕዝቶ ዝኾነ መንግስቲ፣ ጉጅለ ወይ ውልቀሰብ ኣብ'ዚ ተቐባልነት ንዝረኸቡ መሰላትን ናፅነታትን ንምጥሓስ ኣብ ዘኽእል ንጥፈት ወይ ተግባር ናይ ምስታፍ መሰል ዝሃበ ብዝመስል ወይ ድማ ካብ ዝተነፀረ ገደብ ንላዕሊ ንምጥቃም ብዘኽእል ኣገባብ ፈፂሙ ክትርጐም ኣይግባእን።

2. ኣብ ዝኾነ ሃገር ብሕጊ፣ ብስምምዕ፣ ብስሪት፣ወይ ብልምዲ ተቐባልነት ዝረኸቡ መሰረታዊ ሰብእዊ መሰላት፣ እዚ ኪዳን ኣፍልጦ ኣይሃቦምን ወይ ዕዙዝ ትኹረት ኣይገበረሎምን ብዝብል ሰንኪ ክግደቡ ወይ ክጠሓሱ የብሎምን።

# 3ይ ክፋል

## ዓንቀፅ 6

1. ናይዚ ኪዳን ኣባል - ሃገራት ኹሉ ሰብ ብናፃ ድልየቱ ኣብ ዝመረፆ ስራሕ ተዋፊሩ ህይወቱ ክመርሕን እዚ መሰሉ ክኸበር ኣድላዪ ስጉምቲ ምውሳድን ሓዊሱ ንመሰል ዕዮ ተቐቢሎም ግቡእ ሓለዋ ንምሃብ ኣድለይቲ ስጉምቲታት ንምውሳድ ተሰማሚዖም ኣለዉ፡፡

2. ናይዚ ኪዳን ኣባል ሃገር ነዚ መሰል ምሉእ ንምሉእ ንምኽባር ዝወስዶ ስጉምቲ፣መሰረታዊ ፖለቲካዊን ቁጠባውን ናፅነታት ውልቀሰብ ኣብ ዝተኸበረሉ ኩነታት ቴክኒካዊን ሞያውን ናይ ስልጠና መደባት ምዝርጋሕ፣ ቀፃልነት ዘለዎ ስሉጥ ቁጠባዊ፣ ማሕበራውን ባህላውን ምዕባለ ዘረጋግፅ ፖሊሲ ምሕንፃፅ ከምኡ'ውን ምህርቲ ዘሰስን ዕድል ስራሕ ምፍጣር ዝሓውስ ክኸውን ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 7

ናይዚ ኪዳን ኣባል ዝኾኑ ሃገራት ኩሉ ሰብ ብፍላይ ድማ ነዞም ዝስዕቡ ዘረጋግፅ ፍትሓውን ምቹውን ኩነታት ስራሕ ናይ ምርካብ መሰል ከምዘለዎ

ሀ) ንሰራሕተኛታት ዝዋሃብ ክፍሊት ብውሑድ

(i) ማዕረ ዋጋ ንዘለዎ ስራሕ ብዘይ ዝኾነ ዓይነት ኣፈላላይ ሚዛናዊ ዝኾነ ዓስቢን ማዕረ ክፍሊት ብፍላይ ኣብ ተመሳሳሊ ኩነታት ዝተዋፈራ ደቂ ኣንስትዮ ማዕረ ክፍሊት ንማዕረ ስራሕ ምርካብ፣

(ii) ብመሰረት ድንጋገታት እዚ ኪዳን ንባዕሎምን ንስድሮኦምን ደሓን ዝኾነ ኩነታት ናብራ

ለ) ካብ ሓደጋ ናፃ ዝኾነን ንጥዕና ዘመቹን ኩነታት ስራሕ፣

ሐ) ኩሉ ሰራሕተኛ ብዘይካ ከም ኣገልግሎትን ክእለትን ዝመሳሰሉ መምዘኒታት ብካልእ ዝኾነ ነገር ኣፈላላይ ከይተገበረ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ናይ ምዕባይ ማዕረ ዕድል፣

መ) ዕረፍቲ፣ ናይ ተሃድሶ ጊዜን፣ ሚዛናዊ ዝኾነ ዝተወሰነ ናይ ስራሕ ሰዓት ከምኡ'ውን ምስ ክፍሊት ዝዋሃብ ፍቓድ ዕረፍትን ዕረፍቲ ህዝባዊ በዓላት ።

# ዓንቀፅ 8

1. ናይዚ ኪዳን ኣባል ሃገራት እዞም ዝስዕቡ መሰላት ንምርግጋፅ ተሰማሚዖም ኣለው

ሀ) ኩሉ ሰብ ንሕገ-ደንቢ ማሕበር ተገዚኡ ብምኽኒን ቁጠባውን ማሕበራውን መሰላቱ ምስላጥን ምርግጋፅ ኣብ ዘኽእሎ ማሕበር ናይ ምውዳብ መሰሉ ክሕሉ። ብዘይካ ብሕጊ ዝተቐመጡን ኣብ ሓደ ዴሞክራስያዊ ማሕበረሰብ ሃገራዊ ረብሓ ወይ ፀጥታ ህዝቢ ንምርግጋፅ ወይ ከዓ ናይ ካልኦት መሰላትን ናፅነታትን ንምኽባር ተባሂሎም ዝግበሩ ገደባት ካልእ ገደብ ንኸይግበር፣

ለ) ማሕበራት ሰራሕተኛታት ሃገራዊ ፌዴሬሽናት ወይ ኮንፌዴሬሽናት ናይ ምምስራት ወይ ድማ ዓለም ለኸ ውዳበታት ማሕበር ሰራሕተኛታት ናይ ምቛምን ኣብኡ ናይ ምፅምባርን መሰል ፣

ሐ) ኣብ ሓደ ዴሞክራሲያዊ ማሕበረሰብ ሃገራዊ ረብሓ ወይ ፀጥታ ህዝቢ ንምርግጋፅ ወይ መሰላትን ናፅነታትን ካልኦት ንምሕላው ተባሂሎም ካብ ዝግበሩ ብሕጊ ዝተቐመጡ ገደባት ወፃኢ ማሕበራት ሰራሕተኛታት ብናፃ ናይ ምውሳእ መሰል ኣለዎም።

መ) ምስ ሕጊ እታ ሃገር ብዝሳነ ኣገባብ ኣድማ ስራሕ ናይ ምግባር መሰል ሰራሕተኛታት።

2. እዚ ዓንቀፅ ነዚ መሰል ኣብ ምጥቃም ኣመልኪቶም ኣብ ኣባላት ሰራዊት፣ ፖሊስ፣ ወይ ኣብ ሰራሕተኛታት ምምሕዳር መንግስቲ ዝቕመጡ ሕጋዊ ገደባት ዝዓግት ኣይኮነን።

3. እዚ ዓንቀፅ እቶም ብኣቆፃፅራ ኣውሮጳ ብ1948 ዓ.ም ዝወፀ ሕጊ ዓለም ለኸ ውድብ ዕዮ ኣባል ሃገራት ኣብ'ቲ ስምምዕነት ዝሰፈሩ ማሕበር ምምስራት ናፅነትን ናይ ምሕባር ውሕስነትን ዝፃረር ሕጊ ክሕንፅፁ ወይ ነቶም ውሕስነታት

ብዝተሕስ ኣገባብ ነቲ ሕጊ ክትግብሩ ዝፈቅድ ክኸውን የብሉን ::

## ዓንቀፅ 9

**ናይዚ ኪዳን ኣባል ሃገራት ኩሉ ሰብ መሰል ማሕበራዊ መድሕን ሓዊሱ መሰል ማሕበራዊ ውሕስነት ከምዘለዎ ይቕበሉ**

## ዓንቀፅ 10

**ናይዚ ኪዳን ኣባል ሃገራት ነዞም ዝስዕቡ ተቐቢሎም ኣለዉ**

1. ቤተሰብ ተፈጥሮኣውን መሰረታውን ውሁድ ኣካል ሕብረተሰብ ብምዃኑ ብፍላይ እንትምስረትን ንክንክንን ትምህርቲን ቆልዑ ሓላፍነት እንትሽከምን ክንዲ እቲ ዓቕሚ ዘፍቅዶ ዑዝዝ ደገፍን ሓለዋን ክግበረሉ ይግባእ:: ሓዳር ብናፃ ፍቓድ እቶም ተፃመድቲ ክምስረት ኣለዎ፡፡
2. ቅድሚን ድሕሪ ሕርሲ ንኣዴታት እኹል ዝኾነ ፍሉይ ክንክን ክግበረለን ኣለዎ:: ኣብዚ እዋንኣ ሰራሕተኛታት ዝኾና ኣዴታት ፍቓድ ዕረፍቲ ምስ መሃያወይ ድማ ፍቓድ ዕረፍቲ ምስ ጥቕምታት ማሕበራዊ ውሕስነት ክረኽባ ኣለወን::
3. ብምኽንያት ወለዶም ወይ ካልኦት ኩነታት ኣፈላላይ ከይተገበረ ንቆልዑትን ሰገናትን ፍሉይ ሓለዋን ደገፍን ክግበር ኣለዎ:: ቆልዑትን ሰገናትን ካብ ቁጠባዊን ማሕበራዊ ምዝመዛ ሓለዋ ክግበረሎም ኣለዎ:: ንስነምግባሮምን ጥዕነኦምን ኣብ ዝጐድእ፣ ንህይወቶም ሓደገኛ ኣብ ዝኾነን ንንቡር ዕብየቶም ኣብ ዘሰናኽል ዕዮ ክዋፈሩ ምግባር ብሕጊ ዘቕፅዐ ክኸውን ይግባእ:: ከምኡ'ውን ሃገራት ኣብ ዕዮ ንምቑፃር ዘኽእል ገደብ ዕድመ ክቐምጡን ካብኡ ንታሕቲ ንዝኾኑ ሰገናት

ቆፂሮም ዘስርሑ ዝኽልከሉሉን ብሕጊ ዝቕፅዕሉን ስርዓት ክዝርግሑ ኣለዎም፡፡

## ዓንቀፅ 11

1. ናይዚ ኪዳን ኣባል ሃገራት ኩሉ ሰብ ንባዕሉን ንስድርኡን ዘመሓድረሉ እኹል ደረጃ መነባብሮ ክህልዎ፣ ምግቢ፣ ክዳንን መፅለሊን ክማለኣሉን መነባብሮኡ ቀፃልነት ብዘለዎ ኣገባብ ክመሓየሽ ከምዘለዎን ይቕበሉ፡፡ ናይዚ ኪዳን ኣባል ሃገራት እዚ መሰል ተግባራዊ ንምግባር ኣድላዪ ስጉምቲ ይወስዱ፣ ኣብ ኣፈፃፅማ እዚ መሰል ኣብ ናፃ ድልየት ዝተመስረተ ዓለምለኸ ምትሕግጋዝ ዘለዎ ኣገዳስነት ይግንዘቡ፡፡
2. ናይዚ ኪዳን ኣባል ሃገራት ኩሉ ሰብ ካብ ጥምየት ናፃ ኮይኑ ናይ ምንባር መሰረታዊ መሰል ከምዘለዎ ብምግንዛብ፣ በይንቶም ወይ ድማ ብዓለምለኸ ምትሕግጋዝ ኣቢሎም ነዞም ዝስዕቡ ዘካተቱ ንፁራት መደባት ክሕንፁ ኣለዎም፡፡

ሀ) ቴክኒካውን ሳይንሳውን ፍልጠት ብምጥቃም ናይ ምግቢ ምህርቲ፣ ናይ ዕቀባን ዝርጋሐን ብልሓታት ንምምሕያሽ፣ መትከላት ስነምግቢ ዝምልከት ፍልጠት ንምዝርጋሕ ከምኡ'ውን ዝለዓለ ምዕባለን ኣጠቓቕማን ተፈጥሮኣዊ ሃብቲ ክህሉ ዝሕግዝ ስርዓት ልምዓት ገጠር ክቐርፁ ወይ ከማሓይሹ ይግባእ፡፡

ለ) ናይ ለኣኽትን ኣምፃእትን ምግቢ ሃገራት ፀገም ኣብ ግምት ብምእታው ንጠለብ መሰረት ዝገበረ ዝተመጣጠነ ዓለማዊ ዝርጋሐ ቀረብ ምግቢ ክረጋግፁ ይግባእ፡፡

## ዓንቀፅ 12

1. ናይዚ ኪዳን ኣባል ሃገራት ኩሉ ሰብ ክብፃሕ ናብ ዝኽእል ዝለዓለ ደረጃ ኣካላውን ስነኣእምሮኣውን ጥዕና ናይ ምስግጋር መሰል ከምዘለዎ ይቕበሉ፡፡

2. ¨ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን እዚ መሰል ብሙሉእነት ንምርግጋፅ ዝወስዱዎም ስጉምቲታት ነዞም ዝስዕቡ ዝሓውስ ክኸውን አለዎ፡፡

ሀ) ቁፅሪ ናይቶም ሞይቶም ዝውለዱን ምስተወለዱ ዝሞቱን ህፃናት ምንካይን ጥዕናዊ ዕብየት ህፃናት ምርግጋፅን፤

ለ) ኩለመዳያዊ ምምሕያሽ ከባብያውን ኢንዱስትሪያውን ጥዕና

ሐ) ንተላበድቲ፣ ከባብያዊ፣ ኣብ ስራሕ ዘጋጥሙን ካልኦት ሕማማት ምክልኻል፣ ምሕካምን ምቁፅፃርን፤

መ) ኣብ ግዜ ሕማም ኩሉ ሕክምናዊ ኣገልግሎትን ጠመተን ዝረጋገፀሉ ኩነታት ምፍጣር፡፡

## ዓንቀፅ 13

1. ናይዚ ኪዳን ኣባል ሃገራት ኩሉ ሰብ ዕድል ትምህቲ ናይ ምርካብ መሰል ከምዘለዎ ይቕበሉ፡፡ ዕላማ ትምህርቲ ዝተማልአ ስብእናዊ ምዕባለን ኣታሓሳስባ ሰብኣዊ ክብሩን ዘረጋግፅ ከምኡ ውን ንሰብኣዊ መሰላትን ናፅነታትን ዘጠናኽር ኮይኑ ክቃነ ከምዝግባእ ተሰማዕሚዖም ኣለዉ፡፡ ትምህርቲ ኩሎም ሰባት ኣብ ናፃ ማሕበረሰብ ብንጥፈት ዝሳተፍሉ፣ ኣብ መንጎ ኩሎም ብሄራት፣ ዘርኢታት፣ ዓልየታት ወይ ሃይማኖታት ምርድዳእ፣ ምክእኣልን ምሕዝነትን ንምፍጣርን ውድብ ሕቡራት መንግስታት ሰላም ንምዕቃል ዝገብሮ ፃዕሪ ንምጥንኻርን ከገልግል ከምዘለዎ ተሰማዕሚዖም ኣለዉ፡፡

2. እዚ መሰል ብምሉእነት ንኽረጋገፅ ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ነዞም ዝስዕቡ ተቐቢሎም ኣለዉ

   ሀ) ቀዳማይ ብርኪ ትምህርቲ ግዴታ ክኸውንን ንኹሉ ብናፃ ክባፃሕ ምግባር፣

   ለ) ቴክኒካውን ሞያውን ትምህርቲ ሓዊሱ ካልኣይ ብርኪ ትምህርቲ ብኩሉ መልክዓት ንኹሉ ብዝምችው ኣገባብ ክባፃሕን ኣብ ከይዲ ድማ ብናፃ ክዋሃብን ምስራሕ፣

ሐ) ላዕለዋይ ትምህርቲ ክእለት ማእኸል ገይሩ ንኩሉ ብዝምቹ
አገባብ ብማዕረ ዝባፃሕ ክኸውን ምግባር፣ ኣብ ከይዲ
ድማ ብናፃ ናብ ዝዋሃበሉ ኩነታት ንምብፃሕ ምስራሕ፣

መ) ዕድል ቀደማይ ብርኪ ትምህርቲ ንዘይረኸቡ ወይ
ዘየማልኡ ሰባት መሰረታዊ ትምህርቲ ዝተባበዐሉ ወይ
እቲ ዕድል ዝዝርገሓሉ ኩነታት ምፍጣር፣

ሰ) ንኩሎም ደረጃታት ዘማልአ ስርዓት ትምህርቲ ዝምዕብለሉ፣
ብቕዓት ዘለዎ ስርዓት ናፃ ትምህርቲ ዝህነፀሉን መነባብሮ
መምህራን ብቐፃልነት ዝምዕብለሉን ፃዕሪ ምግባር

3. ናይዚ ፡ ኪዳን ኣባል ሃገራት ወለድን ሕጋዊ ሞግዚታትን
መንግስቲ ካብ ዘውፅኦ ደረጃ ኣብ ዘይታሓተ ቤት
ትምህርቲ ደቆም ክመሃሩ ናይ ምግባር፣ ከከም እምነቶም
ንደቆም ብሃይማኖታውን ስነምግባራውን መትከላት ክህነፁ
ናይ ምዕዓር ናፅነት ከምዘለዎም ተቐቢሎም ኣለዉ፣

4. ኣብ'ዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝሰፈሩ መትከላት ክሳብ
ዝተኸበሩን መንግስቲ ዝሓንፀፆ መሰረታዊ መዐቀኒ ትምህርቲ
ክሳብ ዝተማልአ፣ ዝኾነ ክፋል እዚ ዓንቀፅ ውልቀሰባትን ካልኦት
ኣካላትን ትካላት ትምህርቲ ንምጥያሽን ምምራሕን ዘለዎም
ናፅነት ብዝጥሕስ ኣገባብ ክትርጐም የብሎን፡፡

## ዓንቀፅ 14

ሕድሕድ ኣባል ሃገር እዚ ኪዳን ነዚ ኪዳን ኣብ ዝተቐበለሉ እዋን
ግዝኣቱ ኣብ ዝኾነ ከተማ ወይ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳሩ ዝኾነ ካልእ
ግዝኣት ትምህርቲ ቀዳማይ ብርኪ ግዴታን ናፃን ዘይኮነ እንተነይሩ
እዚ ግዴታን ንኩሉ ብናፃ ናይ ምብፃሕን መትከል ኣብ ውሱን
ዓመታት ተግባራዊ ዝኾነሉ ዝርዝር ትልሚ ኣብ ውሽጢ ክልተ
ዓመት ክሕንፅፅ ይግባእ፡፡

## ዓንቀፅ 15

1. ናይዚ ኪዳን ኣባል ሃገራት ኩሉ ሰብ እዞም ዝስዕቡ መሰላት ከምዘለዉዎ ይቕበሉ

   ሀ) ኣብ ባህላዊ ንጥፈታት ምስታፍ፣
   ለ) ተጠቃማይ ሳይንሳዊ ምዕባለን ውፅኢታቱን ናይ ምዃን፡
   ሐ) ንዝመሃዞ ሳይንሳዊ፣ ስነፅሑፋዊ፣ ስነጥበባዊ ውፅኢት ካብ ዝግበር ሓለዋ መንፈሳውን ቁሳውን ረብሓ ናይ ምርካብ
2. ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ንዚ መሰል ብምሉእነት ክትግበር ዝወስድዎም ስጉምትታት ሳይንስን ባህልን ንምዕቃብ፣ ንምምዕባልን ንምግፋሕን ንዝፍፅምዎም ስራሕቲ ዝሓውስ ክኸውን ኣለዎ፡፡
3. ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ንሳይንሳዊ ምርምራትን ናይ ምምሃዝ ንጥፈታትን ኣገዳሲ ዝኾነ ናፅነት ንምኽባር ተሰማሚዖም ኣለዉ፡፡
4. ናይዚ ኪዳን ኣባል ሃገራት ኣብ ሳይንሳውን ባህላውን መዳያት ዝፍጠሩን ዝዕምብቡሉን ዓለምለኸ ርክባትን ምትሕብባራትን ዝፍልፍሉ ረብሓታት ኣፍልጦ ይህቡ፡፡ ፡

# 4ይ ክፋል

## ዓንቀፅ 16

1. ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ምስ እዚ ክፋል ኪዳን ብዝተዛመደ ኣብ ዝወስድዎም ስጉምቲን ኣብ'ዚ ተቐባልነት ንዝረኸቡ መሰላት ንምኽባር ብዛዕባ ዝገበርዎ ፃዕሪን ፀብፃብ ከቕርቡ ተሰማሚዖም ኣለዉ፡፡
2. ሀ) ኩሎም ፀብፃባት ናብ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ክቐርቡ ኣለዎም፤ ዋና ፀሓፊ ድማ እቲ ጉዳይ ኣብ'ዚ ምስዝሰፈሩ ዓንቀፃት ተሳንዩ ምፍፃሙ ክትትል

ክግበረሉ ቅጻሕ ናብ ቁጠባውን ማሕበራውን ቤት ምኽሪ የቕርብ።

ለ) ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ቅዳሓት ናይቶም ፀብፃባ ወይ ኣገዳሲ ክፋሎም ናብ ፍሉያት ኣካላት ወይ ድማ ነዚ ኪዳን ዝተቐበሉን ኣባላት ፍሉያት ኣካላት ንዝኾኑን ሃገራት የቕርብ። እቲ ዋና ፀሓፊ ቅዳሓት ነቶም ኣካላት ዘቕርብ እቲ ጉዳይ ብመንፅር ስራት እቶም ትካላት ዝምልከቶም እንተኾይኑ እዩ።

## ዓንቀፅ 17

1. ቁጠባውን ማሕበራውን ቤት ምኽሪ እዚ ኪዳን ኣብ ተግባር ምስ ወዓለ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ምስ ዝምልከቶም ሃገራት እዚ ኪዳንን ፍሉያት ኣካላት ተማኺሩ ብመሰረት ዘውፅኦ መደብ ናይዚ ኪዳን ኣባል ሃገራት ፀብፃቦም የቕርቡ፡፡
2. ፀብፃባት ኣብ'ዚ ኪዳን ዝሰፈሩ ግቡኣት ብምሉእነት ኣብ ምትግባር ንዘጋጠሙ ፀገማትን መበገሲኦም ዘመልክቱ ክኾኑ ኣለዎም።
3. ኣባል እዚ ኪዳን ብዝኾነ ነገር ኣግባብነት ዘለዎ ሓበሬታ ቅድም ኢሉ ንውድብ ሕቡራት መንግስታት ወይ ንዝኾነ ፍሉይ ወኪል ቐሪቡ እንተነይሩ ደጊምካ ምቕራብ እንተይኣድለየ ነቲ ሓበሬታ ዘዘኻኽር ሓበሬታ ምምልካት ጥራሕ እኹል'ዩ።

## ዓንቀፅ 18

ቤት ምኽሪ ቁጠባውን ማሕበራውን ብመሰረት ቻርተር ውድብ ሕቡራት መንግስታት ብመዳይ ሰብኣዊ መሰላትን መሰረታዊ ናፅነታትን ዝተውሃበ ሓላፍነት መሰረት ኣብ ኣፈፃፅማ ኣብ'ዚ ኪዳን ዝሰፈሩ ዓንቀፃት ኣመልኪቶም ፍሉያት ወኪላት ፀብፃባት ዘቕርቡሉ ኩነታት ከመዓራሪ ይኽእል። እዞም ፀብፃባት ዝምልከቶም

ኣካላት እቲ ውድብ ዘሕለፍዎም ዝርዝር ውሳነታትን ናይ መፍትሒ ሓሳባትን ዘጠቓለሉ ክኾኑ ይኽእሉ።

## ዓንቀፅ 19

ቤት ምኽሪ ብመሰረት ቁጠባውን ማሕበራውን ብመሰረትዓንቀፅ 16ን 17ን ካብ ሃገራት ዝቐረብሉን ብመሰረት ዓንቀፅ 18 ካብ ፍሉያት ወኪላት ዝቐረቡሉ ሰብኣዊ መሰላት ዝምልከቱ ፀብፃባት ንመፅናዕቲ፣ ንውሳነን ከም ኩነታቱ ድማ ንሓበሬታ ክግልገሉ ንኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ከቕርበሉ ይኽእል።

## ዓንቀፅ 20

ናይዚ እዚ ኪዳን ኣባል ሃገራትን ዝምልከቶም ፍሉያት ኣካላት ብመሰረት ዓንቀፅ 19 ዝቐርብ ዝኾነ ናይ ውሳነ ሓሳብ ወይ ድማ ኣብ'ዚ ናይ ውሳነ ሓሳብ ተመስሪቱ ብኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ዝቐርብ ፀብፃብን ንዕኡ ኣብ ዝምልከት ሰነድን ርእይቶኦም ንቤት ምኽሪ ንቁጠባውን ማሕበራውን ከቕርቡ ይኽእሉ።

## ዓንቀፅ 21

ቤት ምኽሪ ቁጠባውን ማሕበራውን ቤት ምኽሪ ኣብ'ዚ ሰነድ ዝሰፈሩ መሰላት ንምኽባር ዝተወሰዱ ስጉምቲታን ዝተረኸበ ምዕባለ ኣመልኪቱ ካብ ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳንን ካብ ፍሉያት ኣካላት ዝቐረበሉ ሓበሬታ ተደሪኹ ናይ ውሳነ ሓሳብን ፅሚቕ መረዳእታን ዘጠቓለለ ፀብፃብ በብግዚኡ ናብ ሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ክቕርብ ይኽእል፡፡

## ዓንቀፅ 22

ኣብ ክልል ዝተውቦም ሓላፍነት ተመስሪቶም ኣብ ተግባራውነት እዚ ኪዳን ኣድላዪ ዝኾነ ዓለምለኻዊ ስጉምቲ ከውስዱ ከማኽሩ ቁጠባውን ማሕበራውን ቤት ምኽሪ ኣብ'ዚ ኪዳን ተደሪኾም

ንዝቐርቡሉ ፀብፃባት ወይ ድማ ካብኦም ዝፍልፍሉን ቴክኒካዊ ደገፍ ዝጠልቡን ጉዳያት ካልኦት ንኣካላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት፣ ኣብ ትሕቲኦም ንዝርከቡ ኣካላትን ፍሉያት ወኪላትን ከፍልጠም ይኽእል።

## ዓንቀፅ 23

ናይዚ ኪዳን ኣባል ሃገራት ኣብ'ዚ ኪዳን ተቐባልነት ዝረኸቡ መሰላት ንምኽባር ዝወሰድ ዓለምለኻዊ ስጉምቲ፣ ነቲ ምፍራም፣ ናይ ውሳኔ ሓሳባት ምቕባል፣ቴክኒካዊ ሓገዝ ምግባርን ምስ ዝምልከቶም መንግስታት ብምትሕብባር ንምምኽኻርን ንመፅናዕትን ዝዓለሙ ዞባውን ቴክኒካውን ምዕባለታት ምክያድ ዝሓወሱ ክኾኑ ተሰማሚዖም ኣለዉ።

## ዓንቀፅ 24

ኣብ'ዚ ኪዳን ዝኾነ ዓንቀጽ ንቻርተር ውድብ ሕቡራት መንግስታትን ንተግባራት ዝተፈላለዩ ኣካላት ውድብ ሕቡራት መንግስታትን ፍሉያት ወኪላት፣ ንዝርዝር ስራት ፍሉያት ወኪላትን ብዝፃባእ ኣገባብ ክትርጐም ኣይኽእልን።

## ዓንቀፅ 25

ኣብ'ዚ ኪዳን ዝሰፈረ ዝኾነ ዓንቀፅ ከሎም ህዝብታት ሰባት ብተፈጥሮ ንዝወነንዎ ተፈጥሮኣዊ ሃብቲን ፀጋን ብናፃን ብምሉእነትን ናይ ምጥቃምን ኣብ ግብሪ ምውዓልን መሰል ብዝግድብ ኣገባብ ክትርጐም ኣይኽእልን።

# 5ይ ክፋል

## ዓንቀፅ 26

1. እዚ ኪዳን ንዝኾነት ኣባል ውድብ ሕቡራት መንግስታት ወይ ንዝኾነት ኣባል ፍሉያት ወኪላት እቲ ውድብ፣ ስሪት ዓለምለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ ንዝተቐበለ ዝኾነት ሃገር፣ ወይ ድማ ኣባል እዚ ኪዳን ከትከውን ብሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ንዝተዓደመት ዝኾነት ሃገር ንፊርማ ክፉት እዩ፡፡
2. እዚ ኪዳን ክፀድቕ ኣለዎ፡፡ ዝፀደቐሉ ሰነድ ድማ ምስ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ክቕመጥ ኣለዎ፡፡
3. እዚ ኪዳን ኣብ’ዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተጠቐሱ ሃገራት ክቕበልዎ ክፉት ይኸውን፡፡
4. ምቕባል እዚ ኪዳን ተፈፃሚ ዝኸውን መቐበሊ ዝኾነ ሰነድ ኣብ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት እንትቕመጥ እዩ፡፡
5. ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ነቲ ዝተረከቦ ሕድ ሕድ መፅደቒ ወይ መቐበሊ ሰነድ ንኩሎም ፈረምቲ ወይ ተቐበልቲ እዚ ኪዳን ዝኾኑ ሃገራት የፍልጥ፡፡

## ዓንቀፅ 27

1. እዚ ኪዳን መበል 35 መፅደቒ ወይ መቐበሊ ሰነድ ናብ ኢድ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ምስኣተወ ድሕሪ ሰለስተ ወርሒ ዝፀንዐ ይኸውን፡፡
2. መበል 35 መፅደቒ ወይ መቐበሊ ሰነድ ምስቀረበ ነዚ ኪዳን ዘፅደቐት ወይ ዝተቐበለት ሕድሕድ ሃገር ናይ ባዕሉ መፅደቒ ወይ መቐበሊ ሰነድ ምስኣረከበት ድሕሪ ሰለስተ ወርሒ ኣብ ልዕሊኣ ዝፀንዐ ይኸውን፡፡

## ዓንቀፅ 28

ድንጋገታት እዚ ኪዳን ኣብ ኩሎም ክልላት ፌደራላዊ ሃገራት ብዘይ ዝኾነ ገደብ ወይ ኣፈላላይ ተፈፃምነት ኣለዎም፡፡

## ዓንቀፅ 29

1. ኣባል እዚ ኪዳን ዝኾነ ሃገር መማሓየሺ ሓሳብ ክበግሰን ናብ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ከቕርብ ይኽእል፡፡ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ብወገኑ ነቲ ዝቐረበ ናይ መማሓየሺ ሓሳብ ናብ ኩሎም ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ብምልኣኽ ኣብ'ቲ ዝቐረበ መመሓየሺ ሓሳብ ድምፂ ንምሃብ ዋዕላ ሃገራት ምፅዋዕ ዝድግፉ ምዃኖም ክፍልጥዎ ሕቶ የቕርበሎም፡፡ ሓደ ሲሶ ኣበል ሃገራት ዋዕላ ክግበር እንተደጊፈን ዋና ፀሓፊ እቲ ዋዕላ ኣብ ትሕቲ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ክካየድ ይገብር፡፡ ዝቐረበ ናይ መማሓየሺ ሓሳብ ናይ መብዛሕቲኦም ኣብ'ቲ ዋዕላ ዝተረኽቡ ሃገራት ድምፂ እንተረኺቡ ብሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ክፀድቕ ናብኡ ክቐርብ ኣለዎ፡፡
2. ዝቐረበ መመሓየሺ ሓሳብ ብሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ተቐባልነት ምስረኸበን ብመሰረት ነናይ ሃገሩ ሕገመንግስታዊ መስርሕ ብክልተ ሲሶ ዓብላላይ ድምፂ ፈረምቲ እዚ ኪዳን ዝኾኑ ሃገራት ምስፀደቐን ዝፀንዐ ይኸውን፡፡
3. እቶም ናይ መመሓየሺ ሓሳባት ምስፀንዑ ንየኦም ኣብ ዘፅደቑ ሃገራት ናይ ሕጊ ተፈፃምነት ይህልዎም፡፡ ካልኦት ፈረምቲ እዚ ኪዳን ዝኾኑ ሃገራት ብዓንቀፃት እዚ ኪዳንን ቅድም ኢሎም ንዝተቐበልዎም መመሓየሺ ሓሳባትን ይቕየዱ፡፡

## ዓንቀፅ 30

ኣብ ዓንቀፅ 26 ንኡስ ዓንቀፅ 5 ዝተሓበሩ መዘኻኸሪታት ዋላ እንተሃለዉ ብመሰረት ኣብ'ቲ ዓንቀፅ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ተሓቢሩ ዘሎ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ብዛዕባ ኣብ'ዚ ዝስዕብ ተዘርዚሮም ዘለዉ ንኩሎም ሃገራት የፍልጥ፡፡

ሀ) ኣብ ዓንቀፅ 26 ብዛዕባ ዝተሓበሩ ፊርማታት፣ ምዕዳቓትን ምቕባላትን፣

ለ) ብመሰረት ዓንቀፅ 27 እዚ ኪዳን ዝፀንዕሉ ግዜን ብመሰረት ዓንቀፅ 29 መመሓየሺ ሓሳባት ዝፀንዑሉ ግዜን፣

## ዓንቀፅ 31

1. ብቻይንኛ፣ እንግሊዚኛ፣ ፈረንሳይኛ፣ ሩስያኛን ብእስፓኝ ዝተሰናድኡ ቅድሓት እዚ ኪዳን ማዕረ ኣፍልጦ ዘለዎም ኮይኖም ኣብ ቤት መዝገብ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ይዕቀቡ፡፡
2. ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታ ዝተረጋገፁ ቅዳሓት እዚ ኪዳን ኣብ ዓንቀፅ 26 ንዝተጠቐሱ ሃገራት ይዝርግሕ፡፡

# ዓለም ለኸ ኪዳን ሲቪልን ፖለቲካውን መሰላት

## ውሳነ ሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ቁፅሪ 2200A(XXI) ኮይኑ ተዳልዩ ብኣቆፃፃራ አውሮጳ 16 ታሕሳስ 1966 ዓ.ም ንፌርማ፡ ምፅዳቕን ምቕባልን ዝተኸፈተ፡፡

## መእተዊ

## ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን

ብመሰረት ኣብ ቻርተር ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዝተኣወጁ መትከላት ንተፈጥሮኣዊ ክብሪን፣ ማዕረን ዘይሽራረፉን መሰላት ኩሎም ኣባላት ሰብኣዊ ስድራ ኣፍልጦ ምሃብ ንናፅነት፣ ፍትሒን ሰላምን ዓለም መሰረት ምዃኑ ኣብ ግምት ብምእታው፣

እዞም መሰላት ሰብ ብተፈጥሮኡ ካብ ዝወነኖ ሰብኣዊ ክብሪ ከምዝፍልፍሉ ብምቕባል፣

ብመሰረት ዕላማታት ኣድማሳዊ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት፣ሲቭላውን ፖለቲካውን ናፅነት ዝተጐናፀፈን ካብ ፍርሒን ፀገምን ዝተናገፈን ናፃ ሰብ ዝብል መትከል ክዕወት ዝኽእል ሕድሕድ ሰብ ሲቪላውን ፖለቲካውን መሰላቱ ከምኡ'ውን ቁጠባዊ፣ ማሕበራውን ባህላውን መሰላቱ ዘስተማቕረሉ ምቹው ባይታ እንትፍጠር ምዃኑ ብምቕባል፣

ሃገራት ብመሰረት ቻርተር ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዘለዎም ሰብኣዊ መሰላትን ናፅነታትን ኣድማሳዊ ብዝኾነ መልክዑ ክኽበሩ ክፈፀሙ ናይ ምግባር ግቡእ ኣብ ግምት ብምእታው፣

ውልቀሰብ እውን ንካልኦት ውልቀሰባትን ንዝነብረሉ ማሕበረሰብን ዘለዎ ሓላፍነት ምኽንያት ኣብ'ዚ ኪዳን ተቐባልነት ዝረኸቡ መሰላት ክቃልሑን ክኽበሩን ናይ ምስራሕ ግቡእ ከምዘለዎ ብምግንዛብ

ኣብዞም ዝስዕቡ ዓንቀፃት ተሰማሚዖም ኣለዉ::

# ክፍሊ 1

## ዓንቀፅ1

1. ኩሎም ህዝብታት መሰል ዓርሰ ውሳነ ኣለዎም:: በዚ መሰል አቢሎም ፖለቲካዊ ህልውንኦም ብናፃ ይውስኑ፣ ቁጠባዊ፣ ማሕበራውን ባህላውን ምዕባልኦም ብናፃ የካይዱ::
2. ኩሎም ህዝብታት ኣብ መትከላት ዓለም ለኸ ሕግን ሓበራዊ ረብሓን ዝተመስረተ ዓለምለኻዊ ቁጠባዊ ተራድኦ ንዝተቐመጠ ግቡእ ከይጠሓሱ ተፈጥሮኣዊ ሃብቶምን ፀጋኦምን ንባዕልቶም ብናፃ ክጥቀሙ ይኽእሉ:: ሓደ ህዝቢ ንናብርኡ ዘድልዮ ነገር ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ክንፈግ ኣይብሉን::
3. ኩሎም ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን፣ ነቶም ዓርሰ ምምሕዳር ዘይብሎምን ብሞግዚት ዝመሓደሩን ግዝኣታት ናይ ምምሕዳር ሓላፊነት ዝተሸከሙ ሓዊሱ ብመሰረት ዓንቀፃት ቻርተር ውድብ ሕቡራት መንግስታት መሰል ዓርሰ ውሳነ የኽብሩ ኣብ ተግባር ዝውዕለሉ ኩነታት ድማ የመቻችዉ::

## ክፍሊ2

## ዓንቀፅ2

1. ሕድሕድ ኣባል ሃገር እዚ ከዲን፣ ኣብ ግዝኣቱን ኣብ ትሕቲ ምምሕዳሩን ንዝነብሩ ኩሎም ውልቀሰባት ብዘይኣፈላላይ ዓሌት፣ ቀለም፣ፆታ፣ቋንቋ ሃይማኖት፣ፖለቲካዊ ወይ ካልእ ኣረኣእያ ብሄራዊ ወይ ማሕበረሰባዊ መበቆል፣ ንብረት፣ ትውልዲ ወይ ካልእ ፀፍሒን ኣብ'ዚ ኪዳን ኣፍልጦ ዝረኸቡ መሰላቶም ከኽብርን ከረጋግፅን ተሳማሚያም ኣለው፡፡
2. እዞም መሰላት ብሕጊ እቲ ሃገርን ብካልኦት ኣገባባትን ዛጊድ ተቐባልነት ዘይረኸቡ እንተኾይኖም ነዚ ኪዳን ዝተቐበለ ሕድሕድ ሃገር ብመሰረት ናይ ባዕሉ ሕገ መንግስታዊ መስርሕን ኣብ'ዚ ኪዳን ዝሰፈሩ ዓንቀፃትን ንተግባራውነቶም ኣድላይ ዝኾነ ሕጊ ምውፃእ ወይ ካልእ ስጉምቲ ክወስድ ኣለዎ፡፡
3. ሕድሕድ ኣባል ሃገር እዚ ኪዳን በዞም ዝስዕቡ ተሰማሚዑ ኣሎ

ሀ) ዝኾነ ሰብ ኣብ'ዚ ኪዳን ዝሰፈሩ መሰላቱ ወይ ናፅነታቱ እንትግሃሱ፣ እቲ ምግሃስ ዋላ'ውን ብሰበስልጣን ዝተፈፀመ እንተኾነ፣ ዝተማለአ ፍትሒ ክረክብ ምግባር

ለ) ዝኾነ ፍትሒ ዝሓትት ሰብ ኣብ ስልጣን ዘለዎ ቤት ፍርዲ፣ ምምሕዳር ወይ ሕጊ መውፅኢ ኣካል ወይ ድማ ብመሰረት ስርዓት ሕጊ እቲ ሃገር ስልጣን ኣብ ዝተውሃቦ ኣካል ቀሪቡ መሰሉ ክኽበርን ፍትሒ ክረክብን ዝኽእሉ ስርዓት ምፍጣር፤

ሐ) ኣግባብነት ዘለዎም ኣካላት ስልጣን መንግስቲ ዝተውሃቦ ፍታሕ እንትህሉ ንሱ ከፈፅሙ ምግባር፡፡

## ዓንቀፅ 3

ናይዚ እዚ ኪዳን ኣባል ሃገራት ኣብ'ዚ ኪዳን ዝሰፈሩ ኩሎም ሲቪላውን ፖለቲካውን መሰላት ደቂ ተባዕትዮን ደቂኣንስትዮን

ብማዕረነት ናይ ምጥቃም መሰሎም ንምርግጋፅ ተሰማሚያም ኣለው፡፡

## ዓንቀፅ 4

1. ንህልውና ሃገር ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ ብዕሊ ዝተኣወጀ ህፁፅ ኩነታት እንትህሉ ኣባል እዚ ኪዳን ሃገራት ነዚ ኩነታት ንምቁፅፃር ብዘኽእሎም መጠን ጥራሕ በዚ ኪዳን ንዘለውዎም ጉቡኣት ዝፃባእ ስጉምቲ ክወስዱ ይኽእሉ፡፡ ዝወስድዎም ስጉምተታት ፣ ብመሰረት ዓለም ለኸ ሕጊ ንዝተቐበልዎም ካልኦት ጉቡኣት ዝጥሕሱን ኣብ ዘርኢ፣ ሕብሪ፣ ፆታ፣ ቋንቋ፣ ሃይማኖት ወይ ኣብ ማሕበረሰባዊ መበቆል ዝተመስረተ ኣፈላላይ ዝፈጥሩን ክኾኑ ኣይግባእን፡፡
2. ኣብ ዓንቀፃት 6፣7፣8/ንኡስ ዓንቀፃት 1ን 2ን/፣ ኪዳን ኣብ ዓንቀፅ 6፣7፣8 (ንኡስ ዓንቀፃት 1ን2) 11፣15፣16ን 18ን እዚ ኪዳን ዝሰፈሩ መሰላት ዝፃባእ ኣፈፃፅማ ክህሉ የብሎን፡፡
3. ናይዚ ኪዳን ኣባል ዝኾነ ሃገር ብምኽንያት ህፁፅ ኩነታት ኣብ'ዚ ኪዳን ንዝሰፈሩ ገለ መሰላት ናይ ምግዳብ መሰሉ ንምጥቃም እንትውስን ሽዑ ንሽዑ ብዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣቢሉ እቶም ዝተገደቡ መሰላት እዚ ኪዳንን ምኽንያቱ ንኣባላት እዚ ኪዳን ዝኾኑ ሃገራት ክፍልጥ ኣለዎ፡፡ እቲ ኩነታት ምስተለወጠ ድማ እቲ ገደብ ምጥሓስ ጠጠው ኣብ ዘበለሉ መዓልቲ ብተመሳሳሊ ኣገባብ ክፍልጥ ኣለዎ፡፡

## ዓንቀፅ 5

1. ዝኾነ ትሕዝቶ እዚ ኪዳን ነቶም ኣብ'ዚ ኪዳን ዝተሓገጉ መሰላትን ናፅነታትን ብዝኾነ መንግስቲ፣ ጉጅለ ወይ ውልቀሰብ ንክግህስ ወይ ካብቲ ኣብዚ ኪዳን ዝተገለፀ መጠን ብላዕሊ ንክግደብ መሰል ብዝህብ ኣገባብ ክትርጎም የብሉን፡፡

2. እዚ ኪዳን ኣይቕበሎምን ወይ ድማ ኣትሒቱ እዩ ዝርእዮም ብዝብል ሰበብ ነዚ ኪዳን ዝተቐበሉ ሃገራት ብሕጊ፣ ብስምምዕ፣ ብስራት ወይ ብልምዲ ኣፍልጦ ሂቦምዎም ንዘፀንሑ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላት ምግዳብ ኣይከኣልን።

## 3ይ ክፋል

## ዓንቀፅ 6

1. ኩሉ ሰብ ብህይወት ናይ ምንባር ተፈጥሮኣዊ መሰል ኣለዎ። እዚ መሰል ብሕጊ ክኽበር ኣለዎ። ዝኾነ ሰብ ብኢድ ወነናዊ መንገዲ ህይወቱ ክስእን ኣይብሉን።
2. ሞት ፍርዲ ተግባራዊ ኣብ ዝገብሩ ሃገራት መቕፃዕቲ ሞት ክውሰን ዝኽእል እቲ ገበን ኣብ ዝተፈፀመሉ እዋን ብዝነበረ ሕጊ መሰረት ብጣዕሚ ከበድቲ ንዝኾኑ ገበናት ጥራሕ ኮይኑ ንድንጋገታት እዚ ኪዳንን ገበን ብርሰት ዝኾነ ሰብ ንምክልኻልን ንምቕፃዕን ንዝወፀ ሕግን ክፃባእ ኣይብሉን። እዚ ቅፅዓት ክፍፀም ዝኽእል ብሕጊ ብዝቐመ ቤት ፍርዲ ዝወሃብ ናይ መወዳእታ መወዳእታ ውሳነ እዩ።
3. ዝፍፀም ቅፅዓት ሞት ምስ ገበን ብርሰት ዘርኢ ብዝተኣሳሰረ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ኣብዚ ኪዳን ዝተጠቐሱ ድንጋገታት መሰረት ብምግባር ነዚ ኪዳን ዝተቐበላ ሃገራት ብዝኾነ መልክዑ ኣብ ምክልኻልን ቅፅዓትን ገበን ብርሰት ዘርኢ ብዝምልከት ዝወፀ ኪዳን ዝተደንገገ ድንጋገታት ክጣሓስ ከምዘይብሉ ምርዳእ ይግባእ።
4. ሞት ዝተፈረዶ ሰብ ምሕረት ክግበረሉ ወይ እቲ ፍርዲ ናብ ማእሰርቲ ክቕየረሉ ናይ ምሕታት መሰል ኣለዎ። ምሕረት ምሃብ፣ ይቕርታ ምግባር ወይ ነቲ ፍርዲ ናብ ማእሰርቲ ምቕያር ኣብ ኩሉ ጉዳያት ክውሃብ ይኽእል እዩ፡፡
5. ናይ ሞት መቕፃዕቲዕድሚኦም ትሕቲ 18 ዓመት ኣብ ዝኾኑ ገበነኛታትን ነፍሰፁር ደቂ ኣንስትዮ ኣይመሓለፍምን።

6. እዚ ዓንቀፅ ናይዚ ኪዳን ኣባል ሃገራት ፍርዲ ሞት ንምውጋድ ንዝወስድዎ ስጉምቲ ዘንትት ወይ ዘትርፍ ምኽኒት ተገይሩ ክፅራሕ የብሉን።

## ዓንቀፅ7

ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ሰብ ናይ ስቅያት፣ ናይ ጭካነ፣ ኢሰብኣዊ ወይ ዘዋርድ ኣታሓሕዛን መቕፃዕትን ክፍፀም ኣይብሉን። ብፍላይ ድማ ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ሰብ ብዘይ ፍቓዱ ሕክምናዊ ወይ ሳይንሳዊ ፈተነ ክግበሮ ኣይብሎን።

## ዓንቀፅ 8

1. ዝኾነ ሰብ ኣብ ትሕቲ ባርነት ክነብር ኣይብሉን፣ ባርነትን ንግዲ ባርያን ብኹሎም መልክዖም ፈጺሞም ዝተኸልከሉ እዮም።
2. ዝኻነ ሰብ ናይ ኣስገዳድ ኣገልጋሊ ክኸውን ኣይብሉን።
3. ሀ) ዝኾነ  ሰብ ኣብ ናይ ሓይሊ ወይ ኣስገዳድ ዕዮ ክወፍር ኣይብሉን።

ለ) ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 3 (ሀ) ተጠቒሱ ዘሎ ኣብ ገበን ኣብ ልዕሊ ዝፈፀመ ሰብ ከም መቕፃዕቲ ዝውሰን ማእሰርቲ ምስ ከቢድ ዕዮ ተግባራዊ ኣብ ዝገብራ ሃገራት ንዘሎ ኣፈፃፅማ ዝኽልክል ኣይኮነን።

ሐ) ኣብ'ዚ ንኡስ ዓንቀፅ ተጠቒሱ ዘሎ «ናይ ሓይሊ ወይ ኣስገዳድ ዕዮ» ነዞም ዝስዕቡ ኣይሓውስን።

1. ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 3 (ለ) ዘይተጠቐሰን ብውሳነ ቤት ፍርዲ እሱር ክፍፅሞ ዘለዎ ዝኾነ ስራሕ ወይ ኣገልግሎት ወይ ድማ ብገደብ ዝተፈትሐ ሰብ ክፍፅሞ ዘለዎ ዝኾነ ስራሕ ወይ ኣገልግሎት፣

2.. ወታ ራዊ ባህርይ ዘለዎ ዝኾነ ኣገልግሎት ወይ ናይ ሕልና ተቓውሞ ኣፍልጦ ኣብ ዝረኸበ ሃገር ተቓወምቲ ብሕጊ ክፍዕምዎ ዝግባእ ብሄራዊ ኣገልግሎት፤
3. ኣብ ግዜ ህፁፅ ኩነታት ወይ ህይወትን ድሕንነትን ሕብረተሰብ ናብ ጥፍኣት ኣብ ዘመርሕ ናይ ሓደጋ ግዜ ክፍፀም ዘለዎ ኣገልግሎት፤
4. ኣካል ንቡር ሲቪል ጉቡኣት ዝኾነ ስራሕ ወይ ኣገልግሎት።

## ዓንቀፅ 9

1. ኩሉ ሰብ ሓራ ናይ ምኻንን ናይ ድሕንነትን መሰል ኣለዎ። ዝኾነ ሰብ ብኢ.ወደወነናዊ ኣገባብ ኣይታሓዝን ኣይእሰርን። ዝኾነ ሰብ ካብ'ቲ ኣብ ሕጊ ዝሰፈረ ምኽንያትን ስነስርዓትን ወፃኢ ናይ ውልቂ ናፅነቱ ኣይጋሃስን።
2. ዝኾነ ሰብ ኣብ ዝተሓዘሉ ግዜ ምኽንያት መትሓዚኡን መኽሰሲኡን ብዝርዝር ሽዑ ክንገሮ ኣለዎ።
3. ብገበን ተኸሲሱ ዝተሓዝ ወይ ዝእስር ዝኾነ ሰብ ኣብ ቅድሚ ዳይና ወይ ብሕጊ ስልጣን ዳይነት ኣብ ዝተውሃቦ ኣካል ብህፁፅ ክቐርብ ኣለዎ። ሚዛናዊ ኣብ ዝኾነ ግዜ ዳይነት ክረክብ ወይ ክፍታሕ ኣለዎ። ዳይነት ንዝፅበዩ ሰባት ኣብ ቤት ማእሰርቲ ክፀንሑ ናይ ምግባር ኣሰራርሓ ከም ዝውቱር ክውሰድ ኣይብሉን። ኮይኑ ግና እንትፍትሑ ተመሊሶም ናብ ዝኾነ ደረጃ መጋባእያ ዳይነት ምእንታን ክቐርቡን ዝተወሰኖም ምእንታን ክፍፅሙን ዋሓስ ከቕርቡ ይኽእሉ።

4. ብምትሓዙ ወይ ብምእሳሩ ናፅነቱ ዝስኣነ ዝኾነ ሰብ ቤት ፍርዲ ናይ ዝተኣሰረሉ ሕጋውነት ብቅልጡፍ ክረጋግፀሉ ወይ ድማ መእሰሪኡ ዘይሕጋዊ እንተኾይኑ ናይ ምፍታሕ መሰሉ ክኸበር ናብ ቤት ፍርዲ ናይ ምቕራብ መሰል ኣለዎ።

5. ግዳይ ዘይሕጋዊ ምትሓዝ ወይ ማእሰርቲ ዝኾነ ሰብ ካሕሳ ናይ ምሕታት መሰል ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 10

1. ብሕጊ ናፅነቶም ዝተቐንጠጡ ኩሎም ሰባት ሰብኣዊ ኣታሓሕዛ ክግበረሎምን ሰባት ብምኳኖም ብተፈጥሮ ዝወነንዎ ክብሪ ክኽበረሎምን ኣለዎ።
2. (ሀ) ፍሉይ ኩነታት እንተዘይ ኣጋጢሙ ዝተኸሰሱ ሰባት ካብቶም ዝተፈረዶም ተፈልዮም ክቕመጡን ብገበን ጥፍኣተኛ ዘይተብሃሉኮነ ሰብ ዝግበረሉ ኣታሓሕዛ ክህልዎምን ኣለዎ።
   (ለ) ዝተኸሰሱ መናእሰይ ካብ ኣባፅሕ ተፈልዮም ክቕመጡን ብዝተኻእለ ቕልጣፈፋ ናብ መጋባእያ ክቐርቡ ኣለዎም።
3. ቀንዲ ዕላማ ማእሰርቲ፣ እሱራት ክእረሙ ተሃኒያም ናብ ሕብረተሰብ ክሕወሱን ምግባር'ዩ።መናእሰይ ጥፍኣተኛታት ካብ ኣባፅሕ ተፈልዮም ክታሓዙን ምስዕድመኦምን ሕጋዊ ደረጃኦምን ዝሳነ ኣተኣላልያ ክግበረሎምን ይግባእ።

## ዓንቀፅ 11

ዝኾነ ሰብ ዝኣተዎ ጉቡእ ውዕሊ ብዘይምፍፃሙ ጥራሕ ክእሰር ኣይብሎን

## ዓንቀፅ 12

1. ኣብ ክልል ናይ ሓደ ሃገር ግዝኣት ዝነብር ሕጋዊ ኩሉ ሰብ ናይ ምዝውዋር ሓርነትን ናይ መንበሪ ከባቢኡ ናይ ምምራፅ ናፅነት ኣለዎ።
2. ኩሉ ሰብ ካብ ዝኾነ ሃገር እንኮላይ ካብ ሃገሩ ናይ ምውፃእ ናፅነት ኣለዎ።
3. ሃገራዊ ፀጥታ፣ ናይ ህዝቢ ሰላም፣ ናይ ህዝቢ ጥዕናን ስነምግባርን ወይ ናይ ካልኦት መሰላትን ናፅነታትን ንምኽባርን ኣብ'ዚ ኪዳን ዝሰፈሩ መሰላት ንምሕላውን ካብዝሰፈረ ሕጊ ወፃኢ ኣብዞም ልዕል ኢሎም ዝተገለፁ መሰላት ገደብ ኣይግበርን።

4. ዝኾነ ሰብ ናብ ሃገሩ ናይ ምእታው መሰሉ ብኢደወነናዊ ኣገባብ ክቕንጠጥ ኣይብሉን።

## ዓንቀፅ 13

ናይዚ ኪዳን ኣባል ኣብ ዝኾነ ሃገር ሕጋዊ ብዝኾነ ኣግባብ ዝነብር ወፃእተኛ፣ ሃገራዊ ፀጥታ ንምሕላው ዘድሊ ኣገዳዲ ኩነታት እንተዘይ ኣጋጠሙ ካብ'ቲ ዝነብረሉ ሃገር ክባረር ዝኽእል ንሕጊ መሰረት ገይሩ ብዝዋሃብ ውሳኔ ጥራሕ'ዩ። እቲ ሰብ ነቲ ናይ ምብራር ውሳነ ብምቅዋም እቲ ጉዳይ ብይግባይ ክራኣየሉ ስልጣን ንዘለዎ ኣካል ወይ በዚ ኣካል ንዝተሰየመ ሰብ ወይ ሰባት ባዕሉ ወይ ብወኪሉ ኣቢሉ ጥርዓን ናይ ምቕራብ መሰል ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 14

1. ኩሎም ሰባት ኣብ ቅድሚ ቤት ፍርዲን ካልኦት ኣካላት ዳይነተን ማዕረ መሰል ኣለዎም። ኣብ ልዕሊ ዝቐረበ ክሲ ገበን ወይ ፍትሃብሄር ውሳነ እንትዋሃብ ዝኾነ ተኸሳሲ ብሕጊ ኣብ ዝቖመ ስልጣን ኣብ ዘለዎ፣ ናፃን ዘይሻራውን ኣብ ዝኾነ ኣካል ዳይነት ናይ ምቕራብን ኣድልዎ ዘይብሉ፣ ግልፂን ዳይነት ናይ ምርካብን መሰል ኣለዎ። ንሓደ ዴሞክራስያዊ ስርዓት ዘገድሱ ከም ሞራል፣ ድሕነት ህዝቢ ወይ ሃገራዊ ፀጥታ ወይ ውልቀ ህይወት ተሟገትቲ፣ ከይትንክፍ ከምኡ ድማ እቲ ከይዲ ዕላዊ እንተኾይኑ ንስራሕቲ ዳይነት ዘዐንቅፍ እዩ ኢሉ እቲ ቤት ፍርዲ እንተኣሚኑ እቲ መጋባእያ ንመራኸቢ ብዙሃንን ንህዝቢን ዕፁው ክኸውን ይኽእል'ዩ። ኮይኑ ግና እቲ ፍርዲ ምእንታን ንረብሓ መናእሰይ ጥፍኣተኛታት ወይ ድማ ክትዕ ፍትሕ ሰብ ሓዳርን ጉዳይ ሞግዚትን ዝምልክት እንተዘይኮይኑ ብዕፁው ምስተፈረደ ዝኾነ ውሳነ ገበንን ፍትሃ ብሄርን ዕላዊ ክግበር ኣለዎ።

2. ብገበን ዝተኸሰሰ ኩሉ ሰብ ክሳብ ብሕጊ ገበነኛ ምዃኑ ዝረጋገፅ ከም ንፁህ ንክረአ መሰል ኣለዎ፡፡

3. ኣብ ልዕሊኡ ክሲ ዝቐረቦ ኩሊ ሰብ ክሳብ ውሳኔ ዝረክብ እንተወሓደ ነዞም ዝስዕቡ ውሕስነታት ብማዕረ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ፡፡

ሀ) ትሕዝቶን ምኽንያትን ዝቐረቦ ክሲ ሽው ንሽው ብዝርዝርን ብዝርድኦ ቋንቋ ናይ ምፍላጥ ፣

ለ) ነቲ ዝቐረበ ክሲ መከላኸሊ ንምስንዳእ ዘኽእሎ እኹል ግዜን መሳለጥያን ናይ ምርካብን ምስ ባዕሉ ዝመረፆ ጠበቓ ምምኻርን፣

ሐ) ብዘይ ኣግባብ እንተይደንጐየ ናይ ምድናይ፣

መ) ባዕሉ ኣብ ዝተረኸበሉ ናይ ምድናይ፣ ባዕሉ ወይ ድማ ብዝመረፆ ጠበቓ ናይ ምክልኻል፤ ጠበቓ እንተዘይሃልይዎ ኣማኻሪ ሕጊ ናይ ምርካብ መሰል ከምዘለዎ ክፈልጥ ናይ ምግባር ከምኡ'ውን ምእንተ ረብሓ ፍትሒ ኣገዳሲ ኣብ ዝኾነሉን ዓቕሚ ገንዘብ ኣብዘይህልዎ ጊዜ ጠበቓ ብናፃ ናይ ምርካብ፤

ሰ) ነቶም ኣብ ልዕሊኡ ዝምስከሩ ናይ ምሕታትን ክሕተቱ ናይ ምግባርን ከምኡ'ውን ኣብ ክንዲኡ ዝምስክሩ ሰባት ክቐርብሉን ከምቶም ኣብ ልዕሊኡ ዝምስክሩ ክሕተቱን ናይ ምግባር፣

ረ) ቤት ፍርዲ ዝሰርሓሉ ቋንቋ ዘይርድኦ ወይ ዘይዛረበሉ እንተኾይኑ ሓገዝ ኣስተርጓሚ ብናፃ ናይ ምርካብ፣

ሸ) ኣብ ባዕሉ ተገዲዱ ናይ ዘይምምስካር ወይ ጥፍኣተኛነቱ ብግዲ ናይ ዘይምእማን መሰል፣

4. ኣብ ልዕሊ መናእሰይ ተኸሰስቲ ዝካየድ ዳይነት ንዕድመኦምን ካብ ጥፍኣቶም ተኣሪሞም ዝህነፁሉ ኣግባብን ኣብ ግምት ዘእተወ ስነ ስርዓት ክኸውን ፡፡

5. ብገበን ዝተፈረዶ ዝኾነ ሰብ ዝተወሰኖ ፍርዲን ቅፅዓትን ብመሰረት ሕጊ ብዝለዓለ ብርኪ ቤት ፍርዲ ክረኣየሉ ናይ ምግባር መሰል ኣለዎ።
6. ብገበን ናይ መወዳእታ ፍርዲ ዝተወሰኖ ሰብ ድሕሪ ግዜ ፍርዱ እንትስዓር ወይ ድማ ብመሰረት ሓዱሽ ዝተረኸበ መረዳእታ ምዝባዕ ፍርዲ ከምዝበፅሖ ብዘየላጢ ኣግባብ ብምረግጋፁ ምኽንያት ይቕርታ እንትግበረሉ ብሰንኪ እቲ ፍርዲ ንዝወረዶ መቕፃዕቲ ብሕጊ ክካሓስ ይግባእ። ኮይኑ ግና ካሕሳ ዝግበረሉ ንምግልባጥ እቲ ፍርዲ መበገሲ ዝኾነ መረዳእታ ከይተፈልጠ ዝፀንሐ ብክፋል ወይ ብምሉእ ብሰንኪ እቲ ተኸሳሲ ዘይምኧኑ እንተተረጋጊፁ ጥራሕ'ዩ።
7. ዝኾነ ሰብ ብመሰረት ሕጊን ስነ-ስርዓት መቕፅዒ ገበነኛን ሃገሩ ንመወዳእታ ጥፍኣተኛ ብዝተብሃለሉ ብዝተፈረደ ወይ ናፃ ብዝወፀሉ ጥፍኣት ካልኣይ ኣይዳነን ወይ ኣይቕፃዕን።

## ዓንቀፅ 15

1. ሰብ እቲ ዝፈፀሞ ወይ ክገብሮ እናተገብኦ ዘይፈፀሞ ተግባር ብሃገራዊ ወይ ዓለምለኻዊ ሕጊ ከም ገበን ኣብ ዘይተሓገገሉ ግዜ ጥፍኣተኛ ተባሂሉ ክስኖ ኣይብሉን። ከምኡ'ውን ነቲ ገበን ኣብ ዝፈፀመሉ ግዜ ካብ ዝነበረ መቕፃዕቲ ዝኸበደ ኣይውሰነሉን። እቲ ገበን ምስተፈፀመ ድሒሩ ቅልል ዝበለ መቕፃዕቲ ዘውስን ሕጊ እንተወፂኡ እቲ ጥፍኣተኛ ናይ'ቲ ሓዱሽ ሕጊ ተጠቃሚ ይኸውን።
2. እቲ ዝተፈፀመ ወይ ክግበር እናተገብኦ ዘይተፈፀመ ተግባር ኸዑ ሃገራት ኣፍልጦ ብዝሃብዎም ሓፈሻዊ መትከላት ሕጊ ከም ገበን ዝውሰድ እንተኾይኑ እዚ ዓንቀፅ እዚ ነቲ ጥፍኣተኛ ናብ ዳይነት ካብ ምቕራብን ካብ መቕፃዕትን ኣየድሕኖን።

## ዓንቀፅ 16

ኩሉ ሰብ ኣብ ዝኾነይኹን ቦታ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ከም ሰብ ንክፍለጥ መሰል ኣለዎ

## ዓንቀፅ 17

1. ኩሉ ሰብ ውልቀ ህይወት፣ ስድራ፣ መንበሪ ገዛ ወይ ውልቀ ርክባት ብኢ.ድወነናዊ ኣገባብ ወይ ካብ ሕጊ ወፃኢ ኣይድፈርን፤ ኣብ ልዕሊ ክብሩን ዝንኡን ብዘይኣግባብ መፀለምታ ክወርዶ ኣይብሉን።
2. ኩሉ ሰብ ካብ ከምዚ ዝበለ ምድፋርን መፀለምታን ዝከላኸሎ ውሑስነት ሕጊ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 18

1. ኩሉ ሰብ ናይ ምሕሳብ፣ ናይ ሕሊ.ናን ሃይማኖትን ናፅነት መሰል ኣለዎ። እዚ መሰል በዓል ሃይማኖት ናይ ምኳን ወይ ካልእ ዝመረፆ ሃይማኖት ወይ እምነት ምምላኽ ከምኡ'ውን ብብሕቲ ወይ ምስ ካልኦት ብምኳን ንሃይማኖት ወይ እምነት ብኣደባባይ ኮነ ብውልቒ ናይ ምግላፅ፣ ነቲ ስርዓት ናይ ምኽባር ብተግባር ናይ ምውዓልን ምስባኽን ናፅነት ይሓውስ።
2. ኩሉ ሰብ በዓል ሃይማኖት ናይ ምኳን ወይ ዝመረፆ ሃይማኖትን እምነትን ናይ ምስዓብ ናፅነቱ ዝጥሕስ ኣስገዳድ ኣይግበረሉን።
3. ሃይማኖት ወይ እምነት ናይ ምግላፅ ናፅነት ክግደብ ዝኽእል ብመሰረት ብሕጊ ዝሰፈረን ናይ ህዝቢ ድሕነት፣ ፀጥታ፣ ጥዕና ወይ ሞራል ወይ ካልኦት መሰረታዊ መሰላትን ናፅነታትን ንምኽባር ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ግዜ ጥራሕ'ዩ።
4. ናይዚ ኪዳን ኣባል ሃገራት፣ ወለዲ ወይ ሕጋዊ ሞግዚታት እምነቶም ንደቆም ሃይማኖታዊ ወይ ሞራላዊ ኣስተምህሮ ናይ ምሃብ ናፅነቶም ንምኽባር ተሰማሚዖም ኣለዉ።

## ዓንቀፅ 19

1. ኩሉ ሰብ ብዘይ እድ ኣእታውነት ናይ ባዕሉ ርእይቶ ናይ ምሓዝ መሰል ኣለዎ።
2. ኩሉ ሰብ ንሓሳቡ ናይ ምግላፅ ናፅነት መሰል ኣለዎ። እዚ መሰል'ዚ ሓበሬታን ዝኾነ ዓይነት ሓሳብን ብዘይ ሓደ ገደብ ዓርሞ ናይ ምድላይ፣ ምርካብን ብቃል ብፅሑፍ ወይ ብሕትመት፣ ብስነ ጥበብ ወይ ብኻልእ ዝመረፆ መራኸቢ ናይ ምዝርጋሕ መሰል ይሓውስ።
3. ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ዝተዘርዘሩ መሰላት ኣብ ውሽጦም ፍሉያት ግቡኣትን ሓላፍነትን ሒዞም እዮም። ስለ ዝኾነ ዝተወሰኑ ገደባት ኣለውዎም፤ ኮይኑ ግና እዞም ገደባት ብሕጊ ዝተሓገጉን ፣

ሀ) ናይ ካልኦት መሰላትን ዝናን ንምኽባር

ለ) ንሓለዋ ሃገራዊ ፀጥታ ወይ ድሕነት ህዝቢ ወይ ንጥዕናን ሞራልን ህዝቢ ንምሕላው ኣገደስቲ ክኾኑ ይግባእ።

## ዓንቀፅ 20

1. ንኹናት ዘለዓዕል ዝኾነ ፕሮፓጋንዳ ብሕጊ ክኽልከል ኣለዎ።
2. ናይ ብሄር፣ዓልየት፣ ሃይማኖት ፅልኣት ንምፍጣር ዝግበር ምልዕዓል፣ ኣፈላላይ፣ ዕግርግር ወይከዓ ህውከት ንምፍጣር ዝካየድ ምልዕዓል ብሕጊ ዝተኸልከለ'ዩ።

## ዓንቀፅ 21

ሰላማዊ ኣኼባ ናይ ምግባር መሰል ዝተኸበረ'ዩ። ኣብ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ዘገድሱ ከም ሃገራዊ ፀጥታ፣ ሰላም ህዝቢን ድሕነት ህዝቢን ንምኽባር ጥዕና ወይከዓ ሞራል ህዝቢን ናይ ካልኦት ናፅነታትን ንምኽባርን ብሕጊ ካብ ዝተሓገጉን ወፃኢ ኣብ ምጥቃም እዚ መሰል ዝኾነ ዓይነት ገደብ ኣይግበረሉን፡፡

## ዓንቀፅ 22

1. ኩሉ ሰብ ምስ ካልኦት ኮይኑ ናይ ምውዳብ ናፅነት መሰል ኣለዎ። እዚ መሰል ረብሓታቱ ንምሕባር ማሕበር ሰራሕተኛታት ናይ ምምስራትን ኣባል ናይ ምኳንን ናፅነት ይሓውስ።
2. ኣብ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ዘገድሱ ከም ሃገራዊ ፀጥታ፣ ሰላም ህዝቢን ድሕነት ህዝብን ንምሕባር፣ ጥዕና ወይከዓ ሞራል ህዝቢ ወይከዓ ናይ ካልኦት መሰላትን ናፅነታትን ንምሕባር ብሕጊ ካብ ዝተሓገገን ወፃኢ ነዚ መሰል ኣብ ምጥቃም ገደብ ኣይግበርን። እዚ ዓንቀፅ ኣባላት ሰራዊት ምክልኻልን ፖሊሳትን ነዚ መሰል ከይጥቀሙ ንዝግበር ሕጋዊ ገደብ ኣይኸልክልን።
3. እዚ ዓንቀፅ ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ማሕበር ናይ ምምስራት ናፅነት ናይ ምውዳብ መሰልን ንምሕባርን ኣመልኪቱ ብ1948 ዓ.ም.ፈ ንዝወፀ ስምምዕነት ዓለምለኸ ውድብ ዕዮ ዝፈረሙ ሃገራት ኣብ'ቲ ስምምዕ ንዝሰፈሩ ውሕስነታት ዝፃባእ ሕጊ ከውፅኡ ወይ ነቲ ሕጊ ነዞም ውሕስነታት በዝጥሕስ ኣገባብ ክጥቀሙሉ ኣይፍቅድን።

## ዓንቀፅ 23

1. ቤተሰብ ተፈጥሮኣውን መሰረታውን ኣሃዱ ሕብረተሰብ ብምዃኑ ብሕብረተሰብን መንግስትን ሓለዋ ክግበረሉ ኣለዎ።
2. ንሓዳር ዝበፅሑ ተባዕትዮን ኣንስትዮን ናይ ምምርዓውን ቤተሰብ ናይ ምምስራት መሰል ኣለዎም።
3. ብዘይ ናፃን ምሉእን ፈቓድ ተመራዐውቲ ሓዳር ክምስርት ኣይብሉን።
4. ናይዚ ኪዳን ኣባል ሃገራት ተመራዐውቲ ሓዳር እንትምስርቱ፣ ኣብ ግዜ ሓዳሮምን ኣብ ፍትሕን ማዕረ መሰልን ሓላፍነትን ክህልዎም ንምግባር ኣድላዪ ዘበለ ስጉምቲ ክወስዱ ይግባእ።

ኣብ ግዜ ፍትሕ ንረብሓን ክንክንን ቆልዑ ቀዳምነት ዝህብ ውሳነ ክትግበር ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 24

1. ዝኾነ ቆልዓ ብዘይ ኣፈላላይ ዓሌት፣ ሕብሪ፣ ፆታ፣ ቋንቋ፣ ሃይማኖት፣ ብሄር ወይ ማሕበራዊ መበቆል፣ ንብረት ወይ ትውልዲ ትሕቲ ዕድመ ብምኳኑ ካብ ስድርኡ፣ ሕብረተሰብን መንግስቲን ክንክን ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።
2. ዝኾነ ቆልዓ ምስተወልደ ሽዑ ክምዝገብን ሽም ክህልዎን ይግባእ።
3. ዝኾነ ቆልዓ ዜግነት ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ

## ዓንቀፅ 25

ኩሉ ዜጋ ኣብ ዓንቀፅ 2 ዝተጠቐሱ ኣፈላላያት ከይበፅሖን ዘይምኽንያታዊ ገደብ ከይተገበረሉን መሰልን ዕድልን

ሀ) ባዕሉ ብቐጥታ ወይ ብናፃ በዝትመረፁ ወኪላቱ ኣቢሉ ኣብ ጉዳያት ህዝቢ ናይ ምስታፍ፣

ለ) ኩሉ ብማዕርነት ኣብ ዝሳተፈሉም፣ ናፃ ፍቓድ መረፅቲ ዝግለፀሉም ምኳኑ ውሕስነት ኣብ ዘለዎም በብግዚኡ ብሚሽጥር ኣብ ዝካየዱን ሓቀኛ መረፃታት ናይ ምምራፅን ሕፁይ ተመራፂ ኮይኑ ናይ ምቕራብን፣

ሐ) ኣብ ሃገሩ ካብ ዝዋሃብ ህዝባዊ ግልጋሎት ብማዕርነት ናይ ምጥቃም መሰላት ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 26

ኩሎም ሰባት ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረን ብዘይ ኣፈላላይ ከዓ ማዕረ መሰል ሓለዋ ሕጊ ኣለዎም። ኣብ'ዚ መዳይ እቲ ሕጊ ንዝኾነ ዓይነት ኣፈላላይ ዝኽልኽልን ኣፈላላይ ዓሌት፣ ሕብሪ፣ ፆታ፣ ቋንቋ፣ ሃይማኖት፣ ፖለቲካዊ ወይ ካልእ ኣረኣእያ ብሄራዊ ወይ

ማሕበራዊ መበቆል ንብረት ትውልዲ ወይ ካልእ ፀፍሒ ከይሀሉ ማዕረን ስሉጥን ውሕስነት ዝሀብ ክኸውን ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 27

ዓልየታዊ፣ ሃይማኖታዊ፣ ናይ ቋንቋ ንኡሳን ዝኾኑ ህዝብታት ዘለውዎም ሃገራት ወገናት እዞም ንኡሳን ህዝብታት ብሓባር ባህሎም፣ ከየኽብሩ፣ ሃይማኖቶም ከይጥቀሙን ከየምልኹን ወይ ብቋንቆኦም ከይጥቀሙ መሰሎም ክቕንጠጡ ኣይብሎምን።

# ክፍሊ 4

## ዓንቀፅ 28

1. ኮሚቴ ሰብኣዊ መሰላት ክምስረት ኣለዎ። ካብ'ዚ ንደሓር ኣብ'ዚ ኪዳን ኮሚቴ ብዝብል ዝጥቀስ 18 ኣባላት ዝሀልውዎ ኮሚቴ እንትኾን እዞም ዝስዕቡ ተግባራት ዝፍፅም እዩ።
2. እቲ ኮሚቴ ዜጋታት ኣባላት ናይዚ ኪዳን ብዝኾኑ ሃገራት ዝምስረት ኮይኑ እቶም ሰባት ልዑል ስነ ምግባር ዘለዎምን ኣብ መዳይ ሰብኣዊ መሰላት ብክእለቶም ኣፍልጦ ዝረኸቡን ክኾኑ ይግባእ ብፍላይ ድማ ናይ ሕጊ ተመኩሮ ዘለዎም ሰባት በኣባልነት ክሳተፉ ምግባር ጠቓምነት ኣለዎ።
3. ኣባላት እቲ ኮሚቴ ብመረፃ ዝስየሙን ንርእሶም ወኪሎም ዝሰርሑን እዮም።

## ዓንቀፅ 29

1. ኣባላት እቲ ኮሚቴ ኣብ ዓንቀፅ 28 ንዝትዘርዘሩ መዐቀንታት ካብ ዘማልኡን ኣባላት ናይዚ ኪዳን ብዝኾኑ ሃገራት ነዚ ተልእኾ ዝቐረቡን ኮይኖም ብምሽጥራዊ ድምፂ ዝምረፁ እዮም።

2. ሕድሕድ ኣባል እዚ ኪዳን ዝኾነ ሃገር ልዕሊ ክልተ ሕፁያት ኣይመርፅን። እዞም ሕፁያት ድማ ዜጋታት ናይ’ቲ ዝመረፆም ሃገር ክኾኑ ይግባእ።
3. ሓደ ሰብ ንኣባልነት እዚ ኮሚቴ መሊሱ ክምረፅ ይኽእል እዩ።

## ዓንቀፅ 30

1. እቲ ናይ መጀመርታ መረፃ እዚ ኪዳን ኣብ ስራሕ ምስወዓለ ካብ ሽዱሽተ ወርሒ ኣብ ዘይዛይድ ግዜ ክካየድ ኣለዎ።
2. ብመሰረት ዓንቀፅ 34 ዝጐደለ ሰብ ንምምላእ ካብ ዝግበር መረፃ ወፃኢ ሕደሕድ መረፃ ቅድሚ ምክያዱ እንተወሓደ ቅድሚ ኣርባዕተ ወርሒ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ንኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ወርሒ ንኣባልነት እቲ ኮሚቴ ሕፁያት ከቕርቡ ብፅሑፍ ይሓትት።
3. እቲ ዋና ፀሓፊ ንዝርዝር እቶም ሕፁያት ብቅደም ሰዓብ ፊደላትን ዝተመረፁሉ ሃገርን ኣሳናዲኡ ሕድሕድ መረፃ ቅድሚ ምክያዱ ቅድሚ ሓደ ወርሒ ናይዚ ኪዳን ኣባል ሃገራት የቕርብ።
4. መረፃ ኣባላት እቲ ኮሚቴ፣ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ዋና ቤት ፅሕፈት እቲ ውድብ ኣብ ዝፅውዓን ናይዚ ኪዳን አባል ሃገራት ኣብ ዝተረኽቡሉን ኣኼባ ይካየድ። ናይዚ ኪዳን ኣባል ሃገራት ክልተ ሲሶ ዝኾኑ ዝተረኽቡሉ ምልኣተ ጉባኤ ይኸውን፤ ኣባላት እቲ ኮሚቴ ኮይኖም ዝምረፁ ሰባት ድማ በቶም ናይዚ ኪዳን ኣባላት ዝኾኑን ኣብ’ቲ ምምራፅ ዝተሳተፉን ሃገራት ዝለዓለን ዓብላላይን ድምፂ ዝረኽቡ እዮም።

## ዓንቀፅ31

1. እቲ ኮሚቴ ካብ ሓደ ሃገር ካብ ሓደ ዜጋ ንላዕሊ ኣባል ኣይህልዎን።

2. ኣብ መረፃ ኣባልነት እቲ ኮሚቴ ካብ ዝተፈላለየ ስነምድራዊ ኣቀማምጣ ንዝህሉ ዝተመጣጠነ ውክልና ከምኡ'ውን ውክልና ዝተፈላለየ ዓይነት ስልጣነን ቀንዲ ስርንታት ሕጊ ኣብ ግምት ይኣቱ።

## ዓንቀፅ 32

1. ኣባላት እቲ ኮሚቴ ንኣርባዕተ ዓመት ናይ ስራሕ ግዜ እዮም ዝምረፁ። እንድሕር ንካልኣይ ግዜ ተሓፅዮም ደጊሚም ክምረፁ ይኽእሉ እዮም። ኮይኑ ግና ካብቶም ኣብ ናይ መጀመርታ ዙርያ ዝተመረፁ ናይቶም ትሽዓተ ናይ ስራሕ ግዜ ኣብ መወዳእታ ክልተ ዓመት የብቅዕ። እቲ ናይ መጀመርታ መረፃ ምስተኻየደ ሽዑ እቲ ኣብ ዓንቀፅ 30 ንኡስ ዓንቀፅ 4 ዝተጠቐሰ ናይ'ቲ ኣኼባ ኣቦመንበር ብመሰረት ዘውፅኦ ዕፃ ስም ናይቶም ትሽዓተ ኣባላት የፍለጥ።
2. ግዜ ስራሕ ኣባላት እቲ ኮሚቴ እንተብቅዕ፣መረፃታት ብመሰረት እቶም ቅድም ኢሎም ዝተዘርዘሩ ዓንቀፃት እዚ ኪዳን ይካየዱ።

## ዓንቀፅ 33

1. ሓደ ኣባል ኮሚቴ ግዚያዊ ብዘይኮነ ግና ብዝኾነ ይኹን ካልእ ምኽንያት ስርሑ ዘቋረፀ ምኳኑ ኣባላት እቲ ኮሚቴ ብሓደ ድምፂ እንተተሰማሚዖም ኣቦመንበር እቲ ኮሚቴ ሽዑ ንዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት የፍልጥ። እቲ ዋና ፀሓፊ'ውን በቲ ኣባል ተትሒዙ ዝነበረ ሓላፍነት ክፉት ምኳኑ የፍልጥ።
2. ኣባል ኮሚቴ ብምኽንያት ሞት ወይ ብድሌቱ ኣባልነቱ እንትገድፍ ኣቦመንበር እቲ ኮሚቴ ንዋና ፀሓፊ እቲ ውድብ ብዛዕባ እቲ ኩነታት ሽዑ የፍልጥ እቲ ዋና ፀሓፊ ድማ እቲ ኣባል ካብ ዝሞተሉ ወይ ብድሌቱ ኣባልነቱ ካብ ዝገደፈሉ ግዜ ጀሚሩ እቲ ቦታ ክፉት ምኳኑ የፍልጥ።

## ዓንቀፅ 34

1. ብመሰረት ዓንቀፅ 33 ናይ'ቲ ኮሚቴ ኣባል ፣ ናይ ስራሕ ቦታ ክፉት ምዃኑ ምስተኣወጀን እዚ ምስተፈለጠ ናይ'ቲ ተተካኢ ኣባል ናይ ስራሕ ግዜ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ወርሒ ዘየብቅዕ እንተኾይኑን እቲ ዋና ፀሓፊ ብዛዕባ እቲ ኩነታት ንሕድሕድ ኣባላት እዚ ኪዳን የፍልጥ። እቶም ሃገራት ድማ ብመሰረት ዓንቀፅ 29 ነቲ ክፉት ቦታ ንምምላእ ኣብ ውሽጢ ክልተ ወርሒ ሕፁያት የቕርቡ።
2. ዋና ፀሓፊ ብመሰረት ቅድም ሰዓብ ፊደላት ናይቶም ሕፁያት ዝርዝር ሽም ኣሰናዲኡ ናብቶም ኣባላት እዚ ኪዳን ዝኾኑ ሃገራት የቕርብ። ነቲ ክፉት ቦታ ንምምላእ ድማ ብመሰረት ክፍሊ ኣርባዕተ እዚ ኪዳን ዝተጠቐሱ ኣገደስቲ ዓንቀፃት መረፃ ይካየድ።
3. ኣብ ዓንቀፅ 33 ንዝተጠቐሰ ክፉት ቦታ ንምምላእ ዝተመረፀ ኣባል ኮሚቴ ብመሰረት እቲ ዓንቀፅ ናይቲ ቀደማይ ኣባል ንዘይፈፀሞ ናይ ስራሕ ግዜ ይትክእ።

## ዓንቀፅ 35

ብሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ምስፀደቐን እቲ ሓፈሻዊ ጉባኤ ብዝሕግጎን መሰረት ከምኡ'ውን ንክብደት ስራሕ ኣባላት እቲ ኮሚቴ ኣብ ግምት ብምእታው ኣባላት እቲ ኮሚቴ ካብ ጥሪት ሕቡራት መንግስታት ዓስቢ ይኽፈሎም።

## ዓንቀፅ 36

እቲ ኮሚቴ ኣብ'ዚ ኪዳን ንዝሰፈሩ ተልእኾታት ብብቕዓት ክፍፅም ብዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣድላዩ ሓይሊ ሰብን መሳለጥያን ይምደበሉ።

## ዓንቀፅ 37

1. ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ንፈላሚ ኣኼባ እቲ ኮሚቴ ኣብ ዋና ቤት ፅሕፈት እቲ ውድብ የካይድ፡፡
2. ድሕሪ እቲ ፈላሚ ኣኼባ እቲ ኮሚቴ ብመሰረት ኣብ ናይ ባዕሉ ስሪትን ስነሰርዓትን ዝተጠቐሱ ኣገባባት በብግዚኡ ኣኼባ የካይድ፡፡
3. ስሩዕ ኣኼባ እቲ ኮሚቴ ኣብ ዋና ቤት ፅሕፈት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ወይ ጀኔቫ ኣብ ዝርከብ ቤት ፅሕፈት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ይግበር፡፡

## ዓንቀፅ 38

ሕድሕድ ኣባል ኮሚቴ ስሩዕ ስርሑ ቅድሚ ምጅማሩ ኣብ ዕላዊ ኣኼባ እቲ ኮሚቴ ቀሪቡ ንተልእኾኡ ብዘይሻራውነትን ብቅኑዕ ሕሊናን ከምዝፍፅሞ ቃለ ምሕላ ክፍፅም ኣለዎ፡፡

## ዓንቀፅ 39

1. እቲ ኮሚቴ ንኣፈፀምቲ ስራሕ ንኽልተ ዓመት ከገልግሉ ይመርፅ፤ ደጊሞም ክምረፁ'ውን ይኽእሉ፡፡
2. እቲ ኮሚቴ ናይ ባዕሉ ስሪትን ስነስርዓትን ክቐርፅ ይኽእል እዩ፡፡ ኣብ'ቲ ስሪት ግና እዞም ዝስዕቡ ክካተቱ ይግባእ፡፡

ሀ) ዓሰርተ ክልተ ሰባት ምልኣተ ኣኼባ የማልኡ፡፡

ለ) ውሳነ እቲ ኮሚቴ ኣብ'ቲ ኣኼባ ናይ ዝተሳተፉ ኣብዛሓ ድምፂ ክረክብ ኣለዎ፡፡

## ዓንቀፅ 40

1. ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ኣብ'ዚ ኪዳን ተቐባልነት ዝረኸቡ መሰላት ንምኽባር ብዛዕባ ዝወሰድዎም ስጉምቲታትን ኣብ ምጉንፃፍ እዞም መሰላት ዝተመዝገቡ ስጳሮታትን ኣመልኪቶም ፀብፃብ ከቕርቡ ይግባእ፡፡

ሀ) እዚ’ውን እቲ ኪዳን ኣብ ስራሕ ምስ ወዓለ ኣብ ሓደ ዓመት ውሽጢ ንዝምልከቶም ኣባል እዚ ኪዳን ዝኾኑ ሃገራት።

ለ) ብድሕሪኡ ድማ እቲ ኮሚቴ ኣብ ዝሓተተሉ ግዜ ፀብፃብ ከቕርቡ ግድን’ዩ።

2. ዝኾነ ፀብፃብ ናብ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ይቐርብ። እቲ ዋና ፀሓፊ ድማ ምእንታን እቲ ኮሚቴ ክምልከቶም ነቶም ፀብፃባት የመሓላልፈሉ። እቶም ፀብፃባት ምስ ኣፈፃፅማ እዚ ኪዳን ዝተኣሳሰሩ ጉዳያትን እንተሃልዮም’ውን ፀገማትን ዘመልክቱ ይኾኑ።

3. እቲ ዋና ፀሓፊ ምስ’ቲ ኮሚቴ መኺሩ ቕዳሕ እቶም ፀ□ፃባት ነንዝምልከቶም ፍሉይ ተልእኾ ዘለዎም ኣካላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ይዝርግሕ።

4. እቲ ኮሚቴ ኣባል እዚ ኪዳን ካብ ዝኾኑ ሃገራት ንዝቐረቡሉ ፀብፃባት ይምርምር። ናይ ባዕሉ ፀብፃብን ጠቓሚ ዝበሎ ርእይቶን ንኣባላት እዚ ኪዳን ዝኾኑ ሃገራት ይዝርግሕ። ብተወሳኺ እቲ ኮሚቴ ካብ ፈረምቲ እቲ ኪዳን ናይ ዝበፅሖ ፀብፃባት ቅዳሕን ናይ ባዕሉ ርእይቶን ንቁጠባውን ማሕበራውን ቤት ምኽሪ የቕርብ።

5. ኣባል እዚ ኪዳን ዝኾኑ ሃገራት ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 4 ኣብ ዝቐረቡ ርእይቶታት ዘለዎም ሓሳብ ነቲ ኮሚቴ የቕርቡ።

## ዓንቀፅ 41

1. ሓደ ኣባል እዚ ኪዳን ካልእ ኣባል እዚ ኪዳን ነቶም ኣብ’ዚ ኪዳን ዝሰፈሩ ግቡኣት ኣየማልአን ኢሉ ጥርዓን ኣብ ዘቕረበሉ እዋን ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ እቲ ኮሚቴ ነዚ ጥርዓን ንምቕባልን ንምምርማርን ስልጣን ኣለዎ ብምባል ሓደ ኣባል እዚ ኪዳን ዝኾነ ሃገር ኣብ ዝኾነ ጊዜ ኣፍልጦ ክህብ ይኽእል’ዩ። ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ነቲ መግለፂ ንምቕባልን ንምምርማርን ዝከኣል እንድሕር እቲ መግለፂ ዘቕረበ ሃገር

ባዕሉ ንስልጣን እቲ ኮሚቴ ኣፍልጦ ዝሃበ እንተኾይኑ ጥራሕ'ዩ። እቲ ኮሚቴ ከምዚ ዝበለ ኣፍልጦ ዘይሃበ ሃገር ዘቕረቦ መግለፂ፣ ተቐቢሉ ኣይምርምርን። ብመሰረት መግለፂ እዚ ዓንቀፅ ናብ'ቲ ኮሚቴ ዝቐረቡ መግለፂታት በዞም ዝስዕቡ ኣገባባት ይውስኑ።

ሀ) ነዚ ኪዳን ዝተቐበለ ሓደ ሃገር ነዚ ኪዳን ዝተቐበለ ካልእ ሃገር ነቶም ኣብ'ዚ ኪዳን ዝሰፈሩ ሕግታት ኣብ ተግባር ኣይውዓሎምን ዝብል እምነት እንተሕዲሩ ቅሬትኡ ብፅሑፍ ገይሩ ነቲ ግቡኡ ኣይፈፀመን ዝበሎ ኣባል ሃገር የፍልጥ። እቲ ሃገር'ውን እቲ ቅሬታ ምስበፅሖ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ወርሒ ብፅሑፍ ዝሰፈረ መብርሂ ነቲ ቅሬታ ዝሰደደ ሃገር ይልእኽ። እቲ መብርሂ ክንዲ ዝተኻእለ ነቲ ጉዳይ ዝምልከቱ ኣግባብ ዘለዎም ናይ ውሽጢ ሃገር ስነስርዓትን ዝተወሰዱን ክውሰዱ ዝተሓሰቡን ወይ ካልእ ናይ መአረምታ ስጉምቲ ክሓውስ ኣለዎ።

ለ) እቲ ናይ መጀመርታ ቅሬታ ምስቐረበ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ወርሒ ንክልቲኦም እቲ ጉዳይ ዝምልከቶም ኣባላት እቲ ኪዳን ዝኾኑ ሃገራት ዘዕግብ ፍታሕ እንተዘይተረኺቡ ካብ ክልቲኦም ሓዲኡ ሃገር ነቲ ጉዳይ ናብ'ቲ ኮሚቴ ናይ ምቕራብን ብዛዕብኡ ነቲ ካልእ ሃገር ናይ ምፍላጥን መሰል ኣለዎ።

ሐ) እቲ ኮሚቴ ኣብ'ቲ ዝቐረበሉ ጉዳይ ውሳነ ዝህብ እቲ ዝምልከቶ ሃገር ንሓፈሻዊ መትከላት ዓለምለኽ ሕጊ ስዒቡ ብኹሎም ናይ መፍትሒ ኣገባባት ነቲ ጉዳይ ከዕልቦ ከምዘይከኣለ ምስኣረጋገፀ እዩ። መፍትሒ ንምሃብ ዝወስድ ግዜ ብሚዛናዊ ኣታዓቓቕና ዝነውሐ እንተኾይኑ እዚ ሕጊ ተፈፃምነት ኣይህልዎን።

መ) እቲ ኮሚቴ ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንዝቐረቡ ቅሬታታት፣ ዝምርምር ብዕፁው ኣኼባ'ዩ።

ሰ) ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ «ሐ» ዝተጠቐሰ ከምዘሎ ኮይኑ፣ እቲ ኮሚቴ ኣብ'ዚ ኪዳን ኣፍልጦ ዝረኸቡ ሰብኣዊ መሰላትን መሰረታዊ

ናፅነታትን ብዝኸብር ኣገባብ እቲ ጉዳይ ምእንታን ብዘተ መፅለቢ ክረክብ ንዝምልከቶም ነቲ ኪዳን ዝተቐበሉ ክልቲኦም ሃገራት ቤት ፅሕፈት ክሩት ብምግባር ዘድሊ ሓገዝ ይህብ።

ረ) እቲ ኮሚቴ ዝቐረበሉ ጥርዓን ኣመልኪቱ ነቶም ዝምልከቶም ነቲ ኪዳን ዝተቐበሉ ሰብ ጉዳይ ሃገራት ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1 (ለ) ተወሳኺ ኣገዳሲ ሓበሬታ ከቕርቡ ፃውዒት የቕርብ።

ሸ) ኣብ ዓንቀፅ 1 (ለ) ዝተገለፁ ነቲ ኪዳን ዝተቐበሉን ሰብ ጉዳይ ዝኾኑን ሃገራት እቲ ኮሚቴ ነቲ ጥርዓን ኣብ ዝምርምረሉ ግዜ ወኪሎም ከቕርቡን ርእይቶኦም ብቃል ወይ ብፅሑፍ ክገልፁን መሰል ኣለዎም።

ቀ) እቲ ኮሚቴ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1 (ለ) ቅሬታ ምስቀረበሉ ኣብ ውሽጢ 12 ኣዋርሕ ፀብፃብ የቕርብ፦

i ብመሰረት ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 1(ሰ) ዝተገልፀ እቲ ጉዳይ መፈትሒ እንተረኺቡ ፀብፃብ እቲ ኮሚቴ ነቶም ሓቅታትን ዝተበፅሐ መፍትሒን ብሓፂሩ ኣብ ምግላፅ ይውሰን።

ii. ብመሰረት ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 1 (ሰ) ዝተገልፀ እቲ ጉዳይ መፍትሒ እንተዘይረኺቡ ፀብፃብ እቲ ኮሚቴ ነቶም ሓቅታት ፆሚቑ ኣብ ምግላፅ ይውስን፣ ብተወሳኺ ኣባላት እዚ ኪዳንን ሰብ ጉዳይን ዝኾኑ ሃገራት ብፅሑፍን ብቓልን ዘቕረብዎም ሓበሬታታት ምስ'ቲ ፀብፃብ ተታሓሒዞም ይቐርቡ። ኣብ ሕድሕድ ጉዳይ እቲ ፀብፃብ ነቶም ኣባላት እዚ ኪዳን ሰብ ዋና ጉዳይ ክፈልጥዎ ይላኣኸሎም።

2. ናይ'ዚ ዓንቀፅ ሕግታት ኣብ ተግባር ዝውዕሉ ዓሰርተ ኣባላት እዚ ኪዳን ዝኾኑ ሃገራት ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1 ንስልጣን እቲ ኮሚቴ ኣፍልጦ እንትህቡ እዩ። እቲ ኣባላት እዚ ኪዳን ካብ ዝኾኑ ሃገራት ዝዋሃብ ኣፍልጦ ኣብ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ይቕመጥ፣ ንሱ ድማ ቅዳሕ ናይ'ቲ ኣፍልጦ ንኩሎም ፈረምቲ እዚ ኪዳን ይዝርግሕ። ዝተውሃበ ኣፍልጦ ኣብ ዝኾነ ግዜ ናብ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት

መንግስታት ብዝፃሓፍ ደብዳቤ ክሰሓብ ይኽእል'ዩ፡፡ ኮይኑ ግና ኣፍልጦ ናይ ምስሓብ ጉዳይ ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ነቲ ቅድም ኢሉ ኣብ ኢድ እቲ ኮሚቴ ንምርመራ ዝቐረበ ቅሬታ ኣየተዓናቅፎን፡፡ በዓል ዋና እቲ ጉዳይን ፈራሚ እዚ ኪዳንን ዝኾነ ሃገር ንኣፍልጦ እቲ ኮሚቴ ዝስሕብ ደብዳቤ ሰዲዱ ኣብ ኢድ ዋና ፀሓፊ ምስ ኣተወ ካልእ ሓዱሽ ናይ ኣፍልጦ ደብዳቤ ክሳብ ዘይሰደደ ናብ'ቲ ኮሚቴ ቅሬታ ከቕርብ ኣይኽእልን፡፡

### ዓንቀፅ 42

1. (ሀ) ብመረት ዓንቀፅ 41 ናብ'ቲ ኮሚቴ ዝቐረበ ቅሬታ ሰብ ዋና እቲ ጉዳይ ዝኾኑ  ኣባላት እዚ ኪዳን በቲ ዝተውሃበ መፍትሒ እንተዘይዓጊቦም እቲ ኮሚቴ ንፍቓድ እቶም ሃገራት መሰረት ገይሩ ጊዚያዊ ኮሚሽን ሽምግልና (ካብ'ዚ ንደሓር ኮሚሽን ብዝብል ዝጥቀስ) ይስየም፡፡ እቲ ኮሚሽን ኣብ'ዚ ኪዳን ብዘስፈሩ መትከላት ተመስሪቱ ነቲ ጉዳይ መፍትሒ ንምሃብ ብምዕላም ነቶም ሰብ ጉዳይን ኣባላት እዚ ኪዳንን ዝኾኑ ሃገራትን ኣገልግሎቱ ይህብ፡፡

   (ለ) እቲ ኮሚሽን ሰብ ጉዳይን ኣባላት እዚ ኪዳንን ዝኾኑ ሃገራት ዝተቐበልዎም ሓሙሽተ ኣባላት ይህልውዎ፡፡ እቶም ሰብ ጉዳይን ኣባላት እዚ ኪዳንን ዝኾኑ ሃገራት ብኩሎም ወይ ብገለ ክፋል ኣባላት እቲ ኮሚሽን ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ወርሒ እንተዘይተሰማሚዮም እቲ ኮሚቴ ብምሽጥር ብዘካይዶ መረፃ ኣቢሉ ካብ ኣባላቱ እቶም ክልተ ሲሶ ድምፂ ዝረኸቡ ነቶም ተቐባልነት ዘይረኸቡ ኣባላት ኮሚሽን ተኪኦም ክሰርሑ ይገብር፡፡

2. ኣባላት እቲ ኮሚሽን ንዓርሶም ወኪሎም ስርሖም የሳልጡ፡፡ ብተወሳኺ ዜጋታት እቶም ሰብ ጉዳይን ኣባላት እዚ ኪዳንን ዝኾኑ ሃገራት ክኾኑ ኣይብሎምን፡፡ ነዚ ኪዳን ናይ ዘይፈረሙ ሃገራት ወይ ድማ ብመሰረት ዓንቀፅ 41 ነቲ ኮሚቴ ኣፍልጦ ናይ ዘይሃቡ ሃገራት ዜጋታት ክኾኑ ኣይኽእሉን፡፡

3. እቲ ኮሚሽን ናይ ባዕሉ ኣቦመንበር ይመርፅ፣ ዝምረሓሉ ስነስርዓት ሕጊ የውፅእ፡፡
4. ኣኼባታት እቲ ኮሚሽን ኣብ ዋና ቤት ፅሕፈት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ወይ ጀኔቫ ኣብ ዝርከብ ቤት ፅሕፈት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ይካየድ፡፡ ኮይኑ'ውን እቲ ኮሚሽን ምስ ዋና ፀሓፊ ውደብ ሕቡራት መንግስታትን ምስ ሰብ ዋና እቲ ጉዳይ ዝኾኑ ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን መኺሩ ኣብ ካልኦት ዝጥዕሞም ቦታታት ኣኼባ ክካይድ ይኽእል'ዩ፡፡
5. እቲ ብመሰረት ዓንቀፅ 36 ዝቐውም ኣገልግሎት ቤትፅሕፈት ነዚ በዚ ዓንቀፅ ዝቐውም ኮሚሽን'ውን ኣገልግሎት ይህብ፡፡
6. እቲ ኮሚቴ ዝበፅሑዎን ባዕሉ'ውን ዘዋደዶምን መረዳእታታት እቲ ኮሚሽን ክረኽዮም ይግባእ፡፡ ብዘይካ'ዚ እቲ ኮሚሽን ሰብ ዋና እቲ ጉዳይን ኣባላት እዚ ኪዳን ዝኾኑ ሃገራትን ካልእ ተወሳኺ ኣገዳሲ ሓበሬታ ከቕርቡ ክፅውፅ ይኽእል'ዩ፡፡
7. እቲ ኮሚሽን ነቲ ቅሬታ ምምርማር ምስ ጀመረ ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ካብ 12 ወርሒ ኣብ ዘይሓለፈ ግዜ ዘዋደዶ ፀብፃብ ሰብ ዋና እቲ ጉዳይ ዝኾኑ ኣባል ሃገራት ኣባላት እዚ ኪዳን ንዝኾኑ ሃገራትን ክበፅሕ ንኣቦ መንበር እቲ ኮሚቴ የቕርብ፡፡

   ሀ) እቲ ኮሚሽን ነቲ ቅሬታ መርሚሩ ኣብ ውሽጢ 12 ወርሒ መፅለቢ ንምሃብ እንተዘይክኢሉ እቲ ዘቕርቦ ፀብፃብ እቲ ጉዳይ ንዘበፅሖሉ ኩነታት ብሓፂሩ ዝገልፅ ጥራሕ ይኸውን፡፡

   ለ) በዚ ኪዳን ተቐባልነት ዝረኸቡ ሰብኣዊ መሰላት ብዘኽብር ኣገባብ ንክልቲኦም ሰብጉዳይ ብዘሰማምዕ መንገዲ እቲ ቅሬታ መፍትሒ እንተረኺቡ ፀብፃብ እቲ ኮሚሽን ኣብ ፅሚቕ ሓቅታትን ዝተውሃበ መፍትሒን ይውስን፡፡

   ሐ) ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ7 (ለ) መፍትሒ እንተዘይ ተረኺቡ ፀብፃብ እቲ ኮሚሽን ኣብ'ቲ ጉዳይ ኣመልኪቱ በቶም ሰብ ዋና እቲ ጉዳይን ኣባላት እዚ ኪዳንን ኣብ ዝቐረቡ ሕቶታት፣ ዝተበፅሑ ሓቅታትን ከም መፍትሒ ኣብ ዘቐረቡ ርእይቶታትን ይውሰን፡፡ እቲ ፀብፃብ ብተወሳኺ ሰብ ዋና እቲ ጉዳይን

ፈረምቲ እዚ ኪዳንን ካብ ዝኾኑ ሃገራት ዝቐረቡ ናይ ቃልን ፅሑፍን መርትዖታት ዘካተተ ይኸውን።

መ) ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 7 (ሐ) እቲ ፀብፃብ ምቀረበ ሰብ ዋና እቲ ጉዳይን አባላት እዚ ኪዳንን ዝኾኑ ሃገራት እቲ ፀብፃብ ምስበፅሖም ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ወርሒ ንትሕዝቶ እቲ ፀበፃብ ዝቕበልዎን ዘይቕበልዎን ብዛዕባ ምኺኖም ንአቦመንበር እቲ ኮሚሽን ከፍልጡ ይግባእ።

8. ሕግታት እዚ ዓንቀፅ ነቶም ኣብ ዓንቀፅ 41 ዝሰፈሩ ሓላፊነታት እቲ ኮሚቴ ዝፃብኡ ኣይኮኑን።
9. ሰብ ዋና እቲ ጉዳይ ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳንን ዝኾኑ ሃገራት ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ብዘቕርበሎም መሰረት ንኩሉ ወፃኢ እቲ ኮሚሽን ብማዕረ ይሸፍኑ።
10. ኣድላዪ ኮይኑ እንተተረኺቡ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 9 ሰብ ዋና እቲ ጉዳየን ኣባላት እዚ ኪዳንን ዝኾኑ ሃገራት ነቲ ወፃኢ ክሳብ ዝትክኡ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ንወፃኢ ኣባላት እቲ ኮሚሽን ናይ ምሽፋን ስልጣን ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 43

ብመሰረት ኣብ ኣገደስቲ ዓንቀፃትን ውዕላትን ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዝሰፈሩ ሓለፋታትን ዘይግሃሱ መሰላትን፣ ነቶም ኣባላት ኮሚቴን ብዓንቀፅ 42 ዝስየሙ ኣባላት ኮሚሽን ሽምግልናን ከም መጠን ኣብ ተልእኾ እቲ ውድብ ዝተዋፈሩ ክኢላታት፣ መሰላጥያታት፣ ሓለፋታትን ዘይግሃሱ መሰላት ክጐናፀፉ ይግባእ።

## ዓንቀፅ 44

ንዚ ኪዳን ኣብ ስራሕ ንምውዓል ዝተቐርፁ ሕግታት ምስቶም ሰብኣዊ መሰላት ንምኽባር ዝተሓንፀፁ ስነስርዓትን ውዕላትን ውድብ ሕቡራት መንግስታትን ፍሉይ ተልእኾ ዘለዎም ትካላት እቲ ውድብን ከይተፃብኡ ክትግበሩ ይግባእ። ከምኡ’ውን

እዞም ሕግታት ናይዚ ኪዳን ኣባል ሃገራት ኣብ መንጐኦም ንዝፍጠር መጐት ንምፍታሕ ኣብ ሓፈሻዊ ወይ ዓለም ለኸ ውዕላት ተመስሪቶም ንዝሕንፅፀዎም ስልትታት ኣይፃብኡን።

## ዓንቀፅ 45

እቲ ኮሚቴ ንንጥፈታቱ ዝገልፅ ዓመታዊ ፀብፃብ ብቁጠባውን ማሕበራውን ቤት ምኸሪ ኣቢሉ ንሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት መንግስታት የቕርብ።

# ክፍሊ 5

## ዓንቀፅ 46

ዝኾነ ዓንቀፅ እዚ ኪዳን ንቻርተር ውድብ ሕቡራት መንግስታትን ንሓላፊነትን ተግባርን ፍሉይ ተልእኾ ዘሎዎም ኣካላት እቲ ውድብን ኣብዚ ኪዳን ንዝተገለፁ ዋኒናት መፈፀምቲ ዝኾኑ ፍሉያት አካላትን ንዝውስኑ ስሪታት ብዝፃባእ አገባብ ኣይትርጐምን፡፡

## ዓንቀፅ 47

ዝኾነ ዓንቀፅ እዚ ኪዳን ህዝብታት ተፈጥሮኣዊ ሃብቶምን ጥሪቶምን ብናፅነት ናይ ምውናንን ምጥቃም ዘይግሃስ መሰሎም ብዝግድብ ኣግባብ ክትርጐም የብሉን”

# ክፍሊ 6

## ዓንቀፅ 48

1. እዚ ኪዳን ኣባል ውድብ ሕቡራት መንግስታት፣ ኣባል ፍሉይ ተልእኾ ናይ ዝተውሃቦም ኣካላት’ዚ ውድብ፣ ስሪት ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ዝተቐበለት ሃገር ወይ ድማ ፈራሚ እዚ ኪዳን ክኸውን ብሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዝተዓደመት ዝኾነት ሃገር ንኸትቕበሎ ንፈርማ ክፉት’ዩ።

2. እዚ ኪዳን ክፀድቕ ኣለዎ። ሰነዳት መፅደቒ ኣብ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ይቕመጡ።
3. እዚ ኪዳን ምእንታን እቶም ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተጠቐሱ ሃገራት ክቕበልዎ ክፉት ኮይኑ ይፀንሕ።
4. ምቕባል ዝረጋገፅ ነቲ ዝተፈረመሉ ናይ መቐበሊ ሰነድ ናብ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ብምስጻድ'ዩ።
5. ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኩሎም ፈረምቲ ኣባል እዚ ኪዳን ሃገራት ንክፈልጥዎ ብዛዕባ እቶም ኣብ ኢዱ ዝኣተው ናይ መፅደቒ ወይ መቐበሊ ሰነዳት የፍልጥ።

## ዓንቀፅ 49

1. እዚ ኪዳን መበል 35 መፅደቒ ወይ መቐበሊ ሰነድ ኣብ ኢድ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ምስኣተወ ድሕሪ ሰለስተ ወርሒ ዝፀንዐ ይኸውን።
2. መበል 35 መፅደቒ ወይ መቐበሊ ሰነድ ኣብ ኢድ ዋና ፀሓፊ ምስኣተወ ነዚ ኪዳን ዘፅድቕ ወይ ዝቕበል ሃገር እዚ ኪዳን ዝፀንዐሉ ናይ ባዕሉ ናይ መፅደቒ ወይ መቐበሊ ሰነድ ምስኣቕረበ ድሕሪ ሰለስተ ወርሒ'ዩ።

## ዓንቀፅ 50

ሕግታት ናይ'ዚ ኪዳን ፌዴራላዊ ስርዓት ኣብ ዝኽተሉ ሃገራት ኣብ ዘለዉ ኩሎም ክልላት ብዘይ ሓደ ገደብ ወይ ኣፈላላይ ተግባራዊ ይኾኑ።

## ዓንቀፅ 51

1. ኣባል ሃገር እዚ ኪዳን ናይ መማሓየሺ ሓሳብ ከቕርብን ኣብ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ከቕምጥን ይኽእል። ዋና ፀሓፊ ብወገኑ ነቲ ዝቐረበ ናይ መማሓየሺ ሓሳብ ናብ

ኩሉም ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ብምዝርጋሕ ኣብ'ቲ ሓሳብ ንምምይያጥን ድምፂ ንምሃብን ዋዕላ ክፅዋዕ ዘለዎም ድልየት ክገልፁ ይሓትት ክልተ ሲሶ ፈረምቲ እዚ ኪዳን ዋዕላ ክግበር ዝድግፉ እንተኾይኖም እቲ ዋና ፀሓፊ ብውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣቢሉ ዋዕላ ክካየድ ይፅውዕ፡፡ እቲ ናይ መመሓየሺ ሓሳብ ብኣብዝሓ ድምፂ ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ተቐባልነት እንተረኺቡ ንክፀድቕ ናብ ሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ይቐርብ፡፡

2. ናይ መማሓየሺ ሓሳባት ኣብ ተግባር ዝውዕሉ ብሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ምስፀደቑን ክልተ ሲሶ ኣባላት እዚ ኪዳን ዝኾኑ ሃገራት ብመሰረት ናይ ባዕልቶም ሕገ መንግስታዊ መስርሕ ምስኣፅደቕዎምን እዩ፡፡

3. ናይ መማሓየሺ ሓሳባት ኣብ ተግባር እንትውዕሉ ነቶም ዘፅደቕዎም ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ዝኾኑ ሃገራት ቀየድቲ እዮም፡፡ እቶም ካልኦት ኣባላት እዚ ኪዳን ዝኾኑ ሃገራት በቶም ዓንቀፃት እዚ ኪዳንን በቶም ቅድም ኢሎም ዘፅደቕዎም ናይ መመሓየሺ ሓሳባትን ይቕየዱ፡፡

## ዓንቀፅ 52

ኣብ ዓንቀፅ 48 ንኡስ ዓንቀፅ 5 ዝተገልፁ መዘኻኸሪታት ዋላ እኳ እንተሃለዉ ዋና ፀሓፊ ውደብ ሕቡራት መነግስታት ኣብ'ቲ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ንዝተዘርዘሩ ሃገራት ነዞም ዝስዕቡ የፍልጥ፦

ሀ) ኣብ ዓንቀፅ 48 ዝተገልፁ ፊርማታት፣ ምፅዳቓትን ምቕባላት

ለ) ብመሰረት ዓንቀፅ 49 እዚ ኪዳን ዝፀንዐሉ ግዜን ብመሰረት ዓንቀፅ 51 ናይ መመሓየሺ ሓሳብ ዝፀንዐሉ ግዜን

## ዓንቀፅ 53

1. ብቻይንኛ፣ እንግሊዝኛ፣ ፈረንሳይኛ፣ ሩስያኛን ስፓንሽን ዝተሰናድአ ቕዳሕ ናይ'ዚ ኪዳን ማዕረ ኣፍልጦ ኣለዎ፣ ኣብ ቤት መዝገብ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ድማ ይቕመጥ።
2. ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ናይ'ዚ ኪዳን ዝተረጋገፀ ቅዳሕ ኣብ ዓንቀፅ 48 ንዝትዘርዘሩ ኩሎም ሃገራት ይዝርግሕ።

# ኣማራጺ ፕሮቶኮል ዓለምለኸ ኪዳን
# ሲቪላውን ፖለቲካውን መሰላት

## ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን፦

ንዕላማታት ኪዳን ሲቪላውን ፖለቲካውን መሰላት (ካብ'ዚ ንደሓር ኪዳን ብዝብል ዝግለፅ) ዝያዳ ንምዕዋትን ንሕግታቱ ኣብ ስራሕ ንምውዓልን ኣብ ክፍሊ 4 እቲ ኪዳን ዝቖመ ኮሚቴ ሰብኣዊ መሰላት (ካብ'ዚ ንደሓር ኮሚቴ ብዝብል ዝግለፅ) ብመሰረት እዚ ፕሮቶኮል ኣብ'ዚ ኪዳን ዝሰፈሩ መሰላቱ ዝተጥሓሰ ሰብ ዘቕርቦ ጥርዓን ተቐቢሉ ክምርምር ዘለዎ ኣድላይነት ኣብ ግምት ብምእታው ከምዝስዕብ ተሰማሚዖም ኣለዉ።

### ዓንቀፅ 1

ኣባል ናይዚ ረቂቕ ዝኾውን ነቲ ኪዳን ዝተቐበለ ሃገር ኣብ'ቲ ኪዳን ዝሰፈረ መሰል ዝተጣሖም ውልቀሰባት ጥርዓን እንተቕርቡ እቲ ኮሚቴ ተቐቢሉ ክምርምር ንዘለዎ ስልጣን ኣፍልጦ ይህብ። ነዚ ረቂቕ ዘይፈረመ ኣባል ሃገር እዚ ኪዳን ዝኾነ ነገር ኣመልኪቱ ንዝቐርብ ጥርዓን እቲ ኮሚቴ ተቐቢሉ ኣይምርምርን።

### ዓንቀፅ 2

ብመሰረት ዓንቀፅ 1 እዚ ፕሮቶኮልኣብቲ ኪዳን ካብ ዝተዘርዘሩ መሰላት ሓዲኡ ዝተጥሓሶም ውልቀሰባት ኣብ ሃገሮም ንዘለዉ ኩሎም ናይ ፍትሒ መንገዲታት ተጠቒሞም እንተዘይዓገቡ ጥርዓኖም ብፅሑፍ ነቲ ኮሚቴ ንምርመራ የቕርቡ።

## ዓንቀፅ 3

እቲ ኮሚቴ ብመሰረት እዚ ረቒቕ ስም ጠራዒ ዘይገልፅ ወይ ከዓ ጥርዓን ናይ ምቕራብ መሰል ብዘይኣገባብ ዝጥቀም ድማ ምስ ሕግታት እቲ ኪዳን ዘይሳነ ጥርዓን ኣይቕበልን።

## ዓንቀፅ 4

1. ኣብ ዓንቀፅ 3 ዝተጠቕሰ ካምዘሎ ኮይኑ እቲ ኮሚቴ ብመሰረት እዚ ፕሮቶኮል ንዝቐረበሉ ዝኾነ ጥርዓን ነዚ ፕሮቶኮል ንዝትቐበለን ኣብ'ቲ ከዳን ንዝሰፈሩ ሕግታት ጥሒሱ ዝብል ክሲ ኣብልዕሊኡ ዝቐረበ ሃገር ክሰደሉ ይግባእ።
2. ኣብልዕሊኡ ክሲ ዝቐረበ ሃገር ኣብ'ቲ ጉዳይ ዝህቦ መግለፂ ወይ ክህቦ ዝኽእል ፍታሕ እንተሃሊዩ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ወርሒ ብፅሑፍ ነቲ ኮሚቴ የፍልጦ።

## ዓንቀፅ 5

1. እዚ ኮሚቴ ብመሰረት እዚ ፕሮቶኮል ካብቲ ጠራዒ ውልቀሰብ ኮነ ካብ'ቲ ኣባል እዚ ኪዳን ዝኾነ ተኸሳሲ ሃገር ንዝቐረቡሉ ኩሎም ናይ ፅሑፍ ሓበሬታታት ኣመዛዚኑ ይምርምር።
2. እቲ ኮሚቴ ብውልቀሰብ ዝቐረበሉ ጥርዓን ዝምርምር ነዞም ዝስዕቡ ምስኣረጋገፀ'ዩ፣

ሀ) እቲ ዝቐረበ ጥርዓን ቅድም ክብል ብኻልእ ዓለምለኻዊ ስነስርዓት ምርመራ ወይ ሽምግልና ዘይተርኣየ ምዃኑ፣

ለ) እቲ ውልቀሰብ ንኩሎም ኣብ ውሽጢ ዓዲ ዝርከቡ ፍታሓት ፀንቂቑ ዝወደአ ምዃኑ ከረጋግፅ ይግባእ። ነቲ ጉዳይ ፍታሕ

ንምሃብ ዝውሰድ ስጉምቲ ብዘይኣግባብ ዝተናውሐ ግዜ እንተወሲዱ እዚ ሕጊ ተፈፃምነት ኣይህልዎን፡፡

3. እቲ ኮሚቴ ብመሰረት እዚ ፕሮቶኮል ንዘቐረበሉ ጥርዓን ዝምርምር ብዕፁው ኣኼባ'ዩ፡፡
4. እቲ ኮሚቴ ዝበፅሐሉ መደምደምታ ንዝምልከቶ ኣባል ሃገር እዚ ኪዳንን ነቲ ውልቀሰብ የፍልጥ፡፡

## ዓንቀፅ 6

እዚ ኮሚቴ ኣብ'ዚ ፕሮቶኮል ተመስሪቱ ናይ ዝፈፀሞም ንጥፈታት ፅሟቕ ብመሰረት ዓንቀፅ 45 እዚ ኪዳን ኣብ ዘቕርቦ ዓመታዊ ፀብፃብ ኣካቲቱ የቕርቦ፡፡

## ዓንቀፅ 7

ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝርከቡ ሃገራትን ህዝብታትን ናፅነቶም ክጐናፀፉ ብታሕሳስ 14 1960 ዓ.ም.ፈ ኣብ ዝተኻየደ ሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዝተኣወጀ ውሳነ 1514(XV) ቀፃልነት ከምዘሎ ኮይኑ ኣብ'ዚ ፕሮቶኮል ዝሰፈሩ ሕግታት ናይዞም ህዝብታት ብመሰረት ቻርተር ውድብ ሕቡራት መንግስታትን ካልኦት ዓለምለኸ ሕግታትን ኣሰራርሓታትን እቲ ውድብን ፍሉይ ተልእኾ ዝተውሃቦም ኣካላቱን ጥርዓን ናይ ምቕራብ መሰሎም ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ኣይግደብን፡፡

## ዓንቀፅ 8

1. እዚ ፕሮቶኮል ኣባል እዚ ኪዳን ኣባል ንዝኾና ሃገራት ንፊርማ ክፉት እዩ፡፡
2. ነቲ ኪዳን ዝተቐበለ ወይ ዘፅደቐ ዝኾነ ሃገር ነዚ ፕሮቶኮል ከፅድቖ ይኽእል'ዩ፡፡ እቲ ናይ መፅደቒ ሰነድ ኣብ ኢድ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ይቕመጥ፡፡

3. እዚ ፕሮቶኮል ነዚ ኪዳን ዘፅደቐ ወይ ዝተቐበለ ዝኾነ ሃገር ክቕበሎ ክፉት'ዩ።
4. ምቕባል ዝረጋገፅ ናይ መቐበሊ ሰነድ ኣብ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታ ብምቕማጥ እዩ፡፡
5. ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኩሎም ነዚ ፕሮቶኮል ዝፈረሙ ወይ ዝተቐበሉ ሃገራት ክፈልጥዎ ኣብ ኢዱ ዝኣተዉ ናይ መፅደቒ ወይ መቐበሊ ሰነዳት የፍልጥ።

## ዓንቀፅ 9

1. እዚ ኪዳን ኣብ ስራሕ ዝውዕለሉ ኣገባብ ከምዘሎ ኮይኑ ዓሽራይ ናይ መፅደቒ ወይ ናይ መቐበሊ ሰነድ ኣብ ኢድ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ምስኣተወ ድሕሪ ሰለስተ ወርሒ እዚ ፕሮቶኮል ዝፀንዐ ይኸውን ።
2. ዓሽራይ ናይ መፅደቒ ወይ ናይ መቐበሊ ሰነድ ኣብ ኢድ ዋና ፀሓፊ ምስኣተወ ነዚ ኪዳን ዘፅድቕ ወይ ዝቕበል ሕድሕድ ሃገር እዚ ፕሮቶኮል ዝፀንዐሉ ናይ ባዕሉ ናይ መፅደቒ ወይ ናይ መቐበሊ ሰነድ ምስ ኣቕረበ ድሕሪ ሰለስተ ወርሒ'ዩ።

## ዓንቀፅ 10

ሕግታት ናይዚ ፕሮቶኮል ፊደራላዊ ስርዓት ኣብ ዝስዕቡ ሃገራት በዘይ ሓደ ገደብ ወይ ኣፈላላይ ተግባራዊ ይኾኑ፡፡

## ዓንቀፅ 11

1. ኣባል ሃገር እዚ ፕሮቶኮል ናይ መማሓየሺ ሓሳብ ከበግሰን ኣብ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ከቕርብን ይኽእል። ዋና ፀሓፊ ብወገኑ ነቲ ዝቐረበ ናይ መማሓየሺ ሓሳብ ናብ ኩሎም ኣባላት ናይዚ ረቂቕ ዝኾኑ ሃገራት ብምዝርጋሕ ኣብ'ቲ ሓሳብ ንምምያጥን ድምፂ ንምሃብን ዋዕላ

ክፅዋዕ ዘለዎም ድልየት ክገልፁሉ ይሓትት። እንተነኣሰ ሓደ ሲሶ ኣባላት ዋዕላ ክግበር ዝድግፉ እንተኾይኖም እቲ ዋና ፀሓፊ በውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣቢሉ ዋዕላ ክካየድ ይፅውዕ። ኣባል ሃገራት እዚ ፕሮቶኮል ብዝኾኑ ኣብ'ቲ ዋዕላ ብዝተረኸቡን ኣብዝሓ ድምፂ እቲ ናይ መማሓየሺ ሓሳብ ተቐባልነት እንተረኺቡ ንክፀድቅ ናብ ሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ይቐርብ።

2. ናይ መማሓየሺ ሓሳባት ተፈፃምነት ዝህልዎም ብሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ምስፀደቑን ክልተ ሲሶ ኣባላት ሃገራት እዚ ፕሮቶኮል ዝኾኑ ሃገራት ብመሰረት ናይ ባዕልቶም ሕገ መንግስታዊ መስርሕ ምስተቐበልዎምን እዩም።
3. ተቐባልነት ዝረኸቡ መማሓየሺ ሓሳባት ኣብ ልዕሊ እቶም መመሓየሺ ሓሳባት ዝተቐበሉ ሃገራት፣ ብሕግታት እዚ ፕሮቶኮል ተገዛእቲ ዝኾኑ ሃገራትን ድሒሮም እዞም መመሓየሺ ኣብ ልዕሊ ዝተቐበሉን ተፈፃምነት ይህልወም።

## ዓንቀፅ 12

1. ዝኾነ ኣባል ሃገር ኣብ ዝኾነ ግዜ ንዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ብፅሑፍ ኣቢሉ በዚ ፕሮቶኮል ከምዘይቕየድ ከፍልጥ ይኽእል'ዩ። እቲ ዝቐረበ ተቓውሞ ተፈፃምነት ዝህልዎ ናይ ተቓውሞ ፅሑፍ ናብ ኢድ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ካብ ዝበፅሕ ድሕሪ ሰለስተ ወርሒ ይኸውን።
2. እዚ ፕሮቶኮል ኣብ ዘስፈሮም ሕግታት ተመስሪቱ ብመሰረት ዓንቀፅ 2 ናይ ተቐውሞ ፅሑፍ ዝፀንዐ ቕድሚ ምኺኑ ኣብ ከይዲ ምምርማር ዝርከብን ጥርዓን በዚ ናይ ዘይምቕያድ ሕጊ ኣይግዛእን።

## ዓንቀፅ 13

ኣብ ዓንቀፅ 8 ንኡስ ዓንቀፅ 5 እዚ ፕሮቶኮል ዝተገልፁ መዘኻኸሪታት ዋላ እኳ እንተሃለዉ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ዓንቀፅ 48 ንኡስ ዓንቀፅ 1 እቲ ኪዳን ንዝትዘርዘሩ ሃገራት ነዞም ዝስዕቡ ዝርዝር ጉዳያት የፍልጥ፡፡

ሀ) ኣብ ዓንቀፅ 8 ዝተገለፁ ፊርማታት፣ ምፅዳቓትን ምቕባላትን፣

ለ) ብመሰረት ዓንቀፅ 9 እዚ ፕሮቶኮል ዝፀንዓሉ ጊዜ ከምኡ'ውን ብመሰረት ዓንቀፅ 11 ዝፀደቑ ናይ መመሓየሺ ሓሳባት ዝፀንዕሉ ጊዜ፣

ሐ) ብመሰረት ዓንቀፅ 12 ዝቐርብ ናይ ዘይምቕያድ ተቓውሞ፡፡

## ዓንቀፅ 14

1. ብቋንቋታት ቻይንኛ፣ እንግዚዝኛ፣ፈረንሳይኛ፣ሩስያንኛን ስፓንሽን ዝተሰናድአ ቅዳሕ ናይ'ዚ ፕሮቶኮል ማዕረ ኣፍልጦ ኣለዎ፣ ኣብ ቤት መዝገብ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ድማ ይቕመጥ፡፡
2. ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ናይ'ዚ ፕሮቶኮል ዝተረጋገፀ ቅዳሕ ኣብ ዓንቀፅ 48 እቲ ኪዳን ንዝትዘርዝሩ ኩሎም ሃገራት ይዝርግሕ፡፡

# መቕፃዕቲ ሞት ንምትራፍ ምስ ዓለምለኻዊ ኪዳን ሲቪላውን ፖለቲካውን መሰላት ዝለግብ ካልኣይ ኣማራፂ ፕሮቶኮል

## ብውሳነ ሓፈሻዊ ጉባኤ ሕቡራት መንግስታት ቁፅሪ 44/128 ኮይኑ ተደልዩ ብኣቆፃፅራ ኤውሮጳ ታሕሳስ 15 1989 ዝተኣወጀ

## ኣባል ሃገራት ፕሮቶኮል ፡

*ሞት መቕፃዕቲ ክተርፍ ምግባር ንምዕባለ ሰብኣዊ ክብርን ዕብየት ሰብኣዊ መሰላትን ኣስተዋፅኦ ከምዘለዎ ብምእማን፣*

*ነቲ ብ10 ታሕሳስ 1948 ዓ.ም.ፈ ዝወፀ ዓንቀፅ 3 ኣድማሳዊ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላትን ብ 16 ታሕሳስ 1966 ዓ.ም.ፈ ዝወፀ ዓንቀፅ 6 ዓለምለኸ ኪዳን ሲቪላውን ፖለቲካውን መሰላትን ብምስትውዓል፣*

*እቲ ኣብ ዓንቀፅ 6 ዓለም ለኸ ኪዳን ሲቪላውን ፖለቲካውን መሰላት ዝሰፈረ ንምትራፍ መቕፃዕቲ ሞት ዘመልክት ሕጊ ንኣድላይነት ምትራፍ መቕፃዕቲ ሞት ብዝለዓለ ትኹረት ከምዝሕብር ብምርዳእ#*

*መቕፃዕቲ ሞት ንምትራፍ ዝውሰዱ ኩሎም ስጉምቲታት ብሂወት ናይ ምንባር መሰል ንምጉንፃፍ ሓደ ስጉሮ ምዃኑ ብምእማን*

*መቕፃዕቲ ሞት ክተርፍ ዓለምለኸ ፃዕሪ ንምክያድ ዝኒህ ቅሩብነት ብምግላፅ ከምዝስዕብ ተሰማሚዖም ኣለዉ።*

## ዓንቀፅ 1

1. ኣብ ግዝኣት ኣባል ሃገራት እዚ ፕሮቶኮል ዝነብር ዝኾነ ሰብ ብሞት ኣይቕፃዕን።

2. ሕድሕድ ኣባል ሃገር እዚ ፕሮቶኮል ኣብ ክልል ግዝኣቱ መቕፃዕቲ ሞት ንምትራፍ ኣገዳሲ ዘበለ ኩሉ ስጉምቲ ክወስድ ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 2

1. ሓንቲ ኣባል ሃገር ፕሮቶኮል እንተፅድቕ ወይ እንትቕበል ኣብ ጊዜ ኲናት ንዝፈፀም ኣዐርዩ ሓደገኛን ወታደራዊ ባህሪ ዘለዎን ገበን ብምፍም ኣብ ልዕሊ ዝተፈረደ መቕፃዕቲ ሞት ንምፍፃም ዝቐርብ ተኣቅቦ እንተዘይኮይኑ ነዚ ፕሮቶኮል ኣብ ምትግባር ዝቐርብ ዝኾነ ይኹን ተኣቅቦ ተቐባልነት የብሉን፡፡
2. ምትራፍ መቕፃዕቲ ሞት ተኣቅቦ ዘቕምጥ ኣባል እዚ ፕሮቶኮል ኣብ እዋን ኲናት መቕፃዕቲ ሞት ዝፍፀመሉ ሃገራዊ ሕጊታት ኣብ እዋን ምቕፃዕቲ ሞት ዝፍፀመሉ ሃገራዊ ሕጊታት ኣብ እዋን ምፅዳቕ ወይ ምቕባል ንዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ክፍልጥ ኣለዎ፡፡

ነዚ ዝተገለፀ ተኣቅቦ ዘቕምጥ ፈራሚ እዚ ረቂቕ ዝኾነ ሃገር ኣብ ግዜ ምፅዳቕ ወይ ምቕባል ብዛዕባ እቶም ኣብ ገዜ ኲናት ኣብ ስራሕ ዝውዕሉ ሃገራዊ ሕግታት ንዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ክፍልጥ ኣለዎ።

3. ተኣቅቦ ኣብ ምትራፍ ሞት መቕፃዕቲ ዘቐመጠ ናይዚ ፕሮቶኮል ኣባል ሃገር ኣብ ግዝኣቱ ዝኾነ ኲናት እንትካየድ መጀመርትኡን መፈፀምተኡን ኣመልኪቱ ንዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ክፍልጥ ይግባእ።

## ዓንቀፅ 3

ኣባል ሃገራት እዚ ፕሮቶኮል ኣባለ ሃገራት ብመሰረት ዓንቀፅ 40 እዚ ኪዳን ንኮሚቴ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ዘቕርቦኣ

ፀብፃብ ነዚ ፕሮቶኮል ኣብ ምትግባር ንዝወስደኦም ስጉምቲታት ከካትታ ኣለዉን፡፡

## ዓንቀፅ 4

ብመሰረት ዓንቀፅ 41 እዚ ኪዳን ሓንቲ ኣባል ሃገር እታ ካልእ ኣባል ሃገር ግቡእ ኣይፈፀመትን ኢላ ቅሬታ ኣብ ትቕርበሉ ግዜ ኮሚቴ ሰብኣዊ መሰላት ነቲ ጉዳይ ክምርምር ንዘለዎ ስልጣን ኣፍልጦ ዝሃቡ ኣባላት እቲ ኪዳን ዝኾኑ ሃገራት ኣብ እዋን ምፅዳቕን ምቕባልን ነዚ ዝፃረር መግለፂ ክሳብ ዘይሃባ ናይ'ቲ ኮሚቴ ስልጣን ኣብ ሕግታት እዚ ፕሮቶኮል ተፈፃምነት ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 5

ብ16 ታሕሳስ 1996 ዓ.ም.ፈ ዝወፀ ኣማራፂ ፕሮቶኮል ዓለምለኸ ኪዳን ሲቪላውን ፖለቲካውን መሰላት ዝተቐበሉ ሃገራት ኣብ እዋን ምፅዳቕን ምቕባልን ነዚ ዝፃረር መግለፂ ክሳብ ዘይሃቡ ኮሚቴ ሰብኣዊ መሰላት ካብ ውልቀሰባት ንዝቐረበሉ ጥርዓን ተቐቢሉ ናይ ምምርማር ስልጣኑ ኣብ'ዞም ሕግታት እዚ ፕሮቶኮል ተፈፃምነት ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 6

1. ሕግታት እዚ ፕሮቶኮል ንሕግታት እቲ ኪዳን ከም ተወሳኺ ኮይኖም የገልግሉ።
2. ኣብ ዓንቀፅ 2 እዚ ፕሮቶኮል ዘተገለፀ ተኣቅቦ ምቕማጥ ከምዘሎ ኮይኑ ኣብ ዓንቀፅ 1 ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ፕሮቶኮል ዝተረጋገፀ መስል ብዓንቀፅ 4 እዚ ኪዳን ኣይሰዓርን፡፡

## ዓንቀፅ 7

1. እዚ ፕሮቶኮል ናይዚ ኪዳን ኣባል ንዝኾነ ሃገር ፊርማ ክፉት እዩ፡፡

2. ነቲ ኪዳን ዘፅደቐ ወይ ዝተቐበለ ዝኾነ ሃገር ነዚ ፕሮቶኮል ከፅድቕ ይኽእል'ዩ::መፅደቒ ሰነዳት ኣብ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ክቕመጡ ኣላዎም፡፡

3. እዚ ፕሮቶኮል ነቲ ኪዳን ዘፅደቐ ወይ ዝተቐበለ ዝኾነ ሃገር ክቕበሎ ክፉት'ዩ::

4. ምቕባል ዝፀንዕ ናይ መፅደቒ ሰነድ ኣብ ኢድ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ምስኣተወ'ዩ::

5. ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኢድ ዝኣተወ ናይ መፅደቒ ወይ ናይ መቐበሊ ሰነድ ኣመልኪቱ ንኩሎም እዚ ፕሮቶኮል ዝፈረሙ ወይከዓ ዝተቐበሉ ሃገራት የፍልጥ::

## ዓንቀፅ 8

1. ዓሽራይ ናይ መፅደቒ ወይ ናይ መቐበሊ ሰነድ ኣብ ኢድ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ምስኣተወ ድሕሪ ሰለስተ ወርሒ እዚ ፕሮቶኮል ቀያዲ ይኸውን ::
2. ዓሽራይ ናይ መፅደቒ ወይ ናይ መቐበሊ ሰነድ ምስኣተወ ነዚ ፕሮቶኮል ዘፅድቕ ወይ ዝቕበል ዝኾነ ሃገር ነቲ ናይ ባዕሉ መፅደቒ ወይ መቐበሊ ሰነድ ምስኣእተወ ድሕሪ ሰለስተ ወርሒ በቲ ፕሮቶኮል ይቕየድ::

## ዓንቀፅ 9

ዓንቀፃት እዚ ፕሮቶኮል ብፌዴራላዊ ስርዓት ኣብ ዝመሓደር ሃገር ኣብ ዘለዉ ክልላት ብዘይ ገለ ገደብ ወይ ኣፈላላይ ተግባራዊ ይኾኑ::

## ዓንቀፅ 10

ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ዓንቀፅ 48 ንኡስ ዓንቀፅ1 ንዝተጠቐሱ ኩሎም ሃገራት ነዞም ዝስዕቡ ዝርዝር ጉዳያት የፍልጦም፦

ሀ) ኣብ ዓንቀፅ 2 እዚ ፕሮቶኮል ዝሰፈሩ ተኣቕቦታት፣ ጥርዓናትን ሓበሬታታትን፣

ለ) ኣብ ዓንቀፅ 4 ወይ 5 እዚ ፕሮቶኮል ዝተጠቐሱ መግለፂታት፣

ሐ) ኣብ ዓንቀፅ 7 እዚ ፕሮቶኮል ዝተጠቐሱ ፌርማታት፣ ምዕጻቓታን ምቕባላትን፣

መ) ብመሰረት ዓንቀፅ 8 እዚ ፕሮቶኮል ቀያዲ ምዃን ዝጀመረሉ ዕለት፣

## ዓንቀፅ 11

1. ብቛንቋታት ዓረብኛ፣ ቻይንኛ፣እንግሊዘኛ፣ፈረንሳይኛ፣ሩስያኛን ስፓንሽን ዝተሰናድአ ቅዳሕ ናይ'ዚ ፕሮቶኮል ማዕረ ኣፍልጦ ኣለዎም፤ ኣብ ቤተ መዝገብ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ድማ ይቕመጡ።
2. ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ንዝትረጋገፁ ቅዳሓት እዚ ረቒቕ ኣብ ዓንቀፅ 48 እቲ ኪዳን ንዝተገለፁ ሃገራት ይዝርግሕ።

# ኪዳን መሰላት ህፃናት

ኣብ ሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ውሳነ ቁፅሪ 44/25 ብዕለት 11 ሕዳር 1982 ዓ/ም ዝፀደቐን ተሰማማዕቲ ሃገራት ንክፍርማሉ፣ ንከፅድቐኦን ንክኞበልኦን ክፉት ዝተገበረ።

ብመሰረት ዓንቀፅ 49 ካብ 27 ነሓሰ 1982 ዓ/ም ጀሚሩ ዝፀንዐ።

## መእተዊ

## ኣባል ሃገራት ኪዳን እዚ

ኣብ ቻርተር ውድብ ሕቡራት መንግስታት ብዝተሓገጉ መትከላት መሰረት ኩሎም ደቂ ሰባት በተፈጥሮ ክቡራት ምዃኖምን ማዕረን ዘይነፃፀሉን መሰላት ዘለውዎም ምዃኖም ፈሊጥካ ምቕባል ንናፅነት፣ ፍትሕን ሰላምን ዓለም መሰረት ምዃኑ ብምግንዛብ፤ኣባል ሃገራት ውድብ ሕቡራት መንግሰታት ህዝብታት ብቻርተር'ቲ ውድብ ኣቢሎም ንመሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላትን ሰብኣዊ ክብሪ ደቂ ሰብን ዘለዎም እምነት ምርግጋፆም፣ ከምኡ'ውን ማሕበራዊ ምዕባለን ዝተመሓየሸ ኩነታትን መነባብሮ ንምምፃእ ዘለዎም ቆራፅነት ምግላፆም ብምስትብሃል፤

ዝኾነ ሰብ ብዝኾነ ዓይነት ናይ ዘርኢ፣ ሕብሪ፣ፆታ፣ ቋንቋ፣ ሃይማኖት፣ ፖለቲካ ወይ ካልእ ኣረኣእያ፣ ብሄር ወይ ማሕበራዊ መበቆል፣ ሃብቲ፣ ትውልዲ ወይ ካልእ ናይ ማሕበራዊ ናብራ ደረጃ ምብልላፅ ከይተገበረሉ ኣብ ኣድማሳዊ ድንጋገ ሰብኣዊ መሰላት ከምኡ'ውን ኣብ ዓለም ለኻዊ ኪዳናት ሰብኣዊ መሰላትን ዝተኣወጁ መሰላትን ናፅነታትን ናይ ምጥቃም መሰል ከምዘለዎ ውድብ ሕቡረት መንግስታት ምእዋጁ ብምፍላጥ፤

ህፃናት ፍሉይ ክንክንን ሓገዝን ንክግበረሎም ኣብ ኣድማሳዊ ድንጋገ ሰብኣዊ መሰላት ዝተገለፀ ምዃኑ ብምዝካር፣
ስድራ ቤት ናይ ሕብረተሰብ መሰረትን ንኣባላቱ ብፍላይ ድማ ንዕብየትን ድሕንነትን ህፃናት ዝሰማማዕ ናይ ተፈጥሮ ስሪት ብምዃኑ ኣብ ውሽጢ'ቲ ሕብረተሰብ ዘለዎ ሓላፍነት ብዝግባእ ንምፍፃም ምእንቲ ክኽእል ዘድሊ ሓለዋን ሓገዝን ክግበረሉ ከምዝግባእ ብምእማን፣ ሰብኣዊ ዕብየት ህፃን ምሉእን ዕሩይን ንክኸውን ኣብ ውሽጢ ስድራ ቤት ብታሕጓስ፣ ብፍቕርን ብመንፈስ ምርድዳእን ምዕባይ ከምዘድሊ ብምግንዛብ፣

እቲ ህፃን ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ናይ ባዕሉ ውልቀ ህይወት ምምራሕ ንክኽእል ብዝግባእ ምድላው፣ ብመሰረት መሰረተ ሓሳባት ቻርተር ውድብ ሕቡራት መንግስታት ብፍላይ ድማ ናይ ሰላም፣ ናይ ደቂ ሰብ ክብሪ፣ ምክእኣል፣ ናፅነት፣ ማዕርነትን ሓድነትን ስምዒት ሒዙ ክዓቢ ኣድላዩ ምዃኑ ብምርዳእ፣

ንህፃናት ፍሉይ ክንክን ናይ ምግባር ኣድላይነት ብኣቆፃፅራ ፈረንጂ ኣብ 1924 ኣብ ጀኔቫ ዝወፀ ድንጋገ መሰላት ህፃናት፣ ከምኡ'ውን ሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ከም ኣቆፃፅራ ፈረንጂ 20 ሕዳር 1959 ኣብ ዝተቐበሎ ድንጋገ መሰላት ህፃናት ምግላፁ፣ ብተወሳኺ'ውን ኣብ ኣድማሳዊ ድንጋገ ሰብኣዊ መሰላት፣ ኣብ ዓለምለኸ ኪዳን ሲቪላውን ፖለቲካውን መሰላት (ብፍላይ ኣብ ዓንቀፅ 10 )ከምኡ'ውን ደሕንነት ህፃናት ኣብ ናይ ትካላትን ዓለምለኻዊ ውዳበታትን ደንብታትን መምርሕታትን ኣፍልጦ ዝረኸበ ምዃኑ ብምስትውዓል፣

ከምቲ ኣብ ኪዳን መሰላት ህፃናት ዝተገለፀ፣ ሓደ ህፃን ብኣካልን ኣእምሮን ብዘይምምዕባሉ ምኽንያት ቅድሚ ልደቱ ኮነ ድሕሪ

ልደቱ ንግቡእ ሓለዋ ሕጊ ሓዊሱ ፍሉይ ጥንቃቐን ክንክንን ከምዘድልዮ ብምስትውዓል፤

ድሕንነት፣ ሓለዋን ክንክንን ህፃናት ብዝምልከት ዝተደንገጉ ማሕበራውን ሕጋውን መትከላት፤ ብፍላይ ድማ ብደረጃ ሃገርን ዓለምን ንህፃናት ንትካላት መዕበይቲ ህፃናት ዝወሃቡሉ ድንጋገ ርዕመት፣ ናይ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ናይ ገበነኛታት መናእሰይ ፍትሓዊ ምምሕዳር ደምብታት /ደምብታት ቤጂንግ/ ከምኡ'ውን ኣብ እዋን ሓደጋን ኲናትን ንደቂ ኣንስትዮን ህፃናትን ብዛዕባ ዝግበር ፍሉይ ሓለዋ ዝወፀ ድንጋገ ብምዝካር፤

ኣብ ኩለን ሃገራት ዓለም ኣብ ከቢድ ፀገምን ሓደጋን ዝወደቑ ህፃናት ምህላዎምን ነዞም ህፃናት ፍሉይ ጠመተ ከምዘድልዮምን ብምፍላጥ፤
ባህልን ልምድን ነፍሲ ወከፍ ህዝቢ ንደሕንነት፣ ሓለዋን ዝተመዓራረየ ዕብየትን ህፃናት ዘለዎ ሃገር ብፍላይ ኣብ ምምዕባል ኣብ ዝርከባ ሃገራት፤ ኩነታት መነባብሮ ህፃናት ንምምሕያሽ ዓለም ለኸ ምትሕብባር ዝህልዎ ረብሓ ብምግንዛብ፤
ከምዚ ዝስዕብ ተሰማሚዐን ኣለዋ።

# ክፍሊ ሓደ

## ዓንቀፅ 1

ህፃናት ዝምልከት ሕጊ ንኣካለ መጠን ዝበፅሕ ዕድመ ካብዚ ዘነኣሰ ገይሩ እንተዘየቐምጥዎ ኣብዚ ስምምዕ 'ዚ ህፃን ማለት ብመሰረት ሕጊ እቲ ሃገር ካብዚ ብዝነኣሰ ዕድመ ንኣካለ መጠን ዝበፅሐ እንተዘይኮይኑ ዕድሚኡ ካብ 18 ዓመት ንታሕቲ ዝኾነ ሰብ እዩ።

## ዓንቀፅ 2

1. ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን  ኣብ ግዝኣተን ዝርከብ ነፍሲ ወከፍ ህፃን ብናይ ባዕሉ ፣ ብናይ ወለዱ ወይከዓ ብናይ ሕጋዊ መዕበይቱ ዘርኢ፣ ቀለም፣ ፆታ፣ ቋንቋ፣ ሃይማኖት፣ ፖለቲካዊ ወይ ካልእ ኣተሓሳስባ፣ ብብሄር፣ ብዓሌት ወይ ብማሕበራዊ መበቈል፣ ብሃብቲ፣ ብኣካላዊ ጉድለት፣ ብትውልዲ ወይከዓ ብኻሊእ ምኽንያት ዝኾነ ይኹን ዓይነት አፈላላይ ከይተገበረሉ ኣብ'ዚ ስምምዕ ዝተዘርዘሩ መሰላት ከኽብራሉን ኣብ ተግባር ከምዝወዓለ'ውን ንክረጋግፁሉ ተሰማሚዐን'የን፡፡
2. ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ዝኾነ ህፃን ብናይ ወለዱ፣ ወይ ብናይ ሕጋዊ መዕበይቱ፣ ወይከዓ ብኹነታት ኣባላት ስድራቤቱ ፣ ተግባራት፣ ኣረኣእያ ወይ እምነት ምኽንያት ዝኾነ ይኹን አድልዎ ከይፍፅምን ከይቕፃዕን ኣግባብነት ዘለዎ ስጉምትታት ክወስዳ ኣለወን፡፡

## ዓንቀፅ 3

1. ንህፃናት ዝምልከቱ ኩሎም ጉዳያት ብመንግስታዊ ወይ ናይ ውልቂ ትካላት ማሕበራዊ ድሕንነት፣ ብኣብያተ ፍርዲ፣ ብምምሕዳራዊ ሰበ ስልጣናት፣ ወይከዓ ብኣካላት መውፃእቲ ሕጊ ህፃናት ዝምልከት ዝኾነ ስጉምቲ ኣብዝውሰደሉ እዋን ረብሓ ህፃናት ዝሕለወሉ ኩነታት ልዕሊ ኩሉ ቀዳምነት ዝወሃቦ ጉዳይ ይኸውን፡፡
2. ኣባል ሃገራት መሰላትን ጉቡኣትን ወለዲ፣ መዕበይቲ፣ ወይከዓ ብሕጊ ሓላፍነት ዝተውሃቦም ካልኦት ሰባት ኣብ ግመት ብምእታው ንድሕነት ህፃናት ኣድላዪ ሓለዋን ክንክንን ከምዝተገበረ ንምርግጋፅ፣ ነዚ'ውን ግቡእ ዝኾነ ናይ ሕግን ምምሕዳራውን ስጉምትታት ንምውሳድ ተሰማሚዐን ኣለዋ፡፡
3. ኣባል ሃገራት ንክንክክን ሓለዋን ህፃናት ሓላፍነት ዘለዎም ኣካላትን ወሃብቲ ግልጋሎት ትካላትን ኣግባብነት ዘለዎ በዓል ስልጣን ኣካል ብዘውፅኦም መዐቀኒታት መሰረት ዝተማልኡ

ምኳኖም ብፍላይ ድማ ኣብ ምክልኻል ሓደጋ፣ ሓለዋ ጥዕና በዝሕን ብቕዓትን ሰራሕተኛታት ከምኡ'ውን ክትትል ብዝምልከት ዝወፁ መመዘንታት መሰረት ብምግባር ዝተፈፀሙ ምኳኖም የረጋግፃ።

## ዓንቀፅ 4

ሃገራት እዚ ኪዳን ኣብ'ዚ ኪዳን ኣፍልጦ ዝረኸቡ መሰላት ህፃናት ተግባራዊ ንምግባር ኣድለይቲ ዝኾኑ ናይ ሕጊ፣ ምምሕዳርን ካልኦትን ስጉምትታት ይወስዳ። ንኤኮኖሚያዊ፣ ማሕበራውን ባህላውን መሰላት ብምልከት ተዋዓዒልቲ ሃገራት ዝወስደኦ ስጉምቲ ሃብቲ እተን ሃገራት ብዝፈቕዶ መጠንን ኣድላይ ኮይኑ እንተተረኺቡ ድማ ዓለም ለኸ ምትሕብባር ብዝፈቕዶ ኩነታት ይኸውን።

## ዓንቀፅ 5

ኣባል ሃገራት ወለዲ፣ ወይ ግቡእነት እንትህልዎ ኣባላት ቤተዘመድ፣ወይ ባህሊ እቲ ከባቢ ዝፈቅድ እንተኾይኑ እቲ ማሕበረሰብ፣ ሕጋዊ መዕበይቲ፣ወይ ነቲ ህፃን ንምዕባይ ብሕጊ ሓላፍነት ዝተውሃቦም ካልኦት ሰባት እቲ ህፃን ኣብዚ ስምምዕ'ዚ ኣፍልጦ ዝተውሃቦም መሰላት እንትጥቀም ምስ ክእለቱ ዝተገናዘበ ግቡእ ኣመራርሓ ኣብምሃብን ምቁፅፃርን መዳይ ንዘለዎም ሓላፍነት፣ መሰልን ግቡእን የኽብራ።

## ዓንቀፅ 6

1. ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ዝኾነ ይኹን ህፃን ብህይወት ናይ ምንባር ተፈጥሮኣዊ መሰል ከምዘለዎ ይፈልጥ።
2. ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ኩሉ ዓቕመን ዝፈቕዶ ስጉምቲ ብምውሳድ ህፃናት ብህይወት ንክነብሩን ዕብየቶም ንክሕሎን የረጋግፃ።

## ዓንቀፅ 7

1. ዝኾነ ይኹን ህፃን ምስተወልደ ኣብ ናይ ልደት መዝገብ ይምዝገብ፣ ካብ ልደቱ ጀሚሩ ዝፅወዓሉ ስምን ዜግነትን ናይ ምርካብ፣ ብዝተኻኣለ መጠን ወለዱ ናይ ምፍላጥን ናይ ወለዲ ክንክን ናይ ምርካብነ መሰል ኣለዎ፡፡
2. ኣባል ሃገራት ብፍላይ እቲ ህፃን ዓዲ ዘይብሉ ንከይኸውን ብብሄራዊ ሕግታትን መሰረት ከምኡ'ውን ብዛዕባ እዙይ ጉዳይ ኣግባብነት ብዘለዎም ዓለም ለኻዊ ስምምዓት ዝተውሃበን ጉቡኣት መሰረት እዞም መሰላት ኣብ ስራሕ ምውዓሎም የረጋግፁ፡፡

## ዓንቀፅ 8

1. ኣባል ሃገራት እቲ ህፃን ዘይሕጋው ኢደ ኣእታውነት ከይተገበረሉ ብሕጊ ዝተረጋገፁ ዜግነቱ፣ ሽሙን ስድራቤታዊ ርክብን ሓዊሱ መንነቱ ናይ ምሕላው ዘለዎ መሰል የኽብራሉ፡፡፡፡
2. እቲ ህፃን ብክፋል ይኹን ብምሉእ ንመንነቱ ዝምልከቱ መሰላት ብዘይሕጋዊ መንገዲ እንተኸላእ፣ ተወዓዓልቲ ሃገራት እዚ ስምምዕ መንነት እቲ ህፃን ብህፁፅ ከምብሓድሽ ንከረጋገፅ ኣድላይ ዘበለ ሓገዝን ይህባ፣ ሓለዋ'ውን ይህባ፡፡

## ዓንቀፅ 9

1. እዚ ጉዳይ ብቤት ፍርዲ ከምብሓድሽ ክረኣይ ኣብ ዘኽእለሉ ኩነት ኣግባብነት ብዘለዎም ሰበስልጣን ኣግባብነት ብዘለዎ ሕግን ስነ-ስርዓትን መሰረት ንረብሓ እቲ ህፃን ተባሂሉ እቲ ህፃን ካብ ወለዱ ተፈልዩ ንክነብር እንተዘየተወሲኑ፣ ዝኾነ ይኹን ህፃን ብዘይፍቓድ ወለዱ ካብ ወለዱ ንከይፍለ ኣባል ሃገራት እዚ ስምምዕ የረጋግፁ፡፡ እቲ ህፃን ካብ ወለዱ ተፈልዩ ንክነብርን ዝነብረሉ ቦታ

ምውሳንን ዘድሊ ወለዱ ነቲ ህፃን እንትብድልዎ፣ እቲ ህፃን ካብ ወለዱ ክንክን እንትስእን ወይ ወለዱ ተፈላልዮም ዝነብሩ እነተኾይኖም እዩ፡፡

2. ኣብዚ ዓንቀፅ'ዚ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ብዝተገለፀ መሰረት እቲ ጉዳይ ኣብዝረአየሉ እዋን እዚ ጉዳይ ይምልከተና'ዩ ዝብሉ ወገናት ኩሎም ተሳተፍቲ ናይ ምኺንን ሓሳባቶም ናይ ምግላፅን ዕድል ይወሃቦም፡፡
3. ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ንረብሓን ደሕንነትን እቲ ህፃን ዝፃረር እንተድኣ ዘይኮይኑ፤ ካብ ሓዲኦም ወይ ካብ ክለቲኦም ወለዱ ዝተፈለየ ህፃን ምስ ወለዱ ዘለዎ ውልቃዊን ቐጥታዊን ርክብ ንክኸበረሉን በብእዋኑ ንወለዱ ናይ ምርኣይ መሰሉ ንክሕሎን ይገብራ፡፡
4. እቲ ህፃን ካብ ወለዱ ዝተፈለየ ብውሳነ ተወዓዓልቲ ሃገራት እንተድኣኮይኑ፤ ንኣብነት፣ ካብ ወላዲ እቲ ህፃን ሓዲኦም ወይ ክለቲኦም ወይ እቲ ህፃን ኣብ ትሕቲ ቁፅፅር ብምውዓሉ፣ ኣብ ቤት ህንፀት ብምእታዉ፣ ብምስዳዱ፣ ካብ ሃገር ብምስጓጉ ወይ ብምሟቱ (ኣብ ቤት ህንፀት ዘጋጥም ዝኾነ ይኹን ሞት ሓዊሱ) እንተድኣ ኮይኑ ተወዓዓልቲ ሃገራት ክሕተት እንተሎ ንወለዱ፣ ነቲ ህፃን፣ ወይ ግቡእነት እንትህልዎ ንካልእ ኣባል ስድራ እቲ ስጉምቲ ዝተወሰዶ ኣባል ስድራ ዝርከበሉ ቦታ ብዝምልከት ኣድላይ ዘበለ መረዳእታ ክትህብ ኣለዋ፡፡ ይኹን'ምበር እቲ መረዳእታ ንደሕንነት እቲ ህፃን ሓደገኛ እንተድኣ ኮይኑ እዚ ተፈፃምነት ኣይህልዎን፡፡ ምስ'ዚ ብተወሳኺ'ውን ኣብዝምልከቶም ሰባት ጉድኣት ዘየስዕብ ምኽኑ ከረጋግፃ ኣለወን፡፡

## ዓንቀፅ 10

1. ኣብ ዓንቀፅ 9 ንኡስ ዓንቀፅ 1 ብዝተገለፁ ጉቡኣት መሰረት ተወዓዓልቲ ሃገራት ንሓደ ህፃን ምስ ስድራቤት ንምርኻብ ተባሂሉ ናብ ሃገር ንምእታው ወይ ካብ ሃገር ንምውፃእ በቲ ህፃን ወይ ብወለዱ ሕቶ እንትቐርብ እቲ ጉዳይ ብቕኑዕ መንፈስ፣ ብሰብኣውነት ብቕልጡፍን ተራእዩ ስጉምቲ ክወስድ

ይግባእ። ምስዚ ብተወሳኺ’ውን ተወዓዓልቲ ሃገራት ከምዚ ዝበለ ሕቶ ምቕራብ ኣብቶም ሓተትቲ ይኹን ስድራቤቶም ዝኾነ ይኹን መዘዝ ዘየስዕብ ምዃኑ የረጋግፃ።

2. ፍሉይ ኩነታት ክሳብ ዘየጋጠመ ወለዱ ኣብ ዝተፈለለዩ ሃገራት ዝነብሩ ህፃን በብግዚኡ ምስ ወለዱ ብውልቀን ብቀጥታን ናይ ምርኻብ መሰል ኣለዎ። ኣብ ዓንቀፅ 9 ንኡስ ዓንቀፅ 1 ንዝተመልከተ ግቡእ መሰረት ተወዓዓልቲ ሃገራት ነዚ መሰል’ዚ ተግባራዊ ንምግባር እቲ ህፃን ወይ ወለዱ ንናይ ባዕልቶም ሃገር ሓዊሱ ካብ ሃገር ንምውፃእ፣ ከምኡ’ውን ናብ ሃገር ተመሊስካ ንምእታው ዘለዎም መሰል የኽብሩ። ካብ ሃገር ናይ ምውፃእ መሰል ክግደብ ዝኽእል ኣቐዲሙ ብሕጊ ብዝተደንገገን ንሃገራዊ ፀጥታ፣ ናይ ህዝቢ ደሕንነት፣ ጥዕና ወይ ስነ-ምግባር ወይከዓ መሰልን ናፅነትን ካልኦት ሰባት ንምኽባር ኣድላይ ኾይኑ እንትርከቡን ኣብ’ዚ ስምምዕ ’ዚ ንዝተገለፁ መሰላት ብዝጠዓዓም መንገዲ እንትፍፀም ጥራሕ እዩ።

## ዓንቀፅ 11

1. ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ህፃናት ብዘይሕጋዊ መንገዲ ካብ ዓዲ ምውፃእን ናብ ዓዲ ከይምለሱን ምግባርን፣ ንምክልኻልን ንመቁፅፃርን ኣድላይ ዘበለ ስጉምትታት ይወስዳ።
2. ምእንቲ’ዚ’ውን ተወዓዓልቲ ሃገራት እዚ ስምምዕ ኣብ መንጎ ክልተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ዝኾና ሃገራት ስምምዕ ንምፍራም ወይ ነዚ ብዝምልከት ኣቐዲሞም ዝተገብሩ ስምምዓት ተቐባልነት ንክህልዎም የተባብዓ።

## ዓንቀፅ 12

1. ኣባል ሃገራት ናይ ባዕሉ ሓሳብ ናይ ምግላፅ ክእለት ዘለዎ ዝኾነ ይኹን ህፃን ንዕኡ ኣብ ዝምልከቱ ጉዳያት ሓሳባቱ ብናፅነት ናይ ምግላፅ መሰሉ የረጋግፃሉ። እቲ ህፃን ዘቕርቦ

ሓሳብ ምስ ዕድሚኡን ብስለት ኣእምርኡን እናተመዘነ ግቡእ ክብደት ይወሃቦ።

2. ምእንቲ'ዚ'ውን እቲ ህፃን ብመሰረት ሕጊ እታ ሃገር ባዕሉ ቀሪቡ ወይ ብወከልቱ ወይ ኣግባብ ብዘለዎ ኣካል ኣቢሉ ንዕኡ ኣብ ዝምልከቱ ናይ ቤት ፍርዲ ወይ ናይ ምምሕዳር ክስታት ሓሳብ ናይ ምቕባል ዕድል ይወሃቦ።

## ዓንቀፅ 13

1. እቲ ህፃን ሓሳቡ ናይ ምግላፅ መሰል ኣለዎ። እዚ ናፅነት'ዚ ዶብ ሃገራት እንተይዓገቶ ኩሉም ዓይነት መረዳእታትን ሓሳባትን ብቃል፣ ብፅሑፍ፣ ብሕትመት ወይ ብመልክዕ ስነ-ጥበብ፣ ወይ ብዝኾነ ይኹን እቲ ህፃን ብዝመረዖ መራኸቢ መንገዲ ናይ ምሕታት፣ ምቕባልን ምምሕልላፍን መሰል ዝሓውስ'ዩ።

2. ኣጠቓቕማ እዚ መሰል'ዚ ዝተወሰኑ ገደባት ክግበሩሉ ይካኣል እዩ። እንተኾነ ግና እቶም ገደባት ኣቐዲሞምብሕጊ ዝተደንገጉን፣

ሀ. መሰላትን ዕቡቕ ሽምን ንምሕላው፣ ወይ

ለ. ብሄራዊ ፀጥታ ነገር፣ ናይ ህዝቢ ሰላም፣ ጥዕና ወይ ሞራል ህዝቢ ንምሕላው ዘድልዩ ጥራሕ ይኾኑ።

## ዓንቀፅ 14

1. ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ናይቲ ህፃን ናይ ሓሳብ፣ ሕሊናን ሃይማኖትን ናፅነት የኽብሩ።

2. ተወዓዓልቲ ሃገራት ወለዲ፣ ኣግባብነት እንትህልዎ ድማ ሕጋዊ መዕበይቲ፣ ንህፃናት ምስ ዕብየቶም ብዝጠዓዓም መልክዑ ብዛዕባ ኣጠቓቕማ መሰላቶም ኣመራርሓ ንምሃብ ዘለዎም መሰልን ሓላፍነትን የኽብሩ፡፡

3. ኣብ ልዕሊ ሃይማኖት ወይ እምነትካ ናይ ምግላፅ ናፅነት ዝግበሩ ገደባት ኣቐዲሞም ብሕጊ ዝተደንገጉን ንናይ ህዝቢ ደሕንነት፣ፀጥታ ጥዕናን ስነ-ምግባርን ወይ ንናይ ካልኦት ሰባት መሰረታዊ መሰላትን ናፅነታትን ምሕላው ኣድለይቲ ዝኾኑ ጥራሕ እዮም።

## ዓንቀፅ 15

1. ኣባል ሃገራት ህፃናት ብማሕበር ናይ ምውዳብን ሰላማዊ ኣኼባ ናይ ምግባርን መሰላት የኽብሩ።
2. ኣብ ዴሞክራስያዊ ሕብረተሰብ ንሃገራዊ ደሕንነትን ፀጥታን፣ ናይ ህዝቢ ጥዕናን ፅቡቕ ስነ- ምግባርን ወይ ናይ ካልኦት ሰባት መሰልን ናፅነትን ንምሕላው አድለይቲ ካብ ዝኾኑን ብሕጊ ዝተደንገጉን ገደባት ወፃኢ ኣብ ኣጠቓቕማ እዞም መሰላት ዝኾነ ይኹን ዓይነት ገደብ ኣይገበርን።

## ዓንቀፅ 16

1. ዝኾነ ይኹን ህፃን ኣብ ልዕሊ ውልቀ ናብርኡ፣ ኣብ ስድራ ቤቱ፣ ኣብ ዝነብረሉ ገዛ፣ ወይ ኣብዝፀሓሓፎ ደብዳቤ ብኢደ ወነንካ ዝግበርን ካብ ሕጊ ወፃኢ ዝኾነን ኢድ ኣእታውነት ኣይፍፀሞን፤ ከምኡ'ውን ንኽብረቱ ፅቡቕ ስሙን ካብ ሕጊ ወፃኢ ብዝኾነ መንገዲ ኣይድፈርን።
2. እቲ ህፃን ካብ ከምዚ ዝኣመሰሉ ኢድኣእታውነታትን ፀቕጥታትን ናይ ሕጊ ሓለዋ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 17

ኣባል ሃገራት መራኸብቲ ሓፋሽ ዝህበኦ ጠቓሚ ግልጋሎት ብምርዳእ፣ እቲ ህፃን ከብ ዝተፈላለዩ ሃገራውን ዓለምለኻውን ፍልፍላት መረዳእታታትን ናውትን ክርከብ ከምዝኽእልን፤ ንፍላይ ድማ ንማሕበራውን መንፈሳውን ደሕንነቱ፣ ንኣካላውን ኣእምሮኣውን ጥዕንኡ ንምሕላው ዘኽእልዎ መረዳእታታትን

ናውትን ክረክብ ምኽኣሉ የረጋግፃ። እዚ ኣብ ተግባር ንክውዕል ኣባል ሃገራት፣

ሀ. ብመሰረት ዓንቀፅ 29 እዚ ኪዳን መራኸብቲ ሓፋሽ ንማሕበራውን ባህላውን ህይወት ህፃናት ጠቓምቲ ዝኾኑ መረዳእታታት ንከመሓላልፉ የተባብዓ።

ለ. ብዝተፈላለዩ ባህላዊ፣ ሃገራውን ዓለምለኻውን ፍልፍላት ንዝግበሩ ናይ መረዳእታታትን ናውትን ምድላው ምልውዋጥን ምዝርጋሕን ብዝምልከት ዓለምለኻዊ ምትሕግጋዝ ንክህሉ የተባብዓ።

ሐ. ንህፃናት ዝምልከቱ መፃሕፍቲ ክሕተሙን ክዝርግሑን የተባብዓ።

መ. ናይ ውሑድ ቑፅሪ ዘለዎም ብሄረሰባት ህፃናት ብናይ ባዕሎም ቋንቋ ንኽጥቀሙ መራኸብቲ ሓፋሽ ፍሉይ ጠመተ ንክገብራ የተባብዓ።

ሰ. ኣብዚ ኪዳን ኣብ ዓንቀፅ 13ን 18ን ዝተጠቐሱ ከምዘለዉ ኮይኖም፣ ህፃናት ንድሕንነቶም ሓደገኛ ካብ ዝኾኑ መረዳእታታትን ናውትን ዝሕለውሉ ኣድለይቲ ዘበሉ መምርሕታት ንክወፁ የተባብዓ።

## ዓንቀፅ 18

1. ኣባል ሃገራት ክለቲኦም ወለዲ ኣተሓሕዛን ኣተዓባብያን ህፃን ብዝምልከት ናይ ሓባር ሓፍነት ኣለዎም ዝብል መትከል ተቐባልነት ምርካቡ ንምርግጋፅ ኩሉ ዝካኣለን ይገብራ። ወለዲ፣ ወይ ከከምኩነታቱ መዕበይቲ ብዛዕባ ኣተሓሕዛን ኣተዓባብያን እቲ ህፃን ካብ ኩሉ ዝበለፀ ሓላፍነት ዘለዎም እንትኾን ቀንዲ ጠመተኦም ድማ ረብሓን ደሕንነትን እቲ ህፃን ይኸውን።
2. ኣብዚ ኪዳን ዝተመልከቱ መሰላት ህፃናት ተግባራዊ ምኧኖም ንምርግጋፅን ንምትብባዕን ተወዓዓልቲ ሃገራት ናይ ህፃናት ኣተሓሕዛን ኣተዓባብያን ሓላፍነቶም ብብቕዓት ንምፍፃም ምእንቲ ክኽእሉ ንወለድን ንሕጋዊ መዕበይትን ግቡእ ሓገዝ

ይህባ። ኣብ ክንክን ህፃናት ኣገልግሎት ዝህቡ ትካላትን ውዳበታትን ምጥያሾም የረጋግፃ።

3. ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ወለዶም ሰራሕተኛታት ዝኾኑ ህፃናት ንህፃናት ክንክን ዝተመደቡ ግልጋሎታትን ትካላትን ተጠቀምቲ ናይ ምኳን መሰሎም ንምርግጋፅ ግቡእ ስጉምቲ ይወስዳ።

## ዓንቀፅ 19

1. ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ህፃናት ኣብ ትሕቲ ወለዶም ወይ ሕጋዊ መዕበይቶም ወይ ካልኦት ሰባት ኣብዝርከብሉ እዋን ዝኾነ ዓይነት ኣብ ልዕሊ ኣካሎምን ኣእምሮኦምን ጉድኣት ዘስዕብ መውቃዕቲ፣ ንጉድኣት ወይ ምንግልታዕ ዘሳጥሕ ኣተሓሕዛ፣ ብሸለልታ ምሓዝ፣ ንሰብ ዝግብኦ ክንክን ምንፋግ፣ ንካልእ ሰብ ናይ ጥቕሚ መርከቢ ምኳን፣ ከምኡ’ውን ርክብ ፍትወተ ስጋ ክገብሩ ምግዳድ ኣብ ልዕሊ ህፃናት ንከይፍፀም ግቡእ ሕጋውን፣ ምምሕዳራውን፣ ማሕበራውን ትምህርታውን ስጉምትታት ይወስዳ።
2. ዝወስደኦም ናይ መከላኸሊ ስጉምትታት ከከም ኣድላይነቱ ነቲ ህፃን ኮነ ክንክን ዝገብርሉ ሰባት ኣድላይ ዘበለ ሓገዝ ዝህቡ ፕሮግራማት ማሕበራዊ ግልጋሎታት ምዝርጋሕን እቶም ፀገማት ቅድሚ ምብፀሖም ንምክልኻል ዘኽእል መምርሒ ምውፃእን፣ ኣብ ልዕሊ ህፃናት ዝፍፀሙ በደላት ፈሊኽ ምፍላጥ፣ ብዛዕባ እቲ ኩነታት ፀብፃብ ምቕራብን ናብ ዝምልከቶም ምምራሕን፣ ንኩነታት ምዕራይ ኣገልግሎት ሕክምና ምሃብን ክትትል ምግባርን፣ ከምኡ’ውን ኣድላይ ኮይኑ እንትርከብ ነቲ ጉዳይ ናብ ኣካላት ፍርዲ ንምምራሕ ዘኽእሉ ስነ-ስርዓታት ዘጠቓልሉ እዮም።

# ዓንቀፅ 20

1. ንግዚኡ ወይ ንሓዋሩ ካብ ስድራቤቱ ዝተፈለየ ወይ ንናይ ባዕሉ ረብሓ ተባሂሉ ካብ ስድራቤቱ ክፍለ ዝተገብረ ህፃን መንግስቲ ፍሉይ ሓለዋን ሓገዝን ይገብረሉ።
2. ኣባል ሃገራት ብመሰረት ብሄራዊ ሕግታተን ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት ንዝርከብ ህፃን ዝኸውን መማረፂ ክንክን ዝተዳለወ ምዃኑ የረጋግፃ።
3. እዚኦም ዓይነታት ክንክን ንኣገልግሎት ምንባይ /ፎስተር/፣ ብመሰረት ሕጊ ምስልምና ድማ ካፉላህ ምግባር፣ ንዘይውላድካ ከም ውላድካ ናይ ምግባር ወይ ምቕባል (ርዕመት) ፣ ወይ ኣድላዪ ኮይኑ እንትርከብ ንትካል መዕበይ ህፃናት ምሃብ ዘኣመሳስሉ የጠቓልሉ። ነቶም ፀገማት መፍትሒ ዝኸውን መንገዲ ኣብዝድለየሉ እዋን እቲ ህፃን ቀፃልነት ዘለዎ ዕቡቕ ኣተዓባብያ ብዛዕባ ዝረኽበሉ ኩነታት፣ ከምኡ'ውን ብዛዕዓ ናይቲ ህፃን ብሄረሰብ፣ ሃይማኖት፣ ቋንቋን ባህልን መሰረት ጠመተ ይወሃብ።

# ዓንቀፅ 21

ርዕመት ከም መፍትሒ ፀገም ገይረን ዝቅበላ ወይ ዝፈቕዳ ሃገራት ቀንዲ ዕላማኣን ረብሓን ድሕንነትን ህፃናት ኮይኑ፤

ሀ. እቲ ርዕመት ግቡእነት ብዘለዎ ሕግን ስነ-ስርዓትን፣ ከምኡ'ውን እቲ ርዕመት ብተደለይትን ዘተኣማምኑን መረዳእታታት መሰረት ስልጣን ብዘለዎም ኣካላት ዝተፈቐደ ምዃኑ፣ እቲ ህፃን ወለዲ ወይ ኣዝማድ ወይ ሕጋዊ መዕበይቲ ዘለዉዎ ምዃኑን ዘይምዃኑን፣ ከምኡ'ውን ናየቲ ህፃን ሓላፍነት ዘለዎም ብዛዕባ ዕላማ እቲ ርዕመት ድሕሪ ምርድኦም ዝተሰማምዑ ምዃኖምን ዘይምዃኖምን ምስተፈለጠ እቲ ርዕመት ዝከኣል ምዃኑ የረጋግፃ።

ለ. እቲ ህፃን ብኣገልግሎት ምንባይ /ፎስተር/ ወይ ረዓሚ (ንዘይወለዱ ከም ወለዱ ዝቅበል) ስድራ ወይ ካልእ ምችው ዝኾነ መንገዲ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ክሕገዝ እንተዘይክኢሉ፣ ኣብ መንጎ ሃገራት ዝግበር ርዕመት ከምሓደ ኣማራፂ መፍትሒ ይቕበላ፡፡

ሐ. ኣብ መንጎ ሃገራት ኣብ ዝግበር ርዕመት ዝሕገዝ ህፃን ኣብ ውሽጢ ዓዲ ምስ ዝግበር ርዕመት ማዕረ ሓለዋን ክንክንን ዝግበረሉ ምኺኑ የረጋግፃ፡፡

መ. ኣብ መንጐ ሃገራት ኣብ ዝግበር ርዕመት እቲ ህፃን ናብ ወፃኢ ሃገር ምኻዱ ነቲ ጉዳይ ዘፈፅሙ ሰባት መርከቢ እቶት ከይኸውን ግቡእ ዝኾነ ስጉምቲ ይወስዳ፡፡

ሰ. ግቡእ ኮይኑ ኣብ ዝተረኸበሉ እዋን ምስ ካልእ ሃገር ወይ ካልኦት ሃገራት ስምምዕ ብምግባር ዕላማታት እዚ ዓንቀፅ የፈፅማ፣ ከምኡ'ውን እቲ ህፃን ብርዕመት ናብ ወፃኢ ሃገር ቅድሚ ምኻዱ እቲ ተግባር ርዕመት በዚ ስራሕ ስልጣን ብዘለዎም ኣካላት ወይ ትካላት ከምዝተፈፀመ ንምርግጋፅ ፃዕሪ ይገብራ፡፡

## ዓንቀፅ 22

1. ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ዑቕባ ዝሓትት ህፃን፣ ወይ ኣግባብ ብዘለዎም ናይ ዓለምለኸ ወይ ብሄራዊ ሕግታትን መምርሕታትን ስደተኛ'ዩ ዝብሃል ህፃን ንበይኑ ይኹን ወይ ምስ ወለዱ ወይ ምስ ካልኦት ሰባት'ውን እንተኾነ ብናይ'ዚ ስምምዕ መሰላትን ካልኦት ዓለምለኸ ሰብኣዊ መሰላትን ወይ ባዕላተን ተሳተፍቲ ብዝኾናሉም ሰብኣዊ ስምምዓትን ሰነዳትን ዝተደንገጉ ኣግባብ ዘለዎም መሰላት ንክጥቀም ዝግባእ ሰብኣዊ ሓገዝን ሓለዋን ምርካቡ ንምርግጋፅ ኣድላይ ዘበለ ስጉምትታት ይወስዳ፡፡
2. ምእንቲ'ዚ ዕላማ'ዚ ውድብ ሕቡራት መንግስታትን ካልኦትን ብስምምዕ ሃገራት ዝተመስረቱ ስልጣን ዘለወን መንግስታዊ ውዳበታት ወይ ምስ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ተሓጋጊዘን

ዝኾና ዘይመንግስታዊ ትካላት ነቲ ስደተኛ ህፃን ንምክንኻንን ንምሕጋዝን፣ ከምኡ'ውን ምስ ወለዱ ንምርኻብ ዝሕግዙ ንወለዱ ወይ ንካልኦት ኣባላት ስድራቤቱ ዝምልከቱ መረዳእታት ንምትእኽኻብ ኣብ ዝገብርኦ ፃዕሪ ኣባል ሃገራት እዚ ስምምዕ'ዚ ግቡእ መሲሉ ዝተረኣየን ፃዕሪ ይገብራ። ወለዲ ወይ ካልኦት ኣባላት ስድራ እቲ ህፃን ክርከቡ እንድሕር ዘይተኻኢሉ እቲ ህፃን ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ንግዚኡ ወይ ንሓዋሩ ስድርኡ ዝሰኣነ ካልእ ህፃን ምስ ዝግበረሉ ተመሳሳሊ ዝኾነ ሓለዋን ክንክንን ይገበረሉ።

## ዓንቀፅ 23

1. ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ናይ ኣእምሮ ወይ ናይ ኣካል ጉድለት ዘለዎም ህፃናት ሰብኣዊ ክብሮም ተሓልዩ፣ ብነብሶም ብምትእምማን ኣብ  ሕብረተሰብ ንጡፍ ተሳትፎ እናገበሩ ዝተማልአን ዝተመዓራረየን ናብራ ክነብሩ ከምዘለዎም ይግንዘባ።
2. ኣካል ጉዱኣት ዝኾኑ ህፃናት ፍሉይ ክንክን ናይ ምርካብ መሰል ከምዘለዎም ኣባል ሃገራት ኣፍልጦ ይህባ። ከምኡ'ውን ዓቕመን ብዝፈቕዶ መጠን ፍሉይ ክንክን ዝግብኦም ህፃናትን ብሓላፍነት ዘዕብይዎም ሰባትን ነቲ ኩነታት ዝሰማማዕ ሓገዝ እንትሓቱ ንክወሃቦም የተባብዓ፣ ሓገዝ ዝተውሃቦም ምኻኖም'ውን የረጋግፃ።
3. ፍሉይ ጉድኣት ኣካል ህፃናት ኣብ ግምት ብምእታው ብናይ'ዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2 መሰረት ዝወሃብ ሓገዝ ኢኮኖሚያዊ ዓቕሚ ወለዲ ወይ መዕበይቱ ኣብ ግምት ብምእታው ብዝተኽኣለ መጠን ብናፃ ዝወሃብ ኮይኑ እቶም ህፃናት ኣድላይ ዝኾነ ትምህርቲ፣ ስልጠና፣ ናይ ጥዕና ተሃድሶ ግልጋሎት፣ መድለዊ ወፍሪ ስራሕን መዘናግዒ ግልጋሎት ንክረኽቡ ዝተተለመን፣ እዚ'ውን ንምሉእ ክእለት ናይቶም ህፃናት ዘማዕብልን ናበቲ ሕብረተሰብ ብግበእ ንክፅንበሩ ዝሕግዝን፣

ንባህሎምን እምነቶምን ብሓፈሽኡ ንዕብየቶም ዘቀላጥፍ ክኸውን ኣለዎ።

4. ኣባል ሃገራት ብዛዕባ ሓለዋ ጥዕና፣ ሕክምና፣ ስነ-ኣእምሮን ዓርሰ ምኽኣልን ጉድኣት ኣካል ዝኾኑ ህፃናት ብዝምልከት ብመንፈስ ዓለምለኽ ምትሕብባር ምልውዋጥ መረዳእታት ክግበር ይድግፉ። ዕላማ 'ዚ ምድግጋፍ ተወዓዓልቲ ሃገራት ኣብዚ መዳይ'ዚ ንዘለወን ክእለትን ሞያን ንምምሕያሽን ተሞኩሮ ንምስፋሕን ኮይኑ ኣገልግሎት ተሃድሶ፣ ትምህርትን ስልጠናን ዝምልከቱ መረዳእታታት ምዝርጋሕን ምርካብን ይሓውስ። ኣብዚ መዳይ'ዚ ኣብ ምልማዕ ናይ ዝርከባ ሃገራት ድለየት ፍሉይ ግምት ይወሃቦ።

## ዓንቀፅ 24

1. ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ኣብተን ሃገራት ብዝርከብ ዝለዓለ ደረጃ ጥዕና ህፃናት ተጠቀምቲ ኣገልግሎት ሕክምናን ተሃድሶን ንምኳን ዘለዎም መሰል ይግንዘባ። ኣባል ሃገራት ዝኾነ ይኹን ህፃን ነዞም ኣገልግሎታት ናይ ምርካብ መሰል ከይንፀግ ዝለዓለ ፃዕሪ ይገብራ።
2. ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን እዚ መሰል'ዚ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ስራሕ ከምዝወዓለ ይከታተላ። ብፍላይ ነዞም ዝስዕቡ ስጉምትታት ይወስዳ።

ሀ. ሞት ዕሸላትን ህፃናትን ምንካይ፣

ለ. ንዕብየት ክንክን መሰረተ ጥዕና ቀዳምነት ብምሃብ ንኩሎም ህፃናት ኣድላይ ግልጋሎት ሕክምናን ጥዕናን ምውሃቡ ምርግጋፅ፣

ሐ. ብመንፅር ክንክን መሰረተ ጥዕና ምምራዝ ከባቢ ዘስዕቦ ጠንቂ ብምግንዛብ፣ ፍሉጣት ዝርከቡ ቴክኖሎጂ ብምጥቃም፣ እኹልን ዝተመጣጠነን ምግቢ ከምኡ'ውን ቀረበ ፅሩይ ዝስተ ማይ

ብዝህልወሉ ኩነት ንሕማምን ዋሕዲ ዝተመጣጠነ ምግብን ምክልኻል፡፡

መ. ነፍሰ ፁር ኣዴታት ቅድመ ወሊድን ድሕሪ ወሊድን ግበእ ኣገልግሎት ጥዕና ምርካበን ምርግጋፅ፣

ሰ. ዝኾነ ይኹን ክፋል ሕብረተሰብ ብፍላይ ድማ ወለድን ህፃናትን ብዝዕባ ሓለዋ ጥዕናን ኣመጋግባ ህፃናትን፣ ረብሓ ምጥቢብ ጡብኣዶ፣ ፅሬየት ውልቀን ከባብን፣ ከምኡ'ውን ካብ ሓደጋ ናይ ምክልኻል መሰረታዊ ፍልጠት ከምዝህልዎምን ኣብ ተግባር ከምዘውዕልዎን ምርግጋፅ፣

ረ. ሜላታት ምክልኻል ሕማምን ኣተሓላልዋ ጥዕናን ንምምሕያሽ፣ኣገልግሎት ትምህርትን ምጣነ ስድራ ክስፋሕፋሕ ንምግባር ኣድላይ ዘበለ ስጉምቲ ይወስዳ፡፡

3. ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ጠንቂ ጥዕና ህፃናት ዝኾኑ ጎጻኣቲ ባህልታት ንምእላይ ኣድለይትን ውፅኢት ዝህቡን ስጉምትታት ይወስዳ፡፡

4. ብመሰረት'ዚ ስምምዕ ንህፃናት ዝተውሃቡ መሰላት ደረጃ ብደረጃ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ስራሕ ንክውዕሉ ዓለም ለኸ ምትሕግጋዝ ክህሉ ይድግፋ፡፡ ኣብዚ መዳይ'ዚ ንድልየት ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ፍሉይ ጠመተ ይወሃብ፡፡

## ዓንቀፅ 25

ኣባል ሃገራት ናይ ኣካል ወይ ናይ ኣእምሮ ሕማም ሓዲርዎ ንክንክን፣ ንሓለዋ ወይ ንሕክምና ተባሂሉ ነዚ ስራሕ'ዚ ሓላፍነት ብዝተውሃቦ ኣካል ኣብ ፍሉይ ቦታ ክቕመጥ ዝተገበረ ህፃን ዝረኽቦ ሕክምናን ሓፈሻዊ ኩነታቱን በብግዚኡ ገምጋም ክግበረሉ መሰል ከምዘለዎ ይግንዘባ፡፡

## ዓንቀፅ 26

1. ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ነፍሲ ወከፍ ህፃን ናይ ማሕበራዊ መድሕን ሓዊሱ ናይ ማሕበራዊ ውሕስነት ተረባሒ ናይ ምኺን

መሰል ከምዘለዎ ይፈልጣ፤ ነዚ መሰል ምሉእ ብምሉእ ንምትግባር ብመሰረት ሕጊ ኣድላይ ስጉምቲታት ይወስዳ::

2. እዞም ረብሓታት ከከም ኣድላይነቱ ናይቲ ህፃን ን0ኡ ንምንባይ ሓላፍነት ዘለዎም ሰባትን ኢኮኖሚያውን ካልኦት ኩነታትን፤ ከምኡ'ውን በቲ ህፃን ወይ ብሽሙ ኣብ ዘቐርብ ጥርዓን ዝግለፁ ምኽንያታትን ካልኦት ኣግባብነት ዘለዎም ምኽንያታትን ኣብ ግምት ብምእታው ክፍቀዱ ይግብኦም::

## ዓንቀፅ 27

1. ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ነፍሲ ወከፍ ህፃን ንኣካላዊ፣ ንኣእምሮኣዊ፣ ንመንፈሳዊ፣ ንሕሊናውን ማሕበራውን ዕብየቱ ኣድላይ ዝኾነ ደረጃ መነባብሮ ናይ ምርካብ መሰሉ ይፈልጣ::
2. ወለዲ ወይ ነቲ ህፃን ንምንባይ ሓላፍነት ዘለዎም ካልኦት ሰባት ክእለቶምን ንዋታዊ ዓቕሞምን ክንድዝፈቕዶ ንዕብየት እቲ ህፃን ኣድላይቲ ዝኾኑ ኩነታት መነባብሮ ኣብ ምምዕርራይ ቀዳማይ ሓላፍነት ኣለዎም::
3. ኣባል ሃገራት ከከም ጭቡጥ ሃገራዊ ትሕዝቶአንን ዓቕመንን ወለድን ነቲ ህፃን ናይ ምንባይ ሓላፍነት ዘለዎም ሰባትን ነዚ መሰል ተግባራዊ ንምግባር ዝገብርዎ ፃዕሪ ንምሕጋዝ ግበእ ስጉምትታት ይወስዳ:: ብፍላይ ምግቢ፣ ክዳውንትን መንበሪ ገዛን ብዝምልከት ኣብ ዝቐርብ ሕቶ ደገፍ ንዋታዊ ሓገዝ ይህባ፣ ፕሮግራም ሓገዝ የዳልዋ::
4. ኣባል ሃገራት እዚ ስምምዕ ኣብ ውሽጢ ሃገር ይኹን ኣብ ወፃኢ ካብ ዝርከቡ ወለዲ እቲ ህፃን ወይ ነቲ ህፃን ንምንባይ ሓላፍነት ካብ ዘለዎም ካልኦት ሰባት ነቲ ህፃን ንምዕባይ ዘድሊ ንዋይ ንምርካብ ዝኽእሉ ስጉምትታት ይወስዳ:: ብፍላይ ነቲ ህፃን ናይ ምዕባይ ሓላፍነት ዘለዎ ሰብ ካብ ሃገር ወፃኢ ዝነብር እንተኾይኑ ኣባል ሃገራት ነዚ ጉዳይ ንዘገልግሉ ዓለምለኽ ስምመዓት ይቕበላ፣ ወይ ሓዱሽ ዓለም ለኽ ስምምዕ ይወዓዓላ፣ ካልኦት ግቡኣት ስጉምትታት'ውን ይወስዳ::

## ዓንቀፅ 28

1. ኣባል ሃገራት ናይ ህፃናት ናይ ምምሃር መሰል የኽብራ። እዚ መሰል ንኹሉ ማዕረ ዕድል ምሃብ ኣብ ዝብል መትከል ብምምልካት ተግባራዊ ንምግባር፤

ሀ. ትምህርቲ ቀዳማይ ብርኪ ብግዴታን ብናፃን ንኹሉ ክምዝባፃሕ ይገብራ፤

ለ. ንሓፈሻዊን ሞያውን ትምህርቲ ዝሓቖፉ ዝተፈላለዩ ኣብያተ ትምህርቲ ካልኣት ብርኪ ንክስፋሕፍሑ የተባብዓ፣ ነፍሲ ወከፍ ህፃን ነዞም ትምህርትታት ናይ ምምሃር ዕድል ክህልዎ ይገብራ፣ ከምኡ'ውን ናፃ ትምህርቲ ምሃብ፣ ፅጉማት ተምሃሮ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ዝረኽብሉን ዝኣመሳሰሉን ግቡኣት ስጉምትታት ይወስዳ፤

ሐ. ብዝኾነ ይኹን ግቡእ መንገዲ ክእለት መሰረት ብምግባር ላዕለዋይ ትምህርቲ ንኹሉ ንክባፃሕ ይገብራ፤

መ. ናይ ትምህርትን ሙያን መረዳእታትን መምርሕታትን ንኹሎም ህፃናት ክባፃሑ ይገብራ፤

ሰ. ህፃናት ብቐፃልነት ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ንክርከቡን ኣብ ፈተና ናይ ዝተርፉ ህፃናት ቁፅሪ ንክውሕደን ዝሕግዙ ስጉምትታት ይወስዳ፤

2. ኣባል ሃገራት ኣተሓሳልዋ ዲስፕሊን ኣብያተ ትምህርቲ ምስ ሰብኣዊ ክብሪ ህፃናትን ምስ'ዚ ስምምዕ እዙይን ብዝተዋደደ ኣገባብ እናተተግበረ ምዃኑ ንምርግጋፅ ግቡእ ስጉምቲ ይወስዳ፤

3. ኣባል ሃገራት ኣብ መዳይ ትምህርቲ ዓለምለኽ ምትሕብባር ክህሉ ይድግፉ፣ የተባብዓ፣ ብፍላይ ድማ ድንቁርናን መሃይመነትን ካብ መላእ ዓለም ብዛዕባ ዝውገደሉ፣ ከምኡውን ፍልጠት ሳይንስን ቴክኖሎጂን፣ ዘመናዊ ሜላታት መምሃሪ ኣብ ምስፍሕፋሕ ጠመተ ይህባ። ኣብዚ መዳይ'ዚ ኣብ ምዕባይ ንዝርከባ ሃገራት ፍሉይ ጠመተ ይወሃብ።

## ዓንቀፅ 29

1. ኣባል ሃገራት ንህፃናት ዝወሃብ ትምህርቲ ኣብዞም ዝስዕቡ ኣንፈታት ጠመተ ንክገብር ተሰማሚዖን ኣለዋ፡፡

ሀ. ንናይቲ ህፃን ስብእና፣ ተውህቦ፣ ክእለት ኣእምሮን ኣካልን እቲ ህፃን ምሉእ ብምሉእ ምጉልባት፣

ለ. ሰብኣዊ መሰላትን መሰረታዊ ናፅነታትን፣ከምኡ'ውን ኣብ ቻርተር ውድብ ሕቡራት መንግስታት ንዝሰፈሩ መትከላት ናይ ምኽባር ዝንባለ ኣብ ምምዕባል፣

ሐ. ህፃናት ንወለዶም፣ ንባህላዊ መንነቶም፣ ንቛንቛኦምን ፀጋታቶምን፣ እቲ ዝነብርሉ ወይ ዝመፅሉ ሃገር ዝለዓለ ግምት ዝህቦም ሃገራዊ ኣተሓሳስባን ንናይ ካልኦት ሃገራት ስልጣነታትን ዘለዎም ኣኽብሮት ምምዕባል፣

መ. ህፃናት ኣብ ናፃ ሕብረተሰብ ብቑዓት ዜጋታት ኮይኖም ንክዓብዩ፣ ናይ ምርድዳእ፣ ተኽኣኢልካ ናይ ምንባር፣ ናይ ፆታ ማዕርነት፣ናይህዝብታት፣ ዓልየታት፣ ብሄራትን ብሄረሰባትን ጉጅለታት ሃይማኖትን ከምኡ'ውን ናይ ቀዳሞት ነበርትን ሕውነታዊ ስምዒት ንከማዕብሉ ምድላው፣

ሰ. ሃብቲ ተፈጥሮ ናይ ምክንኻን ዝንባለ ንምጉልባት፣

2. ኣብዚ ዓንቀፅ ወይ ዓንቀፅ 28 ውልቀ ሰባት ወይ ትካላት ናይ ትምህርቲ ትካላት ንምጥያሽን ንምምራሕን ንዘለዎም ናፅነት ብዝፃረር መንፈስ ኣይትርጎምን፡፡ ኣብዚ መዳይ ዝህልዉ ገደባት ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ንዝተመልከቱ መትከላት ምኽባርን ንምኽባርን፣ ብዛዕባ ኣወሃህባ ትምህርቲ መንግስቲ በብእዋኑ ዘውፅኦም መመዘንታት ንምሕላውን ይኸውን፡፡

## ዓንቀፅ 30

በዝሒ ህዝቦም ውሑድ ካብዝኾኑ ብሄረሰባት፣ናይ ሃይማኖትን ቛንቛን ጉጅለታት፣ ወይ ቀዳሞት ነበርቲ ካብ ዝርከብወን ሃገራት ዝተወለደ ህፃን ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ምስ ካልኦት ህፃናት ኣብ

ዝነብረሉ እዋን ናይ ባዕሉ ባህሊ ንምስዓብ፣ ሃይማኖቱ ንምስዓብን ስርዓት ንምኽባርን፣ ከምኡ'ውን ብናይ ባዕሉ ቋንቋ ንምጥቃም ዘለዎ መሰል ኣይንፈግን።

## ዓንቀፅ 31

1. ኣባል ሃገራት ህፃናት ንዕድሚኦም ብዝሰማማዕ ኩነታት ንምዝንጋዕ፣ ንምፅዋት ከምኡ'ውን ኣብ ባህላውን ስነ-ጥበባውን መዳያት ከከመ ድልየቶም ንምስታፍ ንዘለዎም መሰል ይፈልጣ።
2. ኣባል ሃገራት፤ ህፃናት ኣብ ባህላውን ስነ-ጥበባውን ፕሮግራማት ንምስታፍ ዘለዎም መሰል የኽብራ፣ ይድግፋ፤ ከምኡ'ውን ኣብ ባህላውን ስነ ጥበባውን ፕሮግራማት ናይ ምዝንጋዕ ዕድል ንኹሎም ብዝሰማማዕ መንገዲ ብማዕርነት ክባፃሕ የተባብዓ።

## ዓንቀፅ 32

1. ኣባል ሃገራት ህፃናት ካብ ኢኮኖሚ ምዝመዛ ክሕከለውን ንሓደጋ ኣብ ዘቃልዕ ወይ ንትምህርቶም ዘዐንቅፍ ወይ ንጥዕናኦም ዝጎድእ፣ንኣካላዊ፣ መንፈሳዊ፣ ኣእምሮኣዊ፣ ስነ-ምግባራውን ማሕበራውን ዕብየቶም ጎዳኢ ዝኾኑ ስራሕቲ ንከይወፍሩ ሓለዋ ናይ ምርካብ መሰል ከምዘለዎም ይፈልጣ።
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ዝተቐመጠ መሰል ተግባራዊ ምኳኑ ንምርግጋፅ ኣባል ሃገራት ሕጋዊ፣ ምምሕዳራዊ፣ ማሕበራዊን ትምህርታውን ስጉምትታት ይወስዳ። እዙይን ካልኦት ኣብ ዓለምለኸ ሰነዳተ ዝተደንገጉ ኣገባብ ዘለዎም ድንጋገታት ኣብ ግምት ብምእታው ኣባል ሃገራት ብፍላይ፤

ሀ.ታሕተዋይ ገደብ ዕድመ ስራሕ ይውስና፤

ለ. ናይ ስራሕ ሰዓትን ኩነታት ስራሕን ዝምልከት ሕጊ የውፅኣ፤

ሐ.እዚ ዓንቀፅ ብዝግባእ ኣብ ስራሕ ከምዝወዓለ ንምርግጋፅ ግቡእ ቅፅዓት ወይ ካልኦት ድንጋገታት ይሕግጋ፡፡

## ዓንቀፅ 33

ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን፣ ኣኣግባብነት ብዘለዎም ዓለምለኸ ስምምዓት ብዘተውሃቦ ትርጉም መሰረት ህፃናት ወልፊ የትሕዙ'ዮም ተባሂሎም ዝፍለጡ መፍዘዝቲ ኣእምሮ ካብ ሕጊ ወፃኢ ከይጥቀሙ፣ ከምኡ'ውን ሰባት ነዚ መደንዘዚ ኣእምሮ ኣብ ምፍራይ ወይ ኣብ ምክፍፋል ተግባር ብህፃናት ከይጥቀሙ ንምኽልካል ናይ ሕግኺ፣ ምምሕዳራዊኺ፣ ማሕበራውን ትምህርታውን ስጉምትታት ሓዊሱ ኣድላይ ዘበለ ስጉምቲ ይወስዳ፡፡

## ዓንቀፅ 34

ኣባል ሃገራት ኣብ ልዕሊ ህፃናት ዝኾነ ይኹን ዓይነት ብፍትወተ ስጋ ዝፍፀም መጥቃዕቲ ፆታዊ ርክብ ይከላኸላ፡፡ ምእንቲ'ዚ ዕላማ ኣባል ሃገራት ሃገራዊ ምስ ክልተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ዝኾና ሃገራት ብምትሕብባርን ዝኾነ ይኹን ኣግባብ ዘለዎ ስጉምቲ ብምውሳድ ነዞም ዝስዕቡ ንክልክላ፣

ሀ. ንህፃናት ብምጥባር ወይ ብምግደድ ኣብ ዘይሕጋዊ ርክብ ፍትወተ ስጋ ተሳተፍቲ ክኾኑ ምግባር፣

ለ. ንህፃናት ኣብ ተግባር ኣመንዝራነት ወይ ኣብ ካልእ ካብ ሕጊ ዝወፀ ተግባር ርክብ ፍትወተ ስጋ ኣዋፊርካ ምምዝማዝ፣

ሐ. ንህፃናት ኣብ ፀያፍ ምርኢታትን ስእልታትን ፊልምታትን ብምጥቃም ምምዝማዝ፣ ንምክልኻል ኩሎም ኣግባብነት ዘለዎም ዝተመሰረቱ ስጎምቲታት ይወስዳ፡፡

## ዓንቀፅ 35

ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን፣ ንህፃናት ንዝኾነ ዕላማ ወይ ብዝኾነ መንገዲ ንህፃናት ኣገዲድካ ብምውሳድ፣ ብምሻጥ፣ ብምትሕልላፍ

ንዝፍፀሙ ካብ ሕጊ ዝወፁ ተግባራት ንምክልኻል ኣድላይ ዘበለን ግቡእን ብሄራዊን ኣብ ምትሕብባር ክልተን ካብኡ ንላዕልን ሃገራት ዝተመስረተ ስጉምቲ ይወስዳ።

## ዓንቀፅ 36

ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ህፃናት ንድሕንነቶም ጠንቂ ካብዝኾኑ ዓይነታት ምዝመዛታት ይሕልዋ።

## ዓንቀፅ 37

ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን እዞም ዝስዕቡ ምኽባሮም የረጋግፃ፤

ሀ. ዝኾነ ይኹን ህፃን ብዘሳቒ፣ ወይ ጭካነ ብዝመልኦ፣ ኢ-ሰብኣዊ ብዝኾነ  ወይ ንሰብኣዊ ክብሪ ብዝትንክፍ ቅፅዓት ኣይቕፃዕን፣ ዕድሚኦም ካብ 18 ዓመት ንታሕቲ ዝኾኑ ሰባት ንዝፍፅምዎም ገበናት ናይ ሞት ፍርዲ፣ ወይ ናይ ምፍታሕ ዕድል ዘይብሉ ናይ ዕድመ ልክዕ ማእሰርቲ ኣይፍረድን።

ለ. ዝኾነ ይኹን ህፃን ብዘይሕጊ ወይ ካብ ስነ-ስርዓት ወፃኢ ናፅነቱ ኣይገሃስን፣ ህፃናት ዝእሰሩ ወይ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ዝውዕሉ ሕጊ ብዝሓቶ መሰረት ይኽውን። እዚ ’ውን ከም ናይ መወዳእታ ኣማረፂ ዝውሰድን ንሓፂር ጊዜ ዝፀንሕን ክኸውን ኣለዎ።

ሐ. ናፅነቱ ዝተገፈፈ ዝኾነ ይኹን ህፃን ዕድሚኡ ዝሓቶም ድልየታት ኣብ ግምት ብምእታው ንሰብኣዊ ፍጥረት ክወሃብ ዝግብኦ ክብሪ ከይተንደሎ ብርህራሀ ክተሓዝ ኣለዎ። ብፍላይ ከኣ ናፅነቱ ዝሰኣነ ህፃን ንናይ ባዕሉ ድሕንነት ዝጠቅም’ዩ እንተዘይተባሂሉ ካብ ዓበይቲ ሰባት ክፍለ ኣለዎ። ፍሉያት ኩነታት ክሳብ ዘየጓንፉ-ብምልእኣኽ ይኹን ብምብፃሕ ምስ ስድራ ቤቱ ርክብ ናይ ምግባር መሰል ይህልዎ።

መ. ዝኾነ ይኹን ናፅነቱ ዝሰኣነ ህፃን ናይ ሕግን ካልእ ግቡእ ሓገዝ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ፤ ናፅነተይ ዝተገፈፍኩ ካብ ሕጊ

ወፃኢ እዩ ብምባል ኣብ ቤት ፍርዲ ወይ ስልጣን ኣብ ዘለዎ ካልእ ዘይሻራውን መንጎኛን ዝኾነ ኣካል ጥርዓን ናይ ምርካብን ህፁፅ ውሳነ ናይ ምርካብን መሰል ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 38

1. ኣባል ሃገራት ኣብ እዋን ኲናት ንህፃናት ግቡእ ዝኾነን ተፈፃምነት ዘለዎን ናይ ዓለም ለኸ ሰብኣዊ ኣተሓሕዛ ሕግታት የኽብራ፣ ዝተኽበሩ ምዃኖም'ውን የረጋግፃ።
2. ኣባል ሃገራት ዕድሚኦም ካብ 15 ዓመት ንታሕቲ ዝኾኑ ሰባት ኣብ ፀላእነታዊ ጎንፅታት ብቀጥታ ተሳተፍቲ ንከይኾኑ ዝከኣለን ኩሉ ስጉምቲ ብምውሳድ የረጋግፃ።
3. ኣባል ሃገራት ዕድሚኦም 15 ዓመት ዘይመልኦም ሰበት ኣብ ንሓይልታትን /ውግእ/ካብ ምምልማል ይዕገታ። ዕድሚኦም ኣብ መንጎ 15ን 18ን ዝኾኑ ሰባት ኣብ ዝምልመሉ እዋን'ውን ዕድሚኦም ልዕል ንዝበለ ቀዳምነት ይህባ
4. ኣብ እዋን ኲናት ናይ ሲቪል ህዝቢ ድሕንነት ንምሕላው ብመሰረት ኣብ ዓለም ለኸ ሕጊ ሰብኣዊ ኣተሓሕዛ ዘለወን ግቡእ ብኲናት ፀገም ንዝወረዶም ህፃናት ዘድሊ ሓለዋን ክንክን ከምተገብረ ንምርግጋፅ ኣድላይ ዘበለ ስጉምቲ ይወስዳ።

## ዓንቀፅ 39

ብሰኣን ክንክን፣ ብምዝመዛ ወይ ብበደል፣ ብስቓይ ወይ ብዝኾነ ዓይነት ናይ ጭካነ ተግባር፣ ኢሰብኣዊ ብዝኾነ ወይ ንኽብሪ ወዲ ሰብ ትሕት ብዘብል ቅፅዓት ወይ ብሰንኪ ኲናት ዝተጎድአ ህፃን ኣካላዊ፣ ስነ-ልቦናዊ ወይ ማሕበራዊ ተሃድሶ ምእንቲ ክረክብን ምስቲ ሕብረተሰብ ተፀንቢሩ ንክነብርን ኣባል ሃገራት እዚ ስምምዕ ኣድላይ ዘበለ ስጉምቲ ይወስዳ። ከምዚ ዝዓይነቱ ተሃድሶን ምስ ሕብረተሰብ ናይ ምፅምባር ስጉምትን ናይቲ ህፃን ጥዕናን ዓርሰ እምነትን ክብርን ብዘደልድል ኩነታት ይፍፀም።

## ዓንቀፅ 40

1. ኣባል ሃገራት ናይ ገበን ሕጊ ጥሒስካ ተሃቢሉ ዝተኸሰሰ ወይ ነቲ ሕጊ ከምዝጠሓሰ ዝተፈለጠ ህፃን ንሰብኣዊ ክብሩ ብዘማዕብልን ኣብ መሰላት ሰባትን መሰረታዊ ናፅነታትን ዘለዎ ስምዒት ብዘበራትዕን ኩነታት ንክምርመር ዘለዎ መሰል ኣፍልጦ ይህብ። እዚ'ውን ምስ ዕድመ ናይቲ ህፃን፣ ኣብቲ ሕብረተሰብ ንምፅምባር ምስ ዘለዎ ኣድላይነትን እቲ ህፃን ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ እወንታዊ ግደ ንክህልዎ ምስ ዘለዎ ኣበርክቶን ብዝተዛመደ ኣተሓሕዛ ናይ ምርካብ መሰሉ ኣፍልጦ ይህባ።
2. እዚ ዕላማ ሽቶኡ ንኽወቅዕ ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ኣግባብነት ዘለዎም ሰነዳት ዓለምለኽ ኣብ ግምት ብምእታው፤ ብፍላይ ነዞም ዝስዕቡ ንምትግባር ፃዕሪ ይገብራ፤

ሀ. ዝኾነ ይኹን ህፃን ኣብ'ቲ እዋን ብሃገራውን ዓለምለኽ ሕግታት ዘይተኸልከሉ ተግባራት ብምፍፃም ወይ ብዘይምፍፃሙ ምኽንያት ኣይሕተትን፣ ኣይኽሰስን፣ ሕጊ ገበን ከምዝጠሓሰ ኣይቑፀርን።

ለ. ናይ ገበን ሕጊ ጥሒስካ ዝተብሃለ ወይ ብምጥሓሱ ዝተኸሰሰ ዝኾነ ይኹን ህፃን እንተውሓደ እዞም ዝስዕቡ ውሕስነታት ኣለውዎ፣

i. ብመሰረት ሕጊ ገበነኛ ምዃኑ ክሳብ ዝረጋገፅ ከም ንፁህ ይግመት፣
ii. ኣብ ልዕሊኡ ዝቐረበ ክሲ ሽዑ ንሽዑ ብቀጥታ ይንገሮ፣ ኣድላይ እንተኾይኑ'ውን ብወለዱ ወይ ብሕጋዊ መዕበይቱ ኣቢልካ ይንገሮ። እቲ ህፃን ነቲ ዝቐረበሉ ክሲ መከላኸሊ ንምድላውን ንምቕራብን ናይ ሕጊ ወይ ካልእ ግቡእ ሓገዝ ይግበረሉ።
iii. ነቲ ዝቐረበ ክሲ ብዘምድንጓይ፣ ስልጣን ብዘለዎ፣ ናፃ ብዝኾነ፣ ኣድልዎ ብዘይገብር ኣካል ወይ ቤት ፍርዲ ብመሰረት ሕጊ ቅኑዕ ውሳነ ይወሃቦ። ጉዳዩ ኣብዝራኣየሉ እዋን ድማ ናይ ሕግን ካልኣት ኣግባብ ዘለዎም ሓገዛት ናይ ምርካብ፣ ብፍላይ

ዕድሚኡን ዝርከቡሉ ኩነታት ኣብ ግምት ብምእታው ነቲ ህፃን ኣይጠቅምን ክሳብ ዘይተብሃለ ወለዱ ወይ ጠበቓታቱ ክርከቡ ኣለዎም፡፡

iv. እቲ ህፃን ናይ ምስክርነት ቃል ንምሃብ፣ ወይ ገበነኛ'የ ኢሉ ንምእማን፣ ወይ ኣብቶም ኣብ ልዕሊኡ ዝምስክሩ ናይ ሕጊ ምስክራት ሕቶ ንምቕራብ ወይ ናይ ባዕሉ መሳኻኽር ንምምርማር ኣይግደድን፡፡

v. እቲ ህፃን ብሕጊ መቕፅዒ ገበነኛ ጥሒሱ'ዩ ተባሂሉ እንተተፈረድሉ እቲ ብይንን ብመሰረት እቲ ብይን ዝውሰዱ ኩሎም ስጉምትታትን ስልጣን ብዘለዎም ዘይሻራዊን ሞንጎኛን በዝኾነ ኣካል ዳኝነት ብመሰረት ሕጊ ክምርመረሉ ምግባር፣

vi. እቲ ክሲ ዝስመዓሉ ቋንቋ እቲ ህፃን ክሰምዖ ወይ ክዛረቦ ዘይኽእል እንተኾይኑ ናፃ ሓገዝ መስተርጎሚ ክረክብ ምግባር፣

vii. እቲ ጉዳይ ኣብዝረኣየሉ እዋን ብዝኾነ ይኹን ደረጃ ካልእ ሰብ ክፈልጦ ዘይግባእ ውልቀ ጉዳይ ብምስጢር ይሕለወሉ፡፡

3. ኣባል ሃገራት ናይ ገበን ሕጊ ጥሒሶም ተባሂሎም ንዝተኸሰሱ ወይ ምጥሓሶም ንዝተፈለጡ ህፃናት ዝምልከቱ ሕግታት፣ ስነ-ስርዓታት፣ ኣብያተ ፅሕፈታትን ትካላትን ክህልው ይገብሩ፡፡ ብፍላይ ከኣ፤

ሀ. ህፃናት ሕጊ ገበን ንምጥሓስ ዓቕሚ ከምዘይብሎም ተገይሮም ዝቑፀርሉ ታሕተዋይ ዕድመ ንምውሳን፣

ለ. ኣድላይን ግቡእን ኮይኑ እንትርከብ ሰብኣዊ መሰላትን ብሕጊ ዝተቐመጡ ሓለዋታትን ከምዘለዉ ኮይኖም፣ እቲ ጉዳይ ናብ ቤት ፍርዲ ምቕራቡ ተሪፉ ካልኦት ስጉምትታት ዝውሰድሉ ስርዓት ንምዝርጋሕ፣

4. ንህፃናት ዝግበር ኣተኣላልያን ሓለዋን ንድሕንነቶም ዘተኣማምን፣ ምስቲ ዝርከብሉ ኩነታትን ምስቲ ዝተሓተትሉ ገበንን ዝመጣጠን ከምዝኾነ ንምርግጋፅ በዘይካ በተን ትካላት ዝወሃቡ ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታት ከም መማረፂ ኣገልግሎት ምኽሪ፣ ኣመክሮ ፣

ኣገልግሎት ምንባይ፣ ፕሮግራማት ትምህርትን ሞያዊ ስልጠናን ዝኣመሳሰሉ ዝተፈላለዩ ግልጋሎት ይወሃቦም።

## ዓንቀፅ 41

እዚ ኪዳን መሰላት ህፃናት ተግባራዊ ኣብ ምግባር ልዑል ኣበርክቶ ዘለዎም፤

ሀ. ሕግታት ኣባል ሃገር፣ወይ

ለ. ኣብታ ኣባል ሃገር ተፈፃሚ ዝኾውን ዓለምለኸ ሕጊ ዝተገለፁ ድንጋገታት ዝትንክፍ ኣይኾውንን።

# ካልኣይ ክፋል

## ዓንቀፅ 42

ኣባል ሃገራት መትከላትን ድንጋገታትን እዚ ብዓበይቲ ይኹን ብህፃናት ብስፍሓት ክፍለጡ ንምግባር ኣድላይ ዘበሉ ስጉምቲታት ይወስዳ።

## ዓንቀፅ 43

1. ኣባል ሃገራት ኣብዚ ኪዳን ዝተቐመጡ መሰላት ህፃናት ኣብ ተግባር ንምውዓል ዝወሰድኦ ስጉምትታት ንምግምጋም እዞም ዝስዕቡ ተግባራት ዝፍፅም ኮሚቴ መሰላት ህፃናት ይጣየሽ።
2. እቲ ኮሚቴ ልዑል ስነ-ምግባር ዘለዎምን ኣብ'ዚ ኪዳን ብዛዕባ ዝተቐመጡ ጉዳያት ዝተፈልጠ ብቕዓት ዘለዎመን ዓሰርተ ሰብ ሞያ ዝሕዝ ይኸውን። ኣባላት እዚ ኮሚቴ ብኣባል ሃገራት ካብ መንጐ ዜጋታቶም ስምምዕ ዝምረፁን በብውልቆም ዘገልግሉን'ዮም። ኣብ ከይዲ መረፃ ኣባላት ኮሚቴ ፍትሓዊ ንዝኾነ ጂኦግራፍያዊ ምትሕንፋፅን ሃገራቶም ዝስዕበኦ ናይ ሕጊ ስርዓትን ትኹረት ይወሃቦ።
3. ኣባላት እዚ ኮሚቴ ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ካብ ሞንጎ ዘቕርባኦም ሕፁያት ብምስጢራዊ ናይ ድምፂ ኣወሃህባ

ስርዓት ይምረፁ። ነብሲ ወከፍ ሃገር ካብ ዜጋታታ ሓደ ሕፁይ መቕራብ ትኽእል።

4. ናይቶም ቀደሞት ኣባላት ኮሚቴ መረፃ እዚ ኪዳን ኣብ ተግባር ካብ ዝውዕል ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ወርሒ ይፍፀም። ብድሕሪ'ዚ ድማ እቲ መረፃ በብክልተ ዓመት ይኸውን። ዋናፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ዘቕርበኦም ሕፁያት ኣብ ውሽጢ ክልተ ወርሒ ንክፍልጣ እቲ መረፃ ቅድሚ ዝካየደሉ እዋነ እንተወሓደ ቅድሚ ኣርባዕተ ወርሒ ብደብዳቤ ይሓቱ። ብድሕሪ'ዚ እቶም ዋና ፀሓፊ ናይ ኩሎም ሕፁያት ሽም ዝርዝር ብቕደም ሰዓብ ፊደልን ካበየነይቲ ሃገር ብሕፁይነት ከምዝቐረቡን ኣዳልዮም ንኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን የቕርቡ።

5. መረፃ ዝካየድ ኣብ ዋና ቤት ፅሕፈት ውድብ ሕቡረት መንግስታት በቶም ዋና ፀሓፊ ኣብ ዝፅዋዕ ሓፈሻዊ ኣኼባ ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ይኸውን። ኣብቲ ኣኼባ ስምምዕ ክልተ ሲሶ እንድሕር ተረኺቡን ምልኣተ ጉባኤ ዝህሉ ኮይኑ፣ ኣባላት ኮሚቴ ኮይኖም ዝምረፁ ዝበዝሐ ድምፂ ዝረኸቡን ኣብቲ ኣኼባ ካብ ዝተረኸባ ኣባል ሃገራት ካብ ፍርቂ ንላዕሊ ብዝኾና ዝተደገፉን ይኾኑ።

6. ኣባላት ኮሚቴ ንኣርባዕተ ዓመት ናይ ስራሕ ጊዜ ይምረፁ። ከምብሓድሽ ብሕፁይነት እንድሕር ቀሪቦም ክምረፁ ይኽእሉ። ካብቶም ኣብቲ ቀዳማይ መረፃ ዝተመረፁ ኣባላት ናይ ሓሙሽተ ኣባላት ናይ ስራሕ ጊዜ ድሕሪ ክልተ ዓመት ይፍፀም። እቲ ቀዳማይ መረፃ ምስተገብረ ሽዑ ንሽዑ ኣቦ መንበር እቲ ኣኼባ ብዘውፅኦ ዕፃ ናይቶም ሓሙሽተ ኣባላት ስም ይላለ።

7. ሓደ ኣባል እቲ ኮሚቴ ብሞት ወይ ብድልየቱ ስርሑ እንትገድፍ ወይ ብዝኾነ ካልእ ምኽንያት ኣገልግሎት ንምሃብ ዘይኽእል እንተኾይኑ እታ ብሕፁይነት ዘቕረበቶ ሃገር ካብ መንጎ ዜጋታታ ነታ ዝተረፈ ግዜ ዘገልግል ካልእ ሰብ

ትስይም። እዚ ተግባራዊ ዝኸውን ግና በቲ ኮሚቴ ተቐባልነት እንትረክብ እዩ።

8. እቲ ኮሚቴ ናይ ባዕሉ ኣሰራርሓ መምርሒ የውፅእ።
9. እቲ ኮሚቴ ናይ ባዕሉ ሹመኛታት ንክልተ ዓመት ናይ ስራሕ ጊዜ ይመርፅ።
10. ኣኼባታት እቲ ኮሚቴ ኣብ ዋና ቤትፅሕፈት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ወይ እቲ ኮሚቴ ኣብ ዝውስኖ ካልእ ምቹው ስፍራ ይካየድ። እቲ ኮሚቴ ኣብ ዓመት ሓደ ሻዕ ይእከብ። ኣኼባ ናይቲ ኮሚቴ ዝወስዶ ጊዜ ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ኣብዝካይደኦ ኣኼባ ይውሰን፣ ከምኣድላይነቱ’ውን ይመሓየሽ። ድሕሪ’ዚ ድማ ኣብቲ ሓፈሻዊ ጉባኤ ክፀድቕ ይግበር።
11. ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት እቲ ኮሚቴ ስርሑ ብዝግባእ ንክይክይድ ናይ ሰብ ሓይልን ኣድላይ መሳለጥያታትን የማልኡ።
12. ኣባላት እቲ ኮሚቴ ንዝህብዎ ኣገልግሎት ዝወሃብ ክፍሊት ሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ይውሰን፤ እቲ ዝኽፈሎምን ኣገልግሎቶምን እቲ ውድብ ብዝውስኖ ናይ ስራሕ ኩነት ይኸውን።

## ዓንቀፅ 44

1. ኣባል ሃገራት ኣብዚ ኪዳን ዝተቐመጡ መሰላት ብዝምልከት ዝወሰዶም ስጉምትታትን ዝተረኸበ ውፅኢትን ብዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣቢለን ፀብፃበን በበእዋኑ ናብቲ ኮሚቴ የቕርባ።

ሀ. ፈላሚ ፀብፃብ እዚ ኪዳን ኣብ ስራሕ መውዓል ካብ ዝጀመረሉ ኣትሒዙ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት፤

ለ. ድሕሪ’ዚ ዝቐርቡ ፀብፃባት ድማ ኣበየ ሓሙሽተ ዓመቱ ይኾኑ።

2. እቲ ዝቐርብ ፀብፃብ ኣብዚ ኪዳን ዝተቐመጡ መሰላት ተግባራዊ ንከይኾኑ ዘጓንፉ ፀገማትን ኣብ ኣፈፃፅማ ዝተርኣዩ

ኩነታትን ዘጠቓለለ ይኸውን። እቲ ፀበፃብ ኣበታ እዚ ጉዳይ ዝምልከታ ሃገር ንመሰል ህፃናት በዝምልከት ዘሎ ኩነት ዝገልፅን ብቑዕ መረዳእታ ዝሓዘን ክኸውን ኣለዎ።

3. ነቲ ኮሚቴ ፈላሚ ፀብፃብ ዘቕረበት ኣባል ሃገር ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1(ለ) ኣብተቅርቦ ፀብፃብ ኣብ ፈላማይ ፀብፃብ ዘቕረበቶም መሰረታዊ ሓበሬታታት ደጊማ ክተቕርብ የብላን።
4. እቲ ኮሚቴ ብዛዕባ ተግባራዊነት እዞም መሰላት ተወሳኺ መረዳእታ ካብ ተወዓዓልቲ ሃገራት እዚ ስምምዕ ክሓትት ይኽእል።
5. እቲ ኮሚቴ ብዛዕባ ምንቅስቓስ ስርሑ ብቤት ምኽሪ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ጉዳያት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣቢሉ በብክልተ ዓመት ናብቲ ሓፈሻዊ ጉባኤ የቕርባ።
6. ኣባል ሃገራት ዘቕርበኦም ፀብፃባት ነናብ ህዝብታተን በስፍሓት ከምዝባፃሕ ይገብራ።

## ዓንቀፅ 45

እዚ ኪዳን ብግቡእ ኣብ ስራሕ ክውዕል ንምግባርን ነቲ ውዕል ኣብ ዝምልከቱ ዋኒናት ዓለም ለኻዊ ምትሕግጋዝ ክህሉ ንምትብባዕን፣

ሀ. ፍሉይ ሓላፍነት ስራሕ ዝተውሃበን ኣካላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት፣ ናይ ውድብ ሐቡራት መንገግስታት ናይ ህፃናት መሐገዚ ትካላት ካልኦት ትካላትን ኣብ'ዚ ውዕል ንዝሰፈሩን መስ ናታተን ሓላፍነት ስራሕ ዝተዛመዱን ድንጋገታት ተግባራዊ ንምግባር ኣብ ዝግበሩ ኣኼባታት ተወከልቲ ብምስዳድ ናይ ምስታፍ መሰል ኣለወን። እቲ ኮሚቴ ተግባራዊነት እዚ ኪን ብዝምልከት በብ ናይ ስራሕ ሓላፍነተን ሞያዊ ርእይቶ ንክህባ ፍሉይ ሞያ ንዘለወን ትካላት ውድብ ሕቡራት መንግስታትን ትካል መሐገዚ ህፃናት ከምኡ'ውን እቲ ጉዳይ ዝምልከቶም ካልኦት ኣካላት ክዕድም ይኽእል።

ከምኡ'ውን እቲ ኮሚቴ ንናይ ውድብ ሕቡራት መንግስታትን ተግባራዊነት እዚ ኪዳን ብዝምልከት ምስ ናይ ስራሕ ሓላፍነትን ዝምድና ኣብ ልዕሊ ዘለዎም ጉዳያት ፀብፃብ ንከቕርባ ክዕድመን ይኽእል።

ለ. እቲ ኮሚቴ ግቡእ ኮይኑ እንተረኺብዎ ኣባል ሃገራት ናይ ቴክኒክ ምኽሪ ወይ ሓገዝ ንክወሃበን ዘቕርበኦ ዝኾነ ይኹን ሕቶ ናይ ባዕሉ ርእይቶ ወሲኹ ፍሉይ ሓላፍነት ናብ ዝተውሃበን ትካላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት፣ ናብ ናይ ሕቡራት መንግስታት ትካል መሐገዚ ህፃናትን ካልኦት ዝምልከቶም ኣካላትን የመሓላልፍ።

ሐ. እቲ ኮሚቴ መሰል ህፃናት ኣብ ዝምልከት ዝተፈላለዩ ጉዳያት ብሽም እቲ ኮሚቴ መፅናዕቲ ንክካየድ እቲ ሓፈሻዊ ጉባኤ ንዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ንክሓትት ናይ ውሳነ ሓሳብ ከቕርብ ይኽእል።

መ. እቲ ኮሚቴ ብመሰረት ዓንቀፅ 44ን 45ን እዚ ኪዳን ኣብ ዝረኸቦም መረዳእታታት ተደሪኹ ርእይቶታትን ሓፈሻዊ ናይ ውሳነ ሓሳብን ከቕርብ ይኽእል። ብመሰረት'ዚ ዝሰናዳእ ርእይቶን ናይ ውሳነ ሓሳብን ነታ ዝምልከታ ሃገር ኣብ ዘመሓላልፈሉ እዋን ካብ ኣባል ሃገራት ዝተልኣኸ ርእይቶ እንተሃሊዩ ተወሲኽዎ ብመልክዕ ፀብፃብ ናብ ሓፈሻዊ ጉባኤ ይቐርብ።

## ሳልሳይ ክፋል

## ዓንቀፅ 46

እዚ ኪዳን ንክታም ኩለን ሃገራት ክፉት ኮይኑ ይቕመጥ።

## ዓንቀፅ 47

እዚ ኪዳን ተፈፃሚ ዝኸውን ብኣባል ሃገራት ምስፀደቖ'ዩ። እቶም ሰነዳት መፅደቂ ኣብ ቤት ፅሕፈት ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ይቕመጡ።

## ዓንቀፅ 48

እዚ ኪዳን ዝኾነት ትኹን ሃገር ንክትቅበሎ ክፉት ኮይኑ ይፀንሕ። መቐበሊ ሰነዳት እዚ ኪዳን ኣብ ቤት ፅሕፈት ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ይቕመጡ።

## ዓንቀፅ 49

1. መበል 20 ናይ መፅደቂ ወይ መቐበሊ ሰነድ ኣብ ዋና ቤት ፅሕፈት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ካብ ዝቐረበሉ እዋን ጀሚሩ ኣብ መበል ሰላሳ መዓልቲ እዚ ኪዳን ዝፀንዐ ይኸውን።
2. መበል 20 ናይ መፅደቂ ወይ መቐበሊ ሰነድ ምስተቐመጠ ነዚ ኪዳን እንትቅበል ወይ እተፅድቕ ነብሲ ወከፍ ሃገር ነዚ ናይ ስምምዕ መፅደቂ ወይ መቐበሊ ሰነድ ምስኣቐመጠት ኣብ መበል ሰላሳ መዓልቲ እዚ ስምምዕ ተፈፃምነቱ ይጅመር።

## ዓንቀፅ 50

1. ዝኾነት ኣባል ሃገር መመሓየሺ ሓሳብ ክተበግስን ንዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ክተቕርቦ ትኽእል። ዋናፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት እቲ መመሓየሺ ሓሳብ ምስበፅሖም ኣባል ሃገራት ተኣኪበን ኣብቲ ዝቐረበ መመሓየሺ ሓሳብ ንምዝርራብን ንምውሳንን ዝደልያ እንተኾይነን ብምሕታት ነቲ መመሓየሺ ሓሳብ ይልእኸለን። እዚ ምስኮነ ድሕሪ ኣርባዕተ ወርሒ ካብ መንጎ እተን ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ሲሶ ነቲ ኣኼባ እንተደጊፈን ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ብሽም እቲ ውድብ መፀዋዕታ ኣኼባ የቕርቡ።

ኣብቲ ኣኼባ ካብ ዝተረኸባን ድምጺ ዝሃባን ሃገራት ብኣብዛሓ ዝደገፈኦ ዝኾነ ይኹን መመሓየሺ ሓሳብ ንክፀድቕ ናብ ሓፈሻዊ ጉባኤ ይቐርብ።

2. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ'ዚ ንኡስ ዓንቀፅ ሓደ ተቐባልነት ዝረኸበ መመሓየሺ ሓሳብ ካብ ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ክልተ ሲሶ ድምጺ እንተደጊፈንኦ ዝፀንዐ ይኸውን።
3. ሓደ መመሓየሺ ሓሳብ ድሕሪ ምፅንዑ ኣብተን ነዚ መመሓየሺ ዝተቐበላ ኣባል ሃገራት ኣስገዳድነት ይህልዎ። ካልኦት ሃገራት ግና ኣብቲ ኪዳን ንዘለዉ ድንጋገታትን ኣቐዲመን ንዝተቐበልኦ መመሓየሺ ሓሳባትን ንከኽብራ ይግደዳ።

## ዓንቀፅ 51

1. ሃገራት ነዚ ስምምዕ እንተፅድቓ ወይ እንትቕበላ እንተለዋ ተዓቅቦ ዝገብራሎም ጉዳያት ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ብፅሑፍ ተቐቢሎም ናብ ኹለን ካልኦት ኣባል ሃገራት ክበፅሕ ይገብሩ።
2. ምስ መሰረታዊ ጉዳያትን ዕላማ እዚ ስምም ብዝፃረር መልክዕ ዝተመዝገበ ተዓቅቦ ተቐባልነት ኣይህልዎን።
3. ኣባል ሃገራት ንዘመዝገበኦ ተዓቅቦ ኣብ ዝኾነ እዋን ገዲፈዮ እየ ክብላ ይኽእላ። እዚ ክገብራ እንተለዋ'ውን ንዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ክፍልጣ ይግብኣን። እቶም ዋና ፀሓፊ'ውን እዚ ጉዳይ ኩለን ሃገራት ክፈልጠኦ ይገብሩ። እዚ ተዓቅቦ ኣልዒለ'የ ዝብል መለእኽቲ ናብ ዋና ፀሓፊ ካብ ዝበፅሓሉ ዕለት ኣትሒዙ ተፈፃምነት ይህልዎ።

## ዓንቀፅ 52

ኣባል እዚ ኪዳን ዝኾነት ሃገር ኣባልነታ ክተቛርፅ ክትውስን እንተላ ንዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ብፅሑፍ ተቕርብ። እቲ ኣባልነተይ ከቛርፅ'የ ዝብል መልእኽቲ ተፈፃምነት ዝህልዎ እቲ

ፅሑፍ ናብ ዋና ፀሓፊ ካብ ዝቐረበሉ ዕለት ጀሚሩ ድሕሪ ሓደ ዓመት ይኸውን።

## ዓንቀፅ 53

እዚ ኪዳን ምስ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ይቕመጥ።

## ዓንቀፅ 54

ቀንዲ ቅዳሕ እዚ ኪዳን ምስ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ይቕመጥ። ቅዳሕ ቋንቋታት ዓረብ፣ ቻይና፣ እንግሊዝ፣ ፈረንሳይ፣ ሩስያን እስፓንሽን ማዕረ ኣፍልጦ ይህልዎም።

እዚ ስምምዕ ብመንግስቶም ምሉእ ውክልናን ስልጣንን ናይ ዝተውሃቦም ልኡኻት ክታም ከምዝዓረፎ ተረጋጊፁ'ዩ።

# ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝፍፀሙ ኩሎም ዓይነታት ኣድልዎ ንምውጋድ ዝወፀ ኪዳን

## ኣብ ስራሕ ዝዋዓለ፡፡

## ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን

ኣድማሳዊ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት ኣድልዎን ኣፈላላይን ተቐባልነት ዘይብሉ ከምዝኾነ፣ ኩሎም ሰባት ናፃ ኮይኖም ዝተወልዱን ማዕረ መሰልን ክብርን ዘለዎም ከምዝኾኑ ዝኾነ ሰብ ፆታ እንተይፈለየ ኣብቲ ኣድማሳዊ ኣዋጅ ተዘርዚሩ መሰላትን ናፅነታትን ብዘይ ዝኾነ ኣፈላላይ ክውንን ከምዝግብኦ ዘረጋግፅ ምኳኑ ብምግንዛብ፤

ቻርተር ውድብ ሕቡራት መንግስታት ንምኽባር መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላት፣ ክብሪ ዘርኢ ሰብን ንማዕረ መሰል ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ኣፍልጦ ዝሀበ ምኳኑ ብምርዳእ፤

ንዓለምለኽ ሕግታት ሰብኣዊ መሰላት ዝተቐበሉ ሃገራት ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ብቁጠባዊ፣ ብማሕበራውን ብሲቪላው ፖለቲካውን መሰላት ማዕረ ክጥቀሙ ናይ ምግባር ሓላፊነት ከምዘለዎም ብምርዳእ፤

ብውድብ ሕቡራት መንግስታት ፍሉይ ተልእኾ ብዝተውሃቦም ኣካላቱን ማዕረ መሰል ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ንምኽባር ዝፀደቑ ዓለም ለኽ ስምምዓት ብምዝካር፤

ከምኡ'ውን ብውድብ ሕቡራት መንግስታትን ፍሉይ ተልእኾ ብዝተውሃቦም ትካላቱን ማዕረ መሰል ደቂኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ንምኽባር ዝወፁ ውሳነታት፣ ድንጋገታትን ናይ ተግባር እማመታትን ኣብ ግምት ብምእታው፤

እዞም ስጉምቲታት እንተተወሰዱ እውን፣ ኣብ ልዕሊ ደቂአንስትዮ ዝበፅሕ ኣድልዎ እናቐፀለ ምኺኑ ብምሕሳብ፤

ኣብ ልዕሊ ደቂአንስትዮ ዝበፅሕ ኣድልዎን ኣፈላላይን ንመትከል ማዕረ መሰላት ዝጥሕስን ንክብሪ ዘርኢ ወዲ ሰብ ዝግህስን ምኺኑ፣ ደቂአንስትዮ ኣብ ናይ ሃገረን ፖለቲካዊ ማሕበራዊ፣ ቁጠባውን ባህላውን ህይወት ምስ ደቂ ተባዕትዮ ብማዕረ ከይሳተፉ ዘዐንቅፍ ምኺኑ፣ ዕብየትን ምዕባለን ሕብረተሰብ ዘምክንን ደቂ ኣንስትዮ ንሕብረተሰብን ንሃገርን ከወፍየኦ ዝግባእ ዕቑር ዓቕሚ ከየማዕብላ ዝዓግት ምኺኑ ብምግንዛብ፤

ድኽነት ኣብ ዝተስፋሕፍሐሉ ኩነታት ደቂአንስትዮ ምግቢ፣ ኣገልግሎት ጥዕናን ትምህርቲን፣ ዕድል ስራሕን ስልጠናን ንምርካብን ካልኦት ድልየታትን ንምምላእ ዘለወን ተኽእሎ ውሱን ምኺኑ ብምሕሳብ፤

ኣብ ማዕርነትን ፍትሕን ዝተመስረተ ሓዱሽ ቁጠባዊ ስርዓት ኣብ መንጐ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ አንስትዮን ማዕርነት ክህሉ ብዝለዓለ ደረጃ ከምዝሕግዝ ብምእማን፤

ኣፓርታይድ ዝኾነ ዓይነት ዘርኣውነትን ኣድልዎን፣ ባዕዳዊ መግዛእቲን ስውር ባዕዳዊ መገዛእቲን፣ ጐንፅ ባዕዳዊ ወራር፣ ተፅዕኖን ኣብ ጉዳይ ካልእ ሃገር ኢድ ምእታውን ክጠፍእ ምግባር ደቂአንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ንመሰላቶም ብማዕረ ክጥቀሙ ምቹው ኩነታት ከምዝፈጥር ትኹረት ብምሃብ፤

ዓለም ለኽ ሰላምን ፀጥታን እንትጠናኸር፣ ዓለም ለኻዊ ወጥሪ እንትዝሕል ብምኽንያት ዝስዑቡዎ ማሕበረ ቁጠባዊ ስርዓት ኣብ ሃገራት ዝግበር ኣፈላላይ ተሪፉ ሓበራዊ ምትሕግጋዝ እንትህሉ፣ ኩለመዳያውን ሓፈሻውን ዝኾነ ምፍታሕ ኣዕነውቲ ኣፅዋራት

ተግባራዊ እንትኸውን፣ ብፍላይ ድማ ኣብ ትሕቲ ዓለም ለኸ ቁፅፀር ዝካየድ ዕውት ምፍታሕ ኑክሊየራዊ ኣፅዋራት ንምርግጋፅ ፆታዊ ማዕርነት ሓጋዚ ምዃኑ ብምርዳእ፤ ከምኡ'ውን ኣብ መንጐ ሃገራት ፍትሓዊ ማዕርነታውን ሓበራውን ረብሓ ዘረጋግፅ ርክብ እንትህሉ፣ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዘለዉ ህዝብታት መሰል ዓርሰ ውሳነ እንትጐናፀፉ፣ ሃገራዊ ሉኣላውነትን ሓድነትን ግዝኣትን እንትኸበር፣ ንማሕበራዊ ዕብየት ዘረጋግፅ ኣብ ርእሲ ምዃኑ ኣብ መንጐ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ማዕርነት ክረጋግፅ ዝህልዎ ኣስተዋፅኦ ብምግንዛብ፤

ዝተማልአ ዕብየት ሐደ ሃገርን ተልእኾ ሰላምን ደሕንነትን ዓለም ንምርግጋፅ ኣብ ኩሉ መዳይ ዝህሉ ማዕርነት ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ግድን ከምዝብል ብምእማን፤

ድሕንነት ቤተሰብን ዕብየት ሕብረተሰብን ኣብ ምርግጋፅ እቲ ዛጊድ ኣፍልጦ ዘይተውሃቦ ተራ ደቂ ኣንስትዮ ወሳኒ ከም ዝኾነ፣ ኣዶነት ኣብ ማሕበራዊ ኣስተዋፅኦ ዘለዎ ግደ ከምኡ'ውን ከልቲኦም ወለዲ ኣብ ዕብየት ቆልዑ ዝህልዎም ሓላፍነት ብምግንዛብ፣ ደቂኣንስትዮ ንመፍረ ዘርኢ ሰብ ዘለዎን ተራ ንኣድልዎ መበገሲ ክኸውን ከምዘይብሉን ቆልዑ ምዕባይ ሓበራዊ ሓላፍነት ደቂተባዕትዮ፣ ደቂኣንስትዮን ሕበረተሰብን ምዃኑ ብምርዳእ፤

ኣብ መንጎ ደቂ ኣንስትዮን ደቂተባዕትዮን ማዕርነት ክሰፍን ንምግባር እቲ ዛጊድ ብልምዲ ኣብ ሕብረተሰብን ቤተሰብን ዝፀንሖን ግደ ክልወጥ ከምዝግብኦ ብምግንዛብ፤

ኣብ ልዕሊ ደቂኣንስትዮ ዝበፅሕ ኣድልዎን፣ ኣፈላላይ ንምውጋድ ኣብ ዝወፀ መግለፂ ዝተቐረፁ መትከላት ብተግባር ንምትርጓምን ምእንተ እዚ ዕላማ ዝኾነ ዓይነት ኣፈላላይ ንምፍጣር ኣድላይ ዘበሉ

ስጉምቲ ንምውሳድ ቃል ብምእታው፤ ከምዝስዕብ ተስማሚያም ኣለዉ::

# ክፍሊ 1

## ዓንቀፅ 1

ኣብ'ዚ ኪዳን "ኣብ ልዕሊ ደቂኣንስትዮ ዝበፅሕ ኣድልዎ" ማለት ደቂ ኣንስትዮ ሓዳር ገበራ ኣይገበራ ብዘየገድስ ኣብ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባዊ፣ ማሕበራውን ባህላውን ከምኡ'ውን ኣብ ሲቪላውን ካልኦት መዳያት ሰብኣዊ መሰላትን መሰረታዊ ናፅነታትን ምስ ደቂተባዕትዮ ማዕረ ተጠቀምቲ ከይኾና ዝገብር ከሉ ዓይነት ኣፈላላይ፣ ምግላል ወይ ምግዳብ ማለት'ዩ::

## ዓንቀፅ 2

ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝበፅሕ ዝኾነ ዓይነት ኣድልዎ ፤ ከሉ ኣግባብ ዘለዎ መፍትሒ ብቅልጡፍ ብምጥቃም ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝፍፀም ኣድልዎ ናይ ምውጋድ ፖሊሲ ይስዕባ:: ነዚ ንምፍፃም ድማ፣

ሀ) ዛጊድ ዘይተኻተተ እንተኾይኑ ማዕርነት ደቂኣንስትዮን ደቂተባዕትዮን ኣብ ሃገራዊ ሕገመንግስተን ወይከዓ ኣብ ካልኦት ኣግባብነት ዘለዎም ሕግታተን ክካተትን ብሕግን ብካልኦት ስልትታትን ንተግባራዊነቱ ንምርግጋፅ፣

ለ) ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮን ዝበፅሕ ኣድልዎን ኣፈላላይን ኣግባብ ዘለዎ ሕጊ ብምውፃእን ካልኦት መቕፃዕቲ ውን ዝሓውሱ ስጉምቲታት ብምውሳድ ክዕገት ንምግባር፤

ሐ) ንመሰል ደቂኣንስትዮ ማዕረ ከም ደቂተባዕትዮ ሓለዋ ሕጊ ንምግባር፣ ከምኡ'ውን ብቕዓት ብዘለዎም ብሃገራዊ ኣብያተ ፍርዲን ብካልኦት ትካላት መንግስቲን ኣቢልካ ደቂ ኣንስትዮ ኣድልኣዊ ኣፈላላይ ከይበፅሖን ንምክልኻል፤

መ) ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ኣድልዎን አፈላላይን ካብ ዝፈጥር ተግባር ወይ አሰራርሓ ንምዕቃብን ኣብያተ ፅሕፈት መንግስቲን ሰበስልጣንን ነዚ ሓላፍነት ምፍፃምም ንምርግጋፅ፣

ሰ) በዝኾነ ሰብ፣ ውዳበ ወይ ትካል ንግዲ ኣብ ልዕሊ ደቂ አንስትዮ ዝፍፀም ኣድልዎን ኣፈላላይን ንምውጋድ ኣድላይ ዘበለ ፃዕሪ ንምግባር፣

ረ) አብ ልዕሊ ደቂ አንስትዮ አድልዎን ኣፈላላይን ዝፈጥሩ ሕግታትን ስሪታትን ንምምሕያሽ ወይ ንምስዓር ልማዳዊ ኣሰራርሓታት ኣድላይ ዘበለ ፃዕሪ ንምግባር፣

ሸ) ኣብ ልዕሊ ደቂ አንስትዮ አድልኣዊ ኣፈላላይ ዝፈጥሩ ድንጋገታት ሃገራዊ ሕጊ ገበን ንምስዓር፣ ተሰማሚየም አለዉ።

## ዓንቀፅ 3

ንስብእና ደቂአንስትዮ ዘማዕብሉን ዕብየተን ዘጎልብቱን ኩሎም ስጉምቲ፣ ብፍላይ ድማ ደቂአንስትዮን ማዕረ ምስ ደቂተባዕትዮ ብመሰላተን ተጠቀምቲ ንክኾና ዘኽእለን ሕጊ ምውፃእ ሓዊሱ ኣገደስቲ ፖለቲካዊ፣ ማሕበራውን፣ ቁጣውን ባህላውን ምምዕርራያት ምግባር ግቡእ ኣባል ሃገራት'ዩ።

## ዓንቀፅ 4

1. ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ኣብ መንጎ ደቂተባዕትዮን ደቂአንስትዮን ማዕርነት ንምዕሳል ዝወስድኦ ፍሉይን ግዝያዊን ስጉምቲታት ከም ኣድልዎ ኣይሕሰቡን። ኮይኑ ግና ሳዕቤን ናይዞም ስጉምቲ ዘይተመጣጠኑን ዝተፈላለዩን መለክዕታት ዝፈጥር ክኸውን የብሉን። ማዕረ ዕድልን ተረባሓይነትን ምስተረጋገፀ ድማ ብፍላይ ክውሰዱ ዝፀንሑ ስጉምቲታት ክቋረፁ ኣለዎም።

2. ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ኣዶነት ንምንክብኻብ ዝወስድኦም ፍሉይ ስጉምቲታት፣ ኣብዚ ኪዳን ንዝተጠቐሱ ስጉምቲታት ሓዊሱ፣ ከም ኣድልዎን ኣፈላላይን ኣይሕሰቡን።

## ዓንቀፅ 5

ኩለን ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ነዞም ዝስዕቡ ዕላማታት ንምዕዋት ኣድላይ ዘበለ ስጉምቲታት ይወስዳ ፣

ሀ) ሓደ ፆታ ካብ'ቲ ካልእ ይትሕት ወይ ይበልፅ ካብ ዝብል መበገሲ ወይ ካብ ድሕሪ ባህሊ ዝፍልፍልን ንማዕረ ተራ ደቂኣንስትዮን ደቂተባዕትዮን ዘይቕበልን ዘይቅኑዕ ኣረኣእያን ኣሰራርሓን ንምውጋድ ከምኡ'ውን ባህላውን ማሕበራውን ቦታ ደቂኣንስትዮን ደቂተባዕትዮን ዕርያ ንምግባር

ለ) ትምህርቲ ቤተሰብ ኣዶነት ማሕበራዊ ዕዮ ብዛዕባ ምኳኑ ግንዛቤ ምፍጣሩ ንምርግጋፅ፣ ቆልዑ ኣብ ምዕባይን ብኣእምሮን ብኣካልን ክምዕብሉ ኣብ ምግባርን ሓላፍነት ደቂተባዕትዮን ደቂኣንስትዮን ማዕረ ከምዝኾነ ኣፍልጦ ንምሃብ፣ ምስ'ዚ ብምዝማድ ረብሓን መሰልን ህፃናት ዝለዓለ ጠመተ ክዋሃቦ ከምዝግባእ ግንዛቤ ንምፍጣር።

## ዓንቀፅ 6

ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ብደቂኣንስትዮ ምንጋድን ንደቂኣንስትዮ ኣብ ዝሙት ብምውፋር ምምዝማዝን ንምውጋድ ንሕጊ ምውፃእ ሓዊሱ ኣድላይ ስጉምቲ ይወስዱ።

# ክፍሊ 2

## ዓንቀፅ 7

ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ደቂኣንስትዮ ኣብ ናይታ ዓዲ ፖለቲካዊን ህዝባዊ ንጥፈታት ዝተማልአ ተሳትፎ ከይህልወን ዝዓግት ኣፈላላይ

ንምውጋድ ኣድላይ ስጉምቲ ይወስዳ ብፍላይ ድማ ደቂኣንስትዮ ማዕረ ምስ ደቂተባዕትዮ ነዞም ዝስዕቡ መሰላት ዝወነና ምዃነን የረጋግፃ:-

ሀ) ኣብ ኩሎም መረፃታትን ውሳነ ህዝቢን ድምፂ ናይ ምሃብን ብህዝቢ ኣብ ዝምረፁ መንግስታዊ ኣካላተ ሕፁይ ተመራፂ ናይ ምዃንን መሰል፣

ለ) ኣብ ምቕራፅን ከይዲ ምፍፃምን ፖሊሲታት መንግስቲ ናይ ምስታፍ፣ በዓል ስልጣን መንግስቲ ናይ ምዃን፣ ኣብ ዝኾነ መሓውር መንግስቲ ብሓላፍነት ናይ ምስራሕ መሰል፣

ሐ) ኣብ ሃገራዊ ፖለቲካን ህዝባዊ ንጥፈታትን ኣብ ዝምልከቶም መንግስታዊ ዘይኮኑ ትካላትን ማሕበራትን ናይ ምስታፍ መሰል።

## ዓንቀፅ 8

ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ደቂንስትዮን ማዕረ ምስ ደቂተባዕትዮ ብዘይሓደ ኣፈላላይ ንመንግስታተን ኣብ ዓለም ለኸ መድረኽ ናይ ምውካልን ኣብ ዓለም ለኸ ትካላት ናይ ምስራሕን ዕድል ምርካበን የረጋግፃ።

## ዓንቀፅ 9

1. ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ደቂኣንስትዮ ምስ ደቂተባዕትዮ ብማዕረ ዜግነት ናይ ምርካብ፣ ናይ ምልዋጥ ወይ ሒዝካ ናይ ምቕፃል መሰለን የረጋግፃ። ብፍላይ ድማ ምስ ናይ ወፃኢ ዜጋ ኣብ ዝምርዐዋሉ ግዜ ወይ ሰብኣይ ኣብ ግዜ መርዓ ዜግነቱ እንተለዊጡ ሰበይቲ'ውን ሽዑ ክትልውጥ ዘገድዳ ከምዘይኮነ ወይ ዜግነት ኣልቦ ከምዘይገብራ፣ ወይ ድማ ዜግነት ሰብኣያ ክትወስድ ከምዘይትግደድ የረጋግፃ።

2. ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ደቂኣንስትዮ ኣብ ዜግነት ደቀን ምስ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረናይ ምውሳን መሰል ክህልወን ይገብራ።

# ክፍሊ 3

## ዓንቀፅ 10

ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ደቂኣንስትዮ ኣብ መዳይ ትምህርቲ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ መሰል ክህልወን ኣድልዎ ኣፈላላይ ከይበፅሖን ኣድላይ ስጉምቲ ይወስዳ። ብተወሳኺ ደቂኣንስትዮ ማዕረ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ንዞም ዝስዕቡ መሰላት ንክማለኡሎም የረጋግፃ፦

ሀ) ሞያኦን ንምምዕባልን ስራሕን ንምምሕያሽን ምእንታን ክኽእላ ዕድል ስልጠና ክረኽባ፣ ኣብ ከተማ ኮነ ኣብ ገጠር ኣብ ዝኾነ ዓይነት ትካል ትምህርቲ ተምሂረን ዲፕሎማ ወይ ዲግሪ ንምርካብ ተመሳሳሊ ኩነታት ክመዓራረየለን፤ እዚ ማዕርነት ኣብ ኣፀደ ህፃናት ብሓፈሻኡ ኣብ ቴክኒክ፣ ኣብ ሞያን ኣብ ዝለዓለ ናይ ናይ ትምህርቲ ትካል ክረጋገፅ ንምግባር፤

ለ) ተመሳሳሊ ስርዓተ ትምህርቲ፣ ፈተና፣ ተመጣጣኒ ሞያዊ ብቕዓት ዘለዎም መምህራን፣ ተመሳሳሊ ፅርየት ዘለዎም ኣብያተ ትምህርትን ንዋታት ትምህርትን ናይ ምርካብ መሰል፣

ሐ) ሕድሕድ ክማሃሩ ብምትብባዕን ብካልኦት ትምህርታዊ ስልትታትን ብፍላይ ድማ ናይ መስተምሃሪ መፃሕፍቲ፣ መደባት ትምህርቲን ስልትታት ትምህርቶም ብምምሕያሽ ኣብ ማዕረ ግደ ደቂተባዕትዮን ደቂኣንስትዮን ንዘለዉ ድሑራት ኣራኣእያታት ምውጋድ፤

መ) ብናፃ ናይ ትምህርቲ ዕድልን ንተምሃሮ ዝዋሃቡ ካልኦት ደገፈትን ማዕረ ተጠቀምቲ ናይ ምዃን ዕድል፤

ሰ) መደብ ምጥፋእ መሃይምነትን ኣብ መንጎ ደቂኣንስትዮን ደቂተባዕትዮን ነዘሎ ክፍተት ንምፅባብ ብዝዋሃብ ትምህርቲ ብፅሒትን ብኻልኦት ተኸታተልቲ መደባት ትምህርቲን ናይ ምስታፍ ማዕረ ዕድል ምርካብ፤

ረ) ትምህርቲ ዘቋርፃ ደቂኣንስትዮ ተምሃሮ ቁፅሪ ምንካይ፣ እተን ዘቋረፃ’ው ትምህርቲ ዝቕፅላሉ መደብ ምሕንፃፅ፤

ሸ) ብስፖርትን ትምህርቲ ኣካላዊ ህንፀትን ማዕረ ብንጥፈት ዝሳተፋሉ ዕድል ምፍጣር

ቀ) ጥዕናን ድሕንነትን ቤተሰብ ንምርግጋፅ ዝሕግዝ ኣስተምህሮ ምጣነ ስድራ ሓዊሱ ኣድላይ ትምህርታዊ መረዳእታ ናይ ምርካብ ዕድል ምርግጋፅ።

## ዓንቀፅ 11

1. ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ደቂኣንስትዮ ምስ ደቂተባዕትዮ ማዕረ መሰል ምእንታን ክህልወን ኣብ ዓውደ ስራሕ ኣብ ልዕሊ ደቂኣንስትዮ ዝፍፀም ኣድልዎ ንምውጋድ ዘኽእል ስጉምቲ ይወስዳ። ደቂአንስትዮ ነዞም ዝስዕቡ መሰላት ክውንና ድማ ይገብሩ፤

ሀ) ዘይገሃስ መሰል ኩሎም ደቂ ሰብ ከምኧኑ ናይ ምስራሕ መሰል ክህልወን

ለ) ተመሳሳሊ ናይ ስራሕ መቑፀሪ መምዘንታት ናይ ምጥቃም ሓዊሱ ተመሳሳሊ ዕድላት ስራሕ ናይ ምርካብን መሰል፤

ሐ) ዕዮን ሞያን ብናፃ ናይ ምምራፅ መሰል፣ ዕብየት ደረጃ፣ ውሕስነት ስራሕ፣ ዝተፈላለዩ ረብሓታትን ግልጋሎትን ናይ ምርካብ መሰል፣ ስልጠና ሞያን ህንፀት ዓቕሚን ናይ ምርካብ መሰል፤

መ) ዝተፈላለዩ ረብሓታት ሓዊሱ ማዕረ ክፍሊት ናይ ምርካብ፣ ማዕረ ክብደት ንዘለዎ ዕዮ ማዕረ ክፍሊት ምርከብ፣ ኣብ ግዜ ገምጋም ፅርየት ዕዮ ብማዕረ ናይ ምርኣይ መሰል፤

ሰ) ብፍላይ ብጡረታ፣ ብስእነት ስራሕ፣ ብሕማምን ጉድኣት ኣካልን፣ ብእረጋንን ካልኦት ምኽንያታትን ኣብ ዕዮ ምስታፍ እንትፅገማ መሰል ማሕበራዊ ውሕስነት ናይ ምርካብ ከምኡ’ውን ፍቓድ ዕረፍቲ ምስ ክፍሊት ናይ ምርካብ መሰል፤

ረ) ክንክን ጥዕና፣ ስነ ተዋልዶ ሓዊሲ ንድሕንነተን ዘተኣማምን ምቹው ኩነታት ስራሕ ናይ ምርካብ መሰል።

2. ደቂኣነስትዮ ብሰንኪ ሓዳር ወይ ምውላድ ኣድልዎ ኣብ ልዕሊኦን ከይፍፀመንን ከይግበረንን ናይ ምስራሕ መሰለን ክረጋገፅን ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ኣብዞም ዝስዕቡ መዳያት ኣድላይ ስጉምቲ ይወስዳ፤

ሀ) ብምኽንያት ጥንሲ፣ ወሊድ ወይ ድማ ብኩነታትሓዳር ዝህልው ካብ ስራሕ ምብራር ንምውጋድ፣ ከምኡ ኣብ ልዕሊ እዚ ዓይነት ተግባር ዝፍፅሙ ኣካላት ኣድላይ ሕጋዊ ስጉምቲ ንምውሳድ፤

ለ) ኣብ ግዜ ምውላድ ፍቓድ ምስ ክፍሊት ወይ መስ ተመጣጣኒ ማሕበራዊ ረብሓ ክረኽባ፣ቅድሚ ምውላደን ዝሓዘኦ ስራሕ ስልጣን ወይ ማሕበራዊ ኣባል እንተይሰኣና ስራሓን ክቕፅላ ምግባር፣

ሐ) ወለዲ ቤተሰብ ናይ ምህናፅ ሓላፍነቶም ምስ ናይ ስራሕ ጉቡኦምን ማሕበራዊ ተሳትፎን ኣጣሚሮም ምእንታን ክፍፅሙ ነዚ ሕግዙ ማሕበራዊ ግልጋሎት ብፍላይ ድማ ንህፃናት ዝከናኸኑ ትካላት ኣበየቦትኡ ክጣየሽ ምግባር

መ) ኣብ እዋን ጥንሲ ጥዕና ሓደገኛ ከምዝኾኑ ኣብ ዝተረጋገፁ ዓይነታት ስራሕ ደቂ ኣንስትዮ ከይዋፈራ ምግባር

3. ኣብ’ዚ ዓንቀፅ ዝተዘርዘሩ ዛዕባታት ብዝምልከት ዝወፁ ሓለዋታት ወይከዓ መከላኸሊ ሕግታት በብግዚኡ እናተፈተሹ ምስ ሳይንሳውን ቴክኖሎጂያውን ፍልጠት ተዛሚዶም ክግምግሙን ከከም ኣድላይነቱ ክመሓየሹ፣ ከሰዓሩ ወይ ክቕፅሉ ንምግባር፡፡

## ዓንቀፅ 12

1. ኣባል ሃገራት ደቂኣንስትዮ ኣዚ ኪዳን ንምጣነ ስድራ ሓዊሱ ብካልኦት ናይ ጥዕና ግልጋሎት ማዕረ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ተጠቀምቲ ምኻነን ንምርግጋፅን መሰል ምርካብ ጥዕና ግልጋሎት ንምትግባር ካብ ግልጋሎት ጥዕና ዝፍፀም ኣድልዎ ንምውጋድ ኣድላይ ስጉምቲ ይወስዳ፡፡

2. ኣብ’ዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ተገለፀ ከምዘሎ ኮይኑ ኣባል ሃገራት ኣዚ ኪዳን ደቂኣንስትዮ ኣብ ግዜ ጥንሲ፣ ሕርሲን

ድሕሪኡን ኣድላይ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንክረኽባ ምግባር፣ ከምኡ'ውን ኣብ እዋን ጥንስን ምጥባውን ዝተመጣጠነ ኣድላይ ምግቢን ክንክንን ዝተረክባሉ መንገዲታት ንምምችቻው ስጉምቲ ይወስዳ፡፡

## ዓንቀፅ 13

ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ኣብ ካልኦት ቁጠባውን ማሕበራውን መዳያት ኣብ ልዕሊ ደቂኣንስትዮ ዝበፅሐ ኣድላዊ ኣፈላላይ ብምውጋድ ኣብዞም ዝስዕቡ መሰላት ደቂኣንስትዮን ምስ ደቂተባዕትዮን ማዕረ ተጠቀምቲ ክኾና ኣድላይ ስጉምቲ ይወስዳ፤ ብፍላይ

ሀ) ናይ ቤተሰብ ኣባል ጥቕምታት ናይ ምርካብ መሰል፣

ለ) ንገዛ መስርሒ ወይ መግዝኢን ንካልኦት ጉዳያትን ካብ ባንኪ ወይ ካብ ካልኦት ፍልፍላት ግልጋሎት ልቓሕ ናይ መርካብ መሰል፣

ሐ) ኣብ ናይ ተሃድሶ፣ ስፖርትን ካልኦተ ባህላዊ ንጥፈታትን ናይ ምስታፍ መሰል፡፡

## ዓንቀፅ 14

1. ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ደቂኣንስት ገጠር ዘለውዎን ፀገማት ንመውጋድ ከምኡ'ውን ቁጠባዊ ህልውና ስድረኦን ንምሕላው እንኮላይ ገንዘብ ተንከፍ ኣብ ዘይኮነ ዘፈር ዘለወን ኣስተዋፅኦ ኣብ ግምት ብምእታው ድንጋገታትው እዚ ኪዳን ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ገጠር'ውን ተግባራዊ ንምግባር ኣድላይ ስጉምቲ ይወስዱ፡፡
2. ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ገጠር ዝባፅሕ ኣድልዎን ኣፈላላይን ብምውጋድ ደቂኣንስትዮን ማዕረ ምስ ደቂተባዕትዮን ኣብ ንጥፈታት ልምዓት ገጠር ክሳተፉን ካብኡ ተጠቀምቲ ክኾናን ኣድላይ ስጉምቲ ይወስዳ፡፡ ብተወሳኺ ንደቂኣንስትዮ እዞም ዝስዕቡ መሰላት የረጋግፁ፣

ሀ) ኣብ ኩሎም ብርክታት ምሕንፃፅ ትልሚ ልምዓትን ምፍፃምን ናይ ምስታፍ መሰል፣

ለ) ምጣነ ስድራ ዝምልከት ሓበሬታን ኣገልግሎት፣ ምኽሪን ካልኣት ተዛመድቲ ግልጋሎት ሓዊሱ እኹል ግልጋሎት ጥዕና ናይ ምርካብ ፣

ሐ) ብመደባት ማሕበራዊ ውሕስነት ቀጥታዊ ረብሓ ምርካብ ፣

መ) ቴክኒካዊ ዓቕመን ምእንታን ክዓቢ ንመደብ ምጥፋእ መሃይምነት ሓዊሱ ኩሉ ዓይነት ስሩዕን ዘይስሩዕን ስልጠናን ትምህርቲን ናይ ምርካብን ተጠቀምቲ ኣገልገሎታት ማሕበረሰብን ኤክስቴንሽንን ናይ ምኧን ፣

ሰ) ኣብ ስራሕ ብምቑፃር፣ ወይ ድማ ናይ ባዕልኻ ስራሕ ብምምሃዝ ኣብ ዝፍጠር ቁጠባዊ ምምሕያሽ ማዕረ ተጠቀምቲ ምእንታን ክኾና ጉጅለታት ዓርሰ ምኽኣል ተራድኦታትን ናይ ምጥያሽ ፣

ረ) ኣብ ኩሉ ንጥፈታት ማሕበረሰብ ናይ ምስታፍ ፣

ሸ) ኣገልግሎት ልቓሕ ሕርሻ፣ ናይ ዕዳጋን ዘበናዊ ቴክኖሎጂን ተጠቃሚ ናይ ምኧን ወነንቲ መሬት ናይ ምኧን ከምኡ'ውን ብመደባት ምምሕያሽ ገጠርን ሰፈራን ማዕረ ተጠቀምቲ ናይ ምኧን፣

ቀ) መንበሪ ገዛ፣ ካባቢያዊ ዕርየት፣ ቀረብ ኤሌክትሪክን ማይን፣ መራኽቢን መጓዓዝያን ብዝምልከት ዝሕሽ መነባብሮ ናይ ምርካብ መሰል።

## ክፍሊ 4

## ዓንቀፅ 15

1. ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ደቂኣንስትዮ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ምስ ደቂተባዕትዮ ማዕረ መሰል ክህልወን ይገብሩ።
2. ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ብሲቪል ጉዳያት ደቂ ኣንስትዮ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ሓደ ዓይነት ናይ ሕጊ ክእለት ንክህልወንን እዚ ናይ ሕጊ ክእለት ማዕረ ናይ ምጥቃም ዕድል ንክህልወን ይገብራ። ብፍላይ ድማ ውዕሊ ምውዕዓልን ምምሕዳር ሃፍቲን

ብዝምልከት ንደቂ ኣንስትዮ ማዕረ ዕድል ይህባ። ኣብ ኣብያተ ፍርድን ካልኦት ኣካላት ዳይነት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኩሉ ብርኪ ከይዲ ዳኝነት ብማዕረ የታኣናግዱ።

3. ኣባል ሃገራት ንክእለት ሕጊ ደቂኣንስትዮ ዝንኪ ዝኾነ ወዕሊን ካልእ ሕጋዊ ውልቀ ስምምዕን ተቐባልነት ዘይብሉን ካብ ሕጊ ወፃኢ ክኸውን ክገብራ ተሰማሚዐን ኣለዋ። :
4. ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ንደቂኣንስትዮን ደቂተባዕትዮን ናይ ምንቅስቓስ መንበሪ ሃገር፣ ገዛን ሰፈርን ብናፅነት ናይ ምምራፅ መሰል ብማዕርነት የረጋግፃ።

## ዓንቀፅ 16

1. ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ምስ ሓዳርን ቤተሰባዊ ርክብን በዝተዛመደ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝበፅሕ ኣድልዎ ንምጥፋእ ኣድላይስጉምቲ ይወስዳ። ብፍላይ ድማ ነዞም ዝስዕቡ መሰላት ብዝምልከት ደቂኣንስትዮ ምስ ደቂተባዕትዮ ማዕረ ተጠቀምቲ ከምዝኾና የረጋግፃ።

ሀ) ሓዳር ናይ ምምስራት ማዕረ መሰል፤

ለ) በዓል ሓዳርኻ ናይ ምምራፅን ሓዳር ብድልየትን ፍቓድን ጥራሕ ናይ ምእታው መሰል፤

ሐ) ኣብ እዋን ሓዳርን ምፍራስ ሓዳር ማዕረ መሰልን፣ ግቡእን፤

መ) ኣብ እዋን ሓዳርን ካብ ሓዳር ወፃኢን ደቆም ብዝምልከት ከም መጠን ወላዲ ማዕረ መሰልን ግቡእን ይህልዎም፤ ኣብ'ዚ ጉዳይ ረብሓን ድሕንነትን ቆልዑ ቀዳምነት ይዋሃቦ።

ሰ) በዝሒ ዝወልድዎም ቆልዑን ምፍንታት ግዜ ኣወላልዳን በናፅነትን ሓላፍነት ብዝስምዖ መልክዕ ማዕረ ናይ ምውሳንን። በዚ መሰል ንምጥቃም ዘኽእል ሓበሬታ፣ ትምህርትን ስልትን ናይ ምርካብ መሰል'ውን ኣለዎም።

ረ) ንቆልዑ ሞግዚት፣ በዓል ሕደሪን መፅበይን ናይ ምኳን፣ ወይ ድማ እዞም መማረፂታት ብሕጊ ዝሰፈሩሉ ኣገባብ ማዕረ ምስ

ደቂተባዕትዮን ናይቶም ተካላት መሰል ናይ ምርካብ፣ እዚ ኮይኑ'ውን ረብሓን ድሕነትን ቆልዑ ቀዳምነት ይዋሃቦ።

ሸ) ማዕረ ሓበራዊ መፀውዒ ሽም ስድራ፣ ሞያን መናበሪ ስራሕን ናይ ምምርራፅ መሰል

ቀ) ብክፍሊት ወይ ብናፃ ወነንቲ ንብረት ናይ ምኺን፣ ካብ ካልእ ኣካል ንብረት ናይ ምቕባል፣ ወይ ምምሕዳር ናይ ምምሕልላፍን ምጥቃምን መሰል ብዝምልከት ሰብኣይን ሰበይትን ማዕረ መሰል ክህልዎም ምግባር።

2. ንኣቅመ ሄዋን ዘይበፅሐት ጓል ክትሕፀን ክትምርዐው ምግባር ሕጭዊ ውኻኢት ኣይህልዎን፣። ሓደ ሰብ ንሓዳር ዝበቕዐሉን ኣብ ቅድሚ በዓል ስልጣን መዝጋቢ ሓዳር ቀሪቡ ሓዳር ዘመዝገበሉን ታሕተዋይ ዕድመ ንምውሳን ናይ ሕጊን ካልኦት ኣድለይቲ ስጉምትታት ክውስድ ይግባእ።

# ክፍሊ 5

## ዓንቀፅ 17

1. ነዚ ኪዳን ንምትግባር ብዛዕባ ክውሰዱ ዘለዎም ስጉምቲ እናተኸታተለ ዝምረምረ "ኣብ ልዕሊ ደቀኣንስትዮ ዝበፅሕ ኣድልዎን ኣፈላላይን ዘወግድ ኮሚቴ" (ድሕሪ'ዚ ኮሚቴ ብዝብል ስያመ ዝጥቀስ) ። እዚ ኪዳን ምስፀንዐ ኣባላተ ¸ 18 ኣባላት። እዚ ኪዳን ብመበል 35 ሃገር ምስፀደቐ ኮሚቴ 23 ኣባላት ዘለውዎ ዝለዓለ ስነምግባር ዘለዎም ብመንፅር ኣብ'ዚ ኪዳን ዝተዘርዘሩ ሕገታት ብቕዓት ዘለዎም ሰብ ሞያ ዝሓዘ ኮሚቴ ክቶየሽ'ዩስ። እቶም ሰብ ሞያ ነዚ ኪዳን ካብ ዝተቐበላ ሃገራት ዜጋታት ተሓሪዮም ንነብሶም ወኪሎም ብውልቂ የገልግሉ። እቶም ኣባላት እንትሕረዩ ዝተመጣጠነ ስነምድራዊ ዝርጋሐን ዝተፈላለየ ደረጃ ስልጣነን ቐንዲ ስርዓታት ሕጊን ዝወከሉ ምኺኖም ኣብ ግምት ይኣትዉ።

2. ኣባላት እቲ ኮሚቴ ካብ ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ካብ ዝቐረቡ ሕፁያት ብምሽጥራዊ መረፃ ይሕረዩ ሕድሕድ ኣባል ሃገር እዚ ኪዳን ካብ መንጐ ሕፁያት ዜጋታቱ ንሓደ ይፀርሕ።
3. ፈላማይ መረፃ እዚ ኪዳን ዝፀንዐ ካብዝኾነሉ መዓልቲ ድሕሪ ሽዱሽተ ወርሒ ይካየድ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ብውሑድ ቅደሚ ሰለስተ ወርሒ ዝምልከቶም ሃገራት ኣብ ውሽጢ ክልተ ወርሒ ሕፁያት ክፀርሓ ብደብዳቤ ይሓተን። እቲ ዋና ፀሓፊ ናይቶም ዝተፀርሑ ሕፁያት ዝርዝር ብፊደል ቅደም ሰዓብ ኣሰናዲኡ እንኮላይ ንዝፀርሖም ሃገር ብምጥቃስ ንኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ይዝርግሕ።
4. እቲ ዋና ፀሓፊ ኣብ ዋና ቤት ፅሕፈት ሕቡራት መንግስትታት ኣብ ዝፅውዖ ኣኼባ ፈረምቲ እዚ ኪዳን መረፃ ኣባላት እቲ ኮሚቴ ይካየድ። ክልተ ሲሶ ፈረምቲ እዚ ኪዳን ኣብ'ቲ ኣኼባ እንተተረኺቦም ምልኣተ ኣኼባ ይኸውን። ኣብ'ቲ ኣኼባ ተረኺቦም ድምፂ ናይ ሃቡ ተወከልቲ ፈረምቲ ሃገራት ዓበላላይ ድምፂ ዝረኸቡ ሕፁያት ኣባላተ እቲ ኮሚቴ ይኾኑ።
5. ኣባላት እቲ ኮሚቴ ንኣርባዕተ ዓመት ናይ ስራሕ ግዜ የገልግሉ። ኮይኑ ግና ካብ መንጐ እቶም ኣብ ናይ መጀመርታ መረፃ ዝተመረፁ ናይ ትሽዓቲኦም ኣባላት ስራሕ ዘበን ንክልተ ዓመት ጥራሕ ይኸውን። ድሕሪ እቲ ናይ መጀመርታ መረፃ ናይዞም ትሽዓተ ኣባላት መንነት ብኣቦመንበር እቲ ኮሚቴ ኣቢሉ ብዕፃ ይኸውን።
6. መበል 35 ሃገር ነዚ ኪዳን ምስኣፅደቐ ናይቶም ሓሙሽተ ተወሰኽቲ ኣባላት መረፃ ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2፣3ን 4ን ይካየድ። ካብ መንጐ እዞም ተወሰኽቲ ኣባላት ናይቶም ክልተ ናይ ስራሕ ዘበን ንኽልተ ዓመት ጥራሕ ይኸውን። መንነተ ናይቶም ክልተ ኣባላት ብኣቦመንበር እቲ ኮሚቴ ብዕፃ ይውስን።
7. ካብ'ቲ ኮሚቴ ሰብ እንትጐድል፣ ናይ'ቲ ካብ ስርሑ ዝለቐቐ ኣባል ዜጋ ዝኾነሉ ሃገር ካብ ዜጋታቱ ካልእ በዓል ሞያ መረፁ

ብምቅራብ እቲ ኮሚቴ ንኣባልነት እቲ ሰብ ተቐቢሉ ከዕድኞ ይግበር፡፡

8. ብሓፈሻዊ ጉባኤ እንትፀድቕን ንክብደት ስራሕ እቲ ኮሚቴ ኣብ ግምት ብምእታው እዚ ኣካል ብዘውፅኦ ስሪትን ተመንን ንኣባላት እቲ ኮሚቴ ካብ ጥሪት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ወፃኢ ዝግበር ኣበል ይኽፈሎም፡፡
9. እቲ ኮሚቴ ምእንታን ነዞም ኣብ'ዚ ኪዳን ዝተዘርዘሩ ተልእኾታት ብኣግባቡ ክፍፅም ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣድላይ ሓይሊ ሰብን መሳለጥያን የማልአሉ፡፡

## ዓንቀፅ 18

ኣባል ሃገራት ኪዳን ዝተቐበላ ሃገራት ኣፈፃፅማ እዚ ኪዳን ኣመልኪተን ዝወሰድኦ ሕጊ ናይ ምውፃእ፣ ዳይነታዊ ምምሕዳራዊ ወይ ካልኦተ ስጉምትታት ዝገልፅ ፀብፃብ ምእንታን በቲ ኮሚቴ ክረአ ንዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ብዝስዕብ ኣገባብ ከቕርባ ሰማሚዐን ኣለዋ፣

ሀ) እዚ ኪዳን ነታ ሃገር ተፈፃሚ ካብ ዝኾነሉ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት
ለ) በድሕሪኡ ድማ እንወሓደ በብኣርባዕተ ዓመትን እቲ ኮሚቴ ኣብ ዝሓተተሉ ግዜ

2. ዝቐረብ ፀብፃብ ኣብ'ዚ ኪዳን ዝተዘርዘሩ ግቡኣት ኣብ ምፍፃም ዘጓነፉ ፀገማትን ኩነታትን ዘመላኽት ከኸውን ይኽእል፡፡

## ዓንቀፅ 19

1. እዚ ኮሚቴ ናይ ባዕሉ ስነስርዓት ሕጊ የፀድቕ፡፡
2. እዚ ኮሚቴ ንኽልተ ዓመት ዘገልግሉ ፈፀምቲ ስራሕ ይመርፅ፡፡

## ዓንቀፅ 20

1. እዚ ኮሚቴ ብመሰረት ዓንቀፅ 18 እዚ ኪዳነ ዘቐርቡ ፀብፃባት ክምርምር፥ በብዓመቱ ካብ ክልተ ሰሙን ንዘይበልፅ ግዜ ይእከብ።
2. ኣኼባታት ናይ'ዚ ኮሚቴ ኣብ ዋና ቤት ፅሕፈት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ወይ ድማ ነቲ ኮሚቴ ኣብ ዝጥዕም ካልእ ቦታ ይካየድ።

## ዓንቀፅ 21

1. እዚ ኮሚቴ በዛዕባ ንጥፈታቱ ዝድህስስ ፀብፃብ ብቤት ምኽሪ ቁጠባን ማሕበራውን ኣቢሉ በብዓመቱ ንሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት መንግስታት የቕርብ። ኣብ'ቲ ፀብፃብ ካብ ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ዝበፅሕዎ መረዳእታታትን ፀብፃባትን መርሚሩ ናይ ባዕሉ ርእይቶታትን ናይ መፍትሒ ሓሳባትን ከካትት ይኽእል። ካብቶም ሃገራት ዝቐርቡ ርእይቶታት'ውን ኣብ'ቲ ፀብፃብ ይካተቱ።
2. ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ንፀብፃብ ናይ'ቲ ኮሚቴ ተቐቢሉ ኩነታት ደቂኣንስትዮን ዝከታተል ኮሚሽን ምእንታን ክፈልጦ የቕርበሉ።

## ዓንቀፅ 22

ኣፈፃፅማ ድንጋገታት እዚ ኪዳን ኣብ ዝረኣየሉ እዋን ዝምልከቶም ጉዳይ እንትህሉ ፍሉይ ተልእኾ ዘለዎም ኣካላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት አብ'ቲ ኣኼባ ብወከልቶም ኣቢሎም ናይ ምስታፍ መሰል ኣለዎም። እቲ ኮሚቴ'ውን ምስ ኣፈፃፅማ እዚ ኪዳን ተዛሚዱ ነዞም ትካላት ኣብ ዝምልከቱ ጉዳያት ፀበፃብ ከቕርቡ ክሓቶም ይኽእል።

# ክፍሊ 6

## ዓንቀፅ 23

ኣብ መንጎ ደቂኣንስትዮን ደቂተባዕትዮን ማዕርነት ዘያዳ ዘረጋግፅ ክሳብ ዝኾነ፣

ሀ) ኣብ ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ዘሎ ሕጊ

ለ) ኣብ ካልእ ንቲ ሃገር ቀያዲ ዝኾነ ዓለምለኽ ኪዳን ወይ ስምምዕ ንዝኻተተ ድንጋገ እዚ ኪዳን ኣይፃረርን።

## ዓንቀፅ 24

ምእንታን ኣብ'ዚ ኪዳን ዝሰፈሩ ኩሎም መሰላት ክኽበሩ ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ብሃገር ደረጃ ኣድላይ ዘበለ ስጉምቲ ክወስዳ ተስማሚዐን ኣለዋ።

## ዓንቀፅ 25

1. እዚ ኪዳን ንኩሎም ሃገራት ንፌርማ ክፉት'ዩ።

2 ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓቃቢ እዚ ኪዳን ኮይኑ ተሰይሙ ኣሎ።

3. እዚ ኪዳን በብሃገሩ ክፀድቕ ኣለዎ። ናይ መፅደቂ ሰነዳት ንዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ክቐርቡ ይግባእ።

4. እዚ ኪዳን ዝኾነት ሃገር ንክትቅበሎ ክፉት'ዩ። ናይ መቐበሊ ሰነዳት ንዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ክቐርቡ ይግባእ።

## ዓንቀፅ 26

1. ነዚ ኪዳን ዝተቐበለት ሃገር እቲ ኪዳን ዳግም ንክረአ ሕቶኣ ንዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ዝኾነ ግዜ ብፅሑፍ ከተፍልጥ ትኽእል

2. ከምዚ ዝበለ ሕቶ ኣብ ዝቐርበሉ እዋን ብዛዕባ ክውሰድ ዘለዎ ስጉምቲ ሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት መንግስትት ከውሰን ይኽእል።

## ዓንቀፅ 27

1. መበል 20 ናይ መፅደቂ ወይ መቐበሊ ሰነድ ንዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ካብ ዝቐረበ ኣብ መበል 30 መዓልቲ እዚ ኪዳን ዝፀንዐ ይኸውን።
2. መበል 20 ናይ መፅደቂ ወይ ናይ መቐበሊ ሰነድ መስቀረበ ነዚ ኪዳን ዘፅድቓ ሃገራት ናይ ባዕልተን ናይ መፅደቂ ወይ ናይ መቐበሊ ሰነድ ምስቀረበ ኣብ መበል 30 መዓልቲ በዚ ኪዳን ይቕየዳ።

## ዓንቀፅ 28

1. ኣባል ሃገራት ኣብ መፅደቂ ወይ መቐበሊ ሰነድ እዚ ኪዳን ዘመዝግብኦ ዝኾነ ተዓቅቦ እቲ ዋና ፀሓፊ ብፅሑፍ ተቐቢሉ ንካልኦት ሃገራት ብቕጽሕ የፍልጥ።
2. ንዕላማን ሽቶን እዚ ኪዳን ዝፃረር ተዓቅቦ ተቐባልነት ኣይብሉን።
3. ዝተመዝገበ ተዓቅቦ ንዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ብምፍላጥ ኣብ ዝኾነ ግዜ ምስሓብ ይከኣል። ዋና ፀሓፊ ብወገኑ እቲ ተዓቅቦ ዝተሰሓበ ምዃኑ ብምግላፅ ነዚ ንኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን የፍልጥ። ከምዚ ዝበለ ምስሓብ ሓሳብ ዋና ፀሓፊ ካብ ዝበፅሖ እለት ጀሚሩ ተፈፃምነት ይህልዎ።

## ዓንቀፅ 29

1. ኣብ ኣተረጓጉማ ወይ ኣፈፃፅማ እዚ ኪዳን ተመስሪቱ ኣብ መንጐ ክልተ ወይ ካበኡ ንላዕሊ ኣባላት እዚ ኪዳን ዝኾና ሃገራት ዝፍጠር መጐት ብድርድር እንተዘይተፈቲሑ ብናይ ሓዲኦ ሕቶ ንሽምግልና ክቐርብ ይኽእል። እቲ ሕቶ ካብ ዝቐረበ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ወርሒ ኣብ'ቲ ጉዳይ ዝምልከቶም ተሸማገልቲ እንተዘይ ተሰማሚዖም ብመሰረት

ስራት ዓለምለኸ ቤት ፍርዲ ክረአየሎም ሓዲኡ ወገን ሕቶ ክቐርብ ይኽእል'ዩ።

2. ሕድሕድ ሃገር ነዚ ኪዳን አኣብ ዝፍርመሉ፣ ኣብ ዘፅድቀሉ ወይ ድማ ኣብ ዝቕበለሉ ግዜ በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ከምዘይግዛእ ምግላፅ ይኽእል። ከምዚ ዝበለ ተዓቅቦ ዘመዝገበት ሃገር በዝምልከት ካልኦት ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ናይዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ናይ ምኽባር ግቡእ ኣይብለንን።

3. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 2 ተዓቅቦ ዘመዝገበት ሃገር ንዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ብምፍላጥ ኣብ ዝኾነ ግዜ ተዓቅቦ ክትስሕብ ትኽእል።

## ዓንቀፅ 30

ብዓረብኛ፣ብቻይንኛ፣ ብእንግሊዝኛ ብፈረንሳይኛ፣ በሩስያኛን ብእስፓንሽኛን ዝተሰናድኡ ትሕዝቶታት እዚ ኪዳን ዕርያን ትኽክለኛን ኮይኖም ምስ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ይቕመጡ። ነዚ ንምምስካር ስልጣን ዝተውሃቦም ካብ'ዚ ንታሕቲ ዝተጠቐሱ ፊርማኦም ኣብ'ዚ ሰነድ ኪዳን ኣምቢሮም ኣለዉ።

# ኩሎም ዓይነታት ዘርኣዊ ኣድልዎ ንምውጋድ ዝተኣሰረ ዓለምለኻዊ ኪዳን

**ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን**

ቻርተር ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ መትከላት ተፈጥሮኣዊ ሰብኣዊ ክብሪን ማዕርነትን ከምዝተመስረተን ኩሎም ኣባል ሃገራት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ንዘተጣየሸሉ ዕላማ ማለት'ውን ብዘይኣፈላላይ ዓልየት፣ፆታ፣ ቋንቋ ወይ ሃይማኖት ሰብኣዊ መሰላትን መሰረታዊ ናፅነታትን ንኩሉ ሰብኣዊ ፍጡር ብዓለም ለኸ ደረጃ ንምኽባርን ንምርግጋፅን ብውልቀን ብሓባርን ንዝኣሰርኦ ቃልኪዳን ኣብ ግምት ብምእታው፧

ኣድማሳዊ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት ኩሉ ሰብኣዊ ፍጡር ናፃ፣ ማዕረ ሰብኣዊ ክብሩን መሰላትን ዋኒኑ ከምዝተወለደን ኩሉ ሰብ ኣብኡ ዝሰፈሩ መሰላትን ናፅነታትን ብዘይ ሓደ ኣፈላላይ ብፍላይ ድማ ብዘይ ኣፈላላይ ዓልየት፣ ሕብሪ ወይ ብሄራዊ መበቔል ክውንን ከምዝግባእ ከምዝኣወጃ ብምግንዛብ፧

ኩሎም ሰብኣዊ ፍጡራት ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ ከምዝኾኑ ኣድልዎ ከይበፅሖምን ኣንፃሮም ናይ ኣድልዎ ምልዕዓል ከይግበሮምን ማዕረ ሓለዋ ሕጊ ክረኽቡ ከምዝግባእ ብምርዳእ፣

ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ዝኾነ ይኹን ስፍራ ብዝኾነ ይኹን መልክዕ ዝህሉ ባዕዳዊ መግዛእቲን ምስኡ ዝተኣሳሰሩ ኩሎም መልክዓት ኣድልዎን ኣፈላላይን ከምዝኾነነን 14 ዲሰምበር 1960 ዓ.ም.ፈ ዝወፀን ሓፈሻዊ ጉባኤ ውሳነ 1514 (XV) ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ንዘለዉ ሃገራትን ህዝብታትን ናፅነት ዝህብ ኣዋጅ እዞም ህዝብታት ብህፁፅን ብዘይ ገለ ቅድመ ኩነትን ናፅነቶም ክረኽቡ ከምዘረጋገፀን ብዕሊ ከምዝኣወጀን ኣብ ግምት ብምእታው፣

ብኖቨምር 20 1963 ዓ.ም. ፈ ኩሉም መልክዓት ዘርኣዊ ኣድልዎ ንምውጋድ ዝወፁ ኣዋጅ ውድብ ሕቡራት መንግስታት (ሓፈሻዊ ጉባኤ ውሳነ 1904 (XVII) ዘርእዊ ኣፈላላይ ምስ ኩሉ መልክዓቱን መግለፂታቱን ካብ መላእ ዓለም ብህፁፅ ክውገድን ክብሪ ሰብኣዊ ፍጡር ክኸበርን ውሕስነት ክረክብን ብዕሊ ከምዘረጋገፀ ብምግንዛብ፤

ኣብ ዘርኣዊ ፍልልይ ዝተመስረተ ናይ ልዕልነት መትከል ብዓይኒ ሳይንስ ጌጋ፣ ብዓይኒ ሞራል ውጉዝ፣ ብዓይኒ ማሕበረሰብ ዘይፍትሓውን ሓደገኛን ከምዝኾነን ብክልስ ሓሳብ ኮነ ብተግባር ንዘርኣዊ ኣድልዎ መበገሲ ዝኸውን ሕጋዊ ባይታ ከምዘየለ ብምእማን፤

ኣብ ዘርኢ፣ ሕብሪ ወይ ዓሌታዊ መበቆል ተደሪኹ ኣብ መንጎ ሰባት ዝፍጠር  ኣድልዎን ኣብ መንጎ ሃገራት ምሕዝነታውን ሰላማውን ርክብ ከይህሉ ዘዐንቅፍ፣ ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ ህዝብታት ንዝህሉ ሰላምን ምርግጋእን ዝዘርግ ኣብ ርእሲ ምኳኑ ኣብ ሓደ ሃገር ናይ ዝነብሩ ሰባት ውህደት'ውን ዝፃባእ ከምዝኾነ ብምርግጋፅ፣
ዘርኣዊ ሓፁር እንተሃሊዉ ንዝኾነ ፀጋታት ሰብኣዊ ፍጡር ከምዝፃባእ ብምእማን፤

እቶም ዛጊድ ብግልፂን ብጭቡጥን ዝንፀባረቑ ኣብ ገለ ከባብታት ዓለምን ኣብ ፖሊሲታት መንግስትን ዝረኣዩ ኣብ ዘርኣዊ ልዕልነት ወይ ዕልኣት ዝተመስረቱ ከም ፖሊሲታት ኣፓርታይድ፣ ኣድልዎን ኣፈላላይን ዝመሳሰሉ ዘርእዊ ኣድልዎ ዘተሓሳስቡ ምኺኖም ብምርዳእ፣

ኩሉ መልክዓትን መግለፂታትን ዘርኣዊ መድልዎ ብህፁፅ ንምውጋድ ዘኽእል ኣድላይ ስጉምቲ ንምውሳድን ንዘርእዊ

መትከላትን ተግባራትን ብምውጋእ ኣብ መንገዲ ዘርኢታት ምርድዳእ ዘዓሰሎን ካብ ዝኾነ ዓይነት ዘርእዊ ኣፈላላይ ኣድልዎን ናፃ ዝኾነ ዓለም ለኸ ማሕበረሰብ ንምህናፅን ዘለዎም ቅሩብነት ብምግላፅ፣

ዓለም ለኸ ውድብ ፅዮ ብ 1958 ዓ.ም.ፈ ዘውፅኦ ኣብ ምቑፃር ስራሕን ፅዮን ዘጋጥም ኣፈላላይ ዝምልከት ኪዳንን ትካል ትምህርትን ሳይንስን ባህሊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ብ 1960 ዓ.ም.ፈ ዘውፅኦ ኣብ ትምህርቲ ዘጋጥም ኣፈላላይ ዘወግድ ኪዳንን ኣብ ግምት ብምእታው፣

ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኩሎም ዓይነታት ዘርኣዊ ኣስልዎ ንምውጋድ ኣብ ዘውፅኦ ኣዋጅ ንዘለዉ መትከላት ንምትግባርን ንዝዕላማ ንምፍፃም ኣድላይ ዝኾኑ ጭቡጥ ስጉምቲታትን ንምውሳድን
ከምዝስዕብ ተሰማሚዖም ኣለው፣

# ክፍሊ 1

## ዓንቀፅ 1

1. ኣብ'ዚ ኪዳን "ዘርኣዊ ኣድልዎ" ዝብል ቃል ንዝኾነ ኣድልዎ ምግላል፣ ገደብ ወይ ኣብ ዘርኢ፣ ሕብሪ ትውልዲ፣ ብሄራዊ ወይ ዓሌታዊ መበቈል ተመስሪቱ ኣብ ፖለቲካዊ ቁጠባዊ፣ ማሕበራዊ፣ ባህላዊ መሰላትን መሰረታዊ ናፅነታትን ብማዕረ ናይ ምጥቃምን ናይ ምስትምቓር ዕድል ናይ ምልማስ ወይ ምዕባእ ዕላማ ንዘለዎ ኩሉ ዝገልፅ'ዩ።

2. ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ኣብ መንነ ዜጋታትን ዘይ ዜጋታትን ኣብ ዝገብርኦ ኣድልዎ፣ ምግላል ወይ ገደብ እዚ ኪዳን ተፈፃምነት የብሉን።

3. ዓንቀፃት እዚ ኪዳን ኣባል እዚ ኪዳን ዝኾኑ ሃገራት ሃገራዊ መንነት ብትውልዲ ወይ ብሕጊ ዜግነት ምርካብ ብዝምልከት ንዘውፅእዎም ሕግታት ከምዝፃብኡ ተገይሮም ኣይትርገፐሙን። እዚ ዝኸውን ግና እቶም ሃገራት ዘውፅእዎም ሕግታት ብፍላይ ንሓደ ዜግነት ንምግላል ዝዓለሙ እነተዘይ ኮይኖም እዮም።

4. ዝተወሰነ ዘርኢ፣ ዓሌት ወይ ጉጅለታት ወይ ውልቀሰባት ምእንታን ሰብኣዊ መሰላቶምን መሰረታዊ ናፅነቶምን ብማዕረ ክውንኑ ብምዕላም ጥራሕ ነዞም ጉጅለታት ወይ ውልቀሰባት ተባሂሉ ዝግበር ፍሉይ ደገፍ ከም ዘርኣዊ ኣድልዎ ኣይውሰድን ኮይኑ ግና እዚ ፍሉይ ደገፍ ንዝተፈላለዩ ጉጅለታት ዓልየት ዝተፈላለዩ መሰላት ብዝህብ መልክዑ ክትግበር ኣይበሉን እቲ ፍሉይ ደገፍ ዝተበገሰሉ ዕማም ምስተኣዐወተ ድማ ጠጠው ክብል ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 2

1. ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ዝኾነ ዓይነት ዘርኣዊ ኣፈላላይን ዘርኣዊ ኣድልዎ ንምውጋድ ዘኽእል ፖሊሲ ክንዲ ዝተኽኣለን ብቕልጡፍ ብምሕንፃፅ ኣብ መንጎ ዘርኢታት ምክእኣል ንምዕሳል ተሰማሚዐን ኣለዋ። ነዚ ንምዕዋት ድማ፣

ሀ) ሕድሕድ ኣባል ሃገር እዚ ኪዳን ኣንፃር ሰባት፣ ጉጅለታት ወይ ትካላት ዘርኣዊ ኣድልዎ ዝፈጥር ስጉምቲ ወይ ተግባር ኣየካይዳን፤ ናይ ሃገረን ሃገራዊን ከባቢያዊ ሰብ ሰልጣን መንግስቲን ህዝባዊ ትካላት ነዚ ዝፃባእ ተግባር ዘትፍፅሙ ይኹኑ የረጋግፃቀ

ለ) ሕድሕድ ኣባል ሃገር እዚ ኪዳን ዘርኣዊ ኣድልዎ ንዘሰጉሙ ሰባት ወይ ትካላት ንዘይምትብባዕን ንዘይምድጋፍ ተሰማሚዐን ኣለዋ።

ሐ) ሕድሕድ ኣባል ሃገር እዚ ኪዳን መንግስታዊ ብሄራዊ ወይ ከባብያዊ ፖሊሲታት ንምምዕርራይ ከምኡ'ውን ዘርኣዊ ኣድልዎ ዝፈጥሩን ዘሳልጡን ሕጊታትን መምርሒታትን ንምምዕርራይ፣ ንምስራዝ ወይ ንምስዓር ዝሕግዙ ዘተኣማምኑ ስጉምቲ ክወስዳ ይግባእ፤

መ) ሕድሕድ ኣባል ሃገር እዚ ኪዳን ብሰባት፣ ብጉጅለ ወይ ብትካል ዝካየድ ዘርኣዊ ኣድልዎ ንምዕጋትን ንምውጋድን ኩሎም ፃዕርታት ከካይዳ እንኮላይ ኣድላይ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ሕጊ ከውፅኣ ይግባእ፤

ሰ) ሕድሕድ ኣባል ሃገር እዚ ኪዳን ኣድላይ ኣብ ዝኾነሉ ውሁድ ብዝሃ ዘርኢ ዝሓቖፉ ውድባትን ምንቅስቓሳትን ንምትብባዕ ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ ዘርኢታት ንዝፍጠሩ ሓፁራት ንምውጋድን ዘርእዊ ምክፍፋላት ንምትራፍን ፃዕርታት የካይዳ፡፡

2. ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ኩነታት ኣብ ዝፈቐዶ ኣብ ሃገሮም ዝሥመጡ ገለ ጉጅለታት ዓልየትን ውልቀ ሰባትን ሰብኣዊ መሰላቶምን መሰረታዊ ናፅነታቶምን ብምሉእነትን ብማዕረን ምእንታን ክጥቀሙ ኣብ ማሕበራዊ ቁጠባውን ባህላውን ካልኦት ረብሓታትን ዕብየቶም ዘረጋግፁ ፍሉያት ጭቡጣትን ስጉምቲ ክወስዱ ይግባእ፡፡ እዞም ስጉምቲ ንዝተፈላለዩ ጉጅለታት ዓልየት ዘይማዕርነታውን ዝተፈላለዩን መሰላት ዘጐናፅፉ ክኾኑ ኣይብሎምን፤ ብተወሳኺ ዝተበገሱሉ ዕላማ ምስ ኣዐወቱ ክቋረፁ ኣለዎም፡፡

## ዓንቀፅ 3

ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ብፍላይ ዘርኣዊ ኣድልዎን ኣፓርታይድን ክኹኑኑን ዘርኣዊ ኣድልዎ ዘስዕብ ተግባርን ባህርይን ኣብ ግዝኣቶም ከይጥጥዕ ክከላኸሉ፣ ክዓግቱን ከወግዱ፣ ይግባእ፡፡

## ዓንቀፅ 4

ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ዝተቐበሉ ሃገራት ናይ ሓደ ዓልየት ወይ ጉጅለ ሰባት ናይ ሕብሪ ወይ ብሄራዊ መበቈል ልዕልነት ዝሰብኽ ወይ ብዝኾነ መልክዑ ዘርኣዊ ዕልኣትን ኣፈላላይን ዘስጉም ፕሮፓጋንዳን ትካልን ይኹንና፡፡ ንከምዚ ዝበለ ምልዕዓልን ተግባርን ዘወግዱ ኣወንታዊ ስጉምቲታት ብቕልጡፍ ንምውሳድ ተሰማሚዐን ኣለዋ፡፡ ነዚ ዕላማ ንምዕዋት ምስ መትከላት ኣድማሳዊ ኣዋጅ ሰብእዊ መሰላትን ኣብ'ዚ ኪዳን ኣብ ዓንቀፅ 5 ምስ ዝሰፈሩ መሰላትን ዝተዛመዱ ስራታት ክቕርፁ ኣለዎም ካብ መንጎ እቶም ዝቕረፁ፡-

ሀ) ኣብ ዘርእዊ ልዕልነትን ዕልኣትን ተደሪኹ ዝዝርጋሕ ምብርባርን ኣብ ዘርኣዊ ኣፈላላይ ዝድረኽ ምልዕዓልን ዘቕፅዕ ገበን ምኳኑ ዝውሰን ሕጊ ምእዋጅ፤ ከምኡ'ውን ኣንፃር ሕብሪ ወይ ብሄራዊ መበቆል ናይ ዝኾነ ሰባት ዝዓለመ ተግባርን ዓመፅን ወይ ምልዕዓልን ዝቃወም ንዘርኣዊ ንጥፈታት ምድጋፍን ብገንዘብ ምሕጋዝን ገበን ምኳኑ ዘገንዘብ ሕጊ ምቕራፅ፤

ለ) ዘርእዊ ኣድልዎ ዘሰጉሙን ዘላዓዕሉን ከምኡ'ውን ዝተወደበን ካልእ ዓይነት መልክዕ ዘለዎ ዘርኣዊ ፕሮፓጋንዳ ዘጋፍሑ ትካላት ክእገዱን ዘይሓጋዊ ምኳኖም ክእውጁን ኣብ ከምዚኦም ዝበሉ ትካላትን ንጥፈታትን ምስታፍ ብሕጊ ዘቕፅዕ ገበን ምኳኑ ኣፍልጦ ክህቡን ይግባእ፤

ሐ) ብብሄራዊ ይኹን ብኸባቢያዊ ብርኪ ዝርከቡ መንግስታዊ ሰበስልጣን ወይ መንግስታዊ ትካላት ዘርኣዊ ኣድልዎ ከሰጉሙን ከለዓዕሉን ክፈቕዱሎም ኣይብሎምን፡፡

## ዓንቀፅ 5

ኣብ ዓንቀፅ 2 እዚ ኪዳን ምስ ዝሰፈሩ መሰረታዊ ገቡኣት ብዝሳነ ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ንኩሉ መልክዓት ዘርኣዊ ኣፈላላይ ንምኽልኻልን ንምውጋድን ከምኡ'ውን ናይ ዘርኢ፣ ሕብሪ፣ ብሄራዊ

ወይ ዓሌታዊ መበቆል ምኽንያት ኣፈላላይ ከይተገበረ ኩሉ ሰብ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ብፍላይ ድማ ቐፂሎም ንዝተዘርዘሩ መሰላት ኣብ ምጥቃም ማዕረ ምዃኖም ዘረጋግፁ ውሕስነታት ንምሃብ ተሰማሚዐን ኣለዋ፡፡

ሀ) ኣብ ቅድሚ ኣካላት ዓይነትን ንፍትሒ ዘማሓድሩ ኩሎም ኣካላትን ብማዕረ ናይ ምትእንጋድ መሰል፣

ለ) ብመንግስታዊ ሰበስልጣን ወይ ብውልቀ ሰብ፣ ብጉጅለ ወይ ትካል ካብ ዝበፅሕ መጥቃዕቲን ኣካላዊ መጉዳእቲን ናይ መንግስቲ ሓለዋ ናይ ምርካብን ንውልቃዊ ደሕንነት ውሕስና ናይ ምርካብ መሰል፤

ሐ) ፖለቲካዊ መሰል ብፍላይ ድማ ኣብ ኣድማሳዊን ማዕረ ተሳትፎን ዘረጋግፁ መረፃታት ብመራፃይነትን ብተመራፃይነትን ናይ ምስታፍ መሰል ኣብ መንግስታዊ ሓላፊነት ናይ ምስታፍን ኣብ ኩሎም ደረጃታት ህዝባዊ ጉዳያት ማዕረ ኣገልግሎት ናይ ምርካብን መሰል፣

መ) ካልኦት ሲቪላዊ መሰላት ብፍላይ

1. ኣብ ክልል ወሰን ሃገሩ ብናፃ ናይ ምንቅስቓስን ናይ ምንባርን መሰል፤

2. ናይ ባዕሉ ዓዲ ሓዊሱ ካብ ዝኾነ ዓዲ ናይ ምውፃእን ናብ ዓዲ ናይ ምምላስን መሰል፣

3. ዜግነት ናይ ምርካብ መሰል፤

4. ናይ ምምርዓውን ኣሚንካ ናይ ምምራፅ መሰል፤

5. ብውልቀ ወይ ምስ ካልኦት ብምሕባር ንብረት ናይ ምውናን መሰል፤

6. ናይ ውርሲ መሰል፤

7. ናይ ምሕሳብ ናይ ሕሊና ሃይማኖትን ናፅነት መሰል፤

8. ናይ ውልቀ ኣረኣእያ ናይ ምሓዝን ናይ ምግላፅን ናፅነት መሰል፤

9. ብናፅነት ሰለማዊ ኣኼባ ናይ ምክያድን ናይ ምውዳብን ናፅነት መሰል::

ሰ) ቁጠባዊ፣ ማሕበራውን ባህላውን መሰላት፤ ብፍላይ ድማ፣

1. ናይ ምስራሕ፣ ብናፃ ድሌየት ስራሕ ናይ ምቐፃር፣ ፍትሓውን ምቹውን ናይ ስራሕ ኩነታት ናይ ምርካብ፣ካብ ስእነት ስራሕ ውሕስነት ናይ ምርካብ፣ ንማዕረ ዕዮ ማዕረ ክፍሊት ከምኡ'ውን ፍትሓውን ተመጣጣኒን ክፍሊት ናይ ምርካብ መሰላት፤
2. ማሕበራት ሰራሕተኛታት ናይ ምጥያሽን ናይ ምውዳብን መሰል፤
3. መንበሪ ገዛ ናይ ምርካብ መሰል
4. ኣብ ህዝባዊ ግልጋሎት ሕክምና ተጠቃማይ ናይ ምኽን፣ ሕክምናዊ ክንክን፣ ማሕበራዊ ውሕሰነትን ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ናይ ምርካብ መሰላት፤
5. ትምህርቲን ስልጠናን ናይ ምርካብ መሰል፣
6. ኣብ ባህላዊ ንጥፈታት ብማዕረ ናይ ምስታፍ መሰል ንከም መንዓዝያ፣ ሆቴላት፣ ቤት ምግቢታት፣ ቤት ቡና፣ ቤት ትያትርን መዘናግዒ ስፍራታት ኣብ ዝመሰሉ ንሓፋሽ ክገልግሉ ዝተጣየሹ ቦታታትን ማሕበራዊ ግልጋሎታትን ብማዕረ ናይ ምጥቃም መሰል::

## ዓንቀፅ 6

ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ነዚ ኪዳን ዝፃረርን ንሰብኣዊ መሰላትን መሰረታዊ ናፅነታትን ዝጥሕስን ዝኾነ ተግባር ዘርኣዊ ኣፈላላይ ምክትሉን ብቕዓት ብዘለዎም ሃገራዊ መጋባእያታትን ካልኦት መንግስታዊ ትካላትን ኣቢሎም ኣብ ውሽጢ ክልል ግዝኣተን ንኩሉ ሰብ ውሕስነት ዘረጋግፁ ስርዓት ክዝርግሓን ካብዞም መጋባእያታት ብመጠን ዝበፅሐ ጉድኣት ኣድልዎ ፍትሓውን ተመጣጣኒ ካሕሳ ናይ ምርካብ መሰል ክረጋገፃ ይግባእ::

## ዓንቀፅ 7

ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ናብ ዘርኣዊ ኣድልዎ ዘምርሑ ዘይቅኑዓት ኣረኣእያታት ንምምካት ኣብ መንጎ ብሄራት ወይ ጉጅለታት ዘርኢን ዓልየትን ምክእኣልን ምሕዝነትን ንምዕሳል፣ ከምኡ'ውን ብቻርተር ውድብ ሕቡራት መንግስታት፣ ብኣድማሳዊ ድንጋገ ሰብኣዊ መሰላት፣ ብሕቡራት መንግስታት ዝኾነ ዓይነት ዘርኣዊ ኣድልዎ ንምውጋድ ዝወፀ ዓለም ለኻዊ መግለፂን ኣብዚ ኪዳን ዘለው ዕላማታትን መትከላትን ንምስፍሕፋሕ ቑልጡፍን ዘተኣማምንን ስጉምቲታት፣ ብፍላይ ኣብ ዓውዲታት ትምህርቲ፣ ባህሊን ሓበሬታን ንምውሳድ ተሰማሚዐን ኣለዋ።

# ክፍሊ 3

## ዓንቀፅ 8

1. ዘርኣዊ ኣፈላለይ ኣብ ምውጋድ ዝሰርሕ ኮሚቴ (ካብ'ዚ ንደሓር ኮሚቴ ብዝብል ስያመ ዝፅዋዕ) ካብ ዜጋታት ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ዝምረፁ ብዝለዓለ ስነምግባርን ዘይሻራውነትን ዝልለዩን ንባዕልቶም ወኪሎም ብውልቂ ዘገልግሉ 18 ኣባላት ዘለውዎ ኮሚቴ የቑውም። እንትሕረዩ እዞም ኣባላት ውከለና ስነምድራዊ ዝርጋሐን ዝተፈላለየ ደረጃ ስልጣነን ስርዓታታት ሕጊን ዝወከሉ ምኻኖም ኣብ ግምት ይኣቱ።

2. ኣባላት እዚ ኮሚቴ ብኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ካብ ዝተወከሉ ሕፁያት ብሚስጥራዊ መረፃ ይሕረዩ። ሕድሕድ ኣባል ሃገር እዚ ኪዳን ካብ መንጎ ዜጋታቱ ሕፁይ ሓደ ይፀርሕ።

3. ናይ መጀመርታ መረፃ እዚ ኪዳን ቀያዲ ካብ ዝኾነሉ መዓልቲ ድሕሪ ሽዱሽተ ወርሒ ይካየድ። ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ሕድሕድ መረፃ ብውሑድ ቅድሚ ሰለስተ ወርሒ ዝምልከቶም ሃገራት ኣብ ውሽጢ ክልተ ወርሒ ሕፁያት ክፀርሑ

ብደብዳቤ ይሓቶም። ዋና ፀሓፊ ናይቶም ዝተፀርሑ ሕፁያት ዝርዝር ብፊደል ቅደም ሰዓብ ኣሰናዲኡ እንኮላይ ንዝፀርሓም ሃገር ብምጥቃስ ንኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ይዝርግሕ።

4. እቲ ዋና ፀሓፊ ኣብ ዋና ቤት ፅሕፈት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ዝዕውዖ ኣኼባ ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን መረፃ ኣባላት ፣ ኮሚቴ ይካየድ። ክልተ ሲሶ ፈረምቲ እዚ ኪዳን ኣብ'ቲ ኣኼባ እንተተረኺቦም ምልኣተ ኣኼባ ይኸውን። ኣብ'ቲ ኣኼባ ተረኺቦም ድምፂ ናይ ዝሃቡ ተወከልቲ ፈረምቲ ሃገራት ዓብላላይ ድምፂ ዝረኸቡ ሕፁያት ኣባላት እቲ ኮሚቴ ይኾኑ።

5. ሀ) ኣባላት እቲ ኮሚቴ ንኣርባዕተ ዓመት ናይ ስራሕ ግዜ ይምረፁ። ኮይኑ ግና ካብ መንጎ እቶም ኣብ ናይ መጀመርታ መረፃ ዘተመረፁ ናይ ትሽዓተ ኣባላት ናይ ስራሕ ዘበን ድሕሪ ኽልተ ዓመት የብቕዕ እቲ ናይ መጀመርታ መረፃ ናየዞም ትሽዓተ ኣባላት ሽም ብእቦመንበር እቲ ኮሚቴ ኣቢሉ ብዕፃ ይወሰን።

ለ) ካብ'ቲ ኮሚቴ ሰብ እንትጐድል፣ ናይ'ቲ ካብ ስርሑ ዝለቐቐ ኣባል ዜጋ ዝኾነሉ ሃገር ካብ ዜጋታቱ ካልእ በዓል ሞያ መሪፁ እቲ ኮሚቴ ንኣባልነት እቲ ሰብ ከዕድቖ የቕርብ።

6. ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ፣ ኣባላት እቲ ኮሚቴ ዝተውሃቦም ሓላፍነት ፣ ኮሚቴ ኣብ ዘሳልጡ እዋን ዘድልዮም ወፃኢ ናይ ምሽፋን ግቡእ ኣለዎም።

## ዓንቀፅ 9

1. ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ፣

ሀ) እዚ ኪዳን ነቲ ዝምልከቶ ሃገር ቀያዲ ካብ ዝኾነሉ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት

ለ) ብድሕሪኡ ድማ በብኽልተ ዓመትን እቲ ኮሚቴ ኣብ ዝሓተተሉ ግዜን ኣፈፃፅማ ድንጋገታት እዚ ኪዳን ኣመልኪቶም ዝወስድዎ

ናይ ሕጊ ምውፃእ፣ ዳየነታዊ፣ ምምሕዳራዊን ካልኦት ስጉምቲ ዝገልፅ ፀብፃብ ንዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ብምቕራብ እቲ ኮሚቴ ንክርእየሎም ይገብሩ።

2. እቲ ኮሚቴ ብዛዕባ ንጥፈታቱ ብዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣቢሉ ዓመታዊ ፀብፃብ ንሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት መንግስታት የቕርብ። ኣብ'ቲ ፀብፃብ ካብ ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ዝበፅሖ መረዳእታታትን ፀብፃባትን መርሚሩ ናይ ባዕሉ ርእይቶታትን ናይ መፍትሒ ሓሳባትን ከካትት ይኽእል። እቶም ርእይቶታትን ሓፈሻዊ ናይ መፍትሒ ሓሳባትን እቶም ምስ ኣባል ሃገራት ዝሃብዋ ርእይቶ ብሓባር ናብ'ቲ ሓፈሻዊ ጉባኤ ይቐርብ።

## ዓንቀፅ 10

1. እቲ ኮሚቴ ናይ ባዕሉ ናይ ስነስርዓት ሕጊ የውፅእ።
2. እቲ ኮሚቴ ንኽልተ ዓመት ዘገልግሉ ፈፀምቲ ስራሕ ይመርፅ።
3. ነቲ ኮሚቴ ዘድልዩ ግልጋሎት ቤት ፅሕፈት ብዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ይቐርበሉ።
4. ኣኼባታት እቲ ኮሚቴ ኣብ ዋና ቤት ፅሕፈት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ይካየዱ።

## ዓንቀፅ 11

1. ኣባል እዚን ኪዳን ዝኾነ ሓደ ሃገር ናይቲ ኪዳን ኣባል ዝኾነ ካልእ ሃገር ነቶም ኣብ'ዚ ኪዳን ዝሰፈሩ ሕግታት ኣብ ትግባር ኣየውዓሎምን ዝብል እምነት እንተሕዲ ቅሬትኡ ናብ'ቲ ኮሚቴ ከቕርብ ይኽእል። እቲ ኮሚቴ ብወገኑ ነቲ ዝበፅሖ ቅሬታ ናብ'ቲ ዝምልከቶ ተሓታቲ ሃገር የመሓላልፍ። እቲ ተቐባሊ ሃገር'ውን እቲ ቅሬታ ምስበፅሖ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ

ወርሒ ነቲ ጉዳይ ዘብርህን ወይ በቲ ሃገር ዝተወሰደ መእረምታ እንተሃሊዩን ብፅሑፍ ነቲ ኮሚቴ የፍልጥ፡፡

2. እቲ ናይ መጀመርታ ቅሬታ ምስቐረብ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ወርሒ ብክልቲኣዊ ሽምግልና ወይ ብኻሊእ ስነስርዓት ንኽልቲኦም እቲ ጉዳይ ዝምልከቶም ዘዕግብ ፍታሕ እንተዘይተረኺቡ ካብ ክለቲኦም ሓዲኡ ሃገር ነቲ ጉዳይ ደጊሙ ናብ'ቲ ኮሚቴ ናይ ምቕራብን ብዛዕብኡ ነቲ ካልእ ሃገር ናይ ምፍላጥን መሰል ኣለዎ፡፡

3. እቲ ኮሚቴ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 2 እዚ ዓንቀፅ ኣብ'ቲ ዝቐረበሉ ጉዳይ ውሳነ ዝህብ እቲ ዝምልከቶ ሃገር ንሓፈሻዊ መትከላት ዓለምለኽ ሕጊ ስዒቡ ብኩሎም ናይ መፍትሒ ኣገባባት ነቲ ጉዳይ ከዕልቦ ከምዘይኻኣለ ምስ ኣረጋገፀ እዩ መፍትሒ ንምሃብ ዝወስድ ግዜ ብሚዛናዊ ኣተዓቓቕና ዝነውሐ እንተኾይኑ እዚ ሕጊ ተፈፃምነት ኣይህልዎን፡፡

4. እቲ ኮሚቴ ናብኡ ዝቐረበ ጥርዓን ኣመልኪቱ ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ተወሳኺ ኣገዳሲ ሓበሬታ ክቐርባ ፃውዒት ክገብር ይኽእል፡፡

5. ኣብዚ ዓንቀፅ ዝተመልከቱ ጉዳያት በቲ ኮሚቴ ኣብ ዝረኣየሉ እዋን ነዚ ኪዳን ዝተቐበላን ሰብ ዋኒን ዝኾኑ ሃገራት ኣብ ናይ'ቲ ኮሚቴ ኣኼባታት ብዘይ ድምፂ ዝሳተፉ ወከልቲ ክሰዱን ንከይዲ እቲ ምዕራይ ክከታተሉን መሰል ኣለዎም፡፡

## ዓንቀፅ 12

1. ሀ) እቲ ኮሚቴ ኣገደስቲ ዝብሎም ሓበሬታታት ምስ ሓዘን ኣባላት እቲ ኮሚቴ ዝኾኑን ዘይኮኑን ሓሙሽተ ሰባት ብኣባልነት ዝሓዘ ምስኣከበን እቲ ኣቦመንበር ጊዚያዊ ኰሚሽን ሽምግልና (ካብዚ ንዳሓር ኮሚሽን ብዝብል ስያመ ዝፅዋዕ)

ይስይም ኣባላት እቲ ኮሚሽን ብምሉእ ስምምዕነት ተኻታዕቲን ሰብ ጉዳይ ዝኾኑ ሃገራት ዝሰየሙ እዮም፡፡ እቲ ኮሚሽን ኣብ'ዚ ኪዳን ኣብ ዝሰፈሩ መትከላት ተመስሪቱ ነቲ ጉዳይ ዘሰማምዕ መዕለቢ ንምሃብ ብምዕላም ነቶም ሰብ ጉዳይ ዝኾኑ ሃገራት ኣገልግሎቱ ይህብ፡፡

ለ) እዚ ጉዳይ ዝምልከቶም ተኻታ ዕቲ ሃገራት ኣብ መንነትኩሎም ወይ ገለ ክፋል ኣባላት እቲ ኮሚሽን ኣብ ውሽጢ ለሰስተ ወርሒ እንተዘይተሰማሚዖም፣ እቲ ኮሚቴ ብሚሽጥር ብዘካይዶ መረፃ ኣቢሉ ካብ ኣባላቱ እቶም ክልተ ሲሶ ድምፂ ዝረኸቡ ነቶም ተቐባልነት ዘይረኸቡ ኣባላት ኮሚሽን ተኪኦም ክሰርሑ ይገብር፡፡

2. ኣባላት እቲ ኮሚሽን ንዓርሶም ወኪሎም ስርሖም የሳልጡ፡፡ እዞም ኣባላት ዜጋታት ተኻታዕቲ ሃገራት ወይ ናይዚ ኪዳን ኣባል ዘይኮኑ ሃገራት ክኾኑ ኣይብሎምን፡፡
3. እቲ ኮሚሽን ናይ ባዕሉ ኣቦመንበር ይመርፅ፣ ዝምረሓሉ ስነስርዓት ሕጊ የውፅእ፡፡
4. ኣኼባታት እቲ ኮሚሽን ኣብ ዋና ቤት ፅሕፈት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ወይ እቲ ኮሚሽን ባዕሉ ይምቹ ኢሉ ኣብ ዝውስኖ ቦታ ይካየዱ፡፡

6. ተኻታዕቲ ሃገራት ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ብዘቕርበሎም ግምት መሰረት ንኩሉ ወፃኢ እቲ ኮሚሽን ማዕረ ይማቐሉ፡፡
7. ኣድላይ ኮይኑ እንተተረኺቡ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 6 እዚ ዓንቀፅ ተኻታዕቲ ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ዝኾና ሃገራት ነቲ ወፃኢ ክሳብ ዝትክኣ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ንወፃኢ ኣባላት እቲ ኮሚሽን ናይ ምሽፋን ስልጣን ኣለዎ፡፡
8. እቲ ኮሚቴ ዝበፅሑዎን ባዕሉ'ውን ዘዋደዶምን መረዳእታታት ክርእዮም ይግባእ፡፡ ብዘይካ'ዚ እቲ ኮሚሽን ተኻታዕቲ ሃገራት ካልእ ተወሳኺ ኣገዳሲ ሓበሬታ ከቕርቡ ክፅውዕ ይኽእል'ዩ፡፡

## ዓንቀፅ 13

1. እቲ ኮሚሽን ነቲ ጉዳይ ምሉእ ብምሉእ ምስመርመረ ምስ ጉዳይ እቶም ጠራዕቲ ኣብ ዝዛመዱ ኩሎም ሕቶታትን ኣገደስቲ ሓቅታትን ዝበፅሖ መደምደምታን ነቲ ውጥጥ ኣብ ምፍታሕ ዝጠቕሙ ኣግባብ ዘለዎም ናይ መፍትሒ ሓሳባትን ዝጠመረ ፀብፃብ ኣሰናዲኡ ንኣቦመንበር እቲ ኮሚቴ የቕርብ።

2. ኣቦ መንበር እቲ ኮሚቴ ካብ'ቲ ኮሚሽን ዝበፅሖ ፀብፃብ ሰብ ዋኒን እቲ ውጥጥ ንዝኾኑ ሃገራት ንሕድሕዲኦም የመሓላልፍ። እዞም ሃገራት ብወገኖም ኣብ ፀብፃብ እቲ ኮሚሽን ንዘስፈሩ ናይ መፍትሒ ሓሳባት ዝቕበልዎምን ዘይቕበልዎን ብዛዕባ ምኽኖም ንኣቦመንበር እቲ ኮሚቴ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ወርሒ ክፍልጡ ይግባእ።

3. ድሕሪ እቲ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 2 እዚ ዓንቀፅ ዝተጠቐሰ ግዜ ኣቦ መንበር እቲ ኮሚቴ ንፀብፃብ እቲ ኮሚሽንን ንመግለፂታት ተኸራኸርቲ ሃገራትን ኣዋዲዱ ንኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን የመሓላልፍ።

## ዓንቀፅ 14

1. ኣባል እዚ ኪዳን ሃገር እቲ ኮሚቴ ኣብ ክልል ግዝኣት እቲ ሃገር ኣብ'ዚ ኪዳን ዝሰፈሩ መሰላትና ተጣሒሱ ዝብልን ካብ ውልቀ ሰባት ወይ ጉጅለታት ዝቐርብ ጥርዓን ተቐቢሉ ናይ ምምርማር ስልጣን ከምዘለዎ ከምዝቕበል ኣብ ዝኾነ ግዜ ክገልፅ ይኽእል። ነዚ ኣፍልጦ ካብ ዘይሃቦ ሃገር ዝቐርብ ጥርዓን በቲ ኮሚቴ ኣይምርመርን።

2. ብመሰረት ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተገለፀ ኣፍልጦ ዝሃበ ሃገር ኣብ ክልል ግዝኣቱ ካብ ዝርከቡ ውልቀሰባትን ጉጅለታት ውልቀሰባትን ዝቐርቡን ኣብ'ዚ ኪዳን ዝሰፈሩ መሰላትና ተጣሒሶም እዮም ዝብሉን ጥርዓናት ዝቕበልን ዝምርምር ብቕዓት ዘለዎ

ሃገራዊ ሕጭዊ ትካል ከቕውም ይኽእል'ዩ። እቲ ትካል ብኩሉም ከባብያዊ መፍትሒታት ዕግበት ንዘይረኸቡ ጉዳያት ይምርምር።

3. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 2 እዚ ዓንቀፅ ዝቐውም ኣካል ዝምልከት ሰነድ ብዝምልከቶ ኣባል ሃገር እዚ ኪዳን ኣቢሉ ኣብ ኢድ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ክቕመጥ ይግበር። እቲ ዋና ፀሓፊ ድማ ቕዳሓት ናብ ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ይዝርግሕ። እቲ ዝተውሃቦ ኣፍልጦ ንዋና ፀሓፊ ብምፍላጥ ኣብ ዝኾነ ጊዜክስሓብ ይኽእል'ዩ፣ ይኹን እምበር እቲ ምስሓብ ኣብ ኢድ እቲ ኮሚቴ ኣብ ዘለዉ ጉዳያት ተፈፃምነት ኣይህልዎን።
4. ዝተመዝገበ ጥርዓን ምስቲ ብንኡስ ዓንቀፅ 2 እዚ ዓንቀፅ ዝቐውም ኣካል ይቕመጥ፣ ናይቲ መዝገብ ዝተረጋገፁ ቕዳሓት ድማ ኣግባብ ብዘለዎም መስርሓት ኣቢሎም በብዓመቱ ናብ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ይለኣኹ ኮይኑ ግና ትሕዝቶ እቶም ጥርዓናት ዕላዊ ኣይግበሩን።

5. እቲ ብንኡስ ዓንቀፅ 2 እዚ ዓንቀፅ ዝተጣየሸ ኣካል መፍትሒ ክህብ እንተዘይኺኢሉ እቲ ጠራዒ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ወርሒ ናብ'ዚ ኮሚቴ ከመልክት መሰል ኣለዎ።
6. (ሀ) እቲ ኮሚቴ ነቲ ናብኡ ዝቐረበ ጥርዓን ናብ'ቲ ሕግታት እዚ ኪዳን ጥሒሱ ተባሂሉ ክሲ ዝቐረቦ ሃገር ምእንታን ክፈልጦ ይሰደሉ። ኮይኑ ግና መንነት ናይ'ቲ ጠራዒ ውልቀሰብ ወይ ጉጅለታት ውልቀሰባት ብዘይካ ናይቶም ግልፂ ፍቓድ ንቲ ዓዲ መንግስቲ ኣይግለፅን። ኾይኑ ግና እቲ ኮሚቴ ሽም ዘይብሉ ጥርዓን ኣይቕበልን።
(ለ) እቲ ጥርዓን ዝበፅሖ ሃገር ነቲ ጉዳይ ዘብርህ ወይ ዝተውሃቦ መፍትሒ እንተሃሊዩ ንዕኡ ዝገልፅ ፅሑፍ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ወርሒ ነቲ ኮሚቴ የቕርብ።

7. (ሀ) እቲ ኮሚቴ ካብ'ቲ ተኸሳሲን ኣባል እዚ ኪዳን ዝኾነ ሃገር ካብ'ቲ ጠራዓይ ኣብ ዝቐረቡሉ መረዳእታታት ተደሪኹ ናይ

ምዕራይ ርክብ ይገብር። እቲ ጠራዒ ኣብ ሃገሩ ንዘለዉ ኩሎም ናይ ጥርዓን ብርኪታት ፀንቂቑ እንተዘይመሚኡ እቲ ኮሚቴ ነቲ ጉዳይ ኣይቕበልን። ኮይኑ ግና እቲ ናይ መፍትሒ መስርሕ ብሚዛናዊ ኣተዓቓቕና ዝነውሐ ግዜ ዝወስዶ እንተኾይኑ እዚ ሕጊ ተፈፃምነት ኣይህልዎን።

(ለ) እቲ ኮሚቴ ኣብ'ቲ ጉዳይ ርእይቶታት ናይ መፍትሒ ሓሳባትን እንተሃሊዩዎ ነቲ ጥርዓን ዝቐረቦ ሃገርን ነቲ ጠራዒን የቕርብ።

8. እቲ ኮሚቴ ናይ'ቲ ዝገብሮ ርክብ ጥማር ኣድላይ ኣብ ዝኾነሉ ድማ እቲ ክሲ ዝቐረቦ ኣባል ሃገር ዝሃቦ መብርሂን መግለፂ ምስ ናይ ባዕሉ ርእይቶታትን ናይ መፍትሒ ሓሳባትን ዝጠመረ ፅሑፍ ኣብ ዓመታዊ ፀበፃቡ የካትት።

9. እቲ ኮሚቴ ኣብ'ዚ ዓንቀፅ ዝሰፈሩ ተግባራት ዘሳልጥ ብውሑዱ ዓሰርተ ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1 ናይ'ዚ ዓንቀፅ ንስልጣን እቲ ኮሚቴ ኣፍልጦ መረጋገፂ እንተሂበን እዩ።

## ዓንቀፅ 15

1. እቲ 14 ዲሰምበር 1960 ዓ.ም.ፈ ብሓፈሻዊ ጉባኤ ውሳኔ ቁፅሪ 1514 (XV) ዝወፀን ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ንዘለዉ ሃገራትን ህዝብታትን ናፅነት ዝሀቦ ኣዋጅ ተግባራውነቱ ቀፃልነት ክም ዘለዎ ኮይኑ ኣብ'ዚ ኪዳን ዝሰፈሩ ሕግታት እዞም ህዝብታት ብኻልእ ዓለም ለኻዊ ኣሰራርሓታት ወይ ፍሉይ ተልእኾ ብዘለዎም ኣካላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ንዝረኸቡዎ ጥርዓን ናይ ምቕባል መሰል ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ኣይዓግቱን።

2. (ሀ) እቲ ብመሰረት ዓንቀፅ 8 ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ኪዳን ዝቖውም ኮሚቴ ውሳነ ሓፈሻዊ ጉባኤ 1514 (XV) ተግባራዊ ዝኾነሎም ኣብ ትሕቲ ሞግዚታዊን ዘይዓርሰምምሕዳራውን ግዝኣታት ዝግሓደሩ ነበርቲ ናይ ዘቕርብዎ ጥርዓን ቅዳሕ ይቕበል። ነዚ ጥርዓን ንምምርማርን ኣብ 'ዚ ኪዳን ዝሰፈሩ መትከላትን ሸቶታትን ብቐጥታ ንዝቕሙ ኣካላት ውድብ

ሕቡራት መንግስታት ድማ ኣብ'ቲ ጥርዓን ዝተመስረተ ርእይቶን ናይ መፍትሒ ሓሳባትን የቕርብ።

(ለ) እቲ ኮሚቴ ኣብ ንኡስ ንኡስ ዓንቀፅ (ሀ) ናይ'ዚ ዓንቀፅ ዝተጠቐሱ ግዝኣታት ከማሓድሩ ካብ ዝተሰየሙ ዝምልከቶም ኣካላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ምስ ዕላማታት እዚ ኪዳን ዝተዛመዱ ምንቅስቃሳት ኣውፃእቲ ሕጊ፣ ኣብያተ ፍርዲ፣ ምምሕዳራውን ካልኦት ንጥፈታትን ኣመልኪቶም ናይ ዘሰናድእዎ ፀብፃብ ቅዳሕ ይቕበል።

3. እቲ ኮሚቴ ንሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ዘቕርቦ ፀብፃብ ካብ ኣካላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ንዝተቐበሎ ጥርዓንን ፀብፃብን እቲ ኮሚቴ ኣብ'ቲ ጥርዓንን ፀብፃብን ተመስሪቱ ዝሃቦ ርእይቶን፣ መግለፂን ናይ መፍትሒ ሓሳባትን የካትት።

4. እቲ ኮሚቴ ንሸቶታት እዚ ኪዳን ዘገድሱ ሓበሬታታትን ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 2(ሀ) ምስ ዝተጠቐሱ ግዝኣታት ዝተዛመዱ ጉዳያቱን ኣመልኪቱ ንዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ክሓትት ይኽእል።

## ዓንቀፅ 16

ዓንቀፃት እዚ ኪዳን ንካልኦት ምስ ኣድልዎን ኣፈላላይን ዝተዛመዱ ጉንፂታት ንምፍታሕ ምስ ዝወፁ ስነስርዓታት ከይተፃብኡ ተግባራዊ ይኾኑ፣ ውድብ ሕቡራት መንግስታትን ፍሉይ ተልእኾ ዘለዎም ኣካላቱን ምስ ዘውፅእዎም ስነስርዓታትን ነዚ ኪዳን ዝተቐበሉ ሃገራት ጉንፂ ንምፍታሕ ብመሰረት ዓለምለኽ ውዕላት ንዝሓንፀፅዎም ስነስርዓታትን ኣይፃብኡን።

## ክፍሊ 3

## ዓንቀፅ 17

1. እዚ ኪዳን ኣባል ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዝኾነ ሃገር ወይ ፍሉይ ተልእኾ ናይ ዘለዎም ኣካላቱ ኣባል ዝኾነ ሃገር፣

ኣባል ሃገር መማሓደሪ ሕጊ ዓለምለኸ ቤት ፍርዲ ብሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ነዚ ኪዳን ክኸቅበል ዝተዓደመ ዝኾነ ሃገር ክፍርመሉ ክፉት'ዩ።

2. እዚ ኪዳን ኣብ ሕድ ሕድ ሃገራት መውዕኢ ሕጊ ኣካል ቐሪቡ ተቐባልነት ረኺቡ ክፀድቕ ኣለዎ። ናይ መፅደቒ ሰነዳት ንዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ክቐርብ ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 18

1. እዚ ኪዳን ኣብ ዓንቀፅ 17 ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ኪዳን ዝተጠቐሳ ኩለን ሃገራት ክቕበልኦ ክፉት'ዩ

2. ናይዚ ኪዳን መቐበሊ ሰነዳት ኣብ ኣድ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ይቕመጡ።

## ዓንቀፅ 19

1. መበል ዕስራን ሸውዓተን ናይ መፅደቒ ወይ ናይ መቐበሊ ሰነድ ኣብ ኢድ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግሰታት ምስቀረበ ኣብ መበል ሰላሳ መዓልቲ እዚ ኪዳን ዝፀንዐ ይኸውን።

2. መበል ዕስራን ሸውዓተን ናይ መፅደቒ ወይ ናይ መቐበሊ ሰነድ ምስቀረበ ነዚ ኪዳን ዘፅድቑ ሃገራት ናይ ባዕልቶም ናይ መፅደቒ ወይ ናይ መቐበሊ ሰነድ ምስቀረበ ኣብ መበል 30 መዓልቲ በዚ ኪዳን ይቕየዱ።

## ዓንቀፅ 20

1. ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ሃገራት ኣብ ግዜ ምፅዳቕ ወይ ምቕባል ንዝመዝገብዎ ተኣቅቦ ተቐቢሉ ናብ ኩሎም ኣባል ሃገራት ኪዳንን እዚ ክቕበሉ ንዝደልዩ ሃገራት የመሓላልፍ። ነዚ ተኣቅቦ ዝቃወም ዝኾነ ሃገር እቲ መልእኽቲ ምሰበፅሖ ኣብ ውሽጢ ቴስዓ መዓልቲ ከምዘይቕበሎ ብምግላፅ ንዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት የፍልጥ።

2. ምስ ዕላማን ሸቶን እዚ ኪዳን ዘይቃዶ ተኣቕቦ ተቐባልነት ኣይበሉን፤ በዚ ኪዳን ናይ ዝተጣየሸ ኣካል ንጥፈታት'ውን ኣየተዓናቕፍን። ክልተ ሲሶ ነዚ ኪዳን ዝተቐበሉ ሃገራት ዝተቓወምዎ ተኣቕቦ ተቐባልነት ኣይህልዎን።

3. ተኣቕቦ ናብ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ብዝፅሓፍ ደብዳቤ ኣቢሉ ክሳሓብ ይኽእል። እቲ ናይ ምስሓብ ደብዳቤ ኣብ ኢድ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ምስኣተወ ተፈፃምነት ይህልዎ።

## ዓንቀፅ 21

ኣባል ሃገር እዚ ኪዳን ናብ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ብትፅሕፎ ደብዳቤ ኣቢላ ካብዚ ኪዳን ዓርሳ ክተግልል ትኽእል። ነዚ ኪዳን ተፃረርካ ናይ ምውፃእ ጉዳይ እቲ ደብዳቤ ኣብ ኢድ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ምስኣተወ ድሕሪ ሓደ ዓመት ተግባራዊ ይኸውን።

## ዓንቀፅ 22

ኣብ ኣተረጓጉማ ወይ ኣተገባብራ እዚ ኪዳን ኣብመንጎ ክልተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ኣባል እዚ ኪዳን ዝኾኑ ሃገራት ዝፍጠር ውጥጥ ብዘተ ወይ ኣብ'ዚ ኪዳን ብዝተቐመጡ ኣገባባት እንድሕር ዘይተፈቲሑ ብሓዲኦም ሰብ ጉዳይ ኣቢሉ ንውሳነ ናብ ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ ክቐርብ ይኽእል'ዩ። እዚ ዝኸውን ግና እቶም ተማጎቲ ብካልእ ኣገባብ ኣፈታትሓ ክኣልየዎ እንተዘይ ክኢሎም'ዩ።

## ዓንቀፅ 23

1. ኣባል እዚ ኪዳን ዝኾነ ሃገር ናብ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ዝኾነ ግዜ ብዝፅሕፎ ደብዳቤ ኣቢሉ ኣብ'ቲ ኪዳን ናይ መመሓየሺ ሓሳብ ክቕርብ ይኽእል'ዩ።

2. ሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት መንግስታት እቲ ናይ መመሓየሺ ሓሳብ ሕቶ ዝተኣናገደሉ ኣገባብ ይውስን።

## ዓንቀፅ 24

ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ነቶም ኣብ ዓንቀፅ 17 ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተጠቐሱ ኩሎም ሃገራት ነዚ ኪዳን ኣመልኪቱ ነዞም ዝስዕቡ ጉዳያት የፍልጦም

ሀ) ብመሰረት ዓንቀፃት 17፣18 ፌርማታት ምዕዳቓትን ምቕባላትን፤

ለ) ብመሰረት ዓንቀፅ 19 እዚ ኪዳን ቀያዲ ዝኾነሉ መዓልተ፤

ሐ) ብመሰረት ዓንቀፅ 14፣20፣23ን ዝበፅሕዎ መልእኽትታትን መግለፅታትን፣

መ) ብመሰረት ዓንቀፅ 21 ዝቐረበ ናይ ምዕራር ደብዳበ።

## ዓንቀፅ 25

ብቻይንኛ፣ እንግሊዝኛ፣ ፈረንሳይኛ፣ሩስያኛን ስፓንሽኛን ዝተሰናድአ ናይ'ዚ ኪዳን ሰነድ ማዕሪ ኣፍልጦ ኣለዎ፤ ኣብ ቤትመዝገብ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ድማ ይቕመጥ።
ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዝተረጋገፁ ቕዳሓት ናይ'ዚ ኪዳን ኣብ ዓንቀፅ 17 ንኡስ ዓንቀፅ 1 ንዝተጠቐሱ ክፍልታት ይዝርግሕ።

# ስቅያት፣ ካልኦት ጨካን ዘይሰብኣው ወይ ኣዋራዲን ኣታሓሕዛ ወይ መቕፃዓት ንምትራፍ ዝወፀ ኪዳን

**ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን**

እቶም ኣብ ቻርተር ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዝተኣወጁ ማዕረን ዘይገሃሱ መሰላት ኣባላት ሰብኣዊ ፍጡር፣ መሰረት ናፅነት፣ ፍትሒን ሰላምን ዓለምና ከምዝኾኑ ኣብ ግምት ብምእታው፤

እዞም መሰላት ካብ ተፈጥሮኣዊ ክብሪ ሰብኣዊ ፍጡር ከምዝፍልፍሉ ብምቕባል፤

ብመሰረት እቲ ቻርተር ብፍላይ ዓንቀፅ 55 ሓላፊነት ሃገራት፣ ሰብኣዊ መሰላትን መሰረታዊ ናፅነታትን ዓለም ለኸ ተቐባልነትን ተፈፃምነትን ክረኽቡ ምስራሕ ከም ዝኾነ ብምግንዛብ፤

ኣብ ዓንቀፅ 5 ኣድማሳዊ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላትን ኣብ ዓንቀፅ 7 ዓለምለኸ ኪዳን ሲቪላውን ፖለቲካውን መሰላትን ዝሰፈረ፣ ማንም ሰብ ስቅያት፣ ጨካን፣ ዘይሰብኣውን ኣዋራጅን ኣታሓሕዛን መቕፃዕቲን ክወርዶ ከምዘይብሉ ንዝጠቅስ መትከል ኣብ ግምት ብምእታው፤

ብሓፈሻዊ ጉባኤ ብ 9 ዲሰምበር 1975 ዓ.ም.ፈ ዝተሓገገን (ውሳነ 3452 (xxx) ኩሎም ሰባት ካብ ናይ ስቅያት፣ ጨካን፣ ዘይሰብኣውን ኣዋራዲን ኣታሓሕዛን መቕፃዕቲን ሓለዋ ክረኽቡ ከምዘለዎም ዘገንዝብን ሕጊ ትኹረት ብምሃብ፤

ኣንፃር ስቅያት፣ጭካነ፣ ዘይሰብኣውን ኣዋራዲን ኣተሓሕዛን መቕፃዕቲን ዝካየድ ቃልሲ ንምጥንኻር ዘለዎም ቅሩብነት ብምግላፅ ከምዝስዕብ ተሰማሚዖም ኣለዉ።

# ክፍሊ 1

## ዓንቀፅ 1

1. ኣብዚ ኪዳን "ስቅያት" ማለት ካብ'ቲ ሰብ ወይ ካብ ሳልሳይ ወገን መረዳእታ ንምርካብ ወይ ንምእማን ብምዕላም ኮነ ተባሂሉ ዝወርድ ኣካላዊ ወይ ስነኣእምሮኣዊ ምሕሊር ቃንዛን ጭንቂን እዩ። ከምኡ'ውን እቲ ሰብ ወይ ሳልሳይ ወገን ብዝፈፀሞ ወይ ፈፂምዎ ተባሂሉ ብዝጥርጠሮ ንምቕፃዕ ንፍርራሕ ወይ ንሳልሳይ ወገን ንምስግዳድ ወይ ኣብ ኣድልዎ ዝተመስረተ ዝኾነ ጭካነ ንምፍፃም ዝካየድ ናይ ስቅያት ተግባር'ዩ። እዚ ቃንዛ ወይ ጭንቂ እንትፍፀምን ክፍፀም ምልዕዓል እንትግበርን ብፍቓድ ወይ ኣፍልጦ መንግስታዊ በዓል ስልጣን ወይ ብፈቓድ ብደረጃ በዓል ስልጣን ዝንቀሳቐስ ሰብ እዩ። እዚ ጉዳይ ነቲ ብሕጊ ዝውሰዱ ስጉምቲታት ተኣሳሲሮም ዝስዕቡ ቃንዛን ጭንቂን ኣይሓውስን
2. እዚ ዓንቀፅ ዝሰፍሐ ኣተገባብራ ንዘለዎም ዓለምለኻውን ሃገራውን ሕግታት ብዝፃባእ ኣገባብ ኣይፍፀምን።

## ዓንቀፅ 2

1. ሕድሕድ ኣባል ሃገር እዚ ኪዳን ናይ ስቕያት ተግባራት ኣብ ዝኾነ ክልል ግዝኣቱ ከይፍፀም ንምክልኻል ሕጊ ናይ ምውፃእ መምሕዳራዊ ዳይነታዊ ወይ ካልእ ስሉጥ ስጉምቲ ይወስድ።
2. ዝኾነ ፍሉይ ኩነታት እዉጅ ኲናት ወይ ሓደጋ ኲናት፣ ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ዘይምርግጋእ ንምውጋድ ወይ ኻሊእ ደሕንነትን ፀጥታን ህዝቢ ንምሕላው ዝውሰድ ናይ ህፁፅ ጊዜ ስጉምቲ ኣድላይነት ጉቡእነት ስቅያት ንምድጋፍ ከም መካትዒ

ክቐርብ ወይ ካልእ ህፁፅ ኩነታት ንስቅያት ሕጋዊ ባይታ ክኸውን ኣይኽእልን።

3. ናይ ላዕዋይ ኣካል ወይ መንግስቲ በዓል ስልጣን ትእዛዝ ምኽንያት ብምግባር ስቅያት ምፍፃም ኣይካኣልን።

## ዓንቀፅ 3

1. ዝኾነ ኣባል ሃገር እዚ ኪዳን ኣብ ክሊ ግዝኣቱ ዝነብር ሓደ ሰብ ንኻልእ ሃገር ኣሕሊፉ እንተሂቡ ተግባር ስቅያት ኣብ ልዕሊኡ ክፍፀም እዩ ኢሉ እንተኣሚኑ እኹል ምኽንያት እንተሃልዩን ነቲ ሰብ ካብ ግዝኣተን ኣየውፅኦእ፣ ናብ ዝመፅኣሉ ዓዲ ኣይምለስን፣ ኣሕሊፉ ክህብ ኣይብሉን።
2. ከምኡ ዝበለ ኩነታት ኣብ'ቲ ሃገር ምህላዉ ንምውሳን ዝምልከቶም ሰበስልጣን ንኩሎም ኣገደሽቲ ሓበሬታታት ክምርምሩ፣ ኣድላይ ኣብ ዝኾነሉ ድማ ኣብ'ቲ ሃገር ንዘሎ ጃምላውን ተደጋጋሚን ምጥሓስ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ግምት ከእትዉ ይግባእ።

## ዓንቀፅ 4

1. ሕድሕድ ኣባል ሃገር እዚ ኪዳን ኩሎም ተግባራት ስቅያት ገበን ኮይኑ ብሕጊ ምድንጋጉ ከረጋግፅ ኣለዎ። ብተመሳሳሊ ናይ ስቅያት ተግባር ንምፍፃም ዝግበር ፈተነን ኣብ ናይ ስቅያት ተግበር ምትሕብባርን ምስታፍን ከም ገበን ክቑፀር ይግባእ።
2. ሕድሕድ ኣባል ሃገር እዚ ኪዳን እዞም ገበናት ኣግባብ ብዘለዎም ሕግታት ከምዝቕፅዑ ገይሩ ክቐርፅን ንዘስካሕክሕ ባህሪኦም ኣብ ግምት ከእቱን ይግባእ።

## ዓንቀፅ 5

1. ሕድሕድ ኣባል ሃገር እዚ ኪዳን ኣብ ዓንቀፅ 4 ንዝተጠቐሱ ገበናት ኣመልኪቱ ስጉምቲ እንትወስድ ኣብዞም ዝስዕቡ ጉዳያት ዘለዎ ናይ ስልጣን ክልል

ሀ) እቶም ገበናት ኣብ ዝኾነ ናይታ ዓዲ ግዝኣት ክልል ወይ ኣብ ትሕቲኣን ኣብ ዝተመዝገበ መርከብን ነፋሪትን ውሽጢ እንትፍፀሙ፣

ለ) ነዚ ገበን ፈፃሚ ዝተብሃለ ሰብ ናይ'ቲ ሃገር ዜግነት ዘለዎ እንተኾይኑ፣

ሐ) እቲ ሃገር ኣግባብ እዩ ኢሉ ክሳብ ዝኣመነሉን እቲ ግዳይ ናይ ባዕሉ ዜጋ እንተኾይኑ።

2. ሕድሕድ ኣባል ሃገር እዚ ኪዳን ናይ ስልጣን ክልሉ ተግባራዊ ንምግባር ኣድላይ እዩ ኢሉ ክሳብ ዝኣመነሉ እቲ ተጠርጣሪ ገበነኛ ኣብ ክልል ግዝኣቱ እንተሃሊዩን ብመሰረት ዓንቀፅ 8 ንኡስ ዓንቀፅ 1 ናብ ዝተጠቐሰ ሃገር ኣሕሊፉ ክህቦ ዘይግባእ እንተኾይኑን ብተመሳሳሊ ኣብ ውሽጢ ዝኾነ ጉዳይ ናይ ምውሳን ስልጣን ይህልዎ።

3. እዚ ኪዳን ብብሄራዊ ሕግታት ኣብ ፍፃመታት ገበንክህልው ዝኽእል ስልጣን ዳይነት ተራፉይ ኣይገብሮን

## ዓንቀፅ 6

1. ኣባል ሃገር እዚ ኪዳን ኣብ ኢዱ ንዝኣተወ ሓበሬታ ኣፃርዩ ምስወደአ እቲ ኩነታት ብዝፈቕዶ መሰረት ነቲ ኣብ ግዝኣቱ ዝርከብን ኣብ ዓንቀፅ 4 ዝተጠቐሰ ገበን ፈፂሙ ተባሂሉ ዝጥርጥርን ውልቀሰብ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ክውዕሎ ወይ ካልእ ሕጋዊ ስጉምቲ ክወስዳሉ ይግባእ። እቲ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ምውዓልን ካልእ ሕጋዊ ስጉምቲን ብመሰረት ሕጊ እቲ ሃገር ዝፍፀም ኮይኑ ጉዳይ ኣድላይ እንተኾይኑ ድማ ንካልእ ሃገር ኣሕሊፍካ ናይ ምሃብ መሰርሕ ይቕፅል።

2. እታ ሃገር ነቶም ሓቂታት ናይ ምዕራይ መባእታዊ ምርመራ ሽዑ ተካይድ።

3. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ዝወዓለ ሰብ ሽዑ ንሽዑ ኣብ ቀረብኡ ምስ ዝርከብ ንሱ ዜጋ ናይ ዝኾነሉ ሃገር እቲ ሰብ ሃገር ኣልቦ እንተኾይኑ ድማ ምስቲ

ንሱ ኣዘውቲሩ ዝነብረሉ ሃገር ተወካሊ ክራኽብ ሓገዝ ክገበረሉ ኣለዎ፡፡

4. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ነቲ ተጠርጣሪ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ዘውዓለ ሃገር ብዛዕባ እቲ ኣብ ቀይዲ ዝኣተወ ሰብን ምኽንያት መእሰሪኡን ኣብ ዓንቀፅ 5 ንኡስ ዓንቀፅ 1 ንዝተጠቐሰ ሃገር ሽዑ የፍልጥ፡፡ ብመሰረት ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 2 እዚ ዓንቀፅ ዝሰፈረ መባእታዊ ምርመራ ዘካየደ ሃገር ብዛዕባ ዝበፅሖሉ መደምደምታ ነቲ ዝተጠቐሰ ሃገር ከፍልጥን ኣሕሊፍካ ምሃብ ዘድልዮ እንተኾይኑ ብዛዕብኡ ክጠቅስን ይግባእ፡፡

## ዓንቀፅ 7

1. ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ኣብ ዓንቀፅ 4 ዝተጠቐሱ ገበናት ኣብ ክልል ግዝኣተን ፈፂሙ እዩ ብዝብል ጥርጣረ ንዝሓዞ ሰብ እንድሕር ኣብ ዓንቀፅ 5 ብዝተገለፁ ኣገባባት ኣሕሊፈን ዘይህባ ኮይነን ክሲ ንክቐርቦ ነቲ ጉዳይ ስልጣን ምርኣይ ናብ ዘለዎም ኣካላት የቕርቦኦ፡፡
2. እቶም ሰበስልጣን ብናይቲ ሃገር ሕጊ መሰረት ሓደገኛ ባህሪይ ዘለዎ ተራ ገበን ብዝተኣናገደሉ ኣገባብ መሰረት ውሳነ ይህቡሉ፡፡ ኣብ ዓንቀፅ 5 ንኡስ ዓንቀፅ 2 ኣብ ዝተጠቐሱ ዋኑናት ክሲ ንምቕራብን ፍርዲ ንምሃብን ዘገልግሉ መምዘንታት መረዳእታ ኣብ ዓንቀፅ 5 ንኡስ ዓንቀፅ 1 ንዘለዉ ዋኒናት ካብ ዘገልግሉ ዝታሓቱ ክኾኑ ኣይብሎምን፡፡
3. ኣብ ዓንቀፅ 4 ካብ ዝተጠቐሱ ገበናት ንገሊኦም ፈፂሙ ናብ ቤትፍርዲ ዝቐረበ ሰብ ኣብ ኩሎም ብርክታት ከይዲ ፍርዲ ሚዛናዊ ኣታሓሕዛ ክግበረሉ ይግባእ፡፡

## ዓንቀፅ 8

1. ኣብ ዓንቀፅ 4 ዝተጠቐሱ ገበናት ብመሰረት ኣብ መንጎ ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ዝህሉ ገበነኛ ኣሕሊፍካ ናይ ምሃብ ውዕሊ ክካተቱ ዝኽእሉ፡፡ ተገይሮም ይውሰዱ፡፡ ኣባል ሃገራት እዚ

ኪ.ዳን ኣብ መንጐኦም ገበነኛ ኣሕሊ.ፍካ ናይ ምሃብ ውዕሊ. እንተኣስሩ እቶም ዝተጠቐሱ ገበናት ኣብ'ቲ ውዕሊ. ከስፍርዎም ይኽእሉ።

2. ገበነኛ ኣሕሊ.ፍካ ናይ ምሃብ ጉዳይ ኣብ ህላወ ገነበኛ ኣሕሊ.ፍ ዝተመስረተ ክኸውን ውዕሊ. ዝገበረ ኣባል ሃገር እዚ. ኪ.ዳን ፣ ካብ ኣባል ሃገር እዚ. ኪ.ዳን ዘይኮነ ሃገር ገበነኛ ኣሕሊ.ፍካ ናይ ምሃብ ሕቶ እንተቐርበሉ ነዚ. ኪ.ዳን ከም ሕጋዊ መሰረት ብምውሳድ ገበነኛ ኣሕሊ.ፉ ክህብ ይኽእል'ዩ። ገበነኛ ኣሕሊ.ፍካ ምሃብ በቲ ኣሕሊ.ፉ ንክህቦ ዝሕተት ሃገር ዝወፁ ተወሳኺ. ናይ ሕጊ. ድንጋገታት ተገዛኣይ ይኸውን።

3. ገበነኛ ኣሕሊ.ፍካ ንምሃብ ውዕሊ. ከም ቅድመ ኩነት ዘይርእዩ ኣባል ሃገራት እዚ. ኪ.ዳን ከምዚ. ዓይነት ገበናት ኣሕሊ.ፍካ ክወሃቡ ከምዝኽእሉ ኣፍልጦ ይህቡ። ኣግባብ ኣፈፃፅምኡ ድማ ንሕጊ. እቲ ኣሕሊ.ፉ ክህብ ዝሕተት ሃገር ተገዛኣይ ይኸውን።

4. እዞም ኣብ መንጎ ኣባል ሃገራት እዚ. ኪ.ዳን ገበነኛ ኣሕሊ.ፍካ ንምሃብ መበገሲ. ዝኾኑ ገበናት፣ ኣብ መሬት እቲ ሃገር ዝፍፀሙ ጥራሕ እንተይኮነስ ኣብቶም ኣብ ዓንቀፅ 5 ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተጠቐሱ ስፍራታት'ውን ዝፍፀሙ እዮም።

## ዓንቀፅ 9

1. ኣባል ሃገራት እዚ. ኪ.ዳን ኣብ ዓንቀፅ 4 ዝተጠቐሱ ገበናት ኣብ ዝካየዱ ናይ ገበን መጋባእያታት ነቲ ከይዲ. ዘሳልጡ መረዳእታታት ምልውዋጥ ሓዊሱ ኣብ መንጐኦም ካልኣት ኣገደሽቲ ምትሕግጋዛት ይገብሩ።

2. ኣባል ሃገራት እዚ. ኪ.ዳን ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ. ዓንቀፅ ዘለውዎም ግቡኣት ሓባራዊ ስራሕቲ ፍትሒ. ንምክያድን ኣብ መንጐኦም ዝኣሰርዎ ውዕሊ. ብዘስማማዕ መንገዲ. ክፍፅሙ ኣለዎም።

## ዓንቀፅ 10

1. ሕድሕድ ኣባል ሃገር እዚ ኪዳን ኣብ ምእሳር፣ ምምርማርን ኣታሓሕዛን ዝተቐየዱን ዝተኣሰሩን ሰባት ዝተዋፈሩ ኣፈፀምቲ ሕጊ፣ ሲቪላት ወይ ወታደራት፣ ሰብ ሞያ ጥዕና፣ መንግስታዊ ሰበስልጣን ወይ ካልኦት ስቅያት ምኽያድ ፈጺሙ ዝተኸልከለ ምዃኑ ኣብ ዝስልጥኑሉ ትምህርቲ ወይ ሓበሬታ ዝተኻተተ ምዃኑ የረጋግፅ፡፡
2. ሕድሕድ ኣባል ሃገር እዚ ኪዳን ኣብ'ዚ ዓውዲ ንዝተዋፈሩ ሰራሕተኛታት ኣብ ዘሰናድእዎም ግቡእን ተግባርን ዝገልፁ መምርሒታት ሰይ ትእዛዛት ስቅያት ዝተኸልከለ ምዃኑ ከስፍሩ ኣለዎም፡፡

## ዓንቀፅ 11

ሕድሕድ ኣባል ሃገር እዚ ኪዳን ኣብ ክልል ግዝኣቶም ዝተትሓዙ፣ ዝተቐየዱ ወይ ዝተኣሰሩ ሰባት ዝምርምሩሉ ሕግታትን መምርሒታትን ኣተሓሕዛ ዝተኣሰሩ ሰባት ዝምልከቱ ስልታትን ተግባራትን በብግዚኡ ክፍትሹን ስቅያት ንምትራፍ ዓሊሞም ክሰርሑን ይግባእ፡፡

## ዓንቀፅ 12

ሕድሕድ ኣባል ሃገር እዚ ኪዳን ዝተቐበለ ሃገር ኣብ ክልል ግዝኣቱ ስቅያት ተኻይዱ ኢሉ ኣብ ዝኣመነሉ እዋን ብቕዓት ዘለዎም ሰበስልጣን ተሰይሞም ዘይሻራዊ ምርመራ ከካይዱ ከምዝኽእሉ ከረጋግፅ ኣለዎ፡፡

## ዓንቀፅ 13

ሕድሕድ ኣባል ሃገር እዚ ዝኾነ ውልቀሰብ ኣብ ክልል ግዝኣቱ ስቅያት እንተበፂሕዎ ናይ ምጥራዕ መሰል ከምዘለዎን ኣብ ዝምልከቶም ሰበስልጣን ቀረቡ ካብ ኣድልዎ ናፃ ዝኾነ ምርመራ ከምዝካየደሉን ከረጋግፅ ይግባእ፡፡ እቲ ጠራዒ ወይ ምስክራት ምስ

ዘቐረብዎ መረዳእታ ብዝተኣሳሰረ ምንግልታዕን ምፍርራሕን ከይበፅሖም ዝከላኸለሎም ውሕስነት ክረኽቡ'ውን ይግባእ።

## ዓንቀፅ 14

1. ሕድሕድ ኣባል ሃገር እዚ ኪዳን ዝተቐበላ ሃገራት ንግዳይ ስቅያት ካብ ፀገሙ ዘናግፍ ፍትሓውን ተመጣጣኒን ካሕሳ ናይ ምርካብ መሰሉ ዘረጋግፅ፣ ካብ ጉድኣቱ ዝድሕነሉ ኩነታት ዝፈጥር ሕጋዊ ስርዓት ክረጋግፃ ኣለዎ። እቲ ግዳይ ብሰንኪ እቲ ዝወረዶ ስቅያት እንተሞይቱ ብትሕትኡ ዝመሓደሩ ዝነበሩ ሰባት ካሕሳ ክረኽቡ ይግባእ።
2. እዚ ዓንቀፅ እቲ ግዳይ ብመሰረት ሃገራዊ ሕጊ ካሕሳ ንዝረኽበሉ መሰል ኣይፃባእን።

## ዓንቀፅ 15

ሕድሕድ ኣባል ሃገር እዚ ኪዳን ብናይ ስቅያት ተግባር ዝተረኽበ ናይ እምነት ቃል ኣብ ዝኾነ መጋበእያ ከም መረዳእታ ከምዘይቐርብ ክረጋግፃ ኣለዎ። እዚ ናይ እምነት ቃል ግና ነቲ ናይ ስቅያት ተግባር ፈፃሚ ዝተኸሰሰ ኣንፃሩ ከም መረዳእታ ክቐርብ ይኽእል'ዩ።

### ዓንቀፅ 16

1. ሕድሕድ ኣባል ሃገር እዚ ኪዳን ኣብ ዓንቀፅ 1 ምስ ዝተጠቐሰ ዓይነት ስቅያት ዘይመጣጠኑ ግን ድማ ኣብ ክልል ግዝኣቱ ብበዓል ስልጣን መንግስቲ ወይ ብደረጃ በዓል ስልጣን ብዝንቀሳቐስ ሰብ ዝፍፀሙ ተግባራት ጭካነ፣ ዘይሰብኣዊን ኣዋራዲን ኣታሓሕዛ ንምክልኻል ዘኽእል ስጉምቲ ክወስዳ ይግባእ። ብፍላይ ኣብ ዓንቀፃት 10፣11፣12ን 13ን ዝተጠቐሱ ግዴታታት ንስቅያት ወይ ንካልኦት መልክዓት ጭካነ፣

ዘይሰብኣዊን ኣዋራዲን ኣታሓሕዛ ወይ መቕፃዕቲ ንምትራፍ ተፈፀምቲ ይኾኑ፡፡

2. ዓንቀፃት እዚ ኪዳን ምስቶም ጭካነ፣ ዘይሰብኣዊ ወይ ኣዋራዲ ኣታሓሕዛ ወይ መቕፃዕቲ ንምክልኻል ዝወፁ ካልኦት ዓለምለኸ ኣሰራርሓታትን ሃገራዊ ሕግታት ወይ ድማ ምስቶም ምስ ኣሕሊፍካ ምሃብ ወይ ምብራር ዝተኣሳሰሩ ሕግታት ኣይፃብኡን፡፡

## ክፍሊ 2

## ዓንቀፅ 17

1. ኣንፃር ስቅያት ዝሰርሕ ኮሚቴ (ካብ'ዚ ንደሓር ኮሚቴ ብዝብል ስያመ ዝፅዋዕ) ክቐውምን ነዞም ዝስዕቡ ተግባራት ክፍፅምን'ዩ፡፡ እቲ ኮሚቴ ዝለዓለ ስነ ምግባርን ኣብ ዓውዲ ሰብኣዊ መሰላት ፍሉጥ ብቕዓት ዘለዎምን ንዓርሶም ወኪሎም ዝሰርሑ 10 ክኢላታት ኣባላት ይሀልዎ፡፡ እቶም ክኢላታት ብኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ዝተመጣጠነ ስነ ምድራዊ ዝርጋሐን ናይ ሕጊ ፍልጠን ተመኩሮን ኣብ ግምት ይኣትው፡፡
2. ኣባላት እቲ ኮሚቴ ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ካብ ዝሓረይዎም ሰባት ብሚሽጥራዊ ድምፂ ይሕረዩ፡፡ ሕድሕድ ኣባል ሃገር እዚ ካብ መንጎ ዜጋታቱን ሓደ ሰብ ይሓርያ፡፡ ብመሰረት ዓለም ለኸ ኪዳን ሲቪላውን ፖለቲካውን መሰላት እብ ዝቈመ ኮሚቴ ሰብኣዊ መሰላት ኣባላት ዝኾኑ ሰባት፣ ኣብ ኮሚቴ ኣንፃር ስቅያት'ውን ኣቲዩም ክሰርሑ ፍቓደኛታት እንተኾይኖም ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ኣብ ግዜ መረፃ ነዚ ኣብ ግምት የእትዋ፡፡
3. መረፃ ኣባላት ኮሚቴ ብዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግታት ኣብ ክልተ ዓመት ሓደ ግዜ ኣብ ዝፅዋዕ ኣኼባ ኣባል ሃገራት ይካየድ፡፡ ክልተ ሲሶ ኣባል ሃገራት ሃገራት ዝተረኽበሉ ምልኣተ ኣኼባ ይኽውን፡፡ ዝለዓለ ቁፅሪን ዓብላላይ ድምፂን ተወከልቲ ፈረምቲ ዝረኸቡ ሰባት ኣባላት እቲ ኮሚቴ ይኾኑ፡፡

4. ፈላማይ መረፃ እዚ ኪዳን ዝፀንዐ ካብ ዝኾነሉ ዕለት ካብ ሽዱሽተ ወርሒ ኣብ ዘይነውሐ ግዜ ይካየድ። ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ሕድሕድ መረፃ ኣርባዕተ ወርሒ ኣቐዲሙ ንኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ብዝፅሕፎ ደብዳቤ ኣቢሉ ኣብ ውሽጢ ሰለሰተ ወርሒ ናይ ዝሓረይኦ ሰብ ሽም ክሰዳ ይሕተታ። እቲ ዋና ፀሓፊ ናይቶም ዝተሓረዩን ዝወከልዎም ሃገርን ስም ብፊደል ቅደም ሰዓብ ኣሰናዲኡ ንፈረምቲ እዚ ኪዳን ይሰደሎም።
5. ናይ ስራሕ ዘመን ኣባላተ እዚ ኮሚቴ ኣርባዕተ ዓመት እዩ። ካልኣይ እንተተሓርዮም ደጊሞም ክምረፁ ይኽእሉ እዮም። ኮይኑ ግና ኣብ ፈላማይ መረፃ ናይ ዝተመረፁ ሓሙሽተ ኣባላት ናይ ስራሕ ግዜ ንኽልተ ዓመት ጥራሕ ይኸውን። ድሕሪ እቲ ፈላማይ መረፃ ሽዑ ሽም ናይቶም ሓሙሽተ ኣባላት ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ብዝተጠቐሰ ኣቦመንበር ናይ’ቲ ኣኼባ ብዕፃ ይልለይ።
6. ኣባል ኮሚቴ ብሞት፣ ስርሑ ብፍቓዱ ብምልቃቑ ወይ ብኻልእ ምኽንያት ናይ ኮሚቴ ስርሑ እንተቛረፁ እቲ ንዕኡ ዝሓረየት ኣባል ሃገር ካብ መነኈ ዜጋታታ ሓደ ብምምራፅ ነቲ ዘይፈፀሞ ግዜ ክትክእ ትገብር። እዚ ዝኸውን እቲ ተተካኢ ብኣብዛሓ ድምፂ ፈረምቲ ሃገራት እንተተደጊፉ’ዩ። ፍርቂ ወይ ልዕሊ ፍርቂ ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ት ብዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ምስተነገሮም ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ሰሙን ኣሉታዊ መልሲ እንተዘይሰዲዶም ነቲ ተተካኢ ድጋፍ ከምዝተውሃቦ ይሕሰብ።
7. እቲ ኮሚቴ ዝተውሃቦ ኮሚቴያዊ ሓላፍነት ኣብ ዝፍፅመሉ እዋን ወፃኢኡ ብኣባል ሃገራት እዙ ኪዳን ይሽፈን።

## ዓንቀፅ 18

1. እቲ ኮሚቴ ንኽልተ ዓመት ግዜ ዘገልግሉ ኣፈፀምቲ ስራሕ ይመርፅ። ደጊሞም ክምረፁ’ውን ይኽእሉ።

2. እቲ ኮሚቴ ናይ ባዕሉ ናይ ስነስርዓት ሕጊ ይቐርፅ። ኮይኑ ግና እቲ ሕጊ ነዞም ዝስዕቡ ከካትት ኣለዎ፡-

ሀ) ሽዱሽተ ኣባላተ እንተተረኺቦም ምልኣተ ኣኼባ ይኸውን።

ለ) ናይ'ቲ ኮሚቴ ውሳነታት ብዓብላላይ ድምፂ ይውሰን።

3. እቲ ኮሚቴ ስራሕቱ ብንጥፈት ንምስላጥ ዘድልይዎ ሓይሊ ሰብን መሳለጥያታትን ብዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ይማልኣሉ።

4. ፈላሚ ኣኼባ እቲ ኮሚቴ ብዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ይፅዋዕ። እቲ ኮሚቴ ድሕሪ እቲ ፈላሚ ኣኼባ ብመሰረት እቲ ዝሕንፀፅ ሕጊን ስነስርዓትን ኣብ ተመሳሳሊ ግዜ ይእከብ።

5. ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ናይ'ቲ ኮሚቴን ፈረምቲ ሃገራትን ኣኼባታት እንትካየዱ ንዝወፅእ ወፃኢ ይሸፍና።ብተወሳኺ ቅድም ኢሉ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ንሓይሊ ሰብን መሰሳጥያታትን እቲ ኮሚቴ ዝሸፈኖ ወፃኢ፣ ፈረምቲ እቲ ኪዳን ይትክእዎ።

## ዓንቀፅ 19

ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ኣብ ኣፈፃፅማ እዚ ኪዳን ንዘሳለጥዎም ስራሕቲ ዝምልከት ፀብፃብ እቲ ኪዳን ነታ ሃገር ቀያዲ ምስኮነ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ብዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣቢሉ ነቲ ኮሚቴ የቕርባ። ብድሕሪኡ ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ተወሳኺ ፀብፃብን ዝወስድኦም ሓደሽቲ ስጉምትታት ዝምልከቱ ሓበሬታታትን በብአርባዕተ ዓመትን። እቲ ኮሚቴ ዝሓቶ ካልእ ፀብፃብ የቕርቡ

2. ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስቲታት ነቲ ፀብፃባት ናብ ኩሎም ኣባል ሃገራት ይዝርግሕ።

3. ሕድሕደ ፀብፃብ በቲ ኮሚቴ ዝረአ ኮይኑ እቲ ኮሚቴ ኣብ'ቲ ፀበፃብ ሓበሬታ ወይ ርእይቶ እንተሃሊዉዎ ነቲ ዝምልከቶ ኣባል

ሃገር ይስደሉ፡፡ እቲ ፈራሚት ሃገር ኣብቲ ጉዳይ ዘለዋ ተኣቅቦ ኣመልኪቱ ነቲ ኮሚቴ መልሲ ይህብ፡፡

4. እቲ ኮሚቴ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 3 ዝሀቦ ሓበሬታን ርእይቶን ካብ ኣባል ሃገር ዝተሰደደ ተኣቅቦ ኣድላይ ኮይኑ እንተኣሚኑሉ ብመሰረት ዓንቀፅ 24 ኣብ ዘሰናድኦ ፀብፃብ ከካትቶ ይኽእል፡፡ በቲ ዝምልከቶ ኣባል ሃገር ሕቶ እንተቐረቡሉ ናይ'ቲ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተጠቐሰ ፀብፃብ ቅዳሕ'ውን ሓዊሱ የሰናድኦ፡፡

## ዓንቀፅ 20

1. እቲ ኮሚቴ ኣብ ግዝኣት ሓደ ኣባል ሃገር እዚ ኪዳን ብዛዕባ ብስሩዕ ዝተኻየደ ስቅያት ዘተኣማምን ሓበሬታ እንተበፂሕዎ ነቲ ሓበሬታ ኣብ ምዕራይ ክተሓባበርን ኣብ መወዳእታ ትዕዝብቱ ክሰድድን ነቲ ኣባል ሃገር ይዕድሞ፡፡

2. ካብቲ ኣባል ሃገር እዚ ኪዳን ዝምልከቶ ሃገር ዝቐረበሉ ትዕዝብቲን ካብ ካልእ ኣገደሽቲ ሓበሬታን ተመስሪቱ እቲ ጉዳይ ክፃረ እቲ ኮሚቴ እንተወሲኑ ንሓደ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ኣባላቱ መዲቡ ናፃ ምርመራ ክግበርን በቕልጡፍ ናብ'ቲ ኮሚቴ ፀበፃብ ክቐርብን መምርሒ ይህብ፡፡

3. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 2 ምርመራ ዝካየድ እንተኾይኑ እቲ ኮሚቴ ናይ'ቲ ዝምልከቶ ኣባል ሃገር ምትሕብባር ክሓትት ይኽእል፡፡ ምስ'ቲ ኣባል ሃገር እዚ ኪዳን ብዝግበር ስምምዕ ዝካየድ ምርመራ ኣብ ግዝኣት እታ ሃገር ዑደት ምግባር ክሓውስ ይኽእል፡፡

4. እቲ ኮሚቴ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 2 ኣባል ወይ ኣባላት እቲ ኮሚቴ ንዘቕረብዎ መደምደምታ ምስመርመረ ነቲ መደምደምታ ምስ'ቲ ጉዳይ ኣጣዓዒሙ ናይ ባዕሉ ሓበሬታን ርእይቶን ኣዋዲዱ ነቲ ዝምልከቶ ኣባል ሃገር ይሰደሉ፡፡

5. ኩሎም ካብ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ክሳብ 4 ዝተዘርዘሩ ናይ'ቲ ኮሚቴ ስራሕቲ ሚሽጥራዊ ክኾኑ ይግባእ። ኣብ ኩሎም ብርኪታት እዚ ስራሕ ምትሕብባር እቲ ኣባል ሃገር ክህሉ ኣለዎ። ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 2 እቲ ዝተኻየደ ምርመራን ምዕራይን ምስተፈፀመን ምስ ዝምልከቶ ኣባል ሃገር ምኽሪ ምስተገበረሉን መደምደምታ ናይ'ቲ ምዕራይ ኣብ'ቲ ብመሰረት ዓንቀፅ 24 ዝተጠቐሰ ዓመታዊ ፀብፃብ ክካተት እቲ ኮሚቴ ክውስን ይኽእል'ዩ።

## ዓንቀፅ 21

1. ኣባል ሃገር እዚ ኪዳን ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ሓደ ኣባል ሃገር ነቶም ኣብ'ዚ ኪዳን ዝሰፈሩ ግቡኣቱ ኣየማልአን ኢሉ ኣብ ዘኣመነሉ እዋን እቲ ኮሚቴ ነዚ ጥርዓን ንምቕባልን ንምርኣይን ዘኽእል ስልጣን ከምዘለዎ ኣብ ዝኾነ ግዜ ኣፍልጦ ክህብ ይኽእል'ዩ። እቲ ኮሚቴ ንከምዚ ዝበለ ኣብ'ዚ ዓንቀፅ ብዝፈሩ ስነስርዓታት ዝቐርብ ጥርዓን ዝቅበልን ዝምርምርን ንስልጣን እቲ ኮሚቴ ኣፍልጦ ካብ ዝሃበ ፈራሚ ሃገር እንተቐረበሉ ጥራሕ'ዩ። ከም'ዚ ዝበለ ኣፍልጦ ካብ ዘይሃበ ዝቐረብ ጥርዓን በዞም ዝስዕቡ ኣገባባት ይተኣናገድ፦

ሀ) ነዚ ኪዳን ዝተቐበለ ሃገር ካልእ ነዚ ኪዳን ዝተቐበለት ሃገር ንሕግታት እዚ ኪዳን ኣይት ብሮን ዘ ዝብል እምነት እንትሕዲራ ብፅሑፍ ገይሩ ነቲ ፈራሚ ሃገር የፍልጥ። እቲ ፅሑፍ ዝበፅ ሃገር ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ዘብርህ ወይ ዝገልፅ ፅሑፍ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ወርሒ ነቲ ላኣኺ ሃገር ክሰድድይግባእ። ፅሑፍ መልሲ ናይታ ዓዲ ስርዓት ኣሰራርሓ ዝገልፅን ተፈጢሩ ንዝተብሃለ ፀገም ዝተወሰዱን ኣብ ውሰድ ዝርከቡን ስጉምቲታት ዝገልፅ ክኸወን ይግባእ።

ለ) ኣብ ኣታኣላልያ እቲ ጉዳይ ክለቲኦም ዝምልከቶም ኣባል ሃገራት እንተዘይዓጊቦም ነቲ ሃገር ናይ መጀመርታ መልእኽቲ ምሰበፅሖ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ወርሒ ሓዲኦን ሃገራት ነቲ

ኮሚቴን ነቲ ካልእ ሃገርን ብዝሰዶ ደብዳቤ ኣቢሉ እቲ ጉዳይ በቲ ኮሚቴ ክረኣየሊ ናይ ምሕታት መሰል ኣለዎ፡፡

ሐ) እቲ ኮሚቴ ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ነቲ ዘቕረበሉ ጉዳይ ዝምርምሮ ብሓፈሽኡ ቅቡል ብዝኾነ መትከላት ዓለም ለኸ ሕጊ መሰረት ብምግባር ኩሎም ናይ ውሽጢ ሃገር መኣረምታታት ከምዝተፀንቀቑ ምስኣረጋገፀ'ዩ፡፡ ኣፈፃፅማ ናየቶም ዝተወስዱ መኣረምታታት ብዘይኣግባብ ዝተናውሑ እንተኾይኖምን ነቲ ብምጥሓስ እዚ ኪዳን ዝተጐደአ ሰብ ጭቡጥ ሕውየት ዘይፈጥሩሉ እንተኾይኖምን እዚ ሕጊ ተፈፃምነት ኣይህልዎን፡፡

መ) እቲ ኮሚቴ ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንዝቐረቡሉ ጥርዓናት ዝምርምር ብዕፁው ኣኼባ'ዩ፡፡

ሰ) ብመሰረት ክፋል ንኡስ ዓንቀፅ (ሐ) እቲ ኮሚቴ ምእንታን እቶም ዝምልከቶም ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ንዘስፈሮም ግዴታታት መሰረት ገይሮም ነቲ ጉዳይ ብልዝብ ክፈትሕዎ ኣገልግሎት ቤት ፅፈት የቐርበሎም፡፡ እቲ ኮሚቴ ነዚ ጉዳይ ንምስላጥ ይሕግዝ እዩ ኢሉ እንተኣሚኑ ጊዝያዊ ኮሚሽን ሽምግልና ከቕውም ይኽእል፡፡

ረ) ምስ'ዚ ዓንቀፅ ብዝተዛመደ እቲ ኮሚቴ ጉዳይ እንትምርምር ነቶም ኣብ ክፋል ንኡስ ዓንቀፅ (ለ) ዝተጠቐሱ ዝምልከቶም ኣባል ሃገራት ኣገዳሲ ሓበሬታ ከቕርቡ ክፅውፅ ይኽእል፡፡

ቀ) እቶም ኣብ ክፋል ንኡስ ዓንቀፅ (ለ) ዝተጠቐሱ ዝምልከቶም ኣባል ሃገራት ብወከልቶም ናይ ምርካብን ናይቃልን ፅሑፍን መግለፂ ምቕራብን መሰል ኣለዎም፡፡

በ) እቲ ኮሚቴ ብመሰረት ክፋል ንኡስ ዓንቀፅ (ለ) ደብዳቤ ምስበፅሖ ኣብ ውሽጢ 12 ወርሒ ፀብፃብ የቕርብ፡፡

i. እንድሕር ብመሰረት ክፋል ንኡስ ዓንቀፅ (ሰ) እቲ ጉዳይ መፅለቢ ረኺቡ እቲ ኮሚቴ ዘቕርቦ ፀብፃብ ነቶም ሓቅታትን ዝተበፅሓሉ መፅለቢን ፆሚቑ የመልክት፡፡

ii. እንድሕር ብመሰረት ክፋል ንኡስ ዓንቀፅ (ሰ) ኣብ መፅለቢ ዘይተበፅሐ ኮይኑ ፀብፃብ ናይ'ቲ ኮሚቴ ንዕማኺ ሓቅታትን ብሰብ

ጉዳይን ኣባል እዚ ኪዳንን ዝኾኑ ሃገራት ንዝቐረቡ ናይ ፅሑፍን ዝተቐርፀ ናይ ቃልሲ ሰነዳትን ኣብ ምምልካት ይውስን፡፡

ኣብ ኩሉ ጉዳይ እቲ ፀብፃብ ነቶም ሰብ ጉዳይን ፈረምቲ እዚ ኪዳንን ዝኾኑ ሃገራት እዩ ዝለኣኽ፡፡

2. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ነዚ ኪዳን ዝተቐበሉ ሓሙሽተ ሃገራት ኣፍልጦ ምስሃቢ ሕግታት እዚ ዓንቀፅ ቀየድቲ ይኾኑ፡፡ እዞም ናይ ኣፍልጦ መግለፂታት ኣብ ኢድ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ይቕመጡ፤ ንሱ ድማ ናብ ካልኦት ኣባል ሃገራት ቅዳሕ ይዝርግሕ፡፡ ናይ ኣፍልጦ መግለፂ ንዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ብዝፀሓፍ ደብዳቤ ክሳሓብ ይኽእል፡፡ ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ኣብ ከይዲ ምምርማር ዘሎ ጉዳይ በቲ ምስሓብ ኣይተዓናቐፍን፡፡ ሓደ ኣባል ሃገር ዝላኣኾ ኣፍልጦ ኣብ ምስሓቡ ዝገልፅ ደብዳቤ ኣብ ኢድ ዋና ፀሓፊ ምስኣተወ ንካልኣይ ግዜ ናይ ኣፍልጦ መግለፂ ክሳብ ዘይሰደደ ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ጥርዓን ከቕርብ ኣይኽእልን፡፡

## ዓንቀፅ 22

1. ኣባል ሃገር እዚ ኪዳን ኣብ ክልል ግዝኣቱ ምጥሓስ ሕግታት እዚ ኪዳን ተፈፂሙና ኢሎም ውልቀሰባት ወይ ወከልቶም ዘቕርብዎ ጥርዓን ኣመልኪቱ እቲ ኮሚቴ ንዘለዎ ናይ ምቕባልን ምምርማርን ስልጣን ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ኣብ ዝኾነ ግዜ ኣፍልጦ ክህብ ይኽእል'ዩ፡፡ ከምዚ ዓይነት ኣፍልጦ ካብ ዘይሃበ ሃገር ዝቐርብ ጥርዓን ውልቀሰባት በቲ ኮሚቴ ኣይተኣናገድን፡፡
2. ኣብ'ዚ ኪዳን ምስ ዘለዉ ሕግታት ዘይሳነ፣ ንጥርዓን ናይ ምቕራብ መሰል ብኣግባቡ ዘይተጠቐሙ ወይ ድማ ሽም ዘይብሉ ጥርዓን በቲ ኮሚቴ ተቐባልነት ኣይበሉን፡፡
3. ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ዝተጠቐሰ ከምዘሎ ኮይኑ እቲ ኮሚቴ ነቲ ኣብ ኢዱ ዝኣተወ ጥርዓን ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1 ኣፍልጦ ንዝሃበን ንሕግታት እዚ ኪዳን ጥሒሱ ንዝተብሃለን

ሃገር ክግንዘቦ ይሰደሉ። እቲ ተቐባሊ ሃገር ነቲ ጉዳይ ዝምልከቶ መብርሂ ወይ ዝተወስደ መአረምታ እንተሃሊዩ ንዕኡ ዝገልፅ ፅሑፍ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ወርሒ ነቲ ኮሚቴ የቕርበሉ።

4. እቲ ኮሚቴ ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ዝቐረብሉ ጉዳያት፣ ካብ'ቲ ውልቀሰብ ወይ ብወከልቱን ካብ'ቲ ዝምልከቶ ኣባል ሃገርን ብዝቐረበሉ መረዳእታ መሰረት ይምርምር።

5. እቲ ኮሚቴ እዞም ዝስዕቡ ሃገራት እንከየረጋገፀ ብውልቀ ሰብ ዝቐረበሉ ጥርዓን ኣይቕበልን

ሀ) እቲ ጉዳይ ብካልእ ዓለምለኻዊ ምርመራ ወይ ሽምግልና ዘይተርኣየን ወይ ኣብ ምርኣይ ዘይርከብን ክኸውን ኣለዎ

ለ) እቲ ናይ ሰብኣዊ መሰል ምጥሓስ ተፈፂሙኒ ዝብል ውልቀሰብ ንኩሉም ኣብ ውሽጢ ሃገሩ ዘለዉ ናይ መኣረምታን ካሕሳን መገዲታት ፀንቂቑ ዝተጠቐመ ክኸውን ኣለዎ። እቲ ኮሚቴ ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ጥርዓናት ዝምርምር ብዕፁው ኣኼባ'ዩ።

6. እቲ ኮሚቴ ርእይቶኡ ነቲ ጥርዓን ዝቐረበ ኣባል ሃገርን ነቲ ውልቀሰብን ይሰደሎም።

7. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1 ሓሙሽተ ነዚ ኪዳን ዝተቐበላ ሃገራት ኣፍልጦአን እንተገሊፀን ሕግታት እዚ ዓንቀፅ ቀየድቲ ይኾኑ እቲ ኣፍልጦ ኣብ ኢድ ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ይቕመጥ፣ ንሱ ድማ ናብ ካልኦት ኣባል ሃገራት ይዝርግሖ። ንዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ብዝፃሓፍ ደብዳቤ ኣፍልጦ ክሰሓብ ይኽእል'ዩ። ከም'ዚ ዝበለ ምስሓብ ነቲ ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ኣብ ከይዲ ምፅራይ ዘሎ ጉዳይ ኣየተዓናቕፎን። እቲ ሃገር ዝለኣኾ ናይ ምስሓብ ደብዳቤ ኣብ ኢድ ዋና ፀሓፊ ምስኣተወ ካብ ውልቀሰብ ወይ ወኪሉ ናብ'ቲ ኮሚቴ ዝቐርብ ጥርዓን ተቐባልነት ኣይበሉን።

## ዓንቀፅ 23

ኣባላት እቲ ኮሚቴን ብመሰረት ዓንቀፅ 21 ንኡስ ዓንቀፅ 1(ሰ) ዝቐውም ጊዚያዊ ኮሚሽን ሽምግልና ኣባላት ኣብ ተልእኾ ዝርከቡ ክኢላታት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ልእኾም ኣብዝፍፅምሉን ስራሕቶም ኣብ ዝሰርሕሉን እዋን ናይቲ ውድብ ልኡኻትን ሰራሕተኛታትን ክረኽብዎ ዝግባእ ፍሉይ መሰልን ካብ ተሓታትነት ነፃ ናይ ምዃን መሰል ብመሰረት ሕግታት እቲ ውድብ ዝጐናፅፍዎም መሳለጥያታትን ናይ ዘይምኽሳስ መሰልን ክጐናፀፉ ይግባእ።

## ዓንቀፅ 24

እቲ ኮሚቴ ኣብ'ዚ ኪዳን ብዝተደንገገ መሰረት ዝተሰርሑ ፍፃመታት ኣመልኪቱ ዘሰናድኦ ዓመታዊ ፀብፃብ ነዚ ኪዳን ንዝተቐበሉ ሃገራትን ንሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት መንግስታትን የቕርብ።

# ክፍሊ 3

## ዓንቀፅ 25

1. እዚ ኪዳን ናይ ኩሎም ሃገራት መንግስቲታት ንክፍርሙሉ ክፉት'ዩ።
2. እዚ ኪዳን ኣብ ስራሕ ዝውዕል እንትፀድቕ ጥራሕ እዩ ሰነዳት ምፅዳቕ ኣብ ኢድ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ይቕመጡ።

## ዓንቀፅ 26

እዚ ኪዳን ኩሎም ሃገራት ክቕበልዎ ክፉት'ዩ። ምቕባል ዝረጋገፅ ናይ መቐበሊ ሰነድ ኣብ ኢድ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ክኣቱ ብምግባር'ዩ።

## ዓንቀፅ 27

1. መበል 20 ናይ መፅደቂ ወይ መቐበሊ ሰነድ ናብ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት ምንግስታት ምስኣተወ ኣብ መበል ሰላሳ መዓልቲ እዚ ኪዳን ዝፀንዐ ይኸውን።
2. መበል 20 ናይ መፅደቂ ወይ መቐበሊ ሰነድ ምስኣተወ ዘፅድቓ ወይ ዝተቐበላ ሃገራት ናይ ባዕልቶ ናይ መፅደቂ ወይ መቐበሊ ሰነድ ኣታዊ ምስገበሩ ኣብ መበል ሰላሳ መዓልቲ በዚ ኪዳን ይቕየዱ።

## ዓንቀፅ 28

1. ሕድሕድ ሃገር ኣብ ግዜ ፊርማ ወይ ምፅዳቕ እዚ ኪዳን ንስልጣን እቲ ብመሰረት ዓንቀፅ 20 ዝቐውም ኮሚቴ ኣፍልጦ ክኸልእ ይኽእል።
2. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1 ተኣቅቦ ዝገበረ ኣባል ሃገር ናብ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ዝኾነ ግዜ ብዝፅሕፎ ደብዳቤ ኣቢሉ ንተኣቅቦኡ ክስሕብ ይኽእል።

## ዓንቀፅ 29

1. ነዚ ኪዳን ዝተቐበለ ሃገር ናይ መመሓየሺ ሓሳብ ከበግስን ናብ ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ከቕርብን ይኽእል። እቲ ዋና ፀሓፊ ብወገኑ ነቲ ዝቐረበ ናይ መመሓየሺ ሓሳብ ናብ ኩሎም ኣባል ሃገራት እዚ ኪዳን ብምዝርጋሕ ኣብ'ቲ ሓሳብ ንምምይያጥን ድምፂ ንምሃብን ዋዕላ ክፅውዕ ዘለዎም ድለየት ክገልፁሉ ይሓትት። እቲ መልእኽቲ ምስበፅሐ ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ ወርሒ ብውሑድ ሓደሲሶ ኣባል ሃገራት ዋዕላ ክፅዋዕ እንተደጊፎም እቲ ዋና ፀሓፊ ኣብ ቤት ፅሕፈት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዋዕላ ክካየድ ይገብር። ብኣብዝሓ ድምፂ ኣብ'ቲ ዋዕላ ዝተረኽቡ ኣባል ሃገራት ዝተደገፈ መመሓየሺ

ሓሳብ ኩሎም ኣበል ሃገራት ምእንታን ክቕበልዎ እቲ ዋና ፀሓፊ ይዝርግሖ።

2. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተሓገገ ናይ መመሓየሺ ሓሳብ ክልተ ሲሶ ኣባል ሃገራት ብመሰረት መስርሕ ሕገ መንግስቶም ብምግላፅ ንዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ምስኣፍለጡ ቀያዲ ይኸውን።
3. እቲ ናይ መመሓየሺ ሓሳብ ምስፀንዐ ነቶም ዝተቐበልዎ ሃገራት ቀያዲ ይኸውን። እቶም ካልኦት ፈረምቲ እዚ ኪዳን ድማ ንድንጋገታት እዚ ኪዳንን ቅድም ኢሎም ንዝተቐበልዎም ናይ መማሓየሺ ሓሳባትን ይቕየዱ።

## ዓንቀፅ 30

1. ኣብ ኣተረጓጉማ ወይ ኣፈፃፅማ እዚ ኪዳን ተመስሪቱ ኣብ መንጎ ክልተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ኣባል ሃገራት ዝፍጠር ዘይምቅድዳው ብዘተ እንተዘይተፈቲሑ ብናይ ሓዲኦም ሕቶ ንሽምግልና ይቐርብ። እቶም ተኻታዕቲ ሃገራት ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ወርሒ በቲ ሽምግልና እንተዘይተሰሚያም ሓዲኡ ፈራሚ ነቲ ጉዳይ ናብ ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ፍትሒ ከቕርቦ ይኽእል። እዚ ዝኸውን ብመሰረት ስሪት እቲ ቤት ፍርዲ'ዩ።
2. ሕድሕድ ሃገር ኣብ ግዜ ፊርማ ምፅዳቕ ወይ ምቕባል እዚ ኪዳን በዚ ንኡስ ዓንቀፅ ከም ዘይቕየድ ክገልፅ ይኽእል'ዩ። እቶም ካልኦት ሃገራት'ውን ምስቲ ተኣቅቦ ዝገበረ ሃገር ኣብ ዝህልዎም ርክብ ብሕጊ እዚ ንኡስ ዓንቀፅ ኣይቕየዱን።
3. ኣብ'ዚ ንኡስ ዓንቀፅ ተኣቅቦ ዝገበረ ሃገር ንዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ዝኾነ ግዜ ብዝፅሕፎ ደብዳቤ ኣቢሉ ተኣቅቦኡ ክስሕብ ይኽእል'ዩ።

## ዓንቀፅ 31

1. ኣባል ሃገር እዚ ኪዳን ዝኾነ ሃገር ንዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ብፅሑፍ ደብዳቤ ኣቢሉ ካብቲ ኪዳን ክወፅእ ይኽእል'ዩ። ካብቲ ኪዳን ምውፃእ ናብ ዋና ፀሓፊ ምስኣተወ ድሕሪ ሓደ ዓመት ተግባራዊ ይኸውን።
2. እቲ ፈራሚ ሃገር ቅድሚ ካብቲ ኪዳን ናይ ምውፃእ ሕቶ ምቕራቡ ብመሰረት እዚ ኪዳን ሓላፍነቱ ንምፍፃም ወይ ንዘይምፍፃም ዝተቐበሎም ግቡኣት ተፈፃምነት ኣለዎም። እቲ ካብቲ ኪዳን ናይ ምውፃእ ሕቶ ተፈፃሚነት ቅድሚ ምርካቡ ኣብ ኢድ እቲ ኮሚቴ ዝኣተዉ ጉዳያት'ውን ኣይተዓናቐፉን።
3. ብኣባል ሃገር እዚ ኪዳን ተኣቅቦ ካብ ዝቐረበሉ መዓልቲ ጀሚሩ ዝቐርብ ሓዱሽ ጥርዓን በቲ ኮሚቴ ተቐባልነት ኣይረክብን።

## ዓንቀፅ 32

ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ንኩሎም ኣበላት ውድብ ሕቡራት መንግስታትን ንኩሎም ነዚ ኪዳን ዝፈረሙ ወይ ዝተቐበሉ ሃገራትን ብፍላይ ነዞም ዝስዕቡ ጉዳያት የፍልጦም።

1. ብመሰረት ዓንቀፃት 25ን26ን ዝህልዉ ፊርማታት፣ ምፅዳቓትን ምቕባላትን
2. ብመሰረት ዓንቀፅ 27 እዚ ኪዳን ዝፀንዐ ዝኾነሉ መዓልቲን ብመሰረት ዓንቀፅ 29 ናይ መማሓየሺ ሓሳባት ቀያዲ ዝኾነሉ መዓልቲን
3. ብመሰረት ዓንቀፅ 31 ዝቐርብ ካብቲ ኪዳን ናይ ምውፃእ ሕቶ።

## ዓንቀፅ 33

1. ብዓረብኛ፣ ቻይንኛ፣ እንግሊዝኛ፣ ፈረንሳይኛ፣ ሩስያኛን ስፓንኛን ዝተሰናድኡ ሰነዳት እዚ ኪዳን ማዕረ ኣፍልጦ ኣለዎም፣ ኣብ ቤተ መዝገብ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ድማ ይቕመጡ።

2. ዋና ፀሓፊ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዝተረጋገፁ ቅዳሓት ንኹሎም መንግስታት ይሰድድ